## ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ

# ሰነዳት ጉባኤ

ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ማእከላይ መሪሕነትን ካብ 12-19.05.87 ዝጸደቑ።

Doc Eri
Acc. 03253
Subj. Hist. Arm. Struggle
Box -
03253

## ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ

# ሰነዳት ጉባኤ

ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ማእከላይ መሪሕነትን ካብ 12-19.05.87 ዝጸደቐ።

ኣሕተምቲ ሕድሪ
178 ጐደና ተጋደልቲ
ቀ.ገዛ 35
ቀ.ሳ.ጶ. 1081
ቴሌ 291-1-126177
ፋክስ 291-1-125630
ኣስመራ
ኤርትራ

ሰነዳት ጉባኤ
© 2007 ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን

ISBN 99948-0-056-6

ኣብ ኤርትራ ብኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር ዝተሓትመ

## ትሕዝቶ

ገጽ

1. መልእኽታት ዘቕረቡን ዝሰደዱን ........................ 2
2. መቕድም ........................................................ 7
3. መእተዊ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ........................ 8
- ኣምር ናይ ሃገር ............................................. 8
- ኣመጻጽኣ ሃገራት ኣብ ሳልሳይ ዓለም ............... 9
- ሕልምታት ኢምበራጦርያ ብመንጽር
ምምጻእ ሃገራት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ............. 12
- መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ .................... 15
- ኢትዮጵያ ክሳብ 2ይ ኵናት ዓለም .............. 17
- ድሕሪ 2ይ ኵናት ዓለም ክሳብ ፌደረሽን ...... 19
- ምብርባር እምበራጦርያዊ ሕልሚ(41-52) ....... 22
4. ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ምዕባለ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ
ንርእሰ-ውሳኔ ................................................ 30
- ቀዳማይ መድረኽ (1941-52) ....................... 30
- ካልኣይ መድረኽ (1952-61) ........................ 33
- ሳልሳይ መድረኽ (1961-70) ........................ 34
- ራብዓይ መድረኽ (1970-81) ....................... 41
5. ገምጋም ተመክሮ ህ.ግ.ሓ.ኤ ካብ 1ይ ክሳብ 2ይ
ጉባኤታት ........................................................ 46
6. ህዝባዊ ፖለቲካዊ ስራሓት .......................... 46
7. ሃገራዊ ሓድነትን ምምስራት ሰፊሕ ሃገራዊ
ዲሞክራስያዊ ግንባርን ................................. 53
8. ጸረ-መግዛእታዊ ፖለቲካውን ወታሃደራውን ቃልሲ.. 93
9. ናይ ወጻኢ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ስራሕ... 115
- ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ........................ 116
- ሕብረት ሶቬትን ናይ ዓለም ጽልዋኡን .......... 123
10. ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ፕሮግራም ህ.ግ.ሓ.ኤ ...... 145
11. ውሳኔታትን ለበዋታትን ................................ 159

# ሰነዳት ጉባኤ

## ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ማእከላይ መሪሕነትን

ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ማእከላይ መሪሕነትን ካብ 12 ክሳብ 19 መጋቢት 1987 ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ተኻይዱ።

ኣብዚ ጉባኤ'ዚ 1987 ካብ ሰራዊትን ካብ ህዝብን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ ወከልትን ብኣማእት ዝቑጸሩ ዕዱማትን ተሳቲፎም። ካብቶም ዕዱማት ናይ ኤርትራውያን ወድባት ወከልትን ገዳይም ሃገራውያን ተቓለስትን ዝተፈላለዩ ካልኦት ሃገራውያንን መልእኽትታትን መደረታትን ኣስሚዖም። ከምኡ'ውን ወጻእተኛታት ዕዱማት ማለት ወከልቲ ናይ 25 መንግስታትን ሰልፍታትን ውድባትን፡ ወከልቲ ናይ ኤርትራ ደገፍ ሽማግለታትን መልእኽትታት ኣንቢቦም። ካልኦት 50 ከኣ ናብቲ ጉባኤ መልእኽትታት ሰዲዶም።

ኣብ ውሽጢ እተን 8 መዓልታት ብመጀመሪያ ኣብቲ ክፋት ርክባት ናይ'ዚ ጉባኤ፣ ወጻእተኛታትን ኩሎም ዕዱማትን ኣብ ዝተረኽብሉ፣ ናይ ክልቲኡ ውድባት ፖለቲካዊ ጸብጻባት ክንበቡ ከለዉ፣ ብድሕሪኡ፣ ኩሉ ስርሓት ናይቲ ጉባኤ ኣብ ዕጽው ርክባቱ ተፈጺሙ። ኣብኡ፣ እቲ ጉባኤ ብፈለማ ንፖለቲካዊ ጸብጻባት ተኻቲዑ ኣጽዲቑ። ቀጺሉ ጉባኤኛታት ነቶም ካልኦት ክልተ መሰረታውያን ሰነዳት፣ ንድፌታት ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ቅዋም ውድብን በብዓንቀጹ እናንበቡ ብሰፊሕ ተኻቲያምሎም። ብኡ መሰረት ድማ ዘድሊ ምምሕያሻት ድሕሪ ምግባር እቲ ጉባኤ ኣጽዲቕዎም። ብድሕሪ ምጽዳቕ እዞም መሰረታውያን ሰነዳት፣ ጉባኤ ኣብ ኣገደስቲ ናይ ሃገርን ከባብን፣ ከምኡ'ውን ናይ ዓለምን ሕቶታት ውሳነታትን፣ ወሲዱ፣ ኣብ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ስርሓት ካልኦት ሜዳታትን ከኣ ዓቢ ኣቓልቦ ክግበር ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ጉባኤ ንዝመጽእ ሰለስተ ዓመታት፡ ማለት ክሳብ ሳልሳይ ጉባኤ ዝመርሖ፡ ሓደ 71 ቀወምቲ 7 ከኣ ቅያር ኣባላት ዘለውዎ ማእከላይ ሽማግለ መሪጹ። ማእከላይ ሽማግለ ድማ ንብጻይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዋና ጸሓፊ፡ ንዕኡ ወሲኹካ ከኣ ትሽዓተ ዝኣባላቱ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት መሪጹ።

## ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ መልእኽታት ዘቕረቡ ወከልቲ መንግስቲ፡ ሰልፍታት፡ ውድባትን ውልቀሰባትን

### (ሀ) ሃገራውያን

1. ወኪል ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ
2. “ ተ.ሓ.ኤ.-ህ.ሓ.ኤ. ስሙር ውድብ
3. “ ኣቶ ወልድኣብ ወልደማርያም
4. ኢብራሂም ሱልጣን

### (ለ) ወጻእተኛታት

1. ወኪል መንግስቲ ሶማል — ሶማል
2. ወኪል ሰልፊ ኡማ — ሱዳን
3. “ ሃገራዊ እስላማዊ ግንባር — “
4. “ ውድብ ማሕበርነታዊ ዕዮ — “
5. “ ዴሳዊ ሰልፊ ሱዳን (ሰውራዊ መሪሕነት) — “
6. “ ጉባኤ በጃ (ሙእትመር ኣልብጃ) — “
7. “ ፖለቲካዊ ምትእኽኻብ ደቡብ ሱዳን — “
8. “ ምሕዝነታዊ ሓይልታት ገጠር ሱዳን — “
9. “ ሰልፊ ማሕበርነታዊ ዓረባዊ ትንሳኤ — ሶርያ
10. “ ማሕበርነታዊ ቅዋማዊ ሰልፊ ቱኒዝያ — ቱኒዝያ
11. “ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ፍልስጤም — ፍልስጤም
12. “ ግንባር ህዝባዊ ቃልሲ ፍልስጤም — “
13. “ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ፍልስጤም - ምልዕዓል ፈትሕ — “
14. “ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ፍልስጤም ሰውራዊ ባይቶ ፈትሕ — “
15. “ ግንባር ሓርነት ዓፋር — ኢትዮጵያ
16. “ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ — “
17. “ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝብታት ኢትዮጵያ (ኢህዴን) — “
18. “ ሓምላይ ሰልፊ — ጀርመን
19. “ ራዲካላዊ ዲሞክራሲያዊ ሰልፊ — ነዘርላንድ
20. “ ሰላማዊ ማሕበርነታዊ ሰልፊ — “
21. “ ናይ ጸሊም ንቕሓት ምንቅስቓስ — ኣዛንያ
22. “ ኢጣልያዊ ማሕበር ዕዮ — ኢጣልያ
23. “ ናይ በልጂክ ደገፍ ኮሚቴ ንኤርትራ — በልጅዩም
24. “ “ስዊስ-ኤርትራ” ናይ ደገፍ ኮሚቴ — ስዊዘርላንድ
25. “ ናይ ሽወደን ናይ ደገፍ ኮሚቴታት ንኤርትራ — ሽወደን
26. “ ናይ ኢጣልያ ናይ ደገፍ ኮሚቴታት ንኤርትራ — ኢጣልያ
27. “ ምትእኽኻብ “ኢ.ዲ.ሊ. ሞንቴ-ሳክሮ” ፖለቲካዊ ውድብ — “
28. “ ናይ ኖርወይ ናይ ደገፍ ኮሚቴታት ንኤርትራ — ኖርወይ
29. “ ማእከል ምርምርን ሓበሬታን ኤርትራ — ኤውሮጳ
30. ዓብዱራሕማን ባቡ — ታንዛንያ

## መልእኽትታት ዝሰደዱ

1. መንግስቲ ዒራቕ — ዒራቕ
2. ሰልፊ ዕዮ — ብሪጣንያ
3. ማሕበርነታዊ ሰልፊ — ኣውስትርያ
4. ማሕበረ-ዲሞክራሲያዊ ሰልፊ — ጀርመን
5. ሰልፊ ዕዮ — ነዘርላንድ
6. ናይ ነዘርላንድ ናይ ደገፍ ኮሚቴታት ንኤርትራ — “
7. ናይ ነዘርላንድ ዘይመንግስታዊ ውድብ — “
8. ኤክስ-ማይናስ-ዋይ (X-Y) ዘይመንግስታዊ ውድብ — “

9. ክርስትያናዊ ማሕበርነታዊ ሰልፊ በልጅዩም
10. ማሕበርነታዊ ሰልፊ “
11. ዴሳዊ ሰልፊ “
12. ሊበራላዊ ሰልፊ “
13. ጽገናዊ ሰልፊ ዕዮ “
14. ሊበራላዊ ጸጋማዊ ሰልፊ “
15. ኦክስፋም ቤልጅክ “
16. ካቶሊክ ዩኒቨርስቲ “
17. ማሕበረ-ዲሞክራሲያዊ ሰልፊ ሽወደን
18. ናይ ሽወደን ኣብያተ ክርስትያናት
ናይ ደገፍ ውድብ “
19. ናይ ዴንማርክ ኣብያተ ክርስትያን ማሕበር ዴንማርክ
20. ናይ ህዝቢ ኖርወይ ናይ ደገፍ ውድብ ኖርወይ
21. ናይ ኖርወይ ናይ ሞያ ማሕበር ፌደረሽን “
22. ማሕበር ደቀንስትዮ ኖርወይ “
23. ስዊስ ኤርትራ ናይ ደገፍ ማሕበር ስዊዘርላንድ
24. ናይ ስዊስ ናይ ጥዕና ማእከል “
25. ናይ ደገፍ ኮሚቴ ንኣፍሪቃ (ባዝል) “
26. ሰልፊ ሪፑብሊካዊ ምትእኽኻብ
(ኣብ ስልጣን ዘሎ) ፈረንሳ
27. በርትራንድ ርስል ናይ ሰላም ትካል ብሪጣንያ
28. ናይ ነጻ ሞያ ማሕበራት ኣህጉራዊ “
29. ናይ ሲዳማ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ኢትዮጵያ
30. ስምረት ማሕበራት ሱዳን ሱዳን
31. ስምረት ናይ ሱዳን ናይ ሞያ ማሕበራት “
32. ባህላዊ ትካል ሰራሕተኛታት ሱዳን “
33. ውድብ ዕዮ ህዝቢ ሞሮኮ ሞሮኮ
34. ውድብ ሓርነት ፍልስጤም ፍልስጤም
35. ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ባሕረይን ባሕረይን
36. ህ.ግ. ሓርነት ፍልስጤም-ጠቕላሊ
መሪሕነት ፍልስጤም
37. ማሕበርነታዊ ሰልፊ ዕዮ ሊባኖስ ሊባኖስ
38. ኣዶልፎ ፐረዝ ኤስኲቨል ናይ ኖቨል
ናይ ሰላም ሽልማት ዕዉት ብስነ



ጽሑፍ ኣርጀንቲና
39. ፍራንስዋ ሁታር ናይ ሰለስተ ክፍለ
ዓለማት ናይ መጽናዕቲ ማእከል በልጅዩም
40. ሊዮ ማተራሶ ኣባል ናይ ህዝብታት
ትሪቡናል ፈረንሳ
41. ኤድሞን ዥዮብ ፓሪስ ዩኒቨርሲቲ “
42. ምክትል ኣሰናዳኢ መጽሔት ኣፍሪቃ ኤስያ “
43. ጀምስ ኣክዋሮ ኬንያ
44. ኣሚን ረድዋን - ጋዜጠኛ ግብጺ
45. ዊሊ ኪዩፐርስ - ኣባል ባይቶ ኤውሮጳ በልጅዩም

## ዝተሳተፉ ካልኦት ወጻእተኛታት

1. ትሪግቨ ኡሬቢ ናይ ህጹጽ ረድኤት ጉዳይ
(ERD) ሓላፊ (ኣብ ሱዳን) ኖርወይ
2. ማሪያ ክሪስቲና ማእከል መጽናዕቲ ኣህጉራዊ
ፖለቲካ ኣመሪካ ኢጣልያ
3. ማርጋሪት ሄንሪ ጋዜጠኛ ኣመሪካ
4. ዣን ቪክቶር (እ)ንኮሎ “ ቢቢሲ ካመሩን
5. ሮበርት ፓብስቶን “ እንግሊዝ
6. በያተ ሙሉር “ ጀርመን
7. ኣለም መዝገበ “ ኢትዮጵያ
8. ስተፋኖ ፖሺያ “ ኢጣልያ
9. ኸሊል ኣልኣሚር ሰልፊ ዓረባዊ ማሕበርነታዊ
ትንሳኤ ውድባት ሱዳን ሱዳን
10. በሺር ኣሕመድ
ማሕጁብ ናይ ክብሪ ዕዱም “
11. ኣሕመድ ኣልሸኽ
ኣልዓባስ ጋዜጠኛ ኣልኣደዋእ “
12. ዩሱፍ ኣልጃኽ ናይ ክብሪ ዕዱም “
13. ስዒድ ኣሕመድ
ኣልሸኽ ናይ ኩወይት ናይ ዜና
ማዕከን (ኩና) ወኪል ኩወይት
14. ዑመር እስማዒል ጋዜጠኛ ኣልሲያሲያ ሱዳን

| | | | |
|---|---|---|---|
| 15. | ኣቡበከር ኣቡዛሃብ | ጋዜጠኛ ኣልኣስቡዕ | ሱዳን |
| 16. | ርሒማብ | ናይ ክብሪ ዕዱም | “ |
| 17. | መሓመድ ኼር | ናይ ክብሪ ዕዱም | “ |
| 18. | ሰይድ ዓብደልሑሰይን | ናይ ክብሪ ዕዱም | “ |
| 19. | መሓመድ ዓብደላ | ናይ ክብሪ ዕዱም | “ |
| 20. | ዑመር ኣቡ ኣምና | ናይ ክብሪ ዕዱም | “ |
| 21. | ኣምሪት ዌልሶን | ጋዜጠኛ | እንግሊዝ |



# ፖለቲካዊ ጸብጻብ

## መቕድም

እዚ ቀሪቡ ዘሎ ጸብጻብ ናይ 10 ዓመታት ስለዝኾነ፡ ዓሰርተ ዓመታት ድማ ኣዝዩ ነዊሕን ብኣገደስቲ ድሙቓት ማእለያ ዘይብሎም ፍጻሜታት ዝተሰገደን ብምዃኑ፡ ኪገልጾ ዝኽእል ዝተማልአ ጸብጻብ ዘይምዃኑ ኪፍለጥ ይግባእ። ሓፈሻዊን ኣዝዩ ዝተጸምቈን ኢዩ። ኣብ ነንበይኖም ሜዳታት ዝተሰላሰሉ ስራሓት፡ በብኽፍሉ ቀሪቡ ስለዘሎ ግን፡ ንሕጽረት ናይ'ዚ ሓፈሻዊ ጸብጻብ'ዚ፡ ብተዛማዲ ዝተማልአ መልክዕ ኪህብ ይኽእል ኢዩ። ገና ግን ብተዛማዲ። ምኽንያቱ፡ ኣብዚ ዓሰርተ ዓመታት ዝተራእዩ ፍጻሜታትን ኣመዓባብላኦምን ዝተቐስሙ ተመኩሮታትን፡ ዓሚቝ ምርምር ዝሓቱ ስለዝኾኑ።

ኣብዚ ሓፈሻዊ ጽማቝ ጸብጻብ፡ ንባህርይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምግላጽ፡ ማለት እቲ ቃልሲ ብቐንዱ፡ ኣብ መንጎ ናይ ሃገር ናጽነትን ሃገራዊ ዳግመ ህንጻን በቲ ሓደ ኢድ፡ መግዛእታዊ ኢምቦራጦርያ ናይ ምህናጽ ሕልሚን ምትሕብባር ዓለማዊ መግዛእቲን ከኣ በቲ ካልእ ኢድ ምዃኑ ንምርግጋጽ ተጸቒጡሉ ኣሎ። ብተመሳሳሊ'ውን፡ ብሄራዊ ኣቃውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ምስ ጉዳይ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ኣመዓባብላን ፖለቲካዊ ኣወዳድባ ቃልሱን ተጠማሚሩ ቀሪቡ'ሎ። እዚ ርዱእ ሓቅታት ኣብቲ ጸብጻብ ምስፋሩን ምድጋሙን ዘድለየ፡ ፍጻሜታትን ኣመዓባብላኦምን ኣብ ውሽጢ'ቲ (context) ማእከላይ ሕቶታት ወይ ምስኡ ኣዛሚድካ ምርኣዮም ንምዝኽኻር ምእንቲ ኪሕግዝ'ዩ።

ብኣጠቓላሊ ድማ፡ እቲ ጸብጻብ ውጽኢት ናይ ኣብ መንጎ ሰፊሕን ዝርዝራውን'ዶ ሓፈሻዊ ጽማቝ ዝብሉ ምርጫታት፡ ብመሰረት'ዚ ዳሕራይ ምርጫ ዝተሰናድአ ስለዝኾነ፡ ኣብ ነንበይኖም ኣርእስትታት ኣብ ገለ ምስፋሕን ምጽቃጥን፡ ኣብ ገለ ከኣ ሓጺር ኣቀራርባን ከምዘለዎ ርኡይ ኢዩ።

# ቀዳማይ ክፋል

## መእተዊ

## ታሪኻዊ ድሕረ-ምድሪ (Background)

መበገሲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ቃልሲታት ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብመሰረቱ ናይ ሃገር ሕቶ ኮይኑ፡ እቲ ቃልሲ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ተጻረርቲ ዕላማታት ምኽኑ ፍሉጥ'ዩ። እዚ ሕቶ'ዚ፡ ኩሉ ዝፈልጦን ኣብ ነንበይኖም ኣጋጣሚታት ዝለዓልን ዝዝረበሉን'ኳ እንተኾነ፡ ከም መሰረት ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ጸብጻብ'ዚ ከም መእተዊ ምዝካሩ፡ ታሪኽ ከም ብሓድሽ ንምድጋም ወይ ርትዓዊነት ቃልስና ንምርግጋጽ ዘይኮነ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ሓድነት ሕቶ፡ ናይ ኤርትራ ከም ሃገር ናይ ምህናጽ ሕቶ፡ ብመንጽሩ ድማ፡ ሓርነታዊ ቃልስና ናይ ምስልሳልን ናይ መጻኢት ኤርትራ መልክዕ ኣብ ምጥማትን እንምርኮሰሉ ቀንዲ መሰረት ስለዝኾነ ኢዩ። ተመክሮ ቃልስና ኣብ እንግምግመሉ እውን፡ መበገስን መወከስን ንሱ ስለዝኾነ'ዩ።

### ኣምር ናይ ሃገር

ሓደ ሃገር፡ ድሩትን ፍሉጥን ጂኦግራፍያዊ ኣሃዱ (entity) ኢዩ። ናይቲ ሃገር ጂኦግራፍያዊ ዶብ፡ ኣብ መስርሕ ናይ ታሪኽ፡ ብውሽጣዊ ምዕባለታት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ፡ ወይ ከኣ ብናይ ወጻኢ ረቛሒ ወይ ሓይሊ፡ ዝሕንጸጽ ወይ መልክዕ ዝሕዝ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ዶብ ናይ ሓደ ሃገር ዝነብር ህዝቢ፡ ብደፋእታውን ሰላማውን መገዲ፡ ወይ ከኣ ብኹናትን ሓይልን ዝተረጋግአ ስርዓት ምምሕዳር ወይ መንግስቲ ይህልዎ። እቲ ጠርናፊ ስርዓት ምምሕድዳር፡ ብደፋእታውን ሰላማውን መገዲ ዝመጸ እንተደኣ ኮይኑ፡ ናይ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዶብ ዝነብሩ ህዝቢ ናይ ሓባር ባህርያትን ረብሓታትን፡ ማለት ኢትኒካዊ ሓድነት፡ ናይ ቋንቋ፡ ባህሊ፡ ልማድ ተመሳሰልቲ ባህርያት፡ ወይ ቁጠባውን ጸጥታውን ናይ ረብሓታት፡ ዘምጽእዎ/ ዝቶኽሉዎ ኪኸውን ይኽእል። ብኹናትን ብሓይልን ዝተረጋግአ ስርዓት ምምሕድዳር እንተደኣ ኮይኑ ድማ ክልተ ምዕባለታት ዝቶኽተለ ኪኸውን ይኽእል። እቲ ሓደ፡ ኣብ መንጎ'ቶም ኣብ ውሽጢ'ቲ ዶብ ዝርከቡ ህዝቢ ዝካየድ መስርሕ ናይ ኲናት፡ ኣብ መወዳእታ፡ ብዓብላልነት ወይ ጸብለልትነት ናይ ሓደ ሓይሊ ተፈቲሑ ዝዓረፈ'ሞ፡ ኣብ ትሕቲኡ ሓደ ስርዓት ምምሕዳር ዘረጋግአ ኪኸውን ይኽእል። እቲ ኻልእ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዶብ (ሃገር) ዝርከብ ህዝቢ፡ ኣንጻር ናይ ወጻኢ ስግኣት ወይ መጥቃዕትታት፡ ብቐጻሊ ሓይሉ ኣተሓባቢሩ ኣብ ዘካይዶም ውግኣት ዝፈጠሮ፡ ሓደ ስርዓተ ምምሕድዳር ኪኸውን ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ቁጠባዊ ረብሓታት ዝመሰረቱ ታሪኻዊ መስርሕ፡ ኣብ ሓደ ሃገር ዝነብር ህዝቢ፡ ኣብ ነንሓድሕዱ ዝተዛመደን ብዕዳጋ ዝተኣሳሰረን ተመሳሳሊ ወይ ተቐራራቢ ወይ ሓደ ሃገር ዝዓይነቱ ደረጃ ምዕባለ ስርዓተ-ቁጠባ ይህልዎ። እቲ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃገር ዝነብር ህዝቢ፡ ካብ ሓደ ቋንቋ ዝዛረብ፡ ሓደ ዓይነት ባህልን ልማድን፡ ሓደ ሃይማኖት ዘለዎ ወይ ከኣ፡ ነንበይኑ ቋንቋታትን ፍጹም ሓደ ዘይኮነ ባህልን ልማድን፡ ብዙሓት ሃይማኖታት ወይ እምነታት ዝኽተል ኪኸውን ይኽእል። ሓደ ይኹን ዝተፈላለየ ቋንቋ፡ ባህልን-ልምድን፡ ሃይማኖት ይህልዎ፡ ናይ ሓደ ሃገር ህዝቢ፡ ኣብ መስርሕ ናይ ታሪኽ ዘማዕበሎ፡ ኣብ ሓደ ጂኦግራፍያዊ ስፍሓት ብምንባሩን፡ ኣብኡ ብዘማዕበሎ ቁጠባውን ጸጥታውን ረብሓታት ይኹን፡ ናይ ሓባር ቃልሲ፡ ናይ ሓደ ምኽን፡ ናይ ምትሕልላቕ፡ ናይ ምትሕልላይ፡ ናይ ሕውነት ስሚዒታት የማዕብልን ይፈጥርን። ከምዚ ዝመሰለ ኣመጻጽኣ ናይ ሃገር፡ ብውሽጢ ዝድረኽ ምስ ዝኸውን፡ ደፋእታውን ዘመናት ዝወሰድን ኢዩ። ብናይ ወጻኢ ረቛሒታትን ሓይልታትን ዝድረኽ ምስ ዝኸውን ግን፡ ትሕቲ ሓደ ዘመን'ውን ኪወስድ ይኽእል።

### ኣመጻጽኣ ሃገራት ኣብ ዘይማዕበሉ ሕብረተሰባት/ ሳልሳይ ዓለም

ክብ ኢሉ ተጠቒሱ ዘሎ ሓፈሻዊ ኣምራት ናይ ሃገር ኣቕልል

ኣቢልካ ዝውሰድ ጉዳይ ኣይኮነን። እቲ ታሪኻዊ መስርሕ ኣዝዩ ዝተመሓላለኸ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ከም ሃገር፡ ድቕቕ ዝበለ ኣጠማምታ ይሓትት ኢዩ። ቅድሚ ናብ ዝርዝር ክፋል ናይ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ ምእታው እምበኣር፡ ሃገር፡ ኣብ ኣዝዩ ትሑት ናይ ሕርሻን መጓሰን ስርዓተ-ቁጠባ ዘለዎ ሕብረተሰባት ከምዘይህሉ ወይ ህላዌኡን ቀጻልነቱን ኣዝዩ ጸቢብ ከምዝኾነ ምግንዛብ ኣገዳሲ ኢዩ። ሃገራት ምስ ምዕባለ ርእሰማልነት ዝመጻ ጂኦግራፊያዊ entities ኢየን። ዶባት ክሕንጻጽን ክንጸርን ዝኽኣለ፡ ምስ ምምጻእ ርእሰ-ማልነት ኢዩ። ናይ ሃገራት ምኳን ናይ ዓለም ሓድሕዳዊ ምውሳእን ምፍላጥን (recognization) ብምስፍሕፋሕ ርእሰማልነት ዝመጸ ኢዩ። እተን ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት፡ ከም ሃገራት ዶባተን መልክዕ ዝሓዘ ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ምዕባለ ኢዩ።

እቲ ንዓናን ኻልኦት ከማናን ናይ ሳልሳይ ዓለም ሕ/ሰባት ብዝያዳ ዘገድስ፡ ኣመጻጽኣ ሃገራት፡ ኣብ ዘይማዕበሉ ስርዓተ-ቁጠባታት'ዩ። ኣብ ድሑር/ትሑት ናይ ሕርሻን መጓሰን ዝነብሩ ህዝብታት፡ ቁጠባዊ፡ ኣውራ ናይ ዕዳጋ-ምትእስሳራቶም ድኹምን ጸቢብን ስለ ዝኾውን፡ ማሕበራዊ፡ ምምሕድዳራዊ ኣቃውማታቶም፡ ኤትኒካዊ/ቀቢላዊ ወይ ብሄራዊ ጥራይ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል። ከምዚ ስለዝኾነ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቅድሚ ምእታው 19 ዘመን፡ ብዘይካ ዝተቖራረጸ መስፍናዊ ግዝኣታት፡ ንሱ'ውን ዘይቀዋሚ፡ ሃገራት ኣይነበራን። ከምዚ ዝመሰለ መስፍናዊ ኣቃውማታት፡ ዘይርጉእ፡ ብኹናትን ወራራትን ዝተመልአ ምኳኑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀጻልነት ኣይነበሮን። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ኩሉ ኣፍሪቃ፡ ሃገራት ናይ ምቛም ታሪኻዊ መስርሕ፡ ብደፋእታዊ ውሽጣዊ ምዕባሌ ናይ'ቲ ዝነበረ ቁርጽራጽ መስፍናዊ entities ኣይኮነን መጺኡ። ነቲ ጉዕዞ ዘቀለጠፈ ወይ ሰውራ ዝገበረ (revolutionize ዝገበረ)፡ መኪና ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ኢዩ። ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ዘይነበረ ኔሩ እንተዝኸውን፡ ኣብ ኣፍሪቃ ሃገራት ንኽቖማ ዘመናት ምወሰደን፡ ፖለቲካዊ ካርታ ኣፍሪቃ፡ ብዘይካ እዚ ሕጂ ንፈልጦ ካልእ መልክዕ ምሓዘን።



ኤውሮጳዊ መግዛእቲ፡ ባህርያዊ ሃብትን ጉልበትን ህዝብታት ኣፍሪቃ ንምምዝማዝ፡ ዝማዕበሉ ኢንዱስትሪያዊ ፍልጠታትን መኪናታትን ኣምጺኡ፡ ነቲ ዝጸንሐ፡ ማሕበራዊ፡ ምምሕድዳራውን ቁጠባውን ስርዓታት ሰባቢሩ፡ ሃገራት ናይ ምህናጽ መስርሕ ደፊኡ። ከም ዓቕሚ ምስፍሕፋሕ ናይ ሓደ መግዛእታዊ ሓይልን፡ በቲ ኣብ መንጎ ሓይልታት መግዛእቲ ኣብ ሓድሕደን ዝነበረ ውድድርን ከኣ፡ ብውዕል ወይ ብሚዛን ሓይሊ-ብምርጫ ናይቲ ግዙእ ህዝቢታት ዘይኮነ-ዶባት ናይ ሃገራት ተሓንጺጹ፡ ከም መግዛእታውን ኣህጉራውን ዶባት ተፈሊጡ። እተን ብሓይልታት መግዛእቲ ዝተደረታ ጅኦግራፊያውን ፖለቲካውን entities ከኣ፡ ኣብ መኪና መግዛእቲ ክቕረጻ ጀሚረን።

ብመጀመሪያ መግዛእቲ፡ ነቲ ዶባቱ ዝተገልጸ መሬት ኣብ ትሕቲ ሓደ ምምሕድዳር ጠርኒፉ፡ ናቱ ማእከላይ መግዛእታዊ መንግስቲ የቘውም። ነቲ ዝጸንሐ ልምዳዊ ናይ ምምሕድዳር ስርዓት ብመሰረቱ ቀይሩ ወይ ምስ ረብሓታቱ ብዝሰማማዕ ኣመሓይሹን ዓቂቡን፡ ሓደ ልዕሊ ኹሉ ኾኑሉ ዝመልኽ ስልጣን የጽንዕ። ከተማታትን ወደባትን መደበራትን ይምስርትን ይሃንጽን። ጽርግያታትን፡ መንገዲ ባቡርን፡ መዓርፎ ነፈርትን ካልእ ሕንጻጻትን ዘርጊሑ ናይ መሬትን ኣየርን ባሕሪን መጎዓዓዚ የተኣታቱ። ቴሌፎንን ካልእ መስመራት ርክብን ይዝርግሕ። ሕርሻውን እንስሳውን ሃብቲ ንምምዝማዝ፡ ሰፋሕቲ ቦታታት የልምዕ፡ ሓደስቲ ናውቲ ማእቶትን ኣዝርእትን የተኣ ታቱ። ናይ ባሕርን መሬትን ማዕድናዊ ሃብቲ ንምምዝማዝ፡ ማሕጎዳታት የቘውምን መዐደኒታት ይሰርሕን። ናይ ሓይሊ ጸዓ ት መደበራት፡ ነኣሽቱ ፋብሪካታትን ዓበይቲ ኢንዱስትሪታትን ይተክል። ንመግዛእታዊ ሰራዊቱን ዜጋታቱን ናይ ኣገልግሎት ትካላት (ጥዕናዊ-ትምህርታዊ...) የቘውም። ካብቲ ዝተገዝአ ህዝቢ፡ ኣገልጋሊኡ ንዝኸውን ማሕበራዊ ቀጻሳ ይምህርን፡ ይሸይምን፡ ባህልታቱ የውርስን። ንናይ ወራርን ጭፍለቓን ዕላማታቱ ካብቲ ግዙእ ህዝቢ የዐስክር። ዓሌት ዝፈሊ ናይ ምንቅስቓስን ምንባርን ቀይዲታት ይገብር። ወዘተ.ወዘተ.።

ብኸምዚ ኣገባብ፡ ሓድሽ ዝምድናታት ማእቶት ኣምጺኡ፡

ነቲ ዝጸንሐ ማሕበራዊ ኣቃውማ፡ ቀስ-ብቐስ እናሰባበረ፡ ሓደስቲ ማሕበራውያን ሓይልታት ይፈጥር። ናይ መግዛእቲ መኪናኡ፡ ነቲ ናይ ቀረባ/ስሉጥ ርክባት ዘይጸንሖ ህዝቢ የላሊን የቀራርብን። ናይ ዓሌት ፈላላዪ ኣተሓሕዝኡ ምስ ናይ ምዝመዛን ጭቆናን ስርዓቱ፡ ናይ ሓባር ቃልስታት የለዓዕልን፡ ናይ ሓባር ስነ-ኣእምሮኣዊ ስምዒት ይፈጥርን። እዚ ኩሉ ፖለቲካዊ-ምምሕዳራዊን፡ ቁጠባውን ማሕበራውን፡ ባህልውን፡ ስነ-ኣእምሮኣውን፡ መስርሕ ተጠቓሊሉ ሓደ ሃገር ይጥፍጠፍ። ኣብዚ ክይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይግበእ ግን፡ መግዛእቲ፡ ከምዚኦም ዝመሰሉ ለውጥታት፡ ኣብ ዘምጽኣሉን ኹሉ ናይቲ ዝጥፍጠፍ ሃገር ህዝቢ ማዕረ ዝኾነ ጽልዋታትን ዝተዳረገ ምዕባለታትን ከምዘየኸትለሉ ኢዩ። ኽልተ ምኽንያታት። ቀዳማይ፡ መግዛእቲ ምእንቲ ረብሓታቱ ክብል፡ ጸዓት ዘፍስሰሉ ኣከባቢታት፡ እስትራተጂያውን (ወተሃደራዊ ወይ ካልእ) ቁጠባውን ጠቕምታት ዝረኽበሉ ከባቢታት ዝፈላለ ስለዝኾነ፡ ካልኣይ ከኣ፡ ናይቲ ግዙእ ህዝቢታት ቅድሚ መግዛእቲ ዝጸንሖ ክብን-ለጠቕን፡ ናይ ማሕበራውን ቁጠባውን ባህላውን ካልእን (ሃይማኖታዊ) ደረጃታት ስለዝጸንሕ።

ሕልምታት ኢበራጦርያ ብመንጽር ምምጻእ ሃገራት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ

ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ዘሎ ኣምር ናይ ሃገርን ኣመጻጽኣ ሃገራት ኣብ ዘይማዕበሉ ሕብረተሰባትን፡ መሰረት ናይ ዘመናዊ ታሪኽ ሃገራት ኣፍሪቃ ምዃኑ ዘይከሓድ ኢዩ። ናይ ህዝቢታት ታሪኽ ምርሳዕ ዘይኮነ፡ እቲ ጉዳይ ታሪኽ ሃገራት ስለዝኾነ፡ ካብቲ ዓንኬል'ቲ ወጺእካ ክዝረብ ኣይከኣልን።

ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ነገስታት "ኢትዮጵያን"- ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብምሉኡ ንዘይቅሳነት ቀጻሊ ጠንቂ ዝኾነ፡ ናይ ነገስታት "ኢትዮጵያ" ናይ እምበራጦርያ ናይ ምስፍሕፋሕ ስስዐ ኢዩ። እቲ ዝካየድ ቃልስታት ከኣ፡ ኣብ መንጎ እቶም ክዕብልሉ ዝደልዩን ክዕብለሉ



ዘይደልዩን፡ ኣብ መንጎ'ቶም ኪዕብልሉ ዝደልዩ ዝፍብርኽዎ ታሪኽን፡ እቶም ኪዕብለሉ ዘይደልዩ ዝፈልጥዎ ታሪኻዊ ሓቅን ኢዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ኸኣ፡ ነቲ ብሉይ እምበራጦርያዊ ዕላማታት፡ ብመንጽር ታሪኽ ኣመጻጽኣ ሃገራት ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ምጥማቱ ኣገዳሲ ኢዩ።

ኣብዚ ክሳብ ግዜ ምእታው መግዛእቲ ፍርቂ 19 ዘመን-ቁርጽራጽ ንግስነታት ዝነበረ ኣከባቢ፡ ይትረፍ ንኣሽሓት ዓመታት ንድሕሪት ኬድካ፡ ዘመናት'ውን ምልስ ኢልካ፡ ብዛዕባ ርእሱ ዝኽኣለ፡ ቀጻልነት ዝነበሮ ናይ ፖለቲካ entity ኣሎ ኢልካ ምምጓት፡ ንdynamics ናይ ታሪኽ የዋህ ምዃን ንጽውጽዋይ፡ ከም ታሪኽ ምውሳድ'ዩ። ኩንኡ ኬድካ፡ ብናይ ፈጠራ ጽውጽዋይ ሃገር claim ምግባር ግን፡ ናይ ታሪኽ ገበን ኢዩ። ናይ "ኢትዮጵያ" እምበራጦርያ ሓለምቱን፡ ንጽውጽዋያቶም ከም ሓቂ ከቕርቡ ዝፍትኑ Pseudo-historians እውን ካብኡ ኣይወጹን።

ቅድሚ ብዛዕባ ኣመጻጽኣ ሕልሚ "ኢምበራጦርያ" ምዝራብ፡ እቲ እንጥቀመሉ "ኢትዮጵያ" ዝበሃል ስም፡ ብመሰረቱ፡ ነዛ ሕጂ ኢትዮጵያ እትብሃል ዘይምልከት፡ ዝኾነ ናይ ታሪኽ ሰነድ መረጋገጺ ዘይብሉ፡ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ንዘይተወሰኑ ህዝቢ፡ ተፈልዩ ዘይጥቀስ ቦታ ዝነብሩ ከደሮት ህዝብታት ዝምልከት ምዃኑ ክጥቀስ ይግባእ። ነገስታት "ኢትዮጵያ" ነቲ ክምስርቱዎ ዝሓልሙ እምበራጦርያ፡ "ኢትዮጵያ" ኢሎም ምስማዮም ከኣ፡ ምስቲ ንነገስታቶም መለኮታዊ ሓይሊ ንምሃብ "ኣብ ኩሉ ዝመስሎ ታሪኽ ከምዝግበር" ተባሂሉ፡ ናይ ሰሎሞንን ሳባን ዝንገር ጽውጽዋይ ናይ እስራኤላዊ መበቆሎም፡ ንምርግጋጽ ተባሂሉ ከምዝኾነ ርዱእ ኢዩ። እዚ ማሪታዊ ኣጠማምታ"ዚ፡ ታሪኽ ምዃኑን፡ እቲ ኣስማት እውን ከም ቅቡል ምውሳዱን፡ ንዝኾነ ተመራማሪ ታሪኽ ከጋጊ ኣይክእልን።

ናይ ታሪኽ ፋንትዝያ ገዲፍካ፡ ናይ "ኢትዮጵያ" እምበራጦርያ ጠቢብ ቴድሮስ ኢዩ። ቴድሮስ ካብ ሽፍትነት ተበጊሱ፡ ሓይሉ ምስ ኣዕበየ፡ ንጉስ ናይ ምዃን ሕልሙ ሓቂ ምስ ኮነ፡ ኣብ ፍርቂ 19 ክ/ዘመን ግዝኣቱ ንምስፋሕ ዓበይቲ

መደባት ኣውጺኡ። ንርእሱ ንጉስ-ነገስታት ዝብል ስም ሰምዩ፡ ንቶም ዘይነገሶሎም ነገስታት ንምምላኽ፡ ኣብ ቀጻሊ ኹናት ኣትዩ ኣይተዓወተን። ነቲ ዘይተዓወተሉ ዕላማ ናይ ብዙሓት ንግስነታት ኣብ ትሕቲ "ኤምበራጦርነቱ" ምእታው፡ ተጨባጢ ንምግባር፡ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ንምርካብን ናይ ተኹሲ ዓቕሙ ክብ ንምባልን፡ ጻዕርታት የካይድ ኣብ ዝነበረሉ ምስ ብሪጣንያ ኣብ ረጽሚ ኣትዩ ርእሰ ቕትለት ፈጺሙ። (ናይ ቴድሮስ ኢትዮጵያ ኣብ ካርታ፡ ዝነበራ ዝተወሰነ ስፍሓት ጥራይ ዘይኮነ)፡ ቴድሮስ ይትረፍ"ዶ፡ ነታ ሕጂ "ኢትዮጵያ" እትብሃል፡ ካብቲ ብሓርፋፉ ከም ቤገ-ምድር ዝፍለጥ መሬት ወጻኢ፡ ተቖጻጺሩ ኣየመሓደሮን።

ናይ "ኢትዮጵያ" እምበራጦርያ ሕልሚ ግን፡ ምስ ሞት ቴድሮስ ኣይደቀሰን። ካልኦት ነገስታት፡ ግዝኣታቶም ክሰፍሑን፡ ንኻልኦት ንግስነታት ክምበርክኹን ምሕሳብ፡ ባህርያዊ (ናይ ኩሎም) ኮይኑ፡ እቲ ሽዑ ዝሓየለ ዝነበረ ዮውሃንስ መጺኡ። ዮውሃንስ እውን፡ ነቲ ቴድሮስ ዘይተዓወተሉ ተልእኾ ናይ እምበራጦርያ ምስረታ ቀጺሉዎ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ከኣ፡ ምስ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ተዋድዩ ኣብ ዝኣተዎ ወራር ተቐቲሉ፡ ከይተዓወተ ተሪፉ።

ናይ ቴድሮስን ዮውሃንስን፡ ናይ "ኢትዮጵያ" እትብሃል እምበራጦርያ ምምስራት ድልየት፡ ዕላምኡ ዘይወቕዐ ብመጀመሪያ፡ ዝኾነ ንጉስ፡ (ኣምሓራ፡ ትግራይ፡ ኦሮሞ) ነናይ ገዛእ ርእሱ entity ናጻ ኮይኑ ንምዕቃብ፡ ብዘጋጠመ ተቓውሞን፡ ነፍሲ ወከፍ፡ ካብቶም ነገስታት ከኣ፡ ናቱ ናጻ ናይ ወጻኢ ርክብ ዓቂቡ፡ ካብ ወጻኢ ሓይልታት ናይ ኣጽዋር ሓገዝ ረኺቡ፡ ናይ ኹናት ሓይሉ ክዕብን፡ ግዝኣቱ ክሰፍሕን ይሕልን ስለዝነበረን እዩ። ብቲ ኣብ መንጎ ነገስታት ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ወራራት፡ ናይ ነብሲ ወከፍ ንጉስ ግዝኣት፡ ንሓጺር ግዜ ይዓብን፡ ይጭበጥን፡ እንሓንሳእ፡ ኣብ መንጎ ዝደኸሙ ነገስታት ቃል-ኪዳናትን ውዕላትን እናተገብረን እናፈረሰን፡ ይኸይድ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። እዚ፡ ባህርያዊ መስርሕ'ዚ ናይ ሃገራት ምምስራት መልክዕ እኳ እንተኾነ፡ (ይትረፍ



እምበራጦርያ) ሃገር ንምምስራት ዘብቅዕ መድረኽ ስለዘይበጽሐ ግን፡ architects ናይ "ኢትዮጵያ" እምበራጦርያ ናይ ምምስራት ዕላማታቶም ኣይተዓወቱን።

በዚ ሓጺር መግለጺ ናይ ታሪኽ ሓቂታት፡ ኣብ 19 ክ/ዘመን፡ "ኢትዮጵያ" እትብሃል፡ ውሱን (ድሩት) ጅኦግራፊያዊ ዶብ፡ ሓደ ማእከላይ ስልጣን ወይ ምምሕድዳር፡ ሓደ ስርዓተ-ቁጠባ፡ ሓደ ናይ ሃገር ስምዒት ዝነበሮ ሃገር ዝከኣል entity ከምዘይነበረ ይረጋገጽ። እቲ "ኢትዮጵያ" እትብሃል እምበራጦርያ ናይ ምምስራት ሕልሚ ከይደቀሰ ግን፡ ኣብ መወዳእታ እታ 19 ክ/ዘመን፡ ሓይልታት መግዛእቲ ኤውሮጳ፡ ኣብቀርኒ ኣፍሪቃ ስለዝኣተዉ፡ ኣንፈት ታሪኽ ካልእ ኀደና ክወስድ ጀሚሩ።

## መግዛእቲ ቀርኒ ኣፍሪቃ

ድሕሪ ኣኼባ በርሊን፡ 1884-1885፡ ኣብ ውሽጢ መድረኽ ምርፍታት ኣፍሪቃ፡ 1880-1914፡ ኣፍሪቃ ብሙሉኣ፡ ኣብ ናይ ኤውሮጳ መግዛእቲታት ተጕዛዚና፡ ከም ጽልዋን ምቁጽጻርን ናይ ነፍሲ ወከፍ መግዛእታዊ ሓይሊ፡ ሃገራት ክህነጻ ጀሚረን። ቀርኒ ኣፍሪቃ እውን፡ ካብኡ ዝተፈልየ ዕድል ኣይነበሮን። ፈረንሳ፡ ነቲ ናይ ፈረንሳ ሶማል ዝበሃል፡ (ሕጂ ጁቡቲ፡) ብሪጣንያ ነቲ ናይ ብሪጣንያ ሶማል ዝበሃል (ሕጂ ኣካል ሪፑብሊክ ሶማልያ ዝኾነ፡) ናይ ኢጣልያ ሶማል ዝበሃላ ቦታታት ሒዘን። ሃገራት ተመቓቒለን፡ "ኢትዮጵያ" ግን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ከይኣተወት ተሪፋ። ብቲ ሓደ ወገን ኣብ ሰሜን ብዝነበረ ተቓውሞ፡ ብቲ ካልእ ከኣ፡ ብስምምዕ ሓይልታት መግዛእቲ፡ ንመጻኢ ዕላማታት።

## መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ

መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ፍሉይነት ነይሩዎ። ንባህርያውን ሰብኣዊ-ጉልበታዊ ሃብትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ዕላማ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሰፊሕ ግዝኣት ናይ

ምሓዝ መበገሲ ስለዝነበሮ፡ ማለት ንኢትዮጵያ ናብ መግዛእቱ ንምእታው ስለዝበረ፡ ንሶማልያን ንኤርትራን፡ ኣውራ ከኣ ብምኽንያት እስትራተጅያዊ ኣቀማምጣኣ፡ ንኤርትራ፡ ከም መበገሲ ወይ መንጠሪ ባይታ (spring board) ምጥጣሕ ከም ቀዳማይ ዕማም ወሲዱዎ ነይሩ። እዚ ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣብ ኤርትራ ዘዋፈሮ ርእሰማል፡ ባህላውን፡ ኣቀዋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ ደኹን፡ ምህናጽ ሃገር፡ ፍሉይ ፍጥነት ሒዙ።

ወደባትን ማርሳታትን ሃኒጹ። ጽርግያታት፡ መንገዲ ባቡር፡ ተለፈሪካ ዘርጊሑ፡ መዓርፎ ነፈርቲ ጸሪጉ፡ መጎዓዝያ ባሕርን ምድርን ኣየርን ኣተኣታትዩ። ናይ ስልክን ቴሌግራፍን መርኸቢ ዘርጊሑ። ናይ ጸዓት መደበራት፡ ናይ ስልኪን ቴሌግራፍን መርኸቢ ዘርጊሑ። ናይ ጸዓት መደበራት፡ ናይ ሃለኽቲ ኣቑሑ መሳርሒ ፋብሪካታት፡ ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት ተኺሉ። ናይ መጸገንን መተዓራረይን ትካላት ኣቚሙ። መዓድን ምንዳይ ጀሚሩ፡ ማሕጎዳታት ኩዒቱ፡ ጨው ምንቃጽን ናይ ዓሳ ሃብቲ ምምዝማዝን ኣስፊሑ። ዓበይቲ ናይ ሕርሻ ቦታታት ኣልሚዑ። ካልኦት ናይ ምዝመዛ ስርዓት ቁጠባ ኣተኣታትዩ፡ ሓድሽን ምዕቡልን ናይ ምዝመዛ ስርዓተ ቁጠባ ኣተኣታትዩ። ሓደስቲ ማሕበራውያን ሓይልታት ፈጢሩ።

መግዛእታዊ ሰራዊቱ ንምዕባይ፡ ናይ ኣስገዳድ ክታበት ኣተኣታትዩ፡ ንኣሽሓት ኤርትራውያን ሓረስቶትን ጓሶትን ኣዕሲኩ። ንመግዛእታዊ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ቀዩድ ናይ ትምህርቲ መደብ ከፊቱ፡ ቋንቋኡን፡ ኣርባዕተ ስርሒታትን ጽርየት ኪምህር፡ ባህላዊ ጽልዋታት ኪዝርግሕ ጀሚሩ። ኑቲ ዝጸንሖ እንዳውን ቀቢላውን ምምሕዳራት፡ ምስ ናይ መግዛእታዊ ሕግታት ከም ዝሳነ ጌሩ፡ ንኤርትራ ኣብ ኣውራጃታትን ወረዳታትን ከፋፊሉ ንዕኡ እሙናት (Loyal) ዝኾኑ ኤርትራውያን ሸይሙ። ኣብ ትሕቲ ቤት ጽሕፈት መግዛእታዊ ምምሕዳር ጠርኒፍዎ። ኤርትራውያን ዝኣትዉሉን ዝንቀሳቐስሉን ኣከባቢታት ፈልዩ፡ ዓሌታዊ ናይ ጸሊምን ጻዕዳን ፈላላዪ ሕግታት ኣተኣታትዩ። ብኸምዚ ጅኦግራፊያዊ ውህደት ፈጢሩ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ለውጥታት ኣምጺኡ፡ ሓደ



ስነ-ኣእምሮኣዊ ስምዒት ናይ ሃገርነት ኮስኲሱ። መግዛእቲ ኢጣልያ ብባህሪኡ፡ ፖለቲካዊን ነቓባዊን፡ መሰላት ዘይህብ እኳ እንተነበረ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጸረ ምዝመዛን፡ ጭቆናን፡ ጸረ-ዓሌታዊ ኣፈላላይን፡ ጸረ-ዕስክርናን ተሪር ተቓውሞታት ኣካይዱ"ዩ። ብዙሓት፡ ንኢትዮጵያ ዝሃደሙ ከምዝነበሩ ድማ ዝዝከር"ዩ። ናኹራ ከም ቤት ማሕቡስ ጸይቀ-ዕልልቲ ዝኾነትሉ ድማ ኣብቲ ግዜ"ቲዩ ነይሩ።

## “ኢትዮጵያ” ክሳብ 2ይ ኲናት ዓለም

ኣቐዲሙ ከምዝበርህ፡ “ኢትዮጵያ” ኣብ ግዜ ምርፍታት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ከይኣተወት"ኳ እንተጸንሐት፡ ብቐንዱ ብምኽንያት ቅጽጽ ሓይልታት መግዛእቲ፡ ኢጣልያ ብዝነበሮ ምቹእ ቦታን፡ ናይ ምስፍሕፋሕ ዕላማታትን፡ ኣብ ቀዳማይ ፈተነኣ፡ ብ1896 መጋቢት 1፡ ኣብ ዓድዋ ምስ ተሳዕረት፡ (ብተቓውሞን ሓገዝ እንግሊዝን) ክሳብ ምጅማር 2ይ ኲናት ዓለም፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣይኣተወትን።

ኣብ ውሽጢ"ዚ ግዜ"ዚ፡ ምንሊክ፡ ግዝኣቱ ንምስፋሕ ቀጻልቲ ወራራት ናብ ኩሉ መኣዝናት ኣወንጨፉ። ክሳብ ቅድሚ ውግእ ዓድዋ፡ ክሳብ 1890 ንምብራቕ ከባቢ ሃረር፡ ንምዕራብን ደቡባዊ ምዕራብን፡ ንምዕራብ ሸዋን፡ ደቡባዊ ሸዋን፡ ደቡብ ጎጃምን ሒዙ ጸኒሑ፡ ካብ 1890-1895 ንኣሩሲን ሰሜናዊ ባሌን፡ ሰሜናዊ ምዕራብ ሲዳሞን ሒዙ፡ ብ1933 ንጅማ ስዒሩን ጸምቢሩን፡ ክሳብ 1935 ከኣ፡ ንኦጋዴንን፡ ኑቲ ዝተረፈ ደቡባውን ምዕራባውን ናይ'ዛ ሕጂ ከም ቢኢትዮጵያ" እትፍለጥ ሃገር ደቡባውን ምዕራባውን፡ ምስ ናይ እንግሊዝ ግዝኣት ዝነበረት ኬንያን፡ እንግሊዝ-ግብጻዊት ሱዳንን፡ ዝዳወብ ግዝኣታት ተቖጻጺሩ። እቲ ብወገን ምብራቕ፡ ምስ ናይ ኢጣልያ ሶማል፡ ዝነበረ ዶብ ግን፡ ከምዚ ሕጂ ገዛእቲ “ኢትዮጵያ” Claim ዝገብሩዎ ዶብ ከይበጽሐ፡ ብወራር ኢጣልያ፡ 2ይ ኲናት ዓለም ምስ ተባርዐ፡ “ኢትዮጵያ” ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኢጣልያ ምስ ኣተወትን፡ ናይቲ ድሕሪ ምንሊክ ብስሉስ

ንግስነት (ጸሃይቱ፡ ተፈራ፡ ሃብተጊዮርጊስ) ክቕጽል ዝጸንሐ፡ ናይ "ኢትዮጵያ" እምበራጦርያ ወራራት ደው ከምዝብል ክይኑ።

ኣብ ግዜ ምርፍታት ኣፍሪቃ ክሳብ 2ይ ኩናት ዓለም፡ "ኢትዮጵያ" ከም ሃገር ተሃኒጻ'ዶብ ናይቶም ኢምቦራጦርያ "ኢትዮጵያ" (ambition) ሕልሚ ዝነበሮም ገዛእቲ ባዕላዊ ድልየት ብዘየገድስ፡ ሕመረት ናይ ስርዓቶም፡ ድሑር ቁጠባዊ መሰረት ስለዝነበሮ፡ ነቲ ዝወረሩዎ መሬትን ህዝቢ.ታቱን፡ ማሕበራዊ-ቁጠባዊ ኣቃውማታቱ ሰባቢሮም ሓድሽን ምዕ ቡልን፡ መልክዕ ክትሕዝዎ ዓቕሚ ኣይነበሮምን። ምምሕዳራዊ ጥርናፈኦም'ውን፡ ወተሃደራዊ መዓስከራትን፡ "ነፍጠኛታትን" ብምስፋር ይፍጸም ስለዝነበረ፡ ህላዌኦም ኣብ ውሽጢ'ቲ ዝሰዓ ርዎ ኣካባቢ.ታት፡ ናይ ጭፍሊቓ ኣተሓሕዛኦም፡ ክሳብ ንሰብ ከም ከብቲ ናይ ምግፋዕ ተግባራቶምን፡ ንዝተነጸለ ህላዌኦምን ቅሱን ኣይነበሮን ጥራይ ዘይኮነ፡ ጽልኢ ናይቲ ዝተገዝኣ ህዝብታትን ተቓውሞታቱን ኣዕቢዩዎ። በዚ መልክዕ'ዚ፡ ክሳብ 2ይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ "ኢትዮጵያ" ኣብ ትሕቲ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ክይኣተወት ትጽናሕ እምበር፡ ብውሽጢ ሓደ ሃገር ናይ ምቛን መስርሕ ተኻይዱ ክበሃል ኣይከኣለን። ናይ ሎሚ፡ ኣብ "ኢትዮጵያ" ናይ ዘለዋ ብሄራት ምንቕስቓስ ከኣ፡ እዚ ታሪኻዊ መሰረት ዝሓዘ'ዩ።

መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ 1935 መግዛእታዊ ወራሩ ናብ ኢትዮጵያ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ናይ ዓድዋ ስምባደ ስለዝነበሮ፡ ዝኣክል ወተሃደራዊ ምቅርራብ ንምግባር፡ ኣብ ኤርትራ፡ ቢልዮናት ሊሬታት ብምውፋር (invest) ንምግባር ነቲ ቁጠባ ብሓፈሻ፡ ኣውራ ከኣ ነቲ ትሕተ-ቅርጺ ብቑዕ ንምግባር፡ ንለውጢ ስርዓተ ቁጠባ ኤርትራ ኣዝዩ ከምዝቕልጥፍ ምግባሩ ዝዝከር'ዩ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ብጠቕላላ፡ ንናይ ዓለም ኩናት ዝግበር ዝነበረ ምቅርራባቱ ንምዕባይ፡ ካብ ኤርትራ መዕድን ንምምዝማዝ ዝነበሮ ጻዕርታት ኣብቲ እዋን'ቲ ተጠማቲ'ዩ ኔሩ።

በቲ ዝነበሮ ወተሃደራዊ ጸብለልነት፡ ንኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ



ግዝኣቱ ከእቱ ግዜ ኣይወሰደሉን። በዚ ከኣ፡ ንኤርትራን፡ ኢትዮጵያን፡ ናይ ሽዑ ናይ ኢጣልያን፡ ዘጠቓለለ፡ ዝዓበየን ዝሰፍሐን እስትራተጅያዊ ቦታ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክሕዝ ክኢሉ። እቲ ኩናት ግን፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይከተወሰነ፡ ናይ ዓለም ኩናት ስለዝነበረ፡ ፋሺስታዊት ኢጣልያን መሓዙታን፡ ብናይ ኪዳን ሃገራት ተሳዒረን፡ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምዝወድቕ ኮነ።

ኣብተን፡ መግዛኣቲ ኢጣልያ ንኢትዮጵያ ዝሓዘትለን፡ ሓሙሽተ ዓመታት፡ መግዛእታ ንምድልዳል፡ ትሕተ-ቕርጺ ኢትዮጵያ ንምዕባይ ዝገበረቶ ጻዕርታት፡ ብናይ ኩናት ኩነታት ዘይተደረተን ሰፊሕን ኢዩ ነይሩ። ሰፋሕቲ (ዓበይቲ) ቁጠባውን፡ ማሕበራውን፡ ባህላውን ለውጥታት ንምምጻእ ኮነ፡ ናይ ምምሕዳር ማእከላይ ስልጣን ንምድልዳል ግን፡ እቲ ግዜ ሓጺር ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ቀጻሊ ተቓውሞታት'ውን ስለዝዓ ገቶ፡ ንኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ መኪና መግዛእቲ ከም ሃገር ናይ ምህናጽ ዝነበሮ ቦታ ኣዝዩ ዝተወሰነ'ዩ ነይሩ። ኣብተን ሓሙሽተ ዓመታት ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እቲ ኢጣልያ፡ ንናይ ኢጣልያን፡ ሶማልያን፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ዘጠቓለለ ዝተሃንጸ ሃገር ኣይነበረን።

## ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ክሳብ ፌደራላዊ ውዲት

ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም፡ ኣሜሪካ፡ ብዓለም ደረጃ ዝሓየለት ሃገር ኮይና ከምዝወጸት ፍሉጥ ኢዩ። ከምሓያል ሃገር ከኣ፡ ኣብ ዓለም ናይ ዝተቐላቐሉ ሕቶታት (ጉዳያት፡) ውሳኔ ኣብ ምሃብ ዓቢ ተራ ከምዝነበራ ዘይስሓት ኢዩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ፡ ኣብ ምውጋን ጉዳይ ግዝኣታት ኢጣልያ ውሳኔታት ንምሕላፍ ዝዓበየ እጃም ዝነበራ ሃገር ከኣ ኣሜሪካ ኢያ። ብሪጣንያን ሰራዊታን፡ ንጣልያን ኣብ ምስዓር ዝዓበየ ተራ ዝተጻወተት ትንበር፡ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእታ ዘእተወት'ውን ንሳ ትኹን ተራኣ ንድልየት ኣሜሪካ ዘገልግል ኢዩ ኔሩ።

መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ፡ ነቲ መግዛእቲ ኢጣልያ
ዝሃነጸ ቁጠባ ካብ ምምዕባሉ ኣብ ምዕናው ዝተጸወተቶ ተራ
ስለዝዓበ፡ ኣብተን ዓሰርተ ዓመታት፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ፡
ቁጠባዊ ቅልውላው ኣብ ኩሉ ሜዳታት ከምዝርአ ኮይኑ ኢዩ።
ኣብ ምምሕዳር፡ መግዛእቲ ብሪጣንያ፡ ነቲ ዝጸንሐ ናይ
ኢጣልያ መግዛእታዊ ምምሕዳር ስለዝዓቀቦ ዝመጸ ለውጢ
ኣይነበረን። መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ዘምጽኣቶም
ክልተ ለውጢታት ክጥቀሱ ይኽእሉ። እቲ ቀዳማይ፡ ኣብ
ናይ ትምህርቲ ሜዳ ኮይኑ ከምቲ ኣብ እዋን መግዛእቲ
ኢጣልያ ዝነበረ ቅዩድ፡ ኣርባዕተ ክፍሊ ዘይሰግር ትምህርቲ
ዘይኮነ፡ ኤርትራውያን፡ ናጻ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረኽቡ
ምኽኣሎም፡ ኣብ ባህላዊ ደረጃ ናይቲ ሕብረተሰብ ሓድሽ
ምዕባለ ነይሩ። እቲ ካልኣይ ፖለቲካዊ መሰላትን ምንቅስቓሳ
ትን ዘፍቅድ ሕግታት ምትእትታው ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ
ፖለቲካዊ ሰልፊታትን፡ ነቓባትን ኪምስረታ ምኽኣለን፡ ምስቲ
ሽዑ ዝተላዕለ ናይ ርእሰ ውሳኔ ሕቶ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሂወት
ኤርትራውያን፡ ሓድሽ እስትንፋስ ሂቡ። እቲ ዝመጸ፡ ከም
ኣወንታዊ ምዕባለ ኪጥቀስ ዝከኣል ፖለቲካዊ ሃዋሁው ግን-
ናይ ህዝቢ ኤርትራ ድሑር ማሕበራዊ ኣቀውማታትን፡ ትሑት
ፖለቲካዊ ንቕሓት ናይ ፖለቲካ ውድባቱን ገዲፍካ-መግዛእቲ
እንግሊዝ፡ እስትራተጂታት ኣሜሪካ ንምግልጋል፡ ኣብ ትሕቲ
ጉልባብ ፖለቲካዊ መሰላት ንኤርትራውያን፡ ብሃይማኖትን፡
ብቐቢላን፡ ብሕነን፡ ኣብ ንሓድሕዶም ከምዝመቓቐሉን
ከምዝቃተሉን፡ ንምግባር ኮነ። ዘይኤርትራውያን ኣብ መሬት
ኤርትራ ክሽፍቱ፡ ቀንዲ መሳወሪ ውጥን ምንባሩ እውን
ዘይርሳዕ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ'ተን ዓሰርተ ናይ ደብልቕልቕ
ዓመታት ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ 60 ዓመታት ዝኣክል
ጸልማት ናይ መግዛእቲ፡ ዕድሉ ናይ ምውሳን ጉዳይ ከም ናይ
ታሪኽ ብድሆ ቀሪቡሉ።

ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዕድሉ ባዕሉ ወሲኑ'ዶ ፌደራስዮን'ከ
ውጽኢት (ማእከላይ) ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ኔሩ'ዶ ምስ
ናይቲ ኩሉ ግዜ ዝዝረበሉን፡ ተደጋጊሙ ዝጸሓፍን፡ ሆይሆይታ
ናይ ፖለቲካ ምንቅስቓስን፡ ናይ ሰልፊታት ኣብ ሃይማኖታት



ምግምማዕን፡ ጸኬባታት ሕቡራት-ሃገራትን ምምጻእ ልኡኻት
ሕቡራት-ሃገራት ንኤርትራን፡ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ መሰል
ርእሰ-ውሳኔኡ ምርጫ ንምውሳድ ዝኾነ ዕድልን መሰልን
ኣይነበሮን። ኩሉ'ቲ ፖለቲካዊ ግንፈላ ከኣ፡ ተዋስኦ ጥራይ
ኢዩ።

ናይ ህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳኔ ኪሒዳ፡ ንህዝቢ
ኤርትራ፡ ፖለቲካውን ሰብኣውን መሰሉ ከልኪላ ንህዝቢ ኤርትራ
ድሕሪ 70 ዓመታት መግዛእቲ፡ ናብ ካልእ ባርነት ዘእተወት
ኣሜሪካ ኢያ። እዚ ሓቂ'ዚ ብሓርፋፍ ክፍለጥ ዝጸንሐ እኳ
እንተኾነ፡ ኣብዚ መወዳእታ እዋን ዝወጹ ክልኩላት (ምስጢር)
ሰነዳት ኣጸቢቖም ከምዘረጋግጽዎ፡ ኣሜሪካ ብቐጥታ ኣብ 2ይ
ኲናት ዓለም፡ ኣብ መጀመሪያ ኣርብዓታት፡ ህዝቢ ኤርትራ
ናጽነቱ ንኸይረክብ ድሮ ወሲናቶ ኢያ ኔራ። ብዘይ ምኽንያት
ኣይነበረን። ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ኣሜሪካ ናይ
ዓለም እስትራተጂያዊ ዕብለላኣ ንምርግጋጽ፡ ንቐይሕ ባሕሪ
ከም እስትራተጂያዊ መተሓላለፊ ንምቁጽጻር፡ ናይ ነዳዲን
ካልእን ሃብቲ ከባቢ ማ/ምብራቕ ንምምዝማዝ፡ ኣብ ህንዳዊ
ውቅያኖስን ርሑቕ ምብራቕን ምስ ዝነበረ መደበራት ብቐሊል
ዘራኽብ ቦታ ንምቁጽጻርን ተደልዩ ኢዩ ኔሩ። ድሕሪ ካልኣይ
ኲናት ዓለም፡ ብውሑዳት ዓመታት ከኣ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ናይ
ባሕርን፡ ኣየርን መራኸብን መደበራት ክትሃንጽን ክትተክልን
ጀሚራ። ኣብዚ ረብሓታት'ዚ ዝተመርኮሰ ፖለቲካዊ ውሳኔኣ
ከኣ፡ ቅድም፡ ነቲ እስትራተጂያዊ እትብሎ ናይ ባሕሪ
ገማግምን ከበሳታትን ዓቂባ፡ ነቲ ከምዘይ እስትራተጂያዊ
ዝረኣየቶ ምዕራባዊ ቆላ፡ ምስታ ግዝኣት እንግሊዝ ዝነበረት
ሱዳን ምጽንባሩ ኮይኑ፡ ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ከምዘኸትል
ፍሉጥ ስለዝነበረ፡ ብሪጣንያ እውን ነቲ ሓሳብ ስለ ዘይደፍኣ
ትሉ፡ ንኤርትራ ከም ግዝኣታ፡ ኣብ ሕድሪ ዓርካ ሃይለስላሴ
ምልጋብ ነይሩ። እቲ ጉዳይ ከምዚ ኢሉ ካብ ፊለማ ተወዲኡ
እንከሎ ከኣ፡ ድሕሪ ናይ ዓሰርተ ዓመት ኮለል፡ ነቲ ውሳኔ፡
ብኣህጉራዊ ደረጃ ሕጋውነት ንምልባስ፡ ናይ ሕ.ሃ. ናይ
ፌደራስዮን ውሳኔ ሓሊፉ። እቲ ውሳኔ ነቲ ሃንቀውታ ህዝቢ
ኤርትራ ዘየርውን ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ዘይውክልን፡ ምዃኑ

ከኣ፡ ጠንቂ ንተቓውሞን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ርእሰ-ውሳኔን ኮይኑ።

ካብ 41 ዓ.ም ክሳብ 52 ዓ.ም ሃገራውነት ህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ ማዕቢሉ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝኾነ ይኹን ናይ ኤርትራውያን ውዱብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ብዘይምንባሩ፡ ውጽኢት 2ይ ኵናት ዓለም ንመግዛእቲ ኢጣልያ ሃንደበት ምንባሩ፡ ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ምንቅስቓስ ንርእሰ-ውሳኔ ሓደ ኢሉ ክጅመር ስለዝነበሮ፡ ምስ ናይቲ እናተረረ ዝመጸ ሃገራዊነት፡ ገና ኣሰር ናይቲ ዝኣረገ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣቃውማ ጽልዋታት ኣብቲ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ስምብራት ስለዝነበሮ፡ ናይ ኢትዮጵያ ሸፋቱን፡ ናይ ብሪጣንያ ውዲትን ተደማሚሮም ናይ ኤርትራውያን ሓደ ናይ ናጽነት ውድብ ኣብ ምህናጽ (10 ዓመታት ሓጺር ስለዝነበረ) ኣይተዓ ወቱ"ምበር፡ ኣብ ውሽጢ እተን 10 ዓመታት፡ ሃገራውነት ኤርትራውያን ተሪሩ ወጺኡ ኢዩ።

## ምብርባር እምበራጦርያዊ ሕልሚ ኣብቲ ግዜ"ቲ (41-52)

ምንሊክ፡ ምስ ዮውሃንስ ዝነበሮ ውድድር ብመውስቦ ኣህዲእዎ'ኳ እንተነበረ፡ ድሕሪ ዮውሃንስ፡ "ንጉሰ ነገስት" ንምዃን ብዝነበሮ ሕልሚ ምስ ኢጣልያውያን ክሻረኽ ጀሚሩ ከምዝነበረ ዝዝከር ኢዩ። ድሕሪ ሞት ዮውሃንስ ምኒሊክ ምስ ነገሰ'ውን፡ ናይ እምበራጦርያኡ ግዝኣት ንምስፋሕ ምስ ኢጣልያ ውዕል ውጫሌ ከምዝፈረመ ዝዝከር ኢዩ። ውግእ ዓድዋ'ውን ናይ'ቲ ኢጣልያ ዝሃበቶ ትርጉም ዘይምቕባል ውጽኢት ከምዝነበረ ይፍለጥ። ኣቐዲሙ በሪሁ ከምዘሎ ከኣ፡ ምንሊክ ንምብራቕን ደቡብን ምዕራብን ይወርር ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝኾነ ናይ ይብጽሓኒ (Claim) ጉዳይ ኣይተላዕለን።

ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ኣብ 2ይ ኵናት ዓለም፡ ሃይለስላሴ ብሓገዝ ናይ ኪዳን ሓይልታት ከም ዓርኪ ብሪጣንያን



ኣሜሪካን ኣብ ዙፋን ምስ ተመልሰ፡ ናይ ኢምበራጦርያ ሕልሚ ደጊሱ። ሃይለስላሴ፡ ኤርትራን ሶማልን ኪወሃብኦ ተማጒቱ፡ እቲ መበገሲ ፍሉጥ ናይ ግዝኣት ምስፍሕፋሕን ናይ ባሕሪ መስኮት ምርካብ ድልየትን'ኳ እንተነበረ፡ ብኸምኡ ዕዉር ምጉት ምርታዕ ስለዘይከኣል፡ ናይ ፈጠራ ጭብጥታት ምቕራብ ናይ ግድን ነይሩ። ንሱ ከኣ፡ (ናይ ሶማል ይብጽሓኒ'ኳ ንመዋገዪ ዝቐረበ ሽጣራ እንተነበረ) ኤርትራ፡ ካብ ኣሽሓት ዓመታት ኣትሒዛ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ከምዝነበረትን፡ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ሶማልን ምስ ህዝቢታት "ኢትዮጵያ" ሓደ ህዝቢ ከምዝነበረን ንምርግጋጽ ነይሩ።

እዚ ጥራይ ግን ኣኻሊ ስለዘይነበረ፡ ኣብቲ ናይ ድብልቕልቕ ዓሰርተ ዓመታት (41-52) ነዚ ይብጽሓኒ'ዩ (Claim) ዘረጋግጽ ገዲፉ ኤርትራውያን ናይ ምርካብ ምንቅስቓስ ሓደ ምርጫ ነይሩ። ነዚ ከኣ፡ ቤተ-ክህነትን ጽልዋኡን ከም መሳርሒ ብምግባር ደገፍ ምጉስጓስ፡ ብጉቦ እናስዓዕካ ሕልና ዓበይቲ ዓዲ ዝበሃሉ ምግዛእ፡ ሸፋቱ እናስረብካን እናዓሰብካን ከኣ ንደለይቲ ናጽነት ምስምባድ (ምፍርራሕ፡) ከም ቀንዲ ስልትታት ክዝውተሩ ጀሚሮም። ነዚ ንምብርታዕ ከኣ ብሪጣንያ ኩሉ ዝከኣላ ምትሕብባር ገበረት። እቲ ካልኣይ ስልቲ ከም ምርጫ ከኣ፡ ዓርኪ ኣሜሪካ ምዃንካ ምርግጋጽን፡ እስትራተጂያዊ ድልየት ኣሜሪካ ንምምላእ ቃል ምእታውን ነይሩ። እቲ ቀዳማይ ምርጫ ምስ ምዕባለ ንቕሓትን ተቓውሞን ህዝቢ ኤርትራ ወሳኒ ኣይነበረን። እቲ ካልኣይ ስልቲ'ውን ንናይ ኣሜሪካ መርገጺ መበገሲ ኣይነበረን። ኣሜሪካ ባዕላ፡ ኤርትራ፡ ንእስትራተጂያዊ ረብሓታታ ምስ እሙን ዓርኪ ንምልጋባ ኣንቂላ ስለዝነበረት፡ ደጋጊሙ ከምዝተገልጸ ድልየት ኣሜሪካ፡ ኣብ ምዃን (realization) ናይ ኢትዮጵያ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሚ ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ። ኣብ ርእሲ'ቲ ሃይለስላሴ ዘቕረቦ መሰረት ዘይብሉ ምጉት፡ ብሪጣንያን ኣሜሪካን ብዘንበድበድኦ፡ ኤርትራ ቁጠባዊ ብቕዓት ከምዘይብላን፡ "ኢትዮጵያ" ናይ ባሕሪ መስኮት ከምዘድልያን ዘቕንዐ ክትዕ ፈደራስዮን ብዘይድልየት ህዝቢ ኤርትራ ተበይኑ። ናይ "ኢትዮጵያ" ገዛእቲ ናይ እምበራጦርያ ስሰዐ ከኣ ንግዚኡ ዓጊቡ። እቲ ዝተረፈ ከኣ፡

ንዝቐረበልካ መኣዲ ምብላዕ ጥራይ ነይሩ።

## ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ-ውሳኔ

ታሪኻውን ሕጋውን መሰረት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ ውሳኔ እምበኣር፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ገጻት፡ ብሓጺሩ ከምዝተገልጸ ኢዩ። እቲ 10 ዓመታት ናይ ድብልቕልቕ እዋን (41-52) ህዝቢ ኤርትራ ፍትሒ ንምርካብ፡ ንበይኑ፡ ተቓሊሱ'ኳ እንተኾነ፡ ብግፍዒ ናይ ሓያላት መሰሉ ስለዝተኻሕደ ቃልሱ ብዘይፍረ ሓደ መድረኽ ተደምዲሙ። ምእንቲ ፍትሓዊ ናይ ርእሰ-ውሳነ መሰሉ ቃልሲ ግን ኣይሞተን።

እቲ ድሕሪ “52 ዝቐጸለ ካልኣይ መድረኽ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብውጽኢት ናይቲ ዝቐደሞ መድረኽ ዝተጸልወ ኢዩ ነይሩ። ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ነቲ ብደገፍ ኣሜሪካ ዚሓፈሶ ዘይተማልአ መኽሰብ ንምዝዛም፡ ነቲ ፌደራሲዮን፡ ቀስ-ብቐስ ንምፍራስ፡ ሰራዊቱ ኣብ ኤርትራ ከስፍር፡ መባእታውያን መሰላት ናይ ምእካብን ምንቅስቓስን ጽሑፍን ክኽልክል፡ ናይ ፌደራስዮን ወግዓውያን ቋንቋታት ኣወጊዱ ቋንቋ መግዛእቱ ክንግስ፡ ነቲ ፌደራስዮናዊ ኤርትራዊ ፓርላማ፡ ብዕሱባቱ ክሰግድ፡ ስልጣናት ዋና ኣመሓዳሪ ክሽርመም፡ ፍርዲ ኣብ ኢዱ ከእቱ፡ ባጀት መንግስቲ ፌደራስዮን ክዘምት፡ ቁጠባዊ ትካላት ከዕኑ ባንዴራ ፌደራስዮን ከውርድ፡ ድሕር ኣይበለን። ብኣንጻር'ዚ ኩሉ በደል፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብቲ ንፌደራስዮን ዘጽደቖን፡ ብሕጊ ተሓታቲ ዝኾነን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ደኹን፡ ንኣሜሪካን ካልኦት ኣባል ሃገራትን፡ ብተደጋጋሚ ኣቤቱታ/ጥርዓን ካብ ምሕላፍ ዓዲ ኣይወዓላን። ብውሽጢ ከኣ፡ ብሰራሕተኛታትን፡ ተመሃሮን ዝምራሕ፡ ሃገራዊ ሰላማዊ ተቓውሞታቱ ከይተሓለለ ቀጸለ። ስርዓት ሃይለስላሴ ንሃገራዊ ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕባለ፡ ናይ ጭፍለቓ ስጉምትታቱ እናኸረረ፡ ብማእሰርትን፡ ምስቓይን፡ መቕተልትን ህድናን ቀጻሊ ግፍዒታት ፈጸመ። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጥርዓናት ኣብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብዓብላሊ ጸቕጢ ናይ ኣሜሪካ ፍረ ኣይረኸበን። ናይ ውሽጢ ሰላማዊ ተቓውሞታት፡ እናሓየለን



እናስፍሐን ደኺድ እምበር፡ ንናይ ሃይለስላሴ ስርዓት ግፍዕታት ዓጋቲ ኣይኮነን። ነቲ ልዕሊ ሓደ ዘመን ተጨባጢ ዘይኮነ እምብራጦርያዊ ሕልሚ ነገስታት ኢትዮጵያ፡ ናይ መወዳእታ ልብሲ ንምሃቡ ከኣ፡ ሃይለስላሴ ነቲ ናይ ምልሓቕ መግዛእታዊ ስጉምቲ ንዓለም ኣወ እቲ ብዘይክኡ ካልእ ዝኾነ መጋባእያ ተሓታቲ ዘይኮነሉ፡ ሕ.ሃ. ከኣ፡ 2ይ መድርኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰላማዊ መገዱ ኣኽቲሙ። ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ምሉእ መግዛእቲ ናይቲ ብኣሜሪካ ዝድገፍ ንግስነት ሃይለስላሴ ኣተወት። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ድልየት ፍትሒ ግን፡ ዝያዳ ክብ ኢሉ።

ኣብ ቅድሚ ከምዚ ዝኣመሰለ፡ ዘይፍትሕን፡ ክሕደት መባእታዊ መሰል ርእሰ ውሳኔ፡ ዓለማዊ ውዲትን፡ ጭፍለቓን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ዓሰርተ ዓመታት (41-52) ዲሞክራሲያዊን ሰላማዊን ቃልሲታት ኣካይዱ ስለዝተበደለ፡ ኣብቲ ካልኣይ መድረኽ ዓሰርተ ዓመታት (52-62) እውን፡ ምእንቲ ፍትሓውን ሕጋውን መሰላቱ ንርእሰ ውሳኔን፡ ኣንጻር ብስም ውሳኔ ሕቡራት ሃገራት (imposed) ዝኾነ ፌደራስዮን ዝተወስደ ናይ መግሃሲ ስጉምትታት ዘካየዶ፡ ሕጋውን ሰላማውን ቃልሲታት፡ ዝያዳ በደልን ናይ ሓይሊ ጭፍለቓን ስለዘጋጠሞ፡ ምእንቲ መሰሉን ርእሰ ውሳኔን፡ ምእንቲ ፍትሕን፡ ምእንቲ ሰብኣዊ ክብሩን፡ ሓይሊ ክጥቀም እንተዘይኮይኑ ካልእ ኣማራጺ ዕድል ኣይተገደፈሉን። እዚ ስለዝኾነ ኸኣ፡ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ናይ ካልኣይ መድረኽ ሃገራዊ ቃልሲ ፍኑው ዝኾነ ስምዒታት ናይ ሓይሊ ተቓውሞ እንዳረሰነ ክኸይድ ጸኒሑ፡ 1962 መስከረም፡ ዓመት ቅድሚ መግዛእታዊ ኢልሓቕ፡ ብረታዊ ቃልሲ ጀመረ።

ብ1961 ብረታዊ ቃልሲ ምጅማሩ፡ ድሕሪኡ ዝሰዓበ ውሽጣዊ ኣሉታዊ ምዕባሌታት ሰውራ ኤርትራ ብዘየገድስ (ኣብ ካልእ ኣርእስቲ ሲዒቡ ከም ዝበርሀ) ድሕሪ ዕስራ ዓ መታት፡ ፖለቲካውን ሰላማውን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ ውሳኔ ዝመጸ፡ ሃንቀውታ ኤርትራውያን ዝውክል፡ ሓሳብን መቐጸልታን ኢዩ ኔሩ። ንመግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ

ዘጋፍሩ ኣሜሪካን ከኣ ኣስጋኢን ኣሰንባዲን (embarrassing) ኮይኑ። ግዝእቲ ሃይለስላሴ ብኣጽዋርን ወተሃደራዊ ምኽሪን ኣሜሪካ እናተሓገዘ ንጭኮና ተግባራቱ ክብ ኣቢሉ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምቕታል፡ “ህዝቢ ኤርትራ ኣጽኒትካ መሬት ናይ ምሓዝ” ፖሊሲ ኣምጺኡ ባርባራዊ፡ ጃምላዊ ማሕረድን ምንዳድን፡ ምዝማትን ሰላማውያን ኤርትራውያን ጀሚሩ፡ ግፍዒታቱ እናዛየደ ከይዱ። ከም ሳዕቤን፡ ዓሰርተታ ኣሽሓት ኤርትራውያን ንሱዳን ተሰዲዶም ዓሰርተታት ኣሽሓት ዓዶምን መሬቶምን ገዲፎም (disposed ኮይኖም) ኣደዳ ጥሜትን ሕሰምን ኮይኖም። ባርባራዊ ግፍዕታቱ ኣድማዒ ንምግባርን፡ ኤርትራውያን ብኤርትራውያን ንምቕታልን ከኣ፡ ብኣጽዋርን ኣማኸርትን እስራኤል እናተሓገዘ ፍሉይ ናይ “ኮማንድስ” ሓይሊ መስሪቱ ናይ ምቅታልን ምንዳድን ስርሒቱን ከም ዝሰፍሕን ከምዝጽዕቕን ገበረ። ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ እናዓበየ ይኸይድ'ኳ እንተነበረ፡ በቲ ዝነበሮ ውሽጣዊ ድኻማት ከምቲ ዝድለ ኣድማዒን ተራ ኣይተጻወተን። ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ኣሰራርሓ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ.'ውን ብተመሳሳሊ ድኻማት'ኳ እንተነበሮ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንፍትሕን ደገፍን፡ ናብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት መጋባኢያታት ሃገራትን፡ ኣቤት ካብ ምባል ዓዲ ኣይወዓለን። ናይ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ፖሊሲ፡ ኣቐዲሙ ከምዝተጠቕሰ፡ ብውሽጢ ንብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ምድምሳስ፡ ኣብ ወጻኢ ድማ፡ ደሃይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንኸይስማዕ ኩሉ መሳኹቲ ምልኩኹ ኢዩ ኔሩ። ብውሽጢ ባርባራዊ ተግባራቱ ሰፍ ዘይብል ክሳራታት ናይ ሰላማዊ ህዝብን ንብረቱን የኸትል እምበር፡ ንጽንዓትን ድልየትን ህዝቢ ኣየዳኸመን። ብኣንጻሩ፡ ሃገራውነት ኤርትራውያን እናተረረን እናሓየለን ከይዱ፡ ሰራዊት ሓርነት እውን ኣይተደምሰሰን። ኣብ ወጻኢ፡ ብዲፕሎማሲያዊ ደገፍ ናይ ኣሜሪካ፡ ናይ ኩሉ ኣህጉራዊ መጋባኢያታት መዓጹ ይሽጎር እምበር፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጻውዒትን ጻዕሪን ንፍትሒ ኣላሽ ኣይበሉን።

ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ምዕባሌታት፡ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ጭቆናኡን ግፍዕታቱን ኣብ ኤርትራ ከይተወሰነ፡



ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝፍጽሞ ምዝመዛን ሰብኣዊ በደልን'ውን ማዕረኡ ይኸይድ ነይሩ ኢዩ። ናይ ሓደ ብሄር፡ ዝበዝሕ ህዝብን ዝበዝሕ ብሄራት ኢትዮጵያን፡ ክሳብ መባእታዊ ሰብኣዊ መሰላቱ ተሓዲጉ ናብ ካልኣይ ደርቢ ዜጋ ወሪዱ። ናይ ገጠር መሬትን እትዋትን፡ ምህርቲ ነፍጠኛታትን፡ ኣገልገልቲ (loyalists) ንጉሳዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ኮይኑ። ማዕድናውን ካልእ ባህርያዊ ሃብትን ኢትዮጵያ ንብረት ሃይለስላሴን ስድራኡን ኣገልገልቱን ኮይኑ። ፋብሪካታትን፡ ንግድን፡ መንቀሳቐስን (መመላለስን) ከምኡ። ናይ ህዝቢታት “ኢትዮጵያ” ባህልን ታሪኽን ናይ ሓደ ሰብ፡ ናይ ሃይለስላሴ ታሪኽ ኮይኑ። ኣብ ርእሲ እዚ ኩሉ፡ ባህርያዊ ጠንቅታት፡ ኣውራ ድማ ደርቂ ናይ ህዝብታት “ኢትዮጵያ” ሕሰም ኣብኢሱዎ። ኣኽላባት ሃይለስላሴ ጸጊበን ሰብ ዘይረኸቦ ሕክምናዊ ኣገልግሎት እናተገብረለን፡ ኣማኢታት ኣሽሓት ካብ ህዝቢታት “ኢትዮጵያ” ብሕማምን ጥምየትን ረጊፎም። ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ዘይፍትሓዊ መግዛእታዊ ኩናት ናይ ኣሽሓት ወተሃደራት ሂወት ወሲዱ፡ ኣብ ሰራዊት ሃይለስላሴ ዘርዕድ ስምብራት ብምግዳፍ ወተሃደራት ተተንኪፎም። ኩሉ'ዚ ተደማሚሩ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ዘይዕገት ፍኑው ህዝባዊ ማዕበል ስለዝፈጠረ ከኣ መግዛእታውን ኦቶክራሲያውን ረብሓታቱ ንምዕቃብን ንምዕባይን ዝሰርሐ መንግስቲ ኣሜሪካ ከኣ፡ ከሲሩ ወጺኡ፡ ሕልሚ ምምስራት እምበራጦርያ ከኣ ፈሺሉ። ሰውራ ኤርትራ፡ ምስ ናይ ውሽጣዊ ድኻማቱ፡ (ብተዛማዲ) ኣብቲ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ዝወደቐሉ ሓይሉ ወጺኡ። በዚ ከኣ፡ 3ይ መድረኽ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ-ውሳኔ ኣኺቲሙ።

እምበራጦርያዊ ጥሙሕ'ከ ኣኺቲሙ'ዶ፡ መግዛእታውን ኦቶክራሲያውን ስርዓት ሃይለስላሴ ብፍኑው ህዝባዊ ማዕበል ህዝቢታት “ኢትዮጵያ” ብተሪር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ከምዝወደቐ ተጠቒሱ ኣሎ። እቲ ስርዓት ኣብ ዝወደቐሉ፡ መሰረታዊ ፍታሕ ዘድልዮም ሕቶታት ቀሪቦም። እቲ ቀዳማይን መሰረታውን ብድሆ፡ ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝኸደ፡ ፍትሓዊ ሃገራዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ-ውሳኔ ነይሩ። ህዝብታት

ኢትዮጵያ ከምኡ ምእንቲ ናይ ብሄራት መሰል ርእሰ-ውሳኔ፡ ኣንጻር ብሄራዊ ጭኮና ምእንቲ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ደሞክራሲያዊ ህዝባዊ ስልጣን ኣንጻር “ነፍጠኛዊ” ን ባዕዳዊን ምዝመዛን፡ መሰረታውያን ጠለባት ኣልዒሎም። ኦቶክራሲያዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣብ “ኢትዮጵያ” ይትረፍ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ተቓውሞን ክፍቅድ፡ ብባህሪኡ መባእታዊ መሰል ሰብ ዘይሕሉ ስለዝነበረ፡ ኣብ ዘመኑ፡ ውዱብ ተቓውሞ ሰልፊታት ተፈጢሩ ኣይማዕበለን። እዚ ስለዝኾነ ከኣ፡ እቲ ስርዓት ምስ ወደቐ፡ ፖለቲካዊ ጓንጓ ስልጣን ተፈጢሩ። እቲ ሰራዊት ኣውራ እቲ ታሕታይ ቀጸላታቱ በቲ ዝነበረ ሕሰም ዝተተንከፈን፡ ብባህሩ ዝሓሸ (ናይ ዲሲፕሊን) ኣወዳድባ ስለዝነበሮን ከኣ፡ ቀስ ብቐስ ነቲ ጓንጓ ክመልእን ስልጣን ክጣጦሕን ጀሚሩ። ናይቲ ኣብ ስልጣን ዝመጸ ደርግ፡ ናይ መጀመሪያ ስልቲ፡ ክሳብ ስልጣን ዘደልድል፡ ነቲ ማዕበል ክዓግት ስለዘይክእል፡ ኣብቲ ማዕበል ተዋጢሑ፡ ነቲ ማዕበል እናዳኸመ፡ መኣዝን ናይቲ ማዕበል ንምቕያር ነይሩ። ኣብ ፈለማ፡ ንህዝባዊ ድምጺ እናቃልሐ፡ ናይ “መሬት ንሓረሲኡ”፡ “ምህጋር ርእሰ-ማል”፡ “መሰል ብሄራት”፡ ዲሞክራሲ” ኣ ዋጃት ክፍኑ ጀሚሩ። ቅድሚኡ ስርዓት ሃይለስላሴ ዘኪሩዎ ዘይፈልጥ ጉዳይ፡ ጉዳይ ኤርትራ ዘኪሩ ከኣ፡ ሰላማዊ ፍታሕ ከምዝደሊ ኣዊጁ። በዚ ድሩቕ ጭርሖታትን ኣዋጃትን ከኣ፡ ግዜ መዕደግን ተቓውሞታት ንምህዳእን ንምድኻምን ዕድል ረኺቡ። ኣብ ኤርትራ ናይ “ሰላም” መናውራ እናተጠቐመ፡ ወተሃደራዊ ወራራቱ ቀስ ብቐስ እናዕበየ መጺኡ። ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምቕታል፡ ኣብ ውሽጢ 12 ዓመታት መዘና ዘይብሎም ናይ ህልቂትን ዕንወትን ተግባራት ከካይድ ጸኒሑ። ኣብ “ኢትዮጵያ” ከኣ፡ ቀስ ብቐስ፡ በቲ ሓደ ኢድ ናይ ውሽጢ ደርግ መቓጽጽቲ እናቐንጸለ፡ በቲ ሓደ ኢድ ከኣ potential ተጻረርቲ ኣብ ኪዳን እናእተወን እናቀንጸለን፡ ምልካዊ ስልጣን ኣብ ምድልዳል ክኀዓዝ ጸኒሑ ኣሎ።

ኣብ ዘመነ ደርግን ስልጣኑን ናይ ምድልዳል መስርሕን ኪጥቀስ ዝግበኦ ሓደ ኣገዳሲ ናይ ወጻኢ ረቛሒ ኣሎ። መግዛእታውን ኦቶክራሲያውን ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ህዝቢ



ኤርትራ ኣብ ምጭኳንን ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ ምርጋጽን፡ ቀንዲ ቀዳማይን ተሓባባሪኡ ዝነበረት ኣሜሪካ ኢያ። ምስ ምውዳቕ ሃይለስላሴ፡ ኣሜሪካ ስለዝተሰጎት ከኣ፡ ንቦታ ኣሜሪካ ዝመልእ ካልእ ሓያል ተደላዩ ስለዝነበረ፡ ሕብረትሶቬት ከም መወዳድርቲ ኣሜሪካ፡ ግሎባዊ እስትራተጂያዊ ረብሓታት ንምድፋእ ምቹእ ዕድል ስለዝረኸበት፡ ኣብ ጎኒ ስርዓት ደርግ፡ መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ክሒዱ፡ ንህዝቢ ኤርትራን ሰውርኡን ንምጥፋእ ወተሃደራዊ ምርጫ ወሲዱ። ገዚፍቲ ወራራት ከካይድ ደኺን፡ ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ መባእታውያን ደሞክራሲያዊ መሰላትን ናይ ብሄራት መሰልን ንዒቑ ጭቆንኡን መጥቃዕቱን ከኸርር፡ ቀንዲ መተባብዒትን ተሓባባሪትን ከኣ ሕብረት ሶቭየት ኮይና ጸኒሓ ኣላ።

ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ፡ ነቲ ካብ ስርዓት ሃይለስላሴ ዝወረሶ ናይ እምበራጦርያ ምህናጽ ጥሙሕ ተጨባጢ ንምግባር ከኣ ኢዩ፡ ብሕብረት ሶቭየት እናተደገፈ፡ ንመግዛእታዊ ኦቶክራሲያዊ ስርዓት፡ ብመግዛእታዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተኪኡ ስልጣኑ ንምድልዳል ከንቱ ወተሃደራዊ ዕንደራ ከካይድ ዝጸንሐን ዘሎን። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ፍትሓዊ ቃልሲ ምእንቲ ርእሰ-ውሳኔ፡ ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝሓለፋ 12 ዓመታት፡ ብኹሉ መዳያት በቲ ሓደ ወገን፡ ናይ “ኢትዮጵያ” ናይ ብሄራት ምንቅስቓስ፡ በቲ ሓፈሻዊ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓሳትን ተቓውሞን'ውን በቲ ካልእ እናሓየለ ክመጽእ ምጽንሑ ርኡይ ኢዩ። ሎሚ ድሕሪ 45 ዓመታት፡ እምበራጦርያዊ ጥሙሕ ነገስታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ናበይ ገጹ ኢዩ፣ እቲ ዝረኣናዮ ናይ ፍርቂ ዘመን ጉዕዞ ታሪኽ ባዕሉ ኣማቲ ኢዩ።

# ካልኣይ ክፋል
# ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ምዕባለ
# ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ-ውሳኔ

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን፡ ብመሰረቱ ኣንጻር ብሓያላን ዝተደገፈ፡ ብሉይ ናይ "ኢትዮጵያ" እምበራጦርያ ምፍጣር ጥሙሕ ምኳኑ ብሩህ ኢዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ 45 ዓመታት በብመድረኹ ዝተራእዩ ምዕባሌታት እውን ብሓጺርን ሓፈሻዊን ተራእዮም። ኣብቲ መስርሕ ወሳኒ ተራ ዝተጻወተን ዝጻወትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ድልየት ንፍትሒን ሰላምን ዘበገሶ ናይ ጽንዓት ቃልሲ ብምኳኑ፡ ኣካያይዳ ይኹን ኣመዓባብላ ናይቲ ቃልሲ ነቲ ሃንቀውታ ዘገልግል ምእንቲ ክኸውን ድማ፡ ሰውራ ኤርትራ ዝምርሓሉም ናይ ፖሊሲ ሕንጻጻት ቅኑዓት ክኾኑ የድሊ። ቅኑዓት ናይ ፖሊሲ ሕንጻጻት ምህላዎም፡ ካብ ፍልጠትን ንቕሓትን፡ ተመክሮኣዊ ትምህርትን ዝተበገሱ ክኾኑ ኣገዳሲ'ዩ። ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ተመክሮ ኣብ እንግምግመሉ ከኣ፡ እቲ ተመክሮ ተነጺሉ ኣይርኣይን ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስቲ ሕሉፍ ተመክሮ ተረኣእዩ ክምዘን'ውን ስለዘለዎ፡ genesis ናይቲ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ኣብ ምህናጽ ዝተኻየደ ፖለቲካዊ ቃልሲ ሓሓሊፍካ በብመድረኹ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

## ቀዳማይ መድረኽ (41-52)

መግዛእቲ ኢጣልያ ን60 ዓመታት ኣብ ኤርትራ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላዊ፡ ኣቀዋውማታትን ደረጃታትን ኣብ ምቕያር፡ ብኡ ድማ፡ ሓደ ሃገር ኣብ ምህናጽ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ይኹን እምበር፡ ብመሰረቱ፡ ነቲ ዝጸንሐ ድሑር መጓሰን ሕርሻን ለዊጡ ፍጹም ዘመናዊ ሕርሻን መጓሰን ኣምጺኡ፡ ንኤርትራ ናብ ምዕብልቲ ኢንዱስትሪያዊት ሃገር ኣይለወጠን። ኣብቲ እዋን'ቲ ይኹን፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ከምኡ ዓይነት ነገር ኣብ ታሪኽ ኣይተፈጸመን። ዋላ ኣብተን ሎሚ ምዕቡላት



ዝበሃላ ሃገራት። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ፡ ንማሕበራዊ ኣቀዋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብሙሉኡ ናብ ሸቃሎን፡ ናይ ኣገልግሎት ሰራሕተኛታትን፡ ምዕቡላት ሓረስቶትን ኣይቀየሮን። እቲ ዝነበረ ጽልዋ'ውን ንኹሉ ክፍልታት ናይ ኤርትራ ሕብረተሰብ ብማዕረ ስለዘይተንከፎ፡ ክብን ለጠቕን ናይ ለውጢ ነይሩዎ'ዩ። እዚ ስለዝኾነ፡ ማሕበራውን፡ እንዳዊ፡ ቀቢላዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ሃይማኖታዊ ምትእስሳራትን ኣቀዋውማታትን ናይቲ ሕብረተሰብ ኣይተቐየረን። እቲ ኩነታት ከምዚ እንከሎ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ናይ ትምህርቲ ዕድል ይህብ ስለዘይነበረ፡ ናይ ፖለቲካ መሰላት'ውን ብባህሩ ስለዘየፍቅድ፡ ነቲ መጻኢ ፖለቲካዊ ቃልሲ ክመርሕ ዝኽእል፡ ምሁርን ፖለቲካዊ ንቑሓት ዝነበሮ ምኩር ቀጸላን ኣይተፈጥረን ነይሩ። ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ፡ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ምጅማሩ ከኣ፡ ቃልሲ ሓደ ኢልካ ምጅማር ስለዝነበረ፡ ካብ መፈለምታ ሓደ ናይ ናጽነት ቀጽሪ ዘይምፍጣሩ ኣየገርምን።

እቲ ናይ መጀመርያ ብስም ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ዝፍለጥ ኣብ 41 ዝተመስረተ፡ መኣዝኑ ዘየፍለጠ ምትእኽኻብ (ዳሕራይ ናብ "ኣንድነት" ክሳብ ዝቕየር) ገና ዕሸል ስለዝነበረ፡ ብዕቱብ ዝውሰድ ምንቅስቓስ ኣይነበረን። እቲ ምንቅስቓስ፡ ብሃሱሳ ት ሃይለስላሴ ተሰሪዑ፡ ብዙሓት ካብቶም ደቂ ከበሳ ዝኾኑ መራሕቲ ብሃይማኖታዊ ግምታትን፡ ቅርሕንትን፡ ንውልቃዊ ረብሓታትን ጥሙሓትን፡ ኣንጻር ኣሕዋቶም ኤርትራውያን ክንቀሳቐሱ ጀሚሮም። ነቲ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ቤተ-ክርስትያን ተዋህዶ ምትእስሳር ዝነበሮ ቤተ-ክህነት፡ መሳርሒ እናገበሩ፡ ከንሳጉሱን ክውግዙን ምጅማሮም እቲ ቀዳማይ ኣሉታዊ ተመኩሮ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ ውሳኔ'ዩ ነይሩ። ከም ግብረ-መልሲ፡ ዝበዝሑ ካብ እቶም ሰዓብቲ ምስልምና ዝኾኑ መራሕቲ ድምጾም ተነፊጉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዕብለላ ናይ ከበሳን፡ ብመንገዲ ቤተክርስትናን ዝምራሕ ውዲት ናይ ሰዓብቲ ክርስትና ዝኾኑ መራሕቲ ምስ "ኢትዮጵያ"ን ስለ ዘስግኦም፡ ማሕበር "እስላማዊ ሊግ" ክምስርቱ ተገዲዶም። ተርእዮ ናይዘን ክልተ ሰልፊታት፡ ነቲ ሃገራዊ ቃልሲ ኣብ ሃይማኖታዊ መስመራት ኪገማምዕ ምኽኣሉ፡ ንሕልምታት እምበራጦርያ

"ኢትዮጵያ" ምቹእ ባይታ ፈጢሩ። እቲ ኣሰላልፋ ፍጹም ሃይማኖታዊ ከምዘይነበረ ግን ኪጥቀስ ይግባእ። ብዙሓት ናይቲ ሰዓቢ ክርስትና ዝኾነ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ መራሕቲ ምስ ኣሕዋቶም ናይ እስላማዊ ሊግ መራሕቲ ብዙሓት ድግለላትን ኣምሳሎምን መራሕቲ ናይቲ ሰዓቢ ምስልምና ዝኾነ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ ድማ ምስ "ኣንድነት" ተሓባቢሮም ይሰርሑ ነይሮም እዮም። ብዘይካ'ዚ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ቀቢላታትን እንዳታትን፡ ዝጸንሐ መሬት ዝጠንቁ ምስሕሓባት'ውን ነይሩ። ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ነቲ ብመሰረቱ ባዕሉ ዘበገሶ ውዲት፡ ናብ ፍጹም ረብሓኡ ንምቕያር ምስ ምምሕዳር ብሪጣንያ እናተሓባበረ፡ ሽፋቱ ካብ ኢትዮጵያ እናስገረን፡ ምስ ዕሱባት ኣንድነት እናሓዋወሰን ሸበራ ብምዕባይ፡ ነቲ ኣገልጋሊ ንግስነት "ኢትዮጵያ" ዝነበረ ቤተክህነት፡ ካብ መንፈሳዊ ስራሕ ወጺኡ ዋና መዋፈሪ ፖለቲካዊ ጎስጓስ ኮይኑ ከምዝሰርሕ ብምግባር፡ ነቲ ግርጭት ከዕብዮ ፈተነ። እቲ ፖለቲካዊ ምዕባሌ ግን፡ ንረብሓ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣይነበረን። ኣውራ ድሕሪ መፋርቕ ኣርባዓታት፡ እተን ካብ ማሕበር እስላማዊ ሊግን፡ ኣንድነትን ወጻኢ ዝነበራ ስልፍታት ናብ ሓደ ቀጽሪ፡ ቀጽሪ ናጽነት እናተኣኻኸባ መጺአን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዙሓት ኣባላት "ኣንድነት" ናብ ቀጽሪ ናጽነት፡ ተጸንበሩ። ኣብቲ ልኡኻት ሕቡራት ሃገራት ርእይቶ/ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ንኽፈልጡ ዝመላለሱሉ ዝነበሩ ናይ መወዳእታ ዓመታት ከኣ፡ ክሳብ 70% ንናጽነት፡ ውሑዳት ንማእከላይ ፍታሕ፡ እቶም ዝተረፉ ከኣ፡ ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ ዝመረጹ'ዮም ኔሮም። ኣቐዲሙ በሪሁ ከምዘሎ ግን፡ እቲ ዕድል ቀደም ብኣመሪካ ዝተወሰነ ስለዝነበረ፡ ሓቀኛ ውጺኢት ናይቲ ምርጫ ኣብ ሕቶ ርእሰ-ውሳኔ ትርጉም ኣይነበሮን። ገለ ለባማት መራሕቲ ናይ ቀጽሪ ናጽነት ይእምሙዎ ከምዝነበሩ፡ እቲ ግዜ ንኻልእ 10 ዓመታት ተመጢጡ ነይሩ እንተዝኸውን ውጺኢቱ ካልእ ምነበረ፡ እቲ መን ወሲኑ ዝብል ጉዳይ ጸግዒ ኮይኑ ግን፡ ኣብተን 10 ዓመታት፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ቃልሱን ሓድነቱን ምምሕያሻት ኣርእዩ'ኳ እንተኾነ፡ ብሱልን፡ ጥርኑፍን ሃገራዊ ውድብ፡ ከምዘይፈጠረ ክግምገም ይከኣል።



## ካልኣይ መድረኽ (52-61)

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ከም ትሕዝቶ፡ መቐጸልታ ናይቲ ዝቐደሞ መድረኽ ይንበር እምበር፡ ከም ኣወዳድባ ናቱ ቀጥታዊ መቐጸልታ ኣይነበረን። ሽሕ'ኳ፡ ኣብቲ ናይ ፌደራስዮን ፓርላማ (ፋልማይ) ዝበዝሑ (majority) ናይ ቀጽሪ ናጽነት ሰዓብቲ እንተነበሩ፡ ብመሰረቱ፡ ከም ፖለቲካዊ ውድባት ቀጒምካ ዝካየድ ሰፊሕ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ስለዘይነበረ፡ ፖለቲካዊ ኣወዳድባ ናይተን ሰልፊታት ዕምቆት ኣይወሰደን። እቲ መሰረታዊ ጸገም ግን፡ እዚ ኣይነበረን። ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ናይ እምበራጦርያኡ ዕብየት፡ ብናይ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ፍጹም ምግዛእ እንተዘይኮይኑ ብኻልእ ከም ናይ "ፌደራስዮን" ዝኣመሰለ ከፊላዊ ምቁጽጻር ስለዘይዓገበ፡ ኩሉ ዕላማኡ ነቲ "ፌደራስዮን" ንምብትታን ዝሓለነ'ዩ ነይሩ። ንሱ ስለዝኾነ ከኣ ናጻ ፖለቲካዊ ምትእኽኻባትን፡ ናይ ጽሑፍን ዘረባን መሰልን ምኽልካል ቀስ ብቐስ እናተኣታተወ፡ ክሳብ ነቲ ባይቶ ምህዳድን ምግልባጥን፡ ስልጣናት መራሕ መንግስቲ ምድልዳልን፡ ንፍርዳዊ ትካል ጥሒሱ ሕጊ ኣብ ኢዱ ኣእትዩ፡ ምእሳርን ከትዱ፡ ነቲ ፌደራስዮንን፡ ትካላቱን መትከላቱን ኣዕንዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሃዋሁ ኣብ ዝማዕበለሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ መሰላቱ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ተቓውሞታት ኣወዓዕዩ። ኣብቲ ናይ ፈለማ ዓመታት ነቲ ኣውራ ኣብ ከተማታት ዝርኣ ዝነበረ ተቓውሞታት ዝመርሕ ውድብ ስለዘይነበረ ፍኑው'ዩ ነይሩ። ጭኮና እናኸረረ ምስ ከደ፡ ቅሉዕ ፖለቲካዊ ውድባት ምቛም ተሪፉ፡ ሰላማዊ ሰልፊታት ናይ ምክያድ ዕ ውድባት ምቛም ተሪፉ፡ ሰላማዊ ሰልፊታት ናይ ምክያድ ዕድል'ውን እናጸበበ ስለዝመጸ፡ እቲ ጸቕጢ ብዝፈጠሮ ግድነትን ንቕሓትን ምስጢራዊ ጉጅለታት ናይ ምቛም መስርሕ ጀሚሩ። ማዕረ-ማዕረ'ዚ እቶም ብሰንኪ ጸቕጥን ሃድንን ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ንወጻኢ ክኸዱ ዝተገደዱ ሃገራውያን፡ ናይ ተቓውሞ ምትእኽኻባት ክውድቡ ጀሚሮም። ኣብ ከባቢ "58 ከኣ" እቲ ኣብ ወጻኢ ብስም "ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ" ብልሙድ ሓረካ፡ ብውሽጢ ከኣ፡ ማሕበር ሸውዓተ ዝስመ፡ ነቲ ዝነበረ ምስጢራዊ ኣወዳድባ ዝገልጽ ጉጅለታት ኣቖሙ ነቲ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ተቓውሞ ኪመርሕ ጀሚሩ። ምስ

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣወዳድባን ምንቅስቓስን፡ ናይ ሃይለስላሴ ጭፍለቓ ብናይ ፖሊስ ትካላቱ እናኸረረ ስለዝኸደ፡ እቲ ቅሉዕ ን ሰላማውን ተቓውሞ'ውን ንበይኑ ከምዘየዋጽእ እናበርሀ ምስ መጸ፡ ብሓይሊ ምቅዋሙን ሃሱሳት ስርዓት ሃይለስላሴ ናይ ምቕታልን ስጉምትታት/ፈተነታት ክቀላቐል ጀሚሩ። ከም ሓፈሻዊ ስምዒት ከኣ፡ ብረታዊ ተቓውሞ ካልእ ምርጫ ምኳኑ እናበርሀ መጺኡ። ኣብ 2ይ መድረኽ ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ ካብ ብፌደራላዊ ትካላት ምቅላስ፡ ናብ ፍኑው ሰላማዊ ተቓውሞ፡ ናብ ሚስጢራዊ ኣወዳድባን ተቓውሞን፡ ናብ ብረታዊ ተቓውሞ ማዕቢሉ። ብኣወዳድባ ደረጃ እውን፡ እናተራቐቐ መጺኡ። እቲ ናይዚ መድረኽ'ዚ ርእይ ለውጢ ግን ኣብቲ ኣገባብ ዘይኮነ ኣብ ትሕዝቶ ናይቲ ምንቅስቓስ'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ምስቲ ዝቐደመ መድረኽ ናይ ሃይማኖታዊ ምግምማዕ ቅልውላው (ኣብ መወዳእታ ብመጠኑ ብምምስራት ናይ ናጽነት ቀጽሪ ዝተመሓየሸ) ክረኣ እንከሎ፡ ናይ ኩሎም ኤርትራውያን፡ ብዘይ ኣፈላላይ፡ ሰፊሕ ተሳታፍነት፡ ኣውራ ከኣ ናይቲ ንጡፍ ናይ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ማሕበራዊ ሓይልታት ተሳታፍነት ስለዝነበረ፡ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ነይሩ። እቲ ካብ 52 ክሳብ 61 ዝማዕበለ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ናይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንቐጻሊ ቃልሲ፡ ሓደ ሃገራዊ ውድብ ንምምስራት ምቹእ ሃዋሁው ጥራይ ዘይኮነ፡ ሕመረት ወይ መሰረት ክኸውን ዝኽእል ምንቅስቓስ ሓርነት መስሪቱ'ዩ። ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ መድረኽ'ቲ ተገቲሩ ዝነበረ ሕቶ ከኣ፡ ብረታዊ ቃልሲ፡ ምጅማር፡ መዓስ፡ ኣበይ፡ ብኸመይ፡ ዝብል'ዩ ነይሩ።

## ሳልሳይ መድረኽ (61-70)

ኣብተን ዝሓለፈ መድረኻት ምዕባሌ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝጥመት ኣገዳሲ ሕቶ፡ ናይ ሓደ ሃገራዊ ውድብ ምፍጣር ጉዳይ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ካልኣይ መድረኽ-ድሕሪ ዕስራ ዓመታት ም.ሓ.ኤ. ምምጽኡ፡ ሓደ ሃገራዊ ውድብ



ናይ ምህናጽ ኣንፈት ኣትሒዙ ከምዝነበረ ከኣ ብሩህ'ዩ። ኣብ 61 ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረ ውድብ ግን፡ ም.ሓ.ኤ. ዘይኮነ፡ ተ.ሓ.ኤ. ኢዩ። ስለምንታይ'ዩም ተ.ሓ.ኤ. ብረታዊ ቃልሲ ንምምራሕ፡ ቅሩብነት ወይ ድልየት ስለዘይነበሮም ድዩ፡ ተ.ሓ.ኤ. ምምስራት ዘድለየ ካብ መስመር ም.ሓ.ኤ. ዝማዕበለ መስመር ስለዝተደልየ'ሞ ተ.ሓ.ኤ. ዝሰጎመ መስመር ስለዝነበሮም ድዩ። ማለት ተ.ሓ.ኤ. ታሪኻዊ ተደላይነት ነይሩዎ'ዶ፡ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ 61 ምጅማሩ፡ መግለጺ ሃንቀውታ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ምንባሩ ዝከሓድ ኣይኮነን። ታሪኻዊ ፍጻሜ'ውን'ዩ ነይሩ። ተ.ሓ.ኤ. ከም መራሒ ብረታዊ ቃልሲ ምምጻኡ ግን፡ ስዒቡ ከምዝበርህ፡ ናይ ታሪኽ ሓደጋ ኢዩ ነይሩ። ንተ.ሓ.ኤ. ዝመስረቱ፡ ናይ ጸቢብ ናይ 40ታት ገማግዒ ሃይማኖታዊ ዝመርኣያኦ ፖለቲካ ዝገደፎ ስምብራት ዘይሃሰሰሎም መራሕቲ'ዩም ነይሮም። (ንሱ ስለዝኾነ ከኣ) በቲ ኣብ ግዜ ፌደረሽን ዝማዕበለ ሃገራዊ ንቕሓት ዘይተጸልወን ኣብቲ ምንቅስቓስ ንጡፍ ተራ ዘይተጻወቱን ምንባሮም እውን ካልእ ድኽመት ነይሩ። እቲ ውድብ ኣብ ወጻኢ ዝተመስረተ ምኳኑ'ውን ካብ ክውንነት ፖለቲካዊ ምዕባሌ ኣብ ኤርትራ ርሒቑ ኣብ ከባቢ ማእከላይ ምብራቕ ብዝነበራ ናይ ፖለቲካ-ዕቃባውያን ሓይልታት ምጽላው፡ ንኣተሓሳስባኡ ዝያዳ ክጸብብ ገይርዎ። ምዕራባዊ ቆላታት ናይ ኤርትራ፡ ከም ጅኦግራፊያዊ ቦታ፡ ልጉስ (remote) ብረታዊ ቃልሲ ንምጅማርን ንምዕባይን ምቹእ ስለዝነበረ ከኣ፡ ምስ ናይ ሱዳን ኣቀማምጣ፡ እቲ ምንቅስቓስ ኣብኡ ኪጅመር ምኽኣሉ ብልጫ ነይሩ። ተ.ሓ.ኤ. ዝነበሮ መኻሳኻሲ መስመር፡ ሃይማኖታዊ መልክዕ ምሓዙ ነቲ ብማሕበር ኣንድነት "ቤተ ክርስትያንን" እናተመርሐ ዝተፈጸመ ሃገራዊ በደል ዘኸተሎ መልሰ-ግብሪ ምንባሩ፡ ንስምዒት ሰፊሕ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝንጸባርቕ'ኳ እንተነበረ፡ ሃገራዊ፡ ወይ ንሃገራዊ ምትእኽኻብ ዝሕግዝ፡ መስመር ከምዘይነበረ ብሩህ'ዩ። ኣውራ፡ ምስቲ ኣብቲ ካልኣይ መድረኽ (52-61) ኣብ ከተማታት ማዕቢሉ ዝጸንሐ ንቕሓት ሃገራዊ ምትእስሳር ኣጠማሚትካ ክርአ እንከሎ ኣዝዩ ድሑር ምንባሩ'ውን ብሩህ'ዩ። እቲ ዝዓበየ ኣበሳ ከኣ፡ ኣብ ህዝቢ ብምኽንያት ድሑር ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣቀዋውማታትን

ውዲት ጸላእቲ ህዝብን ዝኾስኮስ ናይ ምግምማዕ ስምዒታት ክህሉ ባህርያዊ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መሪሕነት ናይ ሓደ ንሃገራዊ ምንቅስቓስ ክመርሕ ዝተበገሰ ሓይሊ ናይ ምግምማዕ ድሑር መስመር ምዕብላሉ ኢዩ። እዚ ስለዝኾነ ከኣ፡ ተ.ሓ.ኤ. ኣብተን ናይ መጀመርያ ዓመታት ንሃንቀውታ ቃልሲ ክረሳስን'ኳ እንተኸኣለ፡ ብውሽጢ ኣኪያይዳኡን ኣተሃናንጻኡን፡ ኣብ ጸቢብ ናይ ቀቢላታት ምስሕሓብ ዝጠለቐ'ዩ ነይሩ። ኣብ ውሽጢ ብረታዊ ቃልሲ ኣይመር እምበር፡ ኣውራ ኣብ ሱዳን፡ ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ደገፍን፡ ብተዛማዲ ዝማዕበለ ሃገራዊ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ዝነበሮ፡ ም.ሓ.ኤ. ናይ ምእራም ተራ ኪጻወት ዕድል'ኳ እንተነበሮ፡ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ነቲ ፍልልይ ከምዝነዓዓብ ብምግባርን፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ (65)፡ ም.ሓ.ኤ. ብወገኑ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ንኽሳተፍ ኣብ ዝተንቀሳቐሰሉ፡ ብሓይሊ ብምድምሳስን፡ ኣብ ኣፈታትሓ ካልኣዊ ግርጭታት፡ ጎነጽ (Violence) ናይ ምዝውታር ልማድ (tradition) ፈሊሙ። ናይ ህዝቢ ኤርትራ ስምዒታዊ ድልየት ናይ ብረታዊ ቃልሲ፡ ብናይ ተ.ሓ.ኤ.ን ም.ሓ.ኤ.ን ረጽሚ (conflict) ኣይተጸልወን። ናብ ተ.ሓ.ኤ. ናይ ምጽንባር ዋሕዚ ከኣ፡ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ኤርትራን፡ ኣብ ወጻኢ ካብ ዝነብሩ ኤርትራውያንን እናዓበየ ከይዱ። እቲ ካብ ከተማታት፡ ኣውራ ከኣ ናይ ተመሃሮ (ካብ ውሽጢን ወጻኢን)፡ ምስታፍ ኣብ ኣቀዋውማ ተ.ሓ.ኤ. ዓይነታዊ ለውጢ ከምጽእ ጀሚሩ።

መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ብውሽጢ ንኤርትራ፡ ኣብ ክፍልታት መቓቒሉ፡ ንሰራዊት ሓርነት ኤርትራ'ውን ብኸምኡ መቓቒሉ፡ ንእዝን ኣቀዋውማን ናይቲ ዝቖመ ክፍሊታት፡ ብቐቢላውን ኣውራጃውን መሰረት ክምዝህነጽ ስለዝገበረ፡ ኣብ ክንዲ ሓደ ሰራዊትን፡ ናይ ሓደ ሰራዊት ስምዒትን፡ ብኡ ድማ ሓደ ሃገራዊ ስምዒት ዝኹስኩስ፡ ጸቢብ ናይ ኣውራጃን፡ ቀቢላን፡ ሃይማኖትን ኣተሓሳስባታት ኣማዕቢሉ። ኣብ ኣሰራርሓኡ"ውን፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደ ሓርነታዊ ኾናት ዝሰርሕ፡ ጥርናፈን ምትሕግጋዝን ኣብ ዘይብሉ ዝተነጻጸለ ዉሱን ስርሒታት ተሓጺሩ። ንህዝቢ ምምሃርን ምውዳብን ዝበሃል ኣምር"ውን ካብ ልማዳውን ጸቢብን ዓንኬላት ዘይርሕቐ ስለዝነበረ፡ እቲ



ዝርኣ ዝነበረ ሰፊሕን ልጋስን፡ ተሳታፍነት ኮነ ምትሕግጋዝ ንሓፈሻዊ ስምዒታት ዘንጸባርቐ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ብፖለቲካዊ ሚዛን ኪግምገም እንከሎ ከኣ፡ ተራ ህዝቢ ንልማዳውያን መራሕቲ ካብ ምስዓብ ሓሊፉ ዝኸይድ ዲሞክራስያዊ ተሳታፍነት ኣይነበሮን።

እቲ ከም ቀለቤት ርክብ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ሜዳ ዝነበረ ዝተመቓቕለ እዝታትን፡ ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ላዕለዋይ ባይቶ ኮይኑ ክገልግል ዝቖመ፡ ብስም ልዑል ሓለቓ ሰራዊት (ል.ሓ.ሰ.) ዝፍለጥ መሪሕነት፡ ብቕዓቱ ታሕቲ፡ ኣቀዋውማኡን ኣተሓሳስባኡን ድሑር፡ ህላዌኡ ከኣ ወጻኢ ካብ ሜዳ (ኣብ ከሰላ) ስለዝነበረ ነቲ ዝቖመ እዝታት ኣማእኪሉ ክመርሕ ዓቕሚ ኣይነበሮን። ተርኡ ብዝያዳ፡ ምግምማዕ ኣብ ምስልሳል (perpetuate ምግባር) ውዲታት ናይ ምእላም መደበር"ዩ ነይሩ።

እቲ ልዕሊ ኩሉን፡ ንዝኾነ ተሓታቲ ዘይኮነን ላዕለዋይ ባይቶ ካብ ሜዳ ምርሓቑ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ንሓድሕዱ"ውን ስሙር ኣይነበረን። ነፍሲ ወከፍ ናቱ ናይ ሓይሊ ማእከል ንምፍጣር ይሰርሕ ስለዝነበረ ከኣ፡ ምስ ምዕባይ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ እቲ ምግምማዕ እናዓበየ ከምዝኸይድ ጌሩ። ቀቢላ ኣንጻር ቀቢላ ሃይማኖት ኣንጻር ሃይማኖት ኣውራጃ ኣንጻር ኣውራጃ... ናይ ምውቕቓዕን ምጥውዋይን (manipulation) ክእለት እናማዕበለ መጺኡ። ኣብ ፈለማ እቲ ውድብ ክሳብ ዝሰፍሕ ውድባዊ ሕጋዊ ቅርጺ ምስኣል ክዝንጋዕ ርዱእ'ኳ እንተነበረ፡ ላዕለዋይ ባይቶ፡ ነቲ ከፋፊልካ እናዋቓዕኻን እናዛወርካን ምምራሕ ዘማዕበሎ ልማድ መተካእታ ናይ ኩሉ ዲሞክራሲያውን ትካላውን ኣሰራርሓ ስለዝገበሮ ከኣ፡ ዳርጋ ንሰለስተ-ርባዕ ግዜ ናይቲ ሳልሳይ መድረኽ (61-70) ኣብቲ ውድብ፡ ፕሮግራም፡ ፖሊሲ፡ ሕጋዊ፡ ፈጻሚ፡ ኣካላት ዝበሃል ኣይነበረን። ኣብ ናይ ወጻኢ ሜላኡ፡ ጸቢብን ካብ ማእከላይ ምብራቕ ዘይወጽእን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ካብኡ ናብኡ'ውን፡ መንነቱ ዝለዋወጥ ተሻኻዒ ስለዝነበረ፡ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዞባ ደረጃ ጥራይ ዘይኮነ ብኣህጉራዊ ደረጃ'ውን ሃሲዩዎ። ፋይናንሳዊን ንዋታውን ዓ

ቕሚ ናይቲ ውድብ ክቆጻጸር ዝኽእል ኣካል ወይ ኣገባብ ስለዘይነበረ ከኣ፡ ላዕለዋይ ባይቶ፡ ንሃብቲ (Resources) ናይቲ ውድብ፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸቢብ ፖለቲካዊ ጸወታታት ከምዘውዕሎ ኮይኑ።

ምስ ምዕባይ ተ.ሓ.ኤ.ን. ምስ ፍኑው ምስፋሕ ናይ ዝንቀሳቐሱሉ ከባቢታትን፡ ዓይነታዊ ለውጥን ምርጻምን ምምጽኡ ናይ ግድን ነይሩ። ብውሽጢ እቲ ቀቢላዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ሃይማኖታዊ ምምቕቓላት፡ ምክፍፋል ሓይሊ/ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ እቲ ቀንድን ኣድማዕን መሪሕነት ኣብ ሜዳ ዘይምኻኑ፡ ንጹር ሃገራዊ ፕሮግራምን ፖሊሲታትን ዘይምህላዉ፡ ዲሞክራሲያዊ ውድባት ትካላት ዘይምህላዎም ኣተሓሳሳቢ እናኾነ ከይዱ። ናይ ጸላኢ ናይ ህልቂት ዘመተታት ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝብን ንብረቱን ጥሪቱን ዘውርዶ ዝነበረ ክሳራታትን፡ ዘኸትሎ ስደትን ምብትታንን፡ ልሙስነት ናይቲ ዝተመቓቐለ ሰራዊትን እናግሃደ (felt) እምነት ህዝቢ እናደኸመን ከይዱ። ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፍጸም ዝነበረ ሽፍትነትን ዘይመሰረታዊ ረጽምታት ዘለዓዕል ናይ ሕነ ተግባራትን ነቲ ኩነታት ኣብኢሱዎ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ምዕባለ ተቓውሞታት ክለዓል ናይ ግድን ስለዝነበረ ከኣ፡ ኣብ ጽፍሕታት (ranks) ናይ ተ.ሓ.ኤ. ብህዝቢ ዝተደገፈ ናይ ምእራም ምንቅስቓሳት ጀሚሩ። እቲ ንተ.ሓ.ኤ. ከም ሃገራዊ ውድብ ኣቕልል ኣቢልካ ዝውሰድ ዝነበረ ስምዒት ተቐይሩ ድማ፡ ናብ ናይ ብሓቂ ሃገራውን ዲሞክራሲያውን ውድብ ናይ ምህናጽ ኣንፈት ክሕዝ ፈቲኑ።

እቲ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ፡ ብመሰረት ፍኑውን ስምዒታውን ኮይኑ ቀስ ብቐስ መልክዕ እናወሰደ ከይዱ። እቲ ብዘይቀይዲ ኣብ ናይ ምክፍፋልን ምውቕቓስን ምዝዋር ዓለምን ዝነብር ዝነበረ ላዕለዋይ ባይቶን መሻርኽቱን በቲ ምንቅስቓስ ክሰግኡ ከኣ ናይ ግድን ነይሩ። ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ናህሩ እናወሰኸ ብዝኸደ፡ ስግኣት ላዕለዋይ ባይቶን መሻርኽቱን እናበኣሰ ይኺድ እምበር፡ እቲ ምንቅስቓስ ተሪር መሰረት ዘንጸፈን ስምዒት ዘይወሰደን ብምንባሩ፡ እቲ ከም ቀዳማይ



ስጉምቲ፡ ነቲ ዝተመቓቐለ ሓሙሽተ እዝታት ንምስማር ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ብናይ ላዕለዋይ ባይቶ ናይ ምምቕቓል ፍሕሶ (manipulation) ሰለስተ እዝታት ሰሚረን። ክልተ ክፍልታት ስለዝተረፋ ሽቶኡ ኣይወቕዐን። በዚ ግን እቲ ኣብ መንጎ ምእራምን ፍሕሶ ላዕለዋይ ባይቶን ዝነበረ ረጽሚ ኣይደቀሰን። እቲ ብውሽጣዊ ድኻማቱ ብዙሕ ናይ ምቕጻል ዕድል ዘይነበሮ ናይ ሰለስተ ክፍልታት ስምረት፡ ብቀጻሊ ናይ ላዕለዋይ ባይቶን መሻርኽቱን ውዲትን ሽርሒን ዝያዳ ስለዝተዳኸመ ከኣ፡ ወሳኒ ናይ ለውጢ ተራ ክንዲ ዝጻወት፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ ውረድ-ደይብ (compromise) ኣትዩ ናይ ኣዶብሓ ኮንፈረንስ ተሳቲፉ። ናይ ኩሉ እዝታት ጉባኤ ምግባር፡ እንተላይ'ቲ ዝሰመረ ሰለስቲኡ እዝታት ዘቕርቦ መሰረታዊ ጠለብ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ጉባኤ ከም ተርእዮ ዘይኮነ፡ ብትሕዝቶ ነቲ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ዘይውክል ስለዝነበረን፡ እቲ ናይ ሰለስተ እዝታት ስምረት፡ ከም ጥርኑፍን ወሳንን ሓይሊ ስለይተሳተፈን ከኣ ኢዩ እቲ ዝሰዓበ ውጽኢትን ምዕባለን ጉባኤ ኣዶብሓ፡ መስመር ምምቕቓል ላዕለዋይ ባይቶ ከገልግል ዝኽኣለን ንጉዕዞ ሰውራ ንድሕሪት ዝጎተተን።

ጉባኤ ኣዶብሓ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣሕሊፉ ኢዩ። ምስማር ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ። ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ውሽጢ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ምግባርን ንዕኡ እተሰናድእ ሽማግለ ምቛምን። ንምእራም መሰረት ዝኸውን ጭብጢታት እትእክብ -ንጉባኤ ተሓታቲት እትኸውን መርማሪት ሽማግለ ምቛም። ኩሉ እዚ ንተ.ሓ.ኤ. ናብ ሃገራውን ዲሞክራሲያውን ውድብ ምቕያር መበገሲ ኢዩ ነይሩ። ናይ ላዕለዋይ ባይቶን መሻርኽቱን ውዲታት ጽልዋ ምዕባይ ርኡይ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ናይ ኣማን ለውጢ ወይ ምእራም ንምምጻእ ዝቃለስ ዝነበረ ሓይሊ፡ ንውሳነታት እቲ ጉባኤ ከም ዋሕስ ወሲዱ ምቕላስ ምርጭኡ ነይሩ።

ጉባኤ ኣዶብሓን ምቛም ጠቕላሊ መሪሕነትን፡ ክሳብ ጉባኤ፡ ንላዕለዋይ ባይቶን መሻርኽቱን፡ ከም ዕልዋ ናይ ምግባር ኣንፈታትን ባይታን ኢዩ ተወሲዱ። እቲ ብሽርክነት ላዕለዋይ

ባይቶን ናይ ምምቕቓል መስመሩን ተዓብሊሉ ዝነበረ ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ዕልዋ ንኽገብር ከኣ ኣየጸግምን። ነዊሕ ከይጸንሐ፡ ሓሙሽተ ካብ ውሽጢ ኣባላቱን፡ ሰዓብቲ ንዝብሎም ካድረታትን ተጋደልቲን ኣሲሩ። ብዘይ ምፍልላይ (indiscriminately) ጃምላዊ ቅንጸላታት ኣደይቡ፡ ናይ ሽበራ ሃዋሁው ፈጢሩ። ነተን ካብ ጉባኤ ኣዶብሓ ዝተመርጸ ኣሰናዳኢት ሽማግለን መርማሪት ሽማግለን ሰሪዙ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ጭፍለቓን ህድናን ሃዋሁው ከም ግብረ መልሲ፡ ካብ ሜዳ ንሱዳን ምህዳምን ተነጺልካ ምሕባእን ስዒቡ። እቲ ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ውሽጣዊ ቃልሲ ንምእራም ዝነበረ ተስፋ ከኣ በኒኑ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ብምትእኽኻብ ናይ ኩሉ ተቓዋሚ ሓይልታት፡ ኣብ "70 ታት ህ.ሓ. መጺኡ።

3ይ መድረኽ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ ውሳኔን ናጽነትን ከም ቀዳማይ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክውሰድ ዝኽእል-ሐደ ብቑዕ ሃገራውን ዲሞክራሲያውን ውድብ ንምምስራት ርሱን ቃልሲ ዝተኻየደሉ መድረኽ ከምዝነበረ ብሩህ"ዩ። ብትሕዝቶ ከኣ፡ ኣብ መንጎወቲ ብዘይ ሃገራዊ ናይ ምምቕቓል መስመር ሓደ ኣንጻር ካልእ እናዋቕዐን እናዘወረን ብዘይ ቀይዲ ዝኸይድ ሓይሊ ላዕለዋይ ባይቶ ምስ መሻርኽቱን፤ በቲ ሓደ ሃገራዊ ግንባር ናይ ምህናጽ ድልየት ዝነበሮ ሓይልን በቲ ካልእዉዩ። እቲ 65 ንም.ሓ.ኤ. ዝደቖሰ ሓይልን መስመሩን፡ ኣብቲ እዋንወቲ ንግዚኡ ሓይሉን መስመሩን ከረጋግእ ምቹእ ስምዒታዊ ሃዋሁው ረኺቡ'ኳ እንተነበረ፡ መስመሩን ተግባሩን ንሃገራዊ ሃንቀውታ ህዝቢ ኤርትራ ይውክል ስለዘይነበረ፡ ብውሽጢ ንምእራም ንዝተላዕለ ህዝባዊ ናዕቢ ብሓይሊ ክፈትሖ ስለዝመረጸ፡ ካልኣይ ውድብ ናይ ምምስራት ውጽኢት ኣኸቲሉ። እቲ ሓደ ሰፊሕ ሃገራውን ዲሞክራሲያውን ግንባር ናይ ምምስራት መስርሕ ግን ኣብኡ ኣየብቅዐን። ተቓውሞ ወይ ተቓዋሚ ሓይሊ ማለት ሓደ መስመር ዝተወሳሰበ ሓይልን ብኣድማሳዊ ኣገላልጻኡ ማለት ስለዘይኮነ፡ እቲ መስርሕ ክንጸር፡ ማዕረ-ማዕረኡ ከኣ እቲ ሓቀኛ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ክህነጽ፡ እቲ ቃልሲ ክቕጽል ናይ ግድን ነይሩዎ።



## ራብዓይ መድረኽ (70-81)

እቲ ናይ መወዳእታ ክፋል ናይዚ መድረኽ'ዚ፡ ካብ 77፡ ማለት ካብ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንደሓር፡ ኣብ ገምጋም ተመክሮ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝኣቱዉኳ እንተኾነ፡ ከም መስርሕ ኣብ ውሽጢ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ሰውራ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ኣካያይዳ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ብሓደ ዝርኣ'ዩ።

እዚ መድረኽ'ዚ ብድሙቓት ፍጻሜታት ዝመልአወኳ እንተኾነ፡ ኣብ ውሽጢ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ኣብ እንጥምተሉ፡ ሓድሕድ ኲናትን፡ ናይ ልዝብ መስርሕን፡ ዳግማይ ሓድሕድ ኲናትን፡ ዝያዳ ምድርቓማት ጉጅለታት፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ምቕልቃል ሓደን ወሳኒን ግንባር ዝተራእየሉ'ዩ።

ሓድሕድ ኲናት፡ ምምጻኡ ዘገርም ኣይነበረን። ምኽንያቱ፡ እቲ ንኹሉ ሃገራዊ ሓይሊ ክሓቁፍ ዘይከኣለን ብቑዕ ዘይኮነን፡ ኣብ ምምቕቓል ክነብር ዝደሊ፡ ንዝኾነ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ብሰላማዊ መገዲ ክፈትሕ ዘይመርጽ፡ መቐጸልታ ላዕለዋይ ባይቶ ዝኾነ፡ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ዓብላሊ ተራ ዝነበሮ መስመር ክሳብ ዝጸንሕ፡ እቲ ናይ ምቕንጻል ድልየት፡ ግዝፊ (magnitude) ድኣዩ ወሲኹ'ምበር፡ ከም ኣተሓሳስባን ተግባርንሲ ሓድሽ ተርእዮ ኣይነበረን። ም.ሓ.ኤ. ብዕሽሉ ምድምሳሱን፡ ኣብ ውሽጢ ጽፍሕታት (ranks) ተ.ሓ.ኤ. ዝፍጸም ዝነበረ ቅንጸላን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጸሙ ዝነበሩ ግፍዕታትን'ሲ መቕድማት'ዮም ኔሮም። ንሓድሕድ ኲናት ፍሉይ ዝገብሮ፡ እቲ ናይ ምቕንጻል ስጉምቲ ኣንጻር ሓደ ወጻኢ ካብ ተ.ሓ.ኤ. ዝተወደበ ሓይሊ ዝተኻየደን ግዜፍን ብምንባሩ ጥራይ"ዩ።

ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ፡ ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ንኹሉ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ከጽንት ዘይምኽኣሉ፡ እቲ ብድሆ ሓይሉ'ምበር ኣይወሓደን። ተነጺሎ ጠቕላሊ መሪሕነትን ስግኣቱን'ውን ምስኡ እናዓበየ ከይዱ። ኣብ ናይ ሓፋሽ ማዕበል ተወጢሕካ፡ ነቲ ማዕበል ኣዝሒልካ፡ መኣዝን ናይቲ ማዕበል ጠዊኻ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓሳት ምቕታል፡ ኣብ ዓለምና፡ ናይ ኩሉ ናይ ዕልዋ ጭፍራታት ስልቲ ስለዝኾነ ከኣ፡

ጠቕላሊ መሪሕነት፡ ብውሳኔታት ኣዶብሓ ዝተቐየደ ንምምሳል፡ ናቱ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ንጉባኤ ኣቐሙ፡ ነቲ ዝተፈልየ ሓይሊ ናብ ጉባኤኡ ንምስታፍ ዓዲሙ። እቲ ስልቲ፡ ዝረቐቐ ዝተፈልየ ተቓውሞ ብቐሊሉ ንምቕታል፡ ከም ብሓድሽ ኣብ መጸወድያኻ ንምእታው ስለዝነበረ፡ እንትርፎ ንስምዑለይ ኣገባቡን እቲ ተሳታፍነትን'ውን ዲሞክራስያዊ ስለዘይነበረ፡ ውጽኢቱ ፍሉጥ ንዝነበረ ምንጻግ፡ ንቕንጸላ ምስምስ'ዩ ነይሩ። ንሱ ስለዝኾነ ከኣ፡ ጠቕላሊ መሪሕነት፡ "ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ" ዝብሎ ናቱ ጉባኤ ኣካይዱ። ኣብ መሪሕነቱ ሓደስቲ መሳርሒ/ መጋባኣያ ተበለጽቲ ባእታታት ኣእትዩ፡ ፕሮግራም ኣዊጁ። ንሀ.ሓ. ብዝምልከት ከኣ፡ ወይ ክጽንብሩዎ ወይ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስደሎም ኣዊጁ። እዚ'ውን፡ ከሎ ገና እውጅ ሓድሕድ ኲናት ንምክያድ ዝቐረበ መናውራ ስለዝኾነ፡ እቲ ዘይከውን ምጽንባር ምስ ተረፈ፡ ሓድሕድ ኲናት ብተበግሶ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. (ሰውራዊ ባይቶ) ተባሪዑ።

እቲ ብሀንጡይን ስሱዑን (ናይ ሓጺር ግዜ ዓወት) ኣረኣእያ ዝተበገሰ ሐድሕድ ኲናት ተ.ሓ.ኤ. ግን፡ ውጺኢቱ ንሰውራዊ ባይቶ ኣየዕገበን። ንሀ.ሓ. ናይ ምቕንጻል ሽቶ ኣይወቕዐን። ስምብራቱ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኣሉታዊ ስምዒት ስለዝነበረ፡ ምስ ናይ'ቲ ውዕዉዕ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ንህዝቢ ኣየቕሰነን። ቀስ ብቐስ ከኣ ናይ ህዝቢ ተቓውሞ እናተወዓዓየ ከይዱ። ኣብ ውሽጢ ኣባላት ተ.ሓ.ኤ. ብፍላይ ከኣ ኣብቲ ሰራዊት፡ ብሓሶት ዝካየድ ዝነበረ ጎስጓሳትዉውን ውጽኢታዊ ኣይነበረን። ውሽጣዊ ተቓውሞ ንሓድሕድ ኲናት እናዓበየ ከኣ ከይዱ። ኣብ ወጻኢ ብዘይካ እተን ሓደ ክልተ ዘረሳስና ዝነበራ ሃገራት፡ ኣብ ኩለን ኣዕሩኽ ሰውራ ኤርትራ ደገፍ ኣይነበሮን። ብኣካል፡ ኣብቲ ኲናት ከኣ፡ ምስ ናይቲ ዝነበረ ናይ ሰብን ኣጽዋርን ጸብለልትነት ተ.ሓ.ኤ.፡ ሀ.ሓ. ክትጸንት ወይ ክትደክም ኣይከኣለትን። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ቀጻሊ ናይ ምክልኻል ኲናት፡ ሓይሊ ሀ.ሓ. ብብዝሕን ዓይነትን እናዓበየ ከይዱ። ናይ ሀ.ሓ. ኩነኔ ንሓድሕድ ኲናትን፡ ጻውዒቱ "ንዲሞክራሲያዊ ልዝብን" "ኩሉ ጠበናጁ ኣንጻር ጸላእን" "ከኣ ህዝባዊ ተቐባልነት እናረኸበ ከይዱ። ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት (71-75) ምድማይን



ሰፍ ዘይብል ሰብኣውን ንዋታዊን ክሳራ ከኣ፡ ናይ ሰውራዊ ባይቶ ናይ ቅንጸላ ተበግሶ በርዒኑ።

ኣቐዲሙ ከምዝተጠቕሰ፡ ሀ.ሓ. ከም ተቓውሞ፡ ብትሕዝቶ ዝተወሳሰበን ዲሞክራስያውን ኣይነበረን። ኣብ ኩሉ ጽፍሕታቱ፡ ዝኸሰሩ ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶን፡ ካብ ጸቢብን ቅርሕንታዊ ኣረኣእያ ዝተፈልዩ ባእታታትን ነይሮም ኢዮም። እቲ ተቓውሞ ክምስረት እንከሎ'ውን ነዚ ከይዘንግዐ፡ ኣብ ኣቀዋውማኡን ኣሰራርሓኡን ፍሉጥ ዶባትን ስምምዕን ገይሩ'ዩ ጀሚሩ። እቲ ግርጭት ኣብ ኩሉ ውሽጣዊ ኣሰራርሓታት ሀ.ሓ. ድሙቕ ነይሩ። ሓድሕድ ኲናት ዝያዳ ደቢቑዎን ጸቒጡዎን ስለዝነበረ ግን፡ ክሳብ ምዝሓል ሓድሕድ ኲናት ተባላሊዑ ኣይገንፈለን። እቲ ሓፈሻዊ ዲሞክራስያዊ መስመር፡ ኣብ ውሽጣዊ ፖለቲካውን ግብራዊን ናይ ሓባር ቃልሲ፡ ሓድነቱን ኣወዳድባኡን ንምትራር እናሰርሐ፡ እቲ መስመር ላዕለዋይ ባይቶ ዝውክል ኣብ ወጻኢ ዝነበረ ሓይልን ናይ ውሽጢ መሻርኽቱን ከኣ፡ ንሀ.ሓ. ከም መጸንሕን መዋገይን ኪጥቀመሉ ምእንቲ ንምዕብላሉ ካብ ምጽዓር ዓዲ ኣይወዓሉን። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ እቶም ብስም ል.ወ. ጉዳይ ዝፍለጡ ዝነበሩ ባእታታትን (መብዛሕትኦም) ኣብ ውሽጢ መሻርኽቶም ዝነበሩ ጸበብቲ መንፈስን ተፈልዩ። ሀ.ሓ. ከኣ ጸርዩን ሓይሉን።

ንሓድሕድ ኲናት ደው ንምባል ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ማዕበል ናይ ህዝቢ (ኣብ 75) ንምዝዋር ዝተኻየደ ፈተነታት ሰውራዊ ባይቶ ተቓሊዑ ምስ ፈሸለ፡ ብመሰረት ተ.ሓ.ኤ. ዝካየድ ዝነበረ ተቓውሞዉውን እናዓበየ ከይዱ። ካብ ምቁጽጻር ስዉራዊ ባይቶ ወጻኢ ኮይኑ ናይ ተጋደልቲ ርክባት ሽማግለታት ናብ ምቛም ምስ በጽሐ ንመሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ዘየገላብጥ ብድሆ ፈጢሩ። መጅልስ ሰውሪ ከም ልማዱ፡ ነቲ ናይ ምቕንጻል ድልየቱ ደጕሉ፡ ናብ ናይ ሓፋሽ ማዕበል ተወጢሑ ንምጥዋይ ምእንቲ ክጥዕሞ "2ይ ሃገራዊ ጉባኤ" ኣካይዱ። ነቲ ብሀ.ሓ. ዝነቐለ ናይ ዲሞክራስያዊ ልዝብ ፖሊሲ (endorse) ተለቂሑ ከም ውሳኔ ኣሕሊፍዎ። ናብ ዕቱብ ልዝብ ክንዲ ምእታው ከኣ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ሀ.ሓ. ዝተቐልቀለ ኣንፈት ናይ ል.ወ.ጉ.ን

መሻርኽቱን ንምምዝማዝ፡ ነቲ መሰረታዊ ሓይሊ ህ.ሓ. ገዲፉ ምስ ል.ወ.ጉ. ናይ ሓድነት ውዕል ፈሪሙ። ምስምስ ናይ ቅንጸላ ንምርካብ፡ ጸረ-ህ.ግ. ዘመተታት ምክያድ መሪጹ። እዚ ፈተነወዚ ግን ንረብሓ መጀልስ ኣል ሰውሪ ኣይሰርሐን። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ድሕሪ 1ይ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብውሽጣውን ግዳማውን ጸቕጥታት ናይ ጥቕምቲ "77 ስምምዕ ፈሪሙ።

ናይ ጥቕምቲ "77 ስምምዕ፡ ተገዲዱ ዝኣተዎምበር፡ ኣሚኑሉ ዝተቐበሎ ስለዘይነበረን ዓንቀጻት ናይቲ ስምምዕ እንተተግቢሮም ንረብሕኡ ከምዘየገልግሉ ኣረጋጊጹ ስለዝተገንዘበን ከኣ፡ ነቲ ስምምዕ ዘፍርሱን ናብ ሓድሕድ ምትህርራም ዘምርሑን ነቓዓት ሃሰው ካብ ምባል ኣይዓረፈን። እቲ እዋን፡ ምስ መግዛእታዊ ወራራት ደርግ ርሱን ውግኣት ዝካየደሉ፡ ሰውራ ኤርትራ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ዓወታት ዘመዝገበሉ፡ ስዒቡ ከኣ፡ ናይ ወተሃደራዊ ሚዛን ለውጢ መጺኡ፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ብቐንዱ ከኣ ህ.ግ.ሓ.ኤ.. ኣብ ሰፊሕ ናይ ምክልኻል ኲናት ተጸሚዱሉ ዝነበረን ስለዝኾነ፡ መጀልስ ሰውሪ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ህ.ግ. እተምጽኦ ዓወት፡ ዓወት ሰውራ ኤርትራ ምዃኑ ስለዘይቀጽሮ፡ ምትህርራማት ብምስዋር ዕንቅፋታት ምፍጣር፡ ኣብቲ ካልኣይ ከኣ፡ ሚዛን ሓይሊ ሰውራ ኤርትራ ኣንጻር ህ.ግ. ብምኻዱ ስለዘሐጎሶን፡ ንዝያዳ ምድኻም ህ.ግ. ይሕግዝ ዝበሎ ምትህርራማት ካብ ኣብ ምባል ኣትዩ። ኪኖ ውሱን ምትህርራማት ከይዱ፡ ህ.ግ. ኣብ ምሉእ ናይ ምክልኻል ኲናት ተቐይዱ ኣብ ዝነበረሉ፡ ብድሕሪት ምህራም ምቹእ ዕድል ምዃኑ ገምጊሙ፡ ነቲ ብመሰረት ስምምዕ ጥቕምቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ውሱን ናይ ምትሕግጋዝ ባይታን ስምምዕ ተሳታፍነት ኣሃዱታቱ ኣብ ናይ ሓባር ዕርድታትን ኣፍሪሱ፡ ሓይልታቱ ብምስሓብ ዓቕን ናይ ምትህርራማት እናዓበየ ከይዱ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ሓይሉ ኣኻኺቡ፡ ኣብ ሰፊሕ ሓድሕዳዊ ኲናት ብምእታው፡ ክሳብ ዶብ ሱዳን ዝኣቱ (81) ቀጺሊዎ። እዚ፡ ነቲ ብጽጉን ቃል-ኪዳናት ተጎላቢጡ ክቕጽል ዝጸንሐ ውሽጣዊ ግርጭታቱ ስለዘባልሓን ዘቀላጠፎን፡ ውሽጣዊ ተቓውሞ ኣንጻር'ቲ ዓብላሊ ናይ ቅንጸላ መሪሕነት በርቲዑ እቲ ቀንጻሊ ጉጅለ ነቲ ግርጭት ብናይ ዕልዋ ስጉምቲ ክፈትሖ ምስ



ፈተነ፡ ተ.ሓ.ኤ. ተርፈረኸሻ ተበታቲና።

ኣብቲ ራብዓይ መድረኽ ተ.ሓ.ኤ. ምብትታና ባህርያዊ'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ እቲ ጉዳይ፡ ከም ናይ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ን ረጽሚ ጥራይ ኣቃሊልካ ዝርኣ ዘይኮነ፡ ኣብ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ፡ ሕቶ ምህናጽ ሰፊሕ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር'ዩ ነይሩ። ተ.ሓ.ኤ. ከኣ፡ ከም ተመክሮ፡ ናይቶም ወረስቲ ስም ኢና ዝብሉ፡ ናይ ጸቢብ መቓቓልን ቀንጻልን መስመር ወከልቲ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ ትሕዝቶ (context) መስርሕ ሰውራ ኤርትራ ዝርኣ መድረኽ'ዩ ነይሩ። እቲ ዝደኸመን ዝጠፍኣን ሓይሊ ከኣ፡ ተ.ሓ.ኤ. ዘይኮነት፡ እቲ ካብ ፈለማ፡ ብላዕለዋይ ባይቶን መሻርኽቱን፡ ቀጺሉ ብጠቕላሊ መሪሕነት፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ በቲ ዓብላሊ ኣድሓርሓሪ ወገን ሰውራዊ ባይቶ ዝውክል ዝነበረ፡ ዘይሃገራዊ መስመርን ሓይልን ኢዩ። ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ከም ወሳኒ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ክይኑ ምውጽኡ ከኣ፡ ናይ ሓደ ውድብ፡ ብመንጽር ካልኦት ጉጅለታት ተዓዊቱ ምውጻእ ዘይኮነ፡ ባህርያዊ ውጽኢትን ምርግጋጽን ሃንቀውታ ህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን ናይ ሓደ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ውድብ ምምስራት ሕቶወዩ። ተመክሮ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከኣ፡ ካብዚ ታሪኻዊ መስርሕ'ዚ ዝጥመተዩ።

ብኣጠቓላሊ፡ ናይ ኣርባዓ ዓመታት ተመክሮ ብሓርፋፍ፡ ካብ "41 ክሳብ" 81፡ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንርእሰ ውሳኔን ናጽነትን፡ ሓይልታት መግዛእትን ሓለምቲ እምበር-ጦርያን ዝዓበየ ኢድ ካብ ዝነበሮም፡ ናይ ፖለቲካዊ ድብልቕልቕን ምግምማዕን ዝሰፈነሉ፡ ናይ ጸረ-ናጽነትን፡ ናይ ናጽነትን ስልፈታት ፖለቲካዊ ቃልሲ፡ ናብ ዝማዕበለን ዝነቕሐን ሓድነት ዝነበሮ ሃገራዊ ቃልስን ኣፈናዊ ምውዳብን፡ ናብ ናይ ምምቕቓል ድግስን ቃልሲ ምጽራይ ሃገራዊ ውድብ፡ ናብ ደግሲ ምቛም ውድባትን ምንጻር ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ መስመር፡ ኣብ መደምደምታ፡ ናብ ምምጻእ ሓደ ሰፊሕን ወሳኒን ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ዝተሰጋገረ ኢዩ።

## ገምጋም ተመክሮ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ካብ 1ይ ክሳብ 2ይ ጉባኤታት

ህዝባዊ ግንባር፡ ከም ውድብ ተልእኾኡ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ርእሰ-ውሳነን ናጽነትን መሰል ምርግጋጽ ስለዝኾነ፡ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኡ፡ ብመገዲ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ፕሮግራሙ ደጊሙ ወይ ኣነጺሩ ዘረጋገጾ ንሱ'ዩ ነይሩ። ንህዝቢ ኤርትራ ካብ መግዛእታዊ ኣርዑትን ጭፍለቓን ምግልጋል ማለት ከኣ፡ ኣንጻር ሰራዊት መግዛእቲ ምግዳል ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ ጎናዊ ፖለቲካዊ ቃልስታትን፡ ኩሉ ጎናዊ ሃገር ናይ ምህናጽ ዕማማትን ምስልሳል እውን ዘጠቓልል'ዩ። ነዚ ሓላፍነት'ዚ ብምስካምን ክብደቱ ብምግንዛብን ከኣ፡ ኣብዞም ዝሓለፉ ዉሱናት ዓመታት፡ ኣብ ነንበይኖም ግንባራት፡ ሃብታም ተመክሮ ዝተቐስመሎምን ተጨባጢ ለውጢ ዝተራእየሎም ስራሓትን ተፈጺሞም'ዮም። ካብዞም ኣገዳስነቶም ከኣ ብኸምዚ ዝስዕብ ክዝርዘሩ ይኽእሉ።

### ህዝባዊ ፖለቲካዊ ስራሓት

ኣብ መእተዊ ናይዚ ጽብጻብ'ዚ ተጠቒሱ ከምዘሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ሃገር ኣብ ዝተሃንጸሉ ዘመን፡ ኣውራ ከኣ ኣብዘን ዝሓለፋ 40 ዓመታት፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሃገራዊ ኣቀዋውማ፡ ማዕረ-ማዕረዉቲ ሃገር ናይ ምህናጽ መስርሕ ከምዝምዕብል ምግባር መሰረታዊ ሕቶ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኾሉ'ቲ ድሑር ማሕበራውን ቁጠባውን ኣቀዋውማ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝጸለዎ ጸቢብ ስምዒታት ኣሊኻ፡ ሐደን ልዕሊ ኹሉን ዝኾነ ሓያል ሃገራዊ ስነ-ኣእምሮ ምትራር። እቲ ጸቢብን ድሑርን ኣቀዋውማታት ዘኸትሎ ውሽጣዊ ድኻማት ናይ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ሓግሒግካ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገራዊ ቅርጺ ዝኣቱን ንዕኡ ዘገልግልን ፖለቲካዊ ኣወዳድባ ምምዕባል። ናይ ህዝቢ ተራን ተሳታፍነትን ኣብ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልስን ህንጻን፡ ሰፊሕን ዲሞክራስያውን ከምዝኸውን ምግባር ዘጠቓልል'ዩ።



ህዝባዊ ግንባር፡ ነዚ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ዕማም፡ መድረኽ ብመድረኽ ተጨባጢ ንምግባር፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ፡ ካብ ጸቢብ ሃይማኖታውን፡ ኣውራጃውን፡ ቀቢላውን እንዳውን ... ወጺኡ፡ ናይ ሃገርነት ስምዒቱ ዓብላልን ተሪርን ከም ዝኸውን። ኣወዳድባኡ፡ ካብ ጸቢብ መስፍናዊ ኣቀዋውማታትን ምትእስሳራትን ተላቒቑ፡ በብማሕበራዊ ቦታኡ ኣብ ሃገራውያን ማሕበራት ከምዝውድብ ምግባር። ህዝባዊ ትካላቱ፡ ብመገዲ ልምዳውያን መራሕትን ጸቢብ ሕግታቶምን ዘይእዘዙ፡ ብዲሞክራሲያዊ ዓወታት ውሕስነትን መከላኸልን ዝኸውን ናይ ገዛእ ርእሱ ዕጡቕ ሓይሊ ከምዝውንን ንምግባር ኪቃለስ ጸኒሑ።

ናይ ህዝቢ ፖለቲካዊ ንቕሓት ክብ ንምባል፡ ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ስሩዕ መደባት ብምትእትታው፡ መሰረታውያን ናይ ፖለቲካ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ቃልሲታት ህዝቢ ኤርትራ፡ ቅኑዕ ሃገራዊ መስመር፡ ቅኑዓት ናይ ቃልሲ ኣገባባት፡ መሰረታውያን ፖለቲካዊ ኣምራት፡ ምልክት መግዛእትን ተሓባበርቱን ስልትታቶምን፡ ናይ ዓለም ፖለቲካዊ ኩነታትን ምዕባሌኡን፡ ግቡኣትን መሰላትን ህዝቢ፡ ዲሞክራሲያዊ ውድባዊ ኣሰራርሓታት፡ ጽንዓት... ዝትሕዝቶኦም ጎስንሳ ት ክካይድ ጸኒሑ። እዞም መሰረታውያን ትምህርታዊ ኣ ርእስቲታት፡ ኣብ ስሩዕ ኣኼባታት ናይ ዝተወደቡ ኣባላት ጥራይ ከይትሓጸሩ፡ ሰፋሕቲ ህዝባዊ ኣኼባታትን ሰሚናራትን እናተገብረ፡ ክትዕን ምይይጥን እናተኻየደሎም ከምዝሰፍሑን ከምዝዓምቑን ተገይሮም'ዮም። መጻሕፍቲ እናተተርጎሙን መጽሔታትን ካልኦት ጽሑፋትን እናተዘርግሑን ነቲ መደብ ከምዘገልግሉ'ውን ተገይሮም'ዮም። ኣብቲ ኣኼባታት ክካየዱ ዘይክእሉ፡ ጽሑፋት ክዝርግሑሉ ዘይክእሉ ኣከባቢታት ኮነ፡ ነቲ ዝካየደሉን ዝበጽሓሉን እውን ደሚርካ ናብ ሓፋሽ- ከምዝትከልን ከምዝሕይልን ዓቢ ኣገልግሎት ከምዝህብን ተገይሩ ኢዩ። ኩሉ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዝካየድ ፖለቲካዊ ስራሕ፡ ኣብ ፍልጠትን ቅኑዕ ገምጋምን ዝተመርኮሰ ምእንቲ ክኸውን ከኣ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ያታዊ ታሪኽን ኩነታትን ዝምልከቱ ምርምራት እናተኻየዱ ክሰፍሑ

ጸኒሖም ኢዮም።

እቲ ካልእ ክፋል ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ህዝባዊ ፖለቲካዊ ስራሕ፡ ህዝባውያን ውድባት ዝምልከት'ዩ፡ መሰረታዊ ፖሊሲኡ፡ ንህዝቢ ኤርትራ በብማሕበራዊ ቦታኡ፡ ኣብ ናይ ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶት፡ ደቀንስትዮ፡ ተመሃሮ፡ ሞያውያን ማሕበራት ከምዝውደብ ምግባር ኢዩ ነይሩ። ነዚ ዕማም'ዚ ንምስልሳል ኣብ ማእከል'ቲ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ኀስጓስ፡ መስራቲ ጉባኤታት ተኻይዱ፡ እተን ማሕበራት ቆይመን ፕሮግራማተን ገሊጸን፡ መራሕቲ ኣካላተን መሪጸን፡ መሰረታተን ንምዕባይን ንምድልዳልን ነጢፈን ጸኒሐን ኣለዋ። በቲ ካልእ ወገን፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ብፍላይ፡ ዲሞክራስያዊ ፖለቲካውን ምምሕድዳራውን ትካላት ምቛም ካልእ መሰረታዊ ፖሊሲ ናይቲ ግንባር ኮይኑ ዝጸንሐ፡ ብዓዲ/ቁሸት ደረጃን፡ ብወረዳ ደረጃን ህዝባዊ ባይቶታት ምቛም ብዕቱብ ተሰሪሑሉ፡ ኣውራ ኣብቲ ሓራን ጸላኢ ዘይቆጻጸሮን ኣከባቢታት፡ እዘን ትካላት እዚኣተን ቆይመን ይሰርሓ ኣለዋ። ምምሕድዳራዊ ተራአን ንምርቃቕ፡ ተራድኦታት፡ ናይ ቁጠባ፡ ናይ ፍርዲ… ሽማግለታት እናተሃንጸ ንናይ ህዝቢ ናይ ርእሰኻ ምምሕድዳር ብቕዓት ከም ዝስጉም'ውን ተገይሩ'ዩ።

እቲ ሳልሳይ ክፋል ህዝቢ ምዕጣቕ ዝምልከት'ዩ። ኣበየ ኣከባቢኡ ብዓድን ብኀደቦን ደረጃ፡ ህዝባዊ ሚሊሽያታት ቆይሞም፡ ትካላቶምን ስርዓቶምን መኸሰባቶምን ኣብ ምክልኻል ኮነ፡ ምስቲ ብወረዳ ደረጃ ዝውደብ/ዝቐውም ዞባዊ ሰራዊታትን ህዝባዊ ሰራዊትን እናተሓጋገዙ፡ ናይ ጸላኢ ወራራትን ወፍሪታትን ኣብ ምምካት ጅግንነታዊ ተሳትፎኦም ከዕብዩ ጸኒሖም ኢዮም።

ኩሉ'ዚ ናይ ህዝቢ ምንቃሕን ምውዳብን ምዕጣቕን ዕማማት ግን፡ ብዘይ ዕንቅፋታትን ጉድለታትን ክምዕብል ኣይጸንሐን። እቲ ቀዳማይ ዕንቅፋት ብባህሩ፡ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግን ፖለቲካዊ ውጥናቱን'ዩ። ሎሚ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ ጸረ-ሓርነቱ፡ ንመግዛእታዊ ረብሓታት ዝዕሰብ ኤርትራዊ ዘይምህላዉ ዘየካትዕ እኳ እንተኾነ፡ ስርዓት ደርግ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምትላል ዘካይዶ ኀስጓሳት ሓሶትን ምትላልን ኣየቋረጸን። ዝሰምዖ እዝኒ ስለዘይብሉ ከኣ፡ ጻዕሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድሃይ ሰውራኡ ብመንገዲ ድምጺ ሓፋሽ ንከይሰምዕ ን ጽሑፋት ህ.ግ. ከየንብብን ምኽልካል ዝህቅን ምኳኑ፡ ፖለቲካዊ ንድየቱ ዝያዳ ዘረጋግጽ ኢዩ። እቲ ቀንዲ ዕንቅፋት መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ከኣ ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈቱ ዘይኮነ፡ ኣብ ፋሽስታዊ ናይ ጭፍለቓ ኣገባብ ምኽራር ዘድሃበ'ዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ናይ ጽሑፍን ምዝራብን ምእካብን መባእታዊ ሰብኣዊ መሰሉ ከልኪሉ፡ ናይ ፖሊስ ትካላቱ ብምዕባይ፡ ኣብቲ ዝቆጻጸሮ ኣከባቢታት፡ ኣብ ከተማታት፡ ንጡፋት ኣባላት ህ.ግ. እናኣሰረን እናረሸነን፡ ህዝቢ ከይንቀሳቐስን ከይውደብን ቀይዱ፡ ኣብ ትሕቲ ፖሊሳዊ ናይ ቀበሌታት ትካላቱ እሱር ኮይኑ ከምዝነብር ምግባር፡ መንእሰያት ኣብ ሃገራዊ ቃልሶም ንኸይሳተፉ፡ ብልሹው ልማዳት ከምዘማዕብሉን ከምዝድስክሉን፡ ብሓይሊ ተዓስኪሮም ንመግዛእታዊ ወራራቱ ከምዘገልግሉን ከምዝጠፍኡን ምግባር፡ ኣብ ገጠራት ከኣ፡ ነቲ ዝቖመ ህዝባዊ ትካላት፡ ብቐጻሊ ወፍሪታትን ሽርሕን ከምዝዓኑ፡ ኣብ ዘየረጋጋእሉ ቦታታት፡ ብናይ ኣየር ደብዳባት ህዝቢ ቀሲኑ ሰላማዊ ሂወት ከየሕልፍን ክበታተንን ምስራሕ'ዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ ናይ ደርቂ ዓመታት ከኣ፡ ነቲ ድኹም ጸኒሑ ዝያዳ ዝተተንከፈ ቁጠባ ህዝብና ብምዕናው፡ ናይ ረድኤት ሓገዝ ፖለቲካዊ መሳርሒ ብምግባር፡ ንዝጠመየ ህዝቢ እናስድዐ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ንምእታው ዘካየዶ ንጥፈታት ክጥቀስ ይከኣል። ኣብዚ መወዳእታ እዋን ከኣ፡ ፖለቲካዊ ደገፍ ብሓይሊ ንምግዛእ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጠበንጃ፡ ንዘይምልከቶ ሕገ-መንግስቲ ናይ ደገፍ ድምጹ ክህብ ዘካይዶ ፈተነታት'ዩ። ኩሉ'ዚ ኣብ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ኣሰር ክገድፍ ከምዘይክእል ርዱእ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ናይ ህ.ግ. ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ትካላት ናይ ምቛምን ምትራርን ዕማም ውድዓዊ ዕንቅፋት ኮይኑዎ ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ። ምስ ናይዚ ኩሉ ዕንቅፋታት ግን፡ ህዝቢ ጽንዓቱ ከየፍኮሰ፡ ከከም ኩነታቱ ምስጢራዊ ትካላት እናኣቖመ፡ ክሳብ ኣብ ናይ ደርግ ፖሊሳዊ ትካላት እናኣተወ ክሰርሕ ምኽኣሉ'ውን ክዝከር ዝግብኦ ብልጫ'ዩ።

እቲ ካልኣይ ዕንቅፋት፡ ብኣድሓርሓርቲ ሓይልታት ዝፍጠር'ዩ።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እናተነጸረ፡ ዝኣረጉን ጸበብትን ኣተሓሳስባታት እናደኸሙ ምስ ምኻዶም፡ እቶም ረብሓታቶም ኣብ ቀቢላውን ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ምምቕቓላት ዝተመርኮሰ ባእታታትን ጉጅለታትን፡ ናይ ህዝባዊ ግንባር ናይ ምንቃሕን ምውዳብን ምዕጣቕን ፖሊሲ ስለዘስግኦም፡ ከምድላዮም ክዝውሩዎን ክጥቀሙሉን ዝኽእሉ ጸቢብ ምትእኽኻባት ንምዕቃብ፡ ብዘለዎም ሓይሊ፡ ይስማዕ'ዩ ብዝብሉዎ ኣቀራርባ፡ ቅርሕንትን ምጥርጣራትን ከምዝሰርብ ንምግባር ቀጻሊ ፈተነታት ካብ ምግባር ኣይዓረፉን። ኣውራ ኣብ ወጻኢ፡ እዞም ጉጅለታት እዚኣቶም፡ እናነደዩን እናተዳኸሙን ምስ ምኻዶም፡ ህዝቢ ኣብ ጎኒ ህ.ግ. ከይውደብ፡ ኣኅላጉል ደስኪሉ ከምዝተርፍ ንምግባር ቀጻሊ ናይ ምድንጋር ዘመተ ምክያዶም ርእይ ኢዩ። እዞም ጉጅለታት፡ ንበይኖም ክሰርሑ ዓቕሞም ኣዝዩ ስለዝተወሰነ ከኣ፡ ብናይ ወጻኢ ሓይልታት እናተደገፉ፡ ናይ ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝቢ፡ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ጸገማት እናመዝመዙ ብሸንቱ፡ ዕድሚኦም ንምንዋሕ ዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕርታት ግሁድ ናይ እዋኑ ተርእዮ'ዩ። ናይዞም ዓሰርተ ዓመታት ምዕባለታት ክምዘረጋግጹዎ ግን፡ ሽሕ'ኳ እቲ ብኣ ድሓርሓርቲ ጉጅለታት ዝካየድ ኣዕናዊ ዘመተን ስራሕን ከም ህሉው ዕንቅፋት ዘይካሓድ እንተኾነ፡ ኣብ መስርሕ ምህናጽ ሃገርን ምዕባይ ንጡፍ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ህዝብን፡ ግዜ ዝወስድ ባህርያዊ ሽግር ስለዝኾነ፡ ብመንጽርቲ ኣብዘን ዝሓለፋ ውሑዳት ዓመታት ዝማዕበለ እምነትን ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ልዕልን ምስን ህ.ግ. ውሱንነቱ ርእይ ኢዩ።

ምምዝባል መነባብሮ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ሓደ ካብቲ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት፡ ንፖለቲካዊ ስራሕን ውዳበን ካብ ዝጸለዉ ረቛሒታት ምንባሩ ክጥቀስ ይግባእ። ሰፊሕ ቦታታት ኤርትራ ሓራ ኮይኑ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብ ገጠር ብዓቢኡን ኣብተን ሓራ ኮይነን ዝነበራ ከተማታትን፡ ክፉት ዲሞክራስያዊ ሃዋሁው ተፈጢሩ ስለዝነበረ፡ ማሕበራትን ህዝባዊ ትካላትን ዓምቢቡን ዓብዩን ምንባሩ ርዱእ'ዩ። ኣብ ናብራ ስደት ዝርከብ ህዝቢ'ውን፡ ዓዱ ተመሊሱ ሃገሩ ናይ ምህናጽ ተስፉን ፍናንን ክብ ስለዝበለ፡ ተሳታፍነት ህዝቢ



ማዕረ-ማዕረኡ ደይቡ ነይሩ'ዩ። ምስ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ኣብቲ ጸላኢ ዝተቖጻጸሮ ቦታታት፡ ከተማታት ኣውራ፡ እቲ ንጡፍ ዝነበረ ክሃድምን ክስደድን ስለዝተገደደ ኣብ ሂወትን መነባብሮን ህዝቢ ዓቢ ማህሰይቲ ኣኸቲሉ'ዩ። ስራሕ ምስኣንን ቀሲንካ ቁጠባዊ መነባብሮኻ ምዕቃብን (maintain) ምግባር ኣሸጋሪ ኮይኑ። ደርቂ ዘይቅሳነትን፡ ንሕርሻዊ ማእቶትን ጥሪትን ህዝቢ ኣዕንዩ ተወሳኺ ወጽዓታት ደሪቡ። ኣብ ሚዛን ሓይሊ መሰረታዊ ለውጢ ንክመጽእ ብባህሩ ግዜ ስለዝወስድ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ህላወ ሕቶ ቀዳማይ ስለዝነበረ፡ ኣብ ወጻኢ'ውን መዕለቢኻ ቦታን ማሕበራዊ ድሕነት ምርግጋጽን፡ ብቁጠባ ርእሰኻ ክኢልካ ሰብካን ዘመድካን ምሕጋዝ ናይ ግድን ስለዝኾነ፡ እቲ ስምዒትን ድልየትን ኣብ ቦትኡ እንከሎ፡ ንጡፍ ተሳታፍነት ለጠቕ ክብል ተራእዩ። ምስቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ናይ መግዛእታዊ ደርግ ጭፍለቓን ናይ ዕንወት ውዲታትን ናይ ኣድሓርሓርቲ ጉጅለታት ተስፉ ናይ ምኽላእ ዘመተታትን ተደማሚሩ ከኣ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣኸቲሉ ነይሩ ኢዩ። ህዝባዊ ማሕበራትን ምምዕባል መሰረታዊ'ዩ። እቲ ስራሕ'ውን ኣብ ህዝባዊ ምምሕዳር ጥራይ ዝውሰን ኻኹሉ ትካላት ህ.ግ. ዝምልከት ምዃኑ ዘይክሓድ'ዩ። ካድራት ምምሃርን ምዕላምን፡ ኣወዳድባን ኣሰራርሓ ምርቓቕን ከም ቀያዲ ዕማም ወሲዱ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ክሰርሓሉ'ኳ እንተጸንሐ፡ ኣብ ብቕዓት ካድረታቱን ኣሰራርሓን መጠናዊ ሕጽረት ከምዝጸንሐ ዘይካሓድ'ዩ። ካልኦት ክፍልታትን ኣካላትን ህ.ግ.'ውን፡ ፍሉይ ዕማማቶም ምስ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዝካየዱ ንጥፈታት ኣወሃሂዶም ክሰርሑሉ ስለዘይጸንሑ ከም ተወሳኺ ጉድለት ዝጥቀስ'ዩ።

ካብቲ ኣጠቓላሊ ፖሊስን ስራሕን ህ.ግ. ኣብ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ሜዳ ብሒቱ ዝተሓዝ'ኳ እንተዘይኮነ፡ ናይ ደቀንስትዮ ተራ ንምዕባይ ዝተኻየደ ስራሕ ብዓቢ ተገዳስነት ዝጥመት ኢዩ። ኤርትራ ሓራ ኣብ ምግባርን ኣብ ምህናጽን ተሳታፍነት ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ምጉስጓስ መሰረታዊ'ዩ። ከም ኩሉ ሕብረተሰባት፡ ደቀንስትዮ ከም ፍርቂ ኣካል ናይቲ ሕ/ሰብ ዝህልወን ተሳታፍነት ዓቢ ኣተኩሮ ክግበረሉ ዝግብኦ ጉዳይ

ኢዩ። ብኽልሰ ሓሳብ ምፍላጡ ወይ ከም መትከል ምእማኑ ቀሊልኳ እንተኾነ፡ ብግብሪ ተጨባጢ ምግባሩ ከቢድ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነዚ መሰረታዊ መትከላት፡ ኣብ ፕሮግራሙ፡ መሰላት ደቀንስትዮ ምርግጋጽን ተሳታፍነተን ንምዕባይን ሓንጺጹ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ጸኒሑ'ዩ። ብናይ ወዲ ተባዕታይ ትምክሕትን ማሪትን ዝእዘዝ፡ ንጓል ኣንስተይቲ ከም ድኽምቲ፡ ደንቆሮ፡ ከም ናይ ካልኣይ ደርቢ ዜጋ መሰላት ዝነፍግ፡ ብድሑር ልማዳትን ሕግታትን ዝግለጽ ሕብረተሰብ ንናይ ጓለንስተይቲ ማዕረ ተራ ቦታ ከምዝህብ ምግባር ቀሊል ጻዕሪ ዘድልዮ ስራሕ ኣይኮነን። ኣብዘን ዓሰርተ ዓመታት፡ ደቀንስትዮ ኣብ ምንቃሕ፡ ምምሃር፡ ምዕላም፡ ናተን ማሕበራት ምምስራት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ገዚፍ ተሳታፍነትን ጅግንነታዊ ኣብነትን ምርኣየን፡ ኣብ ህዝባዊ ትካላት ባይቶታትን ሽማግለታትን ተሳታፍነትን እናዓበየ ምኻድ፡ ኣብ ሕርሻውን ካልእ ቁጠባውን ማእቶታዊ ስርሓት ምስታፈን፡ ትምህርትን ሕክምናዊ ኣገልግሎትን ንጡፍ ተራ ምጽዋተን፡ ምምሕዳራውን ናይ ምምራሕ ተሞኩሮ ኮነ ብቕዓተን ክብ ምባሉ፡ ብኣጠቓላሊ ኣብ ኩሉ ሜዳታትን ሂወትን ሰውራ ኤርትራ ተሳቲፈን ምርኣየን፡ ጭቡጥ ግብራዊ መረጋገጺ ናይቲ ቅኑዕ ፖሊሲን ዕቱብ ኣተሓሕዛኡን'ዩ። ገና፡ ድሕረት ናይቲ ሕ/ሰብን ሕጽረት ናይቲ ግዜን፡ ውሱንነት ናይቲ ተመክሮን ቡዙሓት ክእለዩን ክሕጸቡን ዝግብኦም ጉድለታት ምህላዎም ክፍለጥ ዝግባእኳ እንተኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝሕበነሉ ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ምምዕባሉ፡ ንመጻኢ ዕማማቱ ዘቃልል ዓቢ ሽግር ፈቲሑ ከምዘሎ ፍሉጥ ኢዩ።

ብኣጠቓላሊ፡ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንቕሓት፡ ምውዳብ፡ ዲሞክራስያዊ ተራ ምዕባይ፡ ዝዕመም ስራሓት ገዚፍን ብዙሕ ጸዓት ዝሓትትን ስለዝኾነ፡ ዕንቅፋታት እናኣለኻ፡ ጉድለታት እናኣረምካ፡ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ህ.ግ. ኣብዚ ሜዳዚ ክሰፍሕን ኪረቅቕን ዝግብእ ጉዳይ'ዩ።



## ሃገራዊ ሓድነትን ምምስራት ሰፊሕ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባርን

ሃገራዊ ሓድነት ናይ ህዝቢ፡ ብመንጽር ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣቀዋውማኡ ዝርኣ'ዩ። ኣብ መእተዊ ናይዚ ጸብጻብ በሪሁ ከምዘሎ፡ ናይ ሃገራት ኣመጻጽኣ ወይ ኣቃውማ ኣብ ዘይማዕበሉ ሕብረተሰባት ብመኪና መግዛእቲ ዝተማልአ መስርሕ ኢዩ። መግዛእቲ፡ ሃገራት ኣብ ምቛም ኣቀላጣፊ ተራ ይጻወት እምበር፡ ነቲ ሕብረተሰባትን ድሑር ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣቀዋውማኡን ፈጺሙ ሰባቢሩ፡ ብኢንዱስትሪን ቁጠባዊ ምዕባሌን ኣብ ክብ ዝበለ ስልጣኔታት ከምዘየደየቦ ርዱእ'ዩ። መግዛእቲ ዘተኣታተዎ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ኣቀዋውማ ናይቲ ሕብረተሰባት'ውን ኻኹሉ ክፍልታት ናይቲ ሕ/ሰብ ብማዕረ ስለዘይጸልዎ፡ ኣሰሩ ኣብ ሃገራዊነት ናይ ኩሉ ህዝቢ ናይ ሓደ ሃገር፡ ዘይተመጣጠነ ውጽኢት ከምዘኸትል ክግንዘብ ይግባእ። ጸረ-መግዛእቲ ኣብ ዝካየዱ ቃልሲታት ይኹን፡ ድሕረ-መግዛእቲ ኣብ ዝካየዱ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት፡ ነቲ መግዛእቲ ኣብ ዘየማልኦ መስርሕ ምድልዳል ወይ ምህናጽ ሃገር፡ ዕማም-ቀዳማይ ናይቲ ነቲ ቃልሲ ወይ ምንቅስቓስ ዝመርሕ ፖለቲካዊ ሓይሊ ወይ ውድብ'ዩ። ሃገራውነት ናይ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ዝምዘን ድማ፡ ብብቕዓት ናይቲ ውድብ፡ ኣብ ምስካም ናይዚ ሓላፍነት'ዚ ኢዩ ዝርኣ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሓርፋፍ ኣዘራርባ፡ ትሽዓተ ቋንቋታት ካብ ዝዛረቡ ብሄራት ዝቖመ'ዩ። ናይ'ዚ ብሄራት'ዚ፡ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ቁጠባዊ ጥርናፌኡን ደረጃ ምዕባለኡን፡ ናይ ሓደ ብሄር ምኻን ስምዒቱን ዝተዳረገ ወይ ዝተማልአ ስለዘይኮነ፡ ብኣድማሳዊ ኣዘራርባ ብሄራት ኢዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣብ መንፈሳውን ስነ-ኣእምሮኣውን ኣቀዋውማኡ፡ ሃይማኖት ከም ረቛሒ ስለዝኣቱ ከኣ ነቲ ሕቶ ከምዘመሓላልፎ ብሩህ'ዩ። እቲ ብሄራውን ኣቀዋውማን ስምዒትን ዘይተማልአ ስለዝኾነ ከኣ፡ ቀቢላውን እንዳውን፡ ኢትኒካውን ኣውራጃውን፡ ጸበብቲ ኣቀዋውማታትን ስምዒታትን ስለዘተኣታተዎ መሊሱ ዝያዳ ዝተመሓላለኸ ይኸውን። እቲ ስምዒታት ይኹን ጸቢብ ኣ

ቀዋውማታት፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ድሙቕ ኮይኑ ኣብ ከተማታት እናሃሰሰ ስለዝኸይድ'ውን ኣብ ገጠርን ከተማን ክብን ለጠቕን ኣለዎ። ብዛዕባ ብሄራትን ብሄራዊ መሰላትን ማዕርነትን ኣብ እንዛረበሉ ከኣ ነዚም ረቛሒታት ከይረሳዕና ክንዛረብ ይግባእ።

እቲ ትግርኛ ዝዛረብ ብሄር፡ ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ዝቕመጥ፡ ብዘይካ ቋንቋ፡ ሓደ ወይ ተመሳሳሊ ሕርሻዊ ቀዋሚ ቁጠባዊ ስርዓት ተመሳሳሊ ምምሕድዳራዊ ሕግታትን ያታን፡ ተቐራራቢ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቀዋውማን ዘለዎ ስለዝኾነ፡ ከም ብሄር፡ ብተዛማዲ ምስ ካልኦት ብሄራት፡ ዝያዳ ጥርናፌ ዘለዎ ክፍሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንውሑዳት ሰዓ ብቲ ምስልምና ገዲፍካ ሃሳስ ጽልዋ ዘለዎ ናይ ተዋህዶን ካቶሊኽን ከኒሻን ኣብያተ ክርስትያን ምክፍፋልኺ እንተለዎ፡ ብኣጠቓላሊ፡ ናይ ሓደ ሃይማኖት ሰዓቢ ስለዝኾነ፡ እቲ ሃይማኖታዊ ረቛሒ ከም ጽልዋ ካብ ምክፍፋል ናብ ጥርናፌ ዘድሃበ'ዩ። ኣውራጃውን ወረዳውን ምክፍፋላት ምህላው'ውን ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ፡ ጽልዋኡ ካልኣዊ'ዩ። መግዛእቲ ንረብሓታቱ (ናይ ቁጠባን) ካብ ዝጠመቶም ኣከባቢታት ብምንባሩ ከኣ፡ ኣብ ምስብባር ማሕበረ-ቁጠባዊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከተማታት መስሪቱ ትሕተ-ቅርጺ ዘስፋሕፍሓሉ፡ ብተዛማዲ ዝዓበየ ባህላዊ ጽልዋታት ዝዘርግሓሉ ክፍሊ ናይ ኤርትራ'ዩ። መግዛእታዊ ጽልዋ ግን፡ ንኹሉ ተዛራቢ ትግርኛ ብተምሳሳሊ ደረጃ ከም ዘይጸልዎ ክፍለጥ ይግባእ።

እቲ ትግረ ዝዛረብ ብሄር፡ ብሓርፋፍ ኣብ ሰምሃርን፡ ሳሕልን፡ ክፋል ሰንሒትን ባርካን ዝነብር ኮይኑ፡ ዝርጋሐ ጆኦግራፊያዊ ቦትኡ ዘኸትሎ ዘይምጥምማር ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣገባብ ቁጠባዊ መነባብሮኡ ኣብ መንጎ ቀዋምን ሳጋምን፡ ማሕረስን መጓሰን፡ ባሕሪ ዝፈልጥን ዘይፈልጥን፡ ዝበዝሕ ኣብ ቆላታት ውሑድ ድማ ኣብ ከበሳታት ዝነብር'ዩ። ብዘይካ ውሑዳት ሰዓብቲ ክርስትና (መንሳዕ) መብዛሕትኡ ሰዓቢ እስልምና'ዩ። ምምሕድዳራዊ ሕግታቱ፡ መምስ ቁጠባዊ ስርዓታቱ መጠናዊ ፍልልያት'ኳ እንተለዎ፡ መንፈሳውን ባህላውን ጽልዋታት ዘጠማምሮ'ዩ።



መግዛእቲ ኢጣልያ ምስ ዝነበሮ እስትራተጂያዊ ረብሓታት፡ ነቲ ተዛራቢ ትግረ ዝነብረሉ ከባቢታት ብዝተፈላለየ ዓቕን ስለዝጸልዎ፡ ናይ ስልጣነ ደረጃታቱ ነንበይኑ ኢዩ። ንሱ ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣብ ገሊኡ፡ ኣውራ'ቲ ኣብ ከተማታትን ከባቢ ከተማታትን ዝርከብ፡ እቲ ስምዒት ናብ ኣውራጃዊ ገጹ ዝዘበለ ክኸውን እንከሎ፡ ኣብ ገሊኡ፡ ኣውራ ኣብ ርሑቕ ገጠራት፡ እቲ ቀቢላውን እንዳውን ምትእስሳራት ኮነ ስምዒታት ዝሓየለ ኢዩ።

እቲ ቢለን ዝዛረብ ብሄር፡ ኣብ ሰንሒት፡ ትግረ ብዝዛረቡ ህዝቢ ዝተኸበ ስለዝኾነ፡ ቢለንን ትግረን ዝዛረብ ህዝቢ'ዩ። ብጂኦግራፊያዊ ዶብን ሃይማኖታዊ ጽልዋን'ውን ገለ ክፋሉ ትግርኛ ከም ሳልሳይ ቋንቋ ይዛረብ'ዩ። ቁጠባዊ ስርዓቱ ብቐንዱ ኣብ ሕርሻ ዘድሃበ፡ ኣብ ቀዋሚ ቦታታት ዝነብር፡ ተመሳሳሊ ኢዩ። ፍርቁ ናይ እስልምና ፍርቁ ናይ ክርስትና ሰዓቢ ምዃኑ፡ ዝረኣዩ ፍልልያት'ኳ እንተለውዎ፡ ቁጠባውን ኢትኒካውን ምትእስሳራቱን ልማዱን ዘለዎ ምቅርራባት ስለዝሓይል፡ እቲ ሚዛን ጽልዋ ናብዚ ዳሕረዋይ ዝዘበለ'ዩ። ምቹእነትን ፍርያምነትን ቦታታቱ ኮነ፡ ጆኦግራፊያዊ እስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ቦታኡ፡ ንመግዛእቲ ኢጣልያ ኣገዳሲ ብምንባሩ ከኣ፡ ካብቶም ብመኪና መግዛእቲ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣቀዋውማኦምን ባህሎምን ብኸቢድ ዝተጸልዉሉ ኣከባቢታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ሓደ ኢዩ። ካብ ቀቢላዊን እንዳዊን ስምዒቱ ዞባዊ ስምዒቱ ዝሓየለ'ዩ።

ዓፋር ዝዛረብ ህዝቢ፡ ኣብ ዞባ ደንከል ዝነብር ጆኦግራፊያዊ ቦትኡ ሓደ ዝኾነ ብሄር ኢዩ። ብዘይካ ኣብ ውሱን ኣከባቢታት ዘሎ ብሕርሻ ዝናበር ክፋል፡ ዝበዝሐ እቲ ህዝቢ፡ እናሳገመ ኣብ መጓሰ ዝነብር፡ ኣብቲ ገማግም ዝርከብ ከኣ፡ ምግፋፍ ሃብቲ ባሕሪን ንግድን ዘዘውትር'ዩ። ኩሉ ሰዓቢ ምልስምና ስለዝኾነ፡ ምምሕድዳራዊ ሕጊታቱን ልማዱን'ውን ሓደ ስለዝኾነ፡ ሓደ ብሄር ናይ ምዃን ስምዒት ሓያል ይኹን'ምበር ውሽጣዊ ቀቢላውን እንዳውን ምትእስሳራቱን ስምዒቱን"ውን ሓያል ስለዝኾነ፡ ኣብ ብዙሕ ባህርያቱ ክልቲኣቶም ተደባሊቖም ዝርኣዩ'ዮም። መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ቁጠባዊ ዓቕምን፡

እስትራተጂያዊ ናይ ባሕሪ ኣገዳስነትን ዝጥምቶም'ኳ እንተነበረ ምስ ክሊማዊ ዘይምቹእነት ናይቲ ኣከባቢ፡ ጽልውኡ ኣብ ከባቢ ዓሰብ ጥራይ ዝተሓጸረ'ዩ ነይሩ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ከባቢ ዓሰብ ዝነብር ህዝቢ፡ እቲ ኣብ ሰሜን ደንከል ዝርከብ ክፋሉ ምስ ባጽዕን ከባቢኡን ንግዳውን ባህላውን ፍልልይ ስለዝነበሮ ከኣ ብስልጣነ ካብ ዝተጸልወ ክፍልታት ብሄር ዓፋር'ዩ።

ሳሆ ዝዛረብ ህዝቢ፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ፡ ብምዕራብ ምስቲ ትግርኛ ዝዛረብ፡ ብምብራቕን ሰሜንን ምስቲ ትግረ ዝዛረብ ናይ ሰምሃር ህዝቢ፡ ብደቡባዊ ምብራቕ ምስቲ ዓፋር ዝዛረብ ናይ ደንከል ህዝቢ ኣብ ዝዳወብ ቦታታት ዝነብር ኢዩ። ኣብ ገሊኡ ኣብ ቀዋሚ ናይ ሕርሻ፡ ኣብ ገሊኡ ከኣ፡ ቀዋምን ሳግምን ዝኾነ፡ ሕውስዋስ ሕርሻን መጓሰን ዝኾነ ቁጠባዊ ስርዓት ዘለዎ'ዩ። ብዘይካ ኣዝዮም ውሑዳት ሰዓብቲ ክርስትና፡ እቲ ብሄር ሰዓቢ ምስልምና'ዩ። እንዳውን ቀቢላውን ኣቀዋውማታት ደኹን ስምዒታት፡ ተጠማቲ ኣሰር'ኳ እንተለዎ፡ ብተዛማዲ፡ ብሄራዊ ስምዒታቱን ምትእስሳራቱን ይመዝን። መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ዝነበሮ ጽልዋ፡ እቲ ኣብ ከተማታትን ከባቢኡን ዝቕመጥ ክፋላቱ ተጸልዩ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ማእከል ዝነበረ ብዙሕ ኣይተጸልወን።

ናራ (ባርያ) ዝዛረብ ህዝቢ፡ ኣብ ማእከል ባርካ ዝነብር ብሄር ኢዩ። ዝበዝሕ፡ ትግረ ብዝዛረብ ህዝቢ ዝተኸበ ስለዝኾነ ከኣ፡ ትግረ ከም ካልኣይ ቋንቋ ይዛረበሉ'ዩ። ኣብቲ ምስ ባዛ ዝዳወበሉ ኣከባቢታት'ውን ኩናማ ዝዛረብ ዝተሓዋወሰ ክፍልታት ኣለዎ። መነባብሮኡ ብቐንዱ ኣብ ቀዋሚ ሕርሻዊ ቁጠባ ዝተመስረተ'ዩ። ኩሉ'ውን ሰዓቢ እስላምና'ዩ። ከም ኩሉ፡ ቀቢላዊ እንዳዊ ኣከፋፍላታት'ኳ እንተለዎ፡ ከም ብሄር፡ ምትእስሳራቱን ናይ ሓደ ምዃን ስምዒቱን ሓያል'ዩ። ምስ ህላወ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፡ ብዙሕ ካብ ዘይተጸልወ ብሄራት ሓደ'ዩ።

ኩናማ ዝዛረቡ ህዝቢ፡ ኣብ ከባቢ ባረንቱን ካብኡ ንደቡባዊ ምዕራብ ተዘርጊሑ ኣብ ዘሎ ናይ ጋሽ ቦታታትን ዝነብር ህዝቢ ኢዩ። ቁጠባኡ ኣብ ቀዋሚ ሕርሻ ዝተመስረተ



ደኹንምበር፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ዝርከቡ ብሄራት፡ ፍልመ-ዴሳዊ ባህርያት ደሚቑ ዝርኣየሉ ብሄር'ዩ። ብሓርፋፍ ኣ ዘራርባ ሰዓቢ ክርስትናን ምስልምናን'ዩ'ኳ እንተተባህለ፡ ብኽልቲኡ ሃይማኖታት ዘይተጸልዉ ክፍልታት ዘለውዎ፡ እቶም ዝተጸልዉ'ውን፡ ልማዳዊ እምነታቶምን ስሚዒቶምን ኣብ መንፈሳዊ ሂወቶም ከቢድ ጽልዋ ስለዘለዎ፡ ሃይማኖትን ጽልዋኡን ዓሚቑ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ቦታታቶም ፍርያም ስለዝኾነ፡ መግዛእቲ ኢጣልያ ነቲ ከባቢ ብመጠኑ ጸልዩዎ እኳ እንተኾነ፡ ኣውራ ኣብ ሕርሻ ብምዕሳብን ብመንገዲ ምስዮናትን እቲ ለውጢ ምስ ጎረባብቲ ብተዛማዲ ዝርኣ ኢዩ። ብሄራዊ ምጥብባቑ ሓያል ኢዩ።

ብዳውየት ዝዛረብ ህዝቢ ሕዳርብ፡ ካብ ጸግዒታት ዶብ ሰሜን (ሳሕል)፡ ብዶብዶብ ክሳብ ሰሜናዊ ምዕራብ ከባቢታት፡ ኣብ ገለ ገለ ከኣ ብወገን ባርካ ውሽጥ ኢሉ ኣብ ዝርከብ ቦታታት ዝነብር ኢዩ። ኣብ ገለ ምስ ትግረ ዝዛረብ ህዝብታት ባርካ ተሓዋዊሱ ይነብር። ኣብ ዝደራረብ ቦታታት ዝርከብ ህዝቢ ክልቲኡ ቋንቋታት ይዛረብ ኢዩ። ዝርጋሐኡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ቦታታት ስሑው ስለዝኾነ፡ ናይ ሓድሕዱ ምርኻብ ውሱን ኢዩ። ኩሉ ሰዓቢ እስልምና ኮይኑ፡ ኣብ መጓሰ ጥራይ ዝነብር ህዝቢ እዩ። ዝርጋሐኡን ሳሕዉን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ብሄራዊ ስምዒታዊ ምትእስሳራቱ ሓያል ኣይኮነን። ብመግዛእቲ ካብ ዘይተጸልዉ ብሄራት ኤርትራ ድማ'ዩ።

ራሻይዳ፡ ዓረብ ዝዛረብ፡ ካብ ሰምሃር ክሳብ ሰሜናዊ ጫፍ ዶብ፡ ኣብ ገማግም ዝነብር ኢዩ። ኣብ ገለ ቦታታት፡ ፍልማዊ ዝኾነ ናይ ሕርሻ ንጥፈታት ዘካይድ'ኳ እንተኾነ፡ ቁጠባኡ፡ ብቐንዱ ኣብ መጓሰን ምስጋምን ዝዝበለ ኮይኑ፡ ካብቶም ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ብሄራት፡ ብሒቱ/ክይተሓወሰ ዝነበረ ህዝቢ ኢዩ። ብህላወ መግዛእቲ ኢጣልያ'ውን ኣይተጸልወን።

ምስዚ ዝተጠቕሰ፡ ብሄራዊ ኣቀዋውማን ስምዒትን፡ ኣብ ዶባት ናይተን ብሄራት፡ ናይ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ምድርራባትን፡ ኣብ መሬትን መጓሰን ዝተበገሰ ረጽሚታት ምንባሩ'ውን ክዝከር ይግባእ። ኣብ ንሓድሕዱ ናይ ብዙሕን ውሑድን ብሄራት

ናይ ምዕብላልን ምጥርጣራትን ስምዒት'ውን ጸኒሑ ኢዩ። ጽልዋታት መግዛእቲ ክበሃል እንከሎ'ውን፡ ብዘይካ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ናይ ቱርክን ግብጽን መሳፍንቲ ትግራይ ወራራትን ጽልዋታቱን'ውን ኣብ ግምት ዝኣተ ኢዩ።

ኣቀዋውማ ብሄራትን ዝተፈላለየ ባህርያተንን እዚ ይኹን'ምበር፡ ነፍሲ ወከፍ ብሄር ናቱ ማሕበረ ደርባዊ ኣቀዋውማ፡ ትግረ ሽማግለ፡ ዓዃይ መስፍን፡ በዓል ጥሪትን ጓሳን፡ ነጋዳይ፡ ጠቢብ ወዘተ... ሃልዩዎ፡ ኣብ ምውስዋስ (dynamics) ናይ ነፍሲ ወከፍ ብሄር ዓቢ መሰረታዊ ረቛሒ ምዃኑ ኪፍለጥ ይግባእ። ካብዚ ብሄራዊ ኣቀዋውማ ወጻኢ፡ ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝመጸ ስርዓት-ቁጠባ ዝተፈጥሩ ማሕበራውያን ሓይልታትን፡ ኣብ dynamics ምህናጽ ሃገር ዘለዎ ተራ'ውን ካብኡ ተፈልዩ ዝርኣ ኣይኮነን። ማዕረ-ማዕረኡ ጸታዊ ኣከፋፍላን ቦታ ነፍሲ ወከፍን እውን ኣብ ግምት ዝኣተ ኢዩ።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ዝተፈላለዩ ባህርያት ኣቀዋውማ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ነንበይኑ ናይ ቃልሲ መድረኻት፡ ንተሳታፍነት ህዝቢ ኣብ ቃልሲ ዝጸልዉ ረቛሒታት ምዃኖም ምግንዛብ'ውን ኣገዳሲ እዩ።

ሓድነት ህዝብን ሃገርን ክበሃል እንከሎ እምበኣር፡ ነዚ ዝጸንሐ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣቀዋውማን ባህርያቱን/ጠባያቱን ብግቡእ ተረዲእካ፡ ተሳታፍነት ኩሉ ሃገራዊ ሓርነት ረብሓ ዘለዎ ብዘይካ ብቁጽሪ ኣጻብዕ ዝቑጸሩ ከደዓት- ህዝቢ ዝዓብየሉን ዝነጥፈሉን ፕሮግራም ሓንጺጽካ ምስራሕ ማለት ኢዩ። ማዕርነት ክበሃል እንከሎ'ውን፡ ኣብ መንጎ ብዙሕን ውሑድን ብሄር ዝህሉ ናይ ዓብላልነትን ንዕቀትን ስምዒታት በቲ ሓደ፡ ናብ ጸቢብነት ዝደፍእ ናይ ስግኣትን ምጥርጣራትን ስምዒታት ከኣ በቲ ካልእ ምእላይ ማለት ኢዩ። ምስዚ ኣብ መንጎ ብሄራት ዘሎ ናይ ደረጃ ቁጠባውን ባህላውን ምዕባሌታት ጋጋት ንምጽባብ ምቅላስ ማለት ኢዩ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሃገራዊ ሓድነት፡ ነዚ ንቕሓት እዚ ካብ ምግንዛብ ተበጊሱ ይሰርሓሉ። ኩሉ ካብ ሃገራዊነት



ንታሕቲ ዝኾነ ስምዒታትን ኣሰራርሓን፡ ሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ምስልሳል ኮነ ሃገር ምህናጽ፡ ምስ ሃገራዊ ሓድነት ተጻራሪ ስለዝኾነ ከኣ ኣትሪሩ ይቃለሶ። (ሃገራዊ) ንቕሓትን፡ ቁጠባዊን ባህላውን ምቅይያራትን ክልተ ንሓድሕዶም ዝመላለኡ ረቛሒታት ኣብ ምትራር ሃገራዊ ሓድነትን ህንጻን ስለዝኾኑ ከኣ፡ ብቐጻምነት ሃገራዊ ንቕሓት ህዝቢ ክብ ከምዝብል ማዕረ-ማዕረኡ ከኣ ነቲ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ቁጠባዊ ባህላዊ ለውጢ ንምምጻእ ብዕቱብ ክሰርሕ፡ ጸኒሑ ኢዩ። ትሕዝቶ ስራሕን ሃገራዊ ሓድነትን፡ ካብዚ ኩርናዕዚ ጥራይ ስለዝርእዮ ከኣ፡ ናይ ውድባትን ጉጅለታትን ሓድነት ጉዳይ ፈልዩ ክሪኦን ክሕዞን ጸኒሑ ኢዩ።

ኣብ መንጎ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ካልኦት ጉጅለታትን / ውድባትን ዝጸንሐ መሰረታዊ ፍልልይ ከኣ፡ ኣቓዲሙ ከምዝበርህ፡ ሓደ ስፊሕ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ናይ ምምስራት መስርሕን ሕቶን ዝምልከትዩ። እቲ ብሉይን እናነደየ ዝኸይድ ዘሎን መስመራት ክሰርሓሉ ዝጸንሐን፡ ክገድፎ ዘይደልን ኣሰራርሓ፡-

ንህዝቢ ኤርትራ፡ ብእንዳ፡ ቀቢላ፡ ዞባ፡ ሃይማኖት እናኸፋፈልካ፡ ኣብ ዝጥዕመካ፡ ብቓል-ኪዳን ናይ መራሕቲዚ ጸቢብ ኣቀዋውማታትዚ ሓደ ውድብ ምፍጣር፡ ብምርጻምን ምውቕቓዕን ቀቢላታት፡ እንዳታት ወዘተ... ናይ ውድባት/ጉጅለታት ህላወ ምዕቃብ፡ ጸቢብ ምብልላዕት ኣብ ዝግንፍለሉ ካልእ ኣብ ከምኡ ዝኣመሰለ ጸቢብ ቃል ኪዳናትን-ፍሕሶን ዝተመስረተ ሓድሽ ውድባት/ጉጅለታት ምምስራት፡ መሊስካ ምፍንጫል... መሊስካ ቃል ኪዳን... እናበለ ዝኸይድዩ።

ዝካየድ ስብከታት ኩሉ፡ ቀቢላውን ዞባውን ሃይማኖታውን ቅርሕንትታት ምንዛሕ ኮይኑ፡ እቲ ክሳብ ሕጂ ናይ ከምዚኣ ቶም ጉጅለታት ህላወ ረቛሒ ዝኾነ፡ ስብከታቶምን ናይ ህዝቢ ኣቓልቦን ዘይኮነ፡ ናይ ወጻኢ ኢድ ምትእትታውን፡ ኣውራ ኣብ ስደት ናይ ዝነብር ህዝብና ሕሱም ናብራ'ንዩ። እቶም ቀንዲ ኣንቀሳቐስትን ተኸተልቶምን ንድየቶም እ ረጋጊጾም ስለዘፈልጡ፡ ምእንቲ ሓርነት ሃገሮምን ህዝቦምን

ግዲ ስለዘይብሎምን ብዘይካ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓሸውየ ከኣ ሰሪሖም ክነብሩ ስለዘይክእሉን፣ ጉዳዮም፣ ካብ ሃገራዊ ሓድነትን ምምስራት ሰፊሕ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባርን ዝረሓቐዩ። ሎሚ ከምዚ'ሎም ምንዳዮም ከኣ፣ ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ትኩርን ዕቱብን ቃልስን፣ ህዝቢ ኤርትራ ጉዶም እናንቕሓሉ ስለዝኸደንዩ።

ኣቐዲሙ በሪሁ ከምዘሎ፣ ናይ ህ.ግ. ምምጻእ፣ ቀጻሊ ናይ ቅንጸላ ስጉምቲታትን ውዲታትን ናይቲ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ናይ ላዕለዋይ ባይቶ ዘይሃገራዊ መስመር ዝኽተል ዝነበረ ዓብላሊ ሓይሊ ጸቕጢ'ዩ። ክሳብ "77 ኣብ መንጎ ክልቲኦም ውድባት ምትህርራማት ዓጊትካ፣ ናይ ልዝብ ሃዋሁው ፈጢርካ፣ ብናይ ሓባር ስራሕ፣ ቀስ ብቐስ ናብ ሓድነት ንምምጻእ ዝተገብረ ፈተነታት ከይተዓወተ ተሪፉ። ቀዳማይ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ.፣ ነቲ ምስ ተ.ሓ.ኤ. ዝተኻየደ ናይ ሓድነት ጻዕርታት ድሕሪ ምግምጋም ከኣ፣ ፖሊሲኡ ናይ ሓድነት ጻዕርታት ድሕሪ ምግምጋም ከኣ፣ ፖሊሲኡ ናይ ሓድነትን፣ ናብኡ ዘብጽሕ ናይ ስሙር ግንባር ኣረኣእያኡን ናይ ስራሕ መደባትን ሓንጺጹ ወጺኡ፣ ንትግባረውነቱ ክቃለስ ጀሚሩ።

ብቐጥታ ድሕሪቲ ጉባኤ ከኣ ኣብ ናይ ሚያዝያ ርክብ-ዛግር፣ ግንቦት-ሃዋሻይት፣ ኣረኣእያኡ ብዛዕባ ሓድነት ክልቲኡ ውድባትን ምጥርናፍ ዲሞክራስያዊ ባእታታቱን ዘለዎ ድልየት ኣረጋጊጹ። መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኣውራቲ ጸረ-ሓድነት ዝኾነ ዓብላሊ ክፋሉ ግን፣ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣዳኺሙ ዝድምሰሰሉ መድሎ ጥራይ ሃሰው ይብል ስለዝነበረ፣ ከም ኣመሉ፣ ዝ.ያዳ ደላይ ሓድነት መሲልካ ንምርኣይ፣ ንግብራውን ሓቀኛን ስምረታዊ ኣረኣእያ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከምዘይሓድነታዊ፣ ንሱ፣ ምሉእ ሓድነት፣ ብቆጸራ ናይ ጉባኤ ከምዝደልዩ ኣጎሳጒሱ። ንጉዳይቲ ህ.ግ. ዝኾነኖ ል.ወ.ጉ. ነበር ጉጅለውን ከም ናይ መተዓናቕፊ ምስምሳ ት ኣልዒሉዎ። እቲ ዝኸፍኣ ድማ፣ ህ.ግ. ኣብ ውግእ ሰምሃር ብዓቢኡ ተጻሚዱ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ብድሕሪት ኮይኑን ኣብ ካልእ ሰፊሕ ቦታታት ናይ ኤርትራን ዘሳውሮ ዝነበረ ወተሃደራዊ ምትህርራማትዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ.፣ ኣብቲ ቀዳምነት ሂቡ



ዘካይዶ ዝነበረ ሓርነታዊ ውግኣት ከይተዓናቐፈን ንምስምስ ዕድል ከይሃበን፣ ነቲ ውግኣት ብሽምግልነት ህዝብን ብልዝብን እናፈወሰ፣ ዕቱብ ዝርርብ ናይ ክልቲኡ ውድባት ሓድነት ቀጺሉ፣ ኣብ መወዳእታ፣ ብሞንጎኘነት ሱዳን፣ ኣብ ጥቅምቲ "77 ኣብ ናይ ሓባር ስምምዕ ተበጺሑ።

ብመሰረት ስምምዕ ጥቅምቲ፣ ናይ ሓባር ላዕለዋይ ፖለቲካዊ መሪሕነት፣ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሽማግለታት ቆይመን፣ ኣብ ቁጠባ፣ ዜና፣ ማሕበራዊ ጉዳይ፣ ወጻኢ'ውን ከምኡ ናይ ሓባር ሽማግለታት ክቖማን ናይ ሓባር ናይ ስራሕ መደባት ኣብ ኩሉ ሜዳታት ከምዝንደፍን ተገይሩ። እቲ ስምምዕ፣ በቲ ተፈጢሩ ዝነበረ ህዝባውን ናይ ፈተውትን ጸቓጢ ሃዋሁው ይፋጠር እምበር፣ እቲ ዓብላሊ ወገን ሰውራዊ ባይቶስ ዕረ እናጠዓሞዩ ተቐቢልዎ። ነቲ ስምምዕ ንምትዕንቓፍ ድማ ኩሉ ዝከኣሎ ገይሩ። ኣብ ምቛም ናይተን ሽማግለታትን ናይ ሓባር ናይ ስራሕ መደባት ኣብ ምሕንጻጽን ኮነ፣ ነቲ ዝብጻሕ ዝነበረ ስምምዓት ናይ ምድንጓይን ምጥሓስን ዕንቅፋታት እናፈጠረ ብዕቱብ ከምዘይሰርሕ ገይሩዎ። ነቲ ብሓባር ዝተነድፈ ናይ ፖለቲካዊ ጎስጓስ መደባት ኣብ ምውጻእን ምትግባርን ብተመሳሳ ሊ መገዲ ክሳብ ነቲ ስምምዕ ዘፍረሰሉ ግዜ ከይተተግበረ ከምዝተርፍ ገይሩ። ናይ ሓባር ወተሃደራዊ እስትራተጂን ኣተገባብራኡን ንምጽራይ ዘይመስረታውያን ሕቶታት እናልዓለ ብዘይካ ግዜ ምምጣጡ ነቶም ስምምዕ ዝተገብረሎም ኣብ ምፍጻም፣ ሓሶትን ዕባራ ምኽንያትን እናፈጠረ በቲ ሓደ ወገን፣ ነቶም ብሓባር ዝፍጸሙ ስራሓት፣ ንህ.ስ. እናጠንጠነ ኣብ ምውራድን በቲ ካልእ፣ ነቲ ስምምዕ ኣብ ምፍራስ ከምዝሕግዙ ሰሪሑ። ከም ኩሉ ግዜ ከኣ፣ ኣበየ ቦታኡ ተኾርሲ ምኽፋት፣ ንኾሎም ርክባትን ምርድዳኣትን ኣብ ምዕንቃፍ ቀጸልቲ ተርእዮታት ምስምስ ንይሮም። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት፣ ሽውዓተ ርክባት ናይ ሓባር ላዕለዋይ ፖለቲካዊ መሪሕነትን፣ ካብ ዕስራ ዘይውሕዱ ናይ ዝተፈላለያ ሽማግለታት ርክባትንኳ እንተተገብሩ፣ ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ድልየትን ዕቱብነትን ንበይኑ ኪሰርሕ ስለዘይከኣለ፣ ኣብ መጀመርያ 7/80 መከተምታ ናይቲ ስምምዕ ንምእዋጅ፣ ሰውራዊ ባይቶ፣ ነቲ ብናይ ሓባር ስምምዕ

ኣብ ሰ.ም. ሳሕል ዓሪዱ ዝነበረ ኣሃዱ (ብርጌድ) ብጽልቋ ድፋዓቱ ገዲፉ ከምዝስሕብ ገይሩ።

ሰውራዊ ባይቶ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጉምቲ ምውሳድ ብዘይ calculation ኣይነበረን። ኣብ ኤርትራ ብሓፈሻ ሚዛን ሓይሊ፡ ብምትእትታው ሕብረት ሶቭየት ተቐይሩ ስለዝነበረ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከኣ ካብ ምጥቃዕ ኣብ ምክልኻል ኣትዩ ዳርጋ ኩሉ ሓይሉ ኣብ ሰሜን ተኣኪቡ ስለዝነበረ፡ ተዳኺሙሉ'ሞ፡ ንዝያዳ ምድኻሙን ምቕንጻሉን ምቹእ ዕድል ተረኺቡ ስለዝነበረን'ዩ። ምስዚ'ውን፡ ድሕሪ ምፍሻል ናይቲ ብሕብረት ሶቭየት ተፋሒሱ ኣብ በርሊን ዝካየድ ዝነበረ ርክባት፡ መጅልስ ሰውሪ፡ ህ.ግ. ምጥፋእ ከም ቀዳማይ ጸላኢ ኣብ ምትሕብባር ምስ ጸላኢ ኣትዩ ከም ዝነበረ ክዝከር ይግባእ። ብግብሪ ከኣ፡ ብዘይካ ነቲ ኣብ ሰፊሕ ገጠራት ኤርትራ እናተንቀሳቐሰ ዝዋጋእን ዘንቅሕን ዝነበረ ናይ ደባይን ተንቀሳቓስን ኣሃዱታት ህ.ግ.ሓ.ኤ.፡ መጅልስ ሰውሪ፡ ሰፊሕ ዘመተ ገይሩ። ሓይሉ ኣኻኺቡ፡ ኣብ ሓልሓል ገዚፍ መጥቃዕቲ ወሲዱ፡ ዳግማይ ሓድሕድ ኲናት ብምብራዕ፡ ዓበይቲ ጎናዊ ግጥማት ተኻይዶም፡ ናይ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ውጥናት ሽቶኡ ከይወቕዐ ተሪፉ። ብስልበጣዊ ጥርዓን መጅልስ ሰውሪን ምትእትታው ሱዳንን ከኣ፡ ብ22/11/80 ተኹሲ ምቁም ስምምዕ ተፈሪሙ።

ድሕሪቲ ናይ ተኹሲ ደው ምባል ስምምዕ፡ መጅልስ ሰውሪ፡ ሓይልታቱ ንምዝማት ግዜ ምስወሰደ፡ ነቲ ስምምዕ ኣፍሪሱ ተኹሲ ምስ ከፈተ፡ ብጸረ መጥቃዕቲ ህ.ግ. ካብ ዶብ ኤርትራ ንሱዳን ከምዝኣቱ ኮይኑ። ስምምዕ ጥቅምቲ ኣፍሺሉ፡ ሽቶኡ ስለዘይወቕዐ ከኣ፡ ምስተን ብ...79 ኣብ ክልተ ህ.ሓ.ሓ. ማእከላይ ባይቶን ህ.ሓ.ሓ. ሰውራዊ መሪሕነት-ዝተፈንጨላ ጉጅለታት ንምምሻጥርን ህ.ግ. ንምውቃዕን ንምብሓትን ሓድሽ ምንቅስቓስ ጀሚሩ። ኣብቲ ኣጋጣሚ'ቲ ብማሕበር ሃገራት ዓረብ ዝተወሰደ ናይ ውድባት ኤርትራ ምስማር ተበግሶ ስለዝነበረ፡ ህ.ግ. ዘይትካፈሎ ናይ ሰለስተ ስምምዕ ጥራይ ክግበር ዝከኣሎ ጽዒሩ። ህ.ግ. ከይተዘንግዐ ንጸውዒት'ቲ ውድብ ኣኽቢሩ፡ ነቲ ዝነበሮ ዕቃበን መርገጽን ኣብ ልዕሊ ህ.ሓ.ሓ.



ኣነጺሩ፡ ኣረአእያኡ ብምብራህ ኣብቲ ንርክብ ዝተገብረ ዕ ድመ ተኻፊሉ። ነቲ ርክብ ንምፍሻልን ህ.ግ. ንምውጻእን። ነተን ካልኦት ኣብ ምሕባል ዘካየዶ ፈተነ ኣይተዓወተን። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ናይ ወያነ ሕቶ ኣልዒሉ ካብቲ መሰረታዊ ጉዳይ ንምውጻእ ዘካይዶ ፈተነታት ከይተቓልዐ፡ ተቓሊዑ፡ ኣብ ሓፈሻዊ መትከላትን ህ.ግ. ብዛዕባ ህ.ሓ.ሓ. ዘለዎ መርገጺ ብረፈረንዱም ውጺኢቱ ምስረኣየ፡ እቲ ርክባት ኪቕጽልን ምርድዳእ ተገይሩ።

እቲ ኣብ ቱኒዝ ዝተገብረ መባእታዊ ምርድዳእ፡ ብወገን'ቲ ዓብላሊ ክፋል ሰውራዊ ባይቶ ቅቡል ስለዝነበረ ተነጺጉ ተሪፉ። እቲ ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ. ብቓል-ኪዳናትን ብስልትን እናተጸጋገነ ዝኸይድ ዝነበረ ግርጭታትን ምብላሑን እናተቐላጠፈ ከይዱ። ተቓውሞ ናይቲ ኣብ ዶብ ሱዳን ዝኣተወን ብረቱ ዝተሓድገን መሰረታት ዓብዩ። ናይቲ ዓብላሊ ጉጅለ ቦታ'ውን ሰንከልከል ኢሉ። ኣብቲ ሓይሊ'ቲ ሕድሪ ኣንቢረን ዝነበራ ሓይልታት፡ ስዑድያ ብቐዳምነት፡ ደረጃ ምትእትታወን ክብ ኣቢለን ከኣ፡ ዕልዋ ንኸካይድ ምቹእ ባይታ ምስተፈጥረሉ፡ ከም ልሙድ፡ ኣብ ሓደ ብውረድ ደይብ ዝተበጽሐ ኣኼባ፡ ደግሲ ናይ ቅንጸላን ግሁድ ምፍንጫልን ኣብ ውሽጢ ሰውራዊ ባይቶ ተፈጺሙ። ገለ ተቐቲሉ ብዙሓት ድማ ተኣሲሮም። እዚ ነቲ ግርጭታት ናብ ናይ መወዳእታ ደረጅኡ ኣደይቡ፡ መወዳእታ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ኣረጋጊጹ።

ብድሕሪዚ'ውን እንተኾነ፡ ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ውድባት ሓድነት/ሓደ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ናይ ምምስራት ጻዕሩ ከየቋረጸ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ባእታታትን ጉጅለታትን ርክባቱ ይቕጽል ነይሩ። እቲ እዋን'ቲ ጸላኢ ን6ይ ወራር ዝቀራረበሉ ስለዝነበረ፡ ኣብ ፍርቂ የካቲት እቲ ወራር ጀሚሩ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብዘይምቁራጽ ከኣ ቀጺሉ። ኩነታት ናብ ምህዳእ ገጹ ምስ ከደ ከኣ፡ ኣብ ሰነ "82 ናይ ሓድሽ እማመኡ፡ ሓፈሻዊ ሕንጻጻት ዝሓዘ መግለጺ ኣውጺኡ። ናይቲ ምስ ተ.ሓ.ኤ. ንሓድነት ዝተኻየደ ቃልሲታትን ኩነታት ሰውራ ኤርትራ ድሕሪ ምግምጋመን ከኣ ናይ ልፍንቲ እመመኡ ብ25/10/82

ኣዊጁ። መሰረታዊ ትሕዝቶ ናይቲ ልፍንቲ፣ ካብቲ መሰረታዊ መትከላት ንምምስራት ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ዘይወጽእኳ እንተነበረ፣ ካብቲ ምስ ተ.ሓ.ኤ. ተበጺሑ ዝነበረ ናይ ጥቅምቲ ስምምዕ ዝፈልዮ፣ ናይ ውድባዊ ሓድነት ከብጽሕ ዝኽእል ዝለዓለ እማመ፣ ቀዳምነት ሰፊሕ ሃገራዊ ባይቶ፣ ከም መተኣ ኻኸቢ ናይ ኩላቶም ሃገራውያን ሓይልታትን ባእታታትን ፈጢርካ፣ ናጻ ኣብ ዝኾነ ባይታ፣ ቀስ ብቐስ፣ ሰፊሕ ግንባር ንምምስራት ዝዓለመ'ዩ ኔሩ። ብኡ መሰረት ከኣ፣ ምስ ኩላተን ውድባትን ጉጅለታትን ውልቀሰባትን፣ ክልተኣዊ ርክባት ናብ ምግባርን ዝምድናታት ናብ ምምስራትን ተበጊሱ።

ብኡ መሰረት ከኣ፣ ምስቲ ኣብ ኮሮኮንን ታህዳይን ዝነበረ ዝዓበየ ክፋል ተቓውሞ ተ.ሓ.ኤ. ህ.ሓ.ሓ. ማእከላይ ባይቶ፣ ህ.ሓ.ሓ. ሰውራዊ ሽማግለ ርክባት ጀሚሩ። ናይ ልፍንቲ እማመ ካብ ዝተኣወሉ፣ እቲ መሰረታዊ ሃገራዊ ባይቶ ናይ ምምስራት ፖለቲካዊ ትሕዝቶ፣ ቆላሕታ ከይተገብረሉ፣ ኣብቲ ወተሃደራዊ ክፋሉ ማለት ንሓደ ሃገራዊ ሓርነታዊ እስትራተጂን ኣብ ጎኒ'ቲ ንሓላፍነት ብረታዊ ቃልሲ ዝተሰከመ ህ.ሰራዊት ምስላፍ ዝጽውዕ፣ ከም ምስምስ ህ.ግ. ካልኦት ጉጅለታት ንምውሓድ ዝተበላሓቶ ከምዝኾነ ኣምሲልካ ብምቕራብ ሰፊሕ ዘመተ ከካይደሉ ጀሚሩ። እተን ዝተደራቐማ ጉጅለታት፣ ኣብ ቦታ ህ.ግ. ዝዓበየን ወሳኒን ሓይልታት ነረን እንተዝኾና፣ ስነ-መጎተን ቅንጸላን ጭፍለቓን ናይ ምኂኑ ጉዳይ ብዙሕ ኣየካትዕን። ንህ.ግ. ሃገራዊ ሓላፍነቱ ተረዲኡ፣ ሓያልን ወሳንን ውድብ ምኺኑ ብጸግዒ ኣጽኒሑ፣ ግዝፍን ተራን ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ከየነኣሰ፣ ብምቕሉል ንዘቕረቦ እማመ፣ ብገለ ባእታታት፣ ካብቲ ወተሃደራዊ ኣመቱ ፖለቲካዊ ትሕዝቶኡ ዝያዳ ስለዘስግኦም ጥራይ ድማ'ዩ ተቓውሞታት ከርኢ ጀሚሩ። ምኽንያቱ፣ ካብ ናጻን ሰፊሕን ሃገራዊ ምትእኽኻብ፣ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ንምኹዳድን፣ ብንብረት ህዝቢ ንምጽዋትን ዕድል ስለዝኸልእ። ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ከምዝሎ ከኣ፣ እቲ ብምድኻም ጉጅለ ዕልዋ ዝሰግአ፣ ብቐንዱ ናይ ስዑድያ ዝኾነ፣ ናይ ወጻኢ ሓይሊ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ናጻ ኤርትራዊ ባይታ፣ ኢድ ንምትእትታው ዕድል ስለዘይህቦ፣ ብድሕሪቶም ተቓወምቲ ናይቲ እማመ



ኮይኑ የንበድብድ ከምዝነበረ ክዝከር ይግባእ።

በቲ ተቓውሞን ምትእትታውን ከይተገትአ ከኣ፣ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ትሕዝቶ እማመኡ ንምብራህን ንምይይጥን ጻዕሪታቱ ቀጺሉ። ኣብቲ ብሕዳር 15/82 ምስ መሪሕነት ህ.ሓ.ሓ. ማእከላይ ባይቶ ዝገበሮ ርክብ፣ ድሕሪ ምይይጥ፣ ብወገን'ቲ መሪሕነት ነበር ምርግጋጽ ኣብ ተቐባልነት ናይቲ እማመ ክዝከር ይከኣል። እዚ ጉጅለ'ዚ፣ ብባህሩ ኣብቲ እማመ ረብሓ ስለዘይነበሮ ከኣ፣ ነቲ ዝተቐበሎ እማመ ዘፍርስ መልእኽቲ ንምስዳድን ተጻይ ዘመተታት ንምክያድን ግዜ ኣይወሰደሉን። ምስ ሓደ (ሳልሳይ ክፋል) ናይቲ ዝተመቓቐለ ተ.ሓ.ኤ. (ተያር) ኣብ ስምምዕ በጺሑ ስለዝነበረ ከኣ፣ ኣብቲ ብስዑድያ ተወጢኑ ዝፈሓስ ዝነበረ፣ ዳሕራይ ብስምምዕ ጅዳ ዝፍለጥ ሓድሽ ቃልኪዳን ኣትዩ፣ ጸረ-ህዝባዊ ግንባር ዘመተ ኣብ ምክያድ ርእሰ-ኾናት ናይቲ ሓይሊ ኮነ። ንህዝባዊ ግንባር ንምጽማው ኣብ ወጻኢ ዘመተ የካይደሉ ኣብ ዝነበረ፣ ብኣጋጣሚ፣ ብጻዕሪ ናይ ሶማል መንግስቲ ኣብ መቓድሾ ርክብ ክግበር ስለዝተሓተ፣ ርክብ ተኻይዱ። ብወገን ህ.ግ. እቲ ውድብ፣ ጸረ-ህ.ግ. ዘመተ ምክያዱ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዝኾነ ስምምዕ ስለዘይቅየድ፣ ቀጻሊ ርክብ ኪግበር ጥራይ፣ ውጽኢት ናይቲ ዝምዕብል መርገጺ ተራእዩ ድማ፣ ኣብ ስምምዕ ኪብጻሕ ዝብል ርእይቶ ቀሪቡ። ኣብ ናይ መቓድሾ ርክብ፣ ህ.ሓ.ሓ. ዓ ም.ባ. ንስምምዕ ጅዳ "ዘርጊ" ከምዝኾነ ምስ ህ.ግ. ዝምድንኡ ከደልድል ከምዝደልን ተማጸዲቑ። ብድሕሪ'ዚ፣ ኣብ ታሕሳስ 21/83 ኣብ ኩወይት ርክብ ተገይሩ፣ ኩላተን ውድባትን ጉጅለታትን ዝሳተፍኦ ርክብ ክጽዋዕ፣ ናይ ማሕበር ሃገራት ዓረብ ወከልቲ ኪሳተፍዎ ምዕዳም፣ ክልታኣዊ ርክባት ህ.ግ.፣ ህ.ሓ. - ማ.ባ. ኣንጻር ተራ ስዑድያ ምምሕዳር ጥራይ ዘይኮነ፣ ናይ ተቓውሞ መዘክራት ክስደድ ይደፍእ ከምዝነበረ እውን ዝዝከር'ዩ። እንተኾነ ግን፣ ሳምንቲ ከይሓለፈ፣ ህ.ሓ.ሓ.-ማ.ባ. ንስዑድያ ብምኻድ፣ ነቲ ኣብ ኩወይት ዝገበሮ ስምምዕን ዝኣተዎ ቃልን ነጺጉ፣ ናብ ልማዱ ተመሊሱ፣ ጸረ-ህ.ግ. ኣብ ምዝማት ኣትዩ። በዚ ከኣ፣ ህ.ግ. ምስዚ ጉጅለ እዚ ዘካይዶ ዝርርባት ኣቋሪጹ።

ብኻልእ መዳይ ርክብ ህ.ግ. ምስቲ ብስም "ሳግም" ዝፍለጥ ዝዓበየ ክፋል ተ.ሓ.ኤ.-ግ.መ. ቀጺሉ፣ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት ብሓባር ድሕሪ ምግምጋም፣ "ስምምዕ ጅዳ" ናይ ወጻኢ ኢድ ዘለዎ፣ ጸረ-ሃገራውን ጸረ-ሓድነትን ምዃኑ፣ ብጸጥታ ሱዳን ዝፍጠር ጸቕጢታት'ውን ንዕኡ ንምግልጋል ተባሂሉ ከምዝኾነን፣ ብሓባር ክቃለሱዎን ዝምድናታት ክልቲኡ ውድባት ንምሕያል ብሓባር ክሰርሑን ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። እቲ ኣብ ሱዳን ኣብ መዓስከራት ተሓጺሩ ዝነበረ ሓይሊ፣ ንሜዳ ኣትዩ ከኣ ምትሕግጋዛት ተጀሚሩ። እቲ ሓይሊ፣ ኣብ መጀመርያ ሕዳር "84 ኮንፈረንስ ድሕሪ ምግባሩ ከኣ ምይይጣትን ናይ ሓባር ስራሓትን ብዝተወደበ መልክዕ ቀጺሉ። ኣብ ቀጻሊ ርክባት ከኣ፣ ናይ ክልቲኡ ውድባት ፕሮግራማት እናተነጻጸረ ብሓባር ክጽናዕ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖሊሲ ጠቀስ ሕቶታት ከም፣ ንናይ ሓባር ፖለቲካዊ ጎስጓስ ስርሓት መደብ ክወጽእ፣ ወተሃደራዊ ናይ ሓባር ተሳታፍነት ክስርሓሉ፣ ኣብ ኩሉ ካልእ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ... ስራሓት ምትሕግጋዛት ክግበር ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ኣብ ውሽጢ'ቲ መስርሕ፣ ናይ ሓባር ኣረኣእያታት እናማዕበለ፣ ዘፈላሊ ነጥብታት ብዕቱብ ብሓባራዊ ተሳታፍነት ናይ ሂወትን መስዋእትን ሽርክነት ዕምቆት እናወሰደ ከምዝኸይድ ኮይኑ። እዚ ብንቕሓትን ናጻ ድልየትን እናማዕበለ ዝኸደ ዝምድና ንኽልተ ዓመታት ሰሪሑ፣ ሓደ ሂወት ናይ ቃልሲ ንምፍጣር ምስበቕዐ ከኣ ውድባዊ ሓድነት ከም እዋናዊ ጠለብ ክቐርብ ባህሪያዊ ኮይኑ። ንውድባዊ ሓድነት ነንበይኑ ምርጫታት ቀሪቡ፣ ኣብ መወዳእታ፣ እቲ መስርሕ ብጉባኤ ክዛዘም ከም ምርጫ ተወሲዱ። ህ.ግ.ሓ.ኤ.፣ ን2ይ ጉባኤ ይቀራረብ ስለዝነበረ ከኣ፣ እቲ ሓድሽ ንድፊ ፕሮግራሙን ቅዋሙን-ብመሰረቱ ካብ ናይ ክልቲኡ ውድባት ኣረኣእያ ዘይፍለ-ብኽልቲኡ ውድባት ምይይጥ ክግበረሉ ተወሲዱ። ኣብ መሰረታት ወሪዱ ዝኣክል ምይይጣት ምስተገብረሉ ከኣ፣ እቲ ናይ መወዳእታ ንድፊ ከምዝሰናዳእ ተገይሩ። ድሕሪዚ ንኹሉ ናይ ኣረኣእያን ሓባራዊ ስራሓት ጉዳያትን ዘንሓጉሐ (exhaust) መድረኽ፣ ኣካላዊ ምቕጻል በቲ ዝጸንሐ ኪጉዓዝ ምኽኑይ ስለዘይነበረ፣ "ሳግም" ናይ ምትሕውዋስ ምርጫ ወሲዱ ርእይቶኡ ምስ ኣመመ፣ ብናይ ሓባር ምርድዳእ፣ ናይ



መሰረታት-ሓርበኛታትን ሓፋሽ ውድባትን ውህደት ክግበር ተወሲኑ፣ ከም ታሪኻዊ ፍጻመ ኣብ መስርሕ ምምስራት ሰፊሕ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ከም ቀዳማይ ስጉምቲ፣ ናይ ሓርበኛታት ናይ ሜዳ ምትሕውዋስ ተገይሩ።

እዚ ኣብ መንጎ ህ.ግ.ን ሳግምን ዝማዕበለ ዝምድናን ዝበጽሖ ልዑል ደረጃን ዘረጋግጾ ነገር እንተልዩ፣ ኩሉ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ድልየትን ረብሓን ዘለዎ ሓይልታት፣ ተቐራሪቡ፣ ብዘይ ናይ ወጻኢ ምትእትታው፣ ኣብ ኩሎም ናይ ፖለቲካዊ ኣ ረኣእያ ሕቶታት ሰፊሕን ዕምቆት ዘለዎን ምይይጣት እንተድኣ ኣካይዱን፣ ኣብ ናይ ሓባር ውፉይ ስራሕ፣ ሂወትን ሞትን ብሓባር እንድኣ ኣስተማቂሩን፣ ምጥርጣርን ጽልእን ሓጺቡ፣ ኣብ ሓደ ግንባር ተጠርኒፉ ንሓርነትን ምህናጽን ኤርትራ ካብ ምቅላስ ክእግዶ ዝኽእል ሓይሊ ከምዘየለ'ዩ ዘረጋግጽ። ብግብሪ ከኣ፣ ብመንጽር እቶም ቅድሚ ሕጂ ዝተፈተኑ ናይ ሓድነት ጻዕርታት ኮነ፣ ብናይ ወጻኢ ምትእትታው ንዝነደዩ ዘይሃገራውያን ተበለጽቲ ንምትእኽኻብ/ምልግጋብ ዝግበር ፍ ሹል ፈተነታት ክርኣ እንከሎ፣ ዓቢ ዓወት ኣብ መስርሕ ምትእኽኻብ ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ኢዩ። ካልእ ዝጥቀስ፣ ናይቲ ብስም "ተያር" ዝፍለጥ ድሕሪ ዕልዋ 82 ዝተቐልቀለ ኣካል ተ.ሓ.ኤ. ዝኾነ ውድብ ጉዳይ ኢዩ። ኣባላት ናይዚ ውድብ'ዚ፣ ኣብ ፈለማ፣ ምስ ህ.ሓ.ሓ.-ማ.ባ. ንምስራሕ ኣብ ስምምዕ ኣትዮምኳ እንተነበሩ፣ እቲ ዝምድና ንነዊሕ ከይቀጸለ፣ ካብቲ ስምምዕ ወጺኦም (ኩሎም ዘይኮኑ) ንበይኖም ክንቀሳቐሱ ጀሚሮም። ህ.ግ. ከምቲ ምስ ካልኦት ውድባትን ጉጅለታትን ዘካይዶ ምስዚ ውድብ'ዚ'ውን ዝምድናታት ንምምስራት ተበጊሱ፣ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ርክባት፣ "ሓሙሻይ መስርዕ" (ብመሰረት ኣዋጅ ህ.ግ. ናይ 83) ዝምልከት ዝጸንሑ ዕቃበታት ተላዒሎም፣ ኣብ ቀጻሊ ርክባት ዝያዳ ንክንጸሩ ምርድዳኣት ተገይሩ፣ ኣብ ካርቱምን ሜዳን ኣብዚ መወዳእታ ከኣ ፖሊሱ ወግዓውያን ርክባት ተኻይዶም፣ ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን ሃገራውን ሕቶታት ኮነ ጉዳይ ሓድነት ዝርርብ ተገይሩሎም ኣሎ። ኣብ መባእታዊ ሓባራዊ ስራሓት'ውን ናይ ምትሕግጋዝ መደባት ተሓንጺጾም ኣለዉ። ኣብ ኩሉ መዳያት ኣወንታዊ

ኣንፈታት ምህላዎም ዘይስሓት እኳ እንተኾነ መስርሕ ምዕባለ ናይቲ ዝምድና ይጉተት ከምዘሎ ብሩህ ኢዩ። ንሱ ብዘየገድስ ግን፡ ህ.ግ. ብዓቕልን ብዕቱብነትን ዝምድናኡ ምስ "ተ.ያ.ር" ከስፍሕን ከትርርን ክጎዓዝ ጸኒሑ ኣሎ።

ተ.ሓ.ኤ. -ስሙር ውድብ። እዚ ውድብ'ዚ ኣካል ናይቲ ድሕሪ ፍጻመ ዕልዋ ተ.ሓ.ኤ. ስሚሩ ዝነበረ- ካብ ሓደ ክፋል ተ.ሓ.ኤ.ን (ተ.ያ.ር) ህ.ሓ.ሓ.-ማእከላይ ባይቶን- ውድብ ኢዩ። ተ.ያ.ር ድሕሪ ምፍላዩን ስምምዕ ጅዳ ኣብ መስርሕ ምቿም እንከሎን ከኣ፡ መወዳእታ፡ ኣንጻር ስምምዕ ጅዳ መርገጺ ወሲዱ ተፈልዩ። ብሰንኪ ካብ መስመር ስምምዕ ጅዳ ምውጽኡ ከኣ ብወገን ጸጥታ ሱዳን፡ ልሙድ ጸቕጢታት ተገይሩሉ። ቅድም ዝጸንሐ ርክባት ቀጺሊ ኮይኑ፡ ነቲ ዝነበረ እዋናዊ ሽግራት ንምቅላል ብወገን ህ.ግ. ምትሕግጋዝ ክግበር ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ ድማ ክትግበር ጸኒሑ። ቀጺሊ ፍኑው ርክባት ክካየድ ድሕሪ ምጽናሑ ከኣ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ናይ ክልቲኡ ወገን መሪሕነታት ርክብ ገይሩ፡ ነቲ ዝምድናታት ውዱብ መልክዕ ንምትሓዙ ሽማግለታት ቆይመን፡ እቲ ስራሕ ክቕጽል ጸኒሑ ኣሎ።

ብኣንጻር'ዚ ናብ ናይ ብሓቂ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ዘምርሕ ስጉምትታትን ፍጻሜታትን እዚ፡ እቲ ብግዳማዊ ሓይልታት እናተዘወረ፡ ንዘርጊ ዝተበገሰ ናይ ስዑድያ ንፋስ ኣኪያይዳ በቲ ሓደ ገጽ ዝርአ ኢዩ። ናይ ህ.ግ. ናይ ልፍንቲ እማመን ምምስራት ሃገራዊ ባይቶን ንምምካን ዝተበገሰ ናይ ስዑድያ ውዲት፡ ካብ ሰለስተ ጉጅለታት፡ (ናይ ተ.ሓ.ኤ. ናይ ዕልዋ ጉጅለን፡ ህ.ሓ.ሓ.- ማእከላይ መሪሕነትን፡ ህ.ሓ.ሓ.- ሰውራዊ ሽማግለን) ምትእኽኻብ ፈተነ፡ ስሙር ውድብ ተሰምዩ፡ "ሃገራዊ ባይቶ" ኣቑሙ ንሓጺር እዋን ድሕሪ ምንቅስቓሱ ናይ ጸቢብ ረብሓታት ዘይሃገራዊ ምትእኽኻብ ብናይ ኑሜሪ ስርዓት ናይ ጸጥታ ትካል እናተለጣጠፈ ተተሓሒዙ ዝጸንሐ ብምንባሩ፡ ናይ ውሽጢ ውህደቱ ተዳኺሙ፡ ናይ ኑሜሪ ስርዓት ምስ ወደቐ፡ ሓምሻይ መስርዕነቱ ስለዝተቓልዐ፡ ተፈራሺኹ ከምዝበታተን ኮይኑ ኢዩ። ናይ ስዑድያ ምትእትታው ድልየት ስለዘይዓረፈ



ግን፡ ሕጂ'ውን ዳግማይ ምትእኽኻብ ተበለጽቲን ዘይሃገራውያን ባእታታትን ንምፍጣር ጻዕሪታት ይካየድ ኣሎ።

እዚ ነቲ ብስም ውድባት ክካየድ ዝጸንሐ ርክባትን ዝምድናታትን ዝምልከት እምበር፡ ኣብቲ ንሃገራዊ ምትእኽኻብ ዝተኻየደ ቃልሲ ዝጥቀስ'ሲ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት፡ ኣብ ነንበይኑን ውድባትን ጉጅለታትን ሰዓብትን ኣንቀሳቓስትን ኮይኖም ዝጸንሑ ሃገራውያን ባእታታት፡ ብውልቅን ብእኩብን፡ መስመራትን መንነትን ናይቶም ውድባት ኣለዋና ዝብል ዘይሃገራውያን መራሕቲ እናቃልዑ፡ ናብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምጽንባርም ክጥቀስ ዝግበኦ ኣገዳሲ ተርእዮ ኢዩ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ እቲ ናይ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሃገራውያን ምውሓዝ እናዓበየ ይመጽእ ምህላው'ውን ኣብ መንጎቲ ሓቀኛ ሃገራዊ መስመርን ምትእኽኻብን፡ ዘይሃገራዊ ናይ ጥቕሚ ዓንኬላትን ዝካየድ ቃልሲ ዘምርሖ ዘሎ ኣንፈት ዝሕብር ኢዩ።

ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ምትራሩን፡ ኣብ ቀጻሊ ፖለቲካውን ማሕበራውን ባህላውን ለውጥታት እናሰጎመ ክኸይድ ምኳኑ ኣየጠራጥርን። ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ፡ ሓርነታዊ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ሓድነት እናኾለዐ የትብዖ ከምዘሎ'ውን ፍሉጥ ኢዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብዚ መድረኽ'ዚ ተሰኪሙዎ ዘሎ ከቢድ ሓላፍነትን ተራን ኣብ ሃገራዊ ሓድነት ከም እስትራተጂያዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብዚ መረዳእታ'ዚ ጥራይ ዝተበገሰ ኢዩ። ሓድነት ጉጅለታትን ውድባትን ብመንጽር ሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክርአ እንከሎ፡ እስትራተጂያዊ ኣይኮነን። ሓደ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ምምስራትን ምትራርን፡ ንሃገራዊ ሓድነት ዘለዎ ዓቢ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ርዱእኳ እንተኾነ፡ ንሱ ንርእሱ ናይ ታሪኽን ቃልስን መስርሕ ስለዝኾነ፡ ከም ቅድመ ኩነት፡ ቅድሚ ሃገራዊ ሓድነት ህዝብን ልዕሊ ሓርነታዊ ብረታዊ ቃልስን ዝስራዕ ኣይኮነን። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምእንቲ ሰፊሕ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ግንባር ዘካይዶ ቃልሲ ከኣ፡ ዕማም ኩሉ መዳያዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ምእንቲ ምቅላስ'ዩ። ዝኾነ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለ፡ ውድብ

ክምስርት ደልዩ ኣዋጅ እንተውጽእ፡ እቲ ዝጥቀስ፡ ጉጅለ ወይ ውድብ ኣብ ቃልሲ ስለ ዘይተሳተፈ፡ ወይ ንቓልሲ ስለዝዓ ንቀፈ፡ ሃገራዊ ሓድነት የለን ተባሂሉ ክዝረብ ኣይክእልን። ኣብ ሕብረተሰብናን ክም ሕብረተሰብና ዘይማዕበሉ ካልኦትን፡ እቲ ማሕበራው-ቁጠባውን ባህላውን ኣቃውማታት ክሳብ ዘሎ፡ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ተጻይነትን ምትእትታውን ክሳብ ዘሎ፡ ብደምን ድኻምን ህዝቢ ክነብሩ ዝደልዩ ተበለጽቲ ክሳብ ዘለዉ፡ ጉጅለታት ምቕልቃልን ኣዋጃት ምውጻእን ክቑርጽ ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ንታሪኽ የዋህ ምኳንዩ። ኣብ መሪር ብረታዊ ቃልስና፡ ድኹማት ጎንታት ሕብረተሰብና እናመዝመዘ ክመቓቕል፡ ምስ ናይ ወጻኢ ሓይልታት እናተዋደየ ክሸርሕ፡ ብዋጋ መስዋእትናን ድኻምናን ክነብር ንዝደሊ ባእታ ኩሉ ብዘይንሕስያ ክንገጥም፡ ህዝብና ናይ ክምዚ ዝኣመሰለ ውዲት ግዳይ ከይከውን ክንፍልጥ ታሪኻዊ ግዴታናኢዩ። ህ.ግ. ምስ ኩላቶም ጉጅለታትን ውድባትን፡ ንሃገራዊ ምትእኽኻብ ከካይዶ ዝጸንሐ ቃልስታት ክኣ፡ ነቲ ዘይፈለጠ ክምዝፈልጥ ምግባር፡ ነቲ ዝተጋገየ ብዘይ ቅርሕንቲ ክምለስ ነቲ ዝሕንግድን ጸይቀዕ ሉል ኣንቀሳቓስን ክኣ ንምግጣም ዝሓለነ ብሩህ ካብቲ ግዴታ ዝነቐለ መስመርዩ። ናይ ኣርባዓ ዓመታት ምዕባለ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣረኣእያን ቃልሲን በቲ ሓደ ወገን፡ ናይ ፖለቲካዊ ሰልፌታትን ምንቅስቓሳትን ውድባዊ ኣመዓባብላ በቲ ካልእ፡ ዘረጋገጾን ዝገደፎን ትምህርቲ፡ ታሪኽ ክምዝምስክሮ ክኣ፡ ምትራር ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ምምስራትን ምሕያልን ሰፊሕ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባርን ዓጋቲ ክምዘይህልዎ'ዩ።

ቁጠባውን ማሕበራውን ባህላውን ስግረ-ምቜም (Transformation) ህ.ግ.ሓ.ኤ. ቀዳማይ ተልእኹኡ፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ መግዛእቲ ንምግልጋል ብረታዊ ቃልሲ ምስልሳል ደኹንምበር ኣብ ውሽጢ ሃገርን ህዝብን፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ባህላውን ለውጢ ንምምጻእ ዝግበር ቃልሲ ብጎኒ ወይ ንጽባሕ ኢሉ ኣየጽንሖን። ዘይፍለ ኣካላዊ ክፋል ናይቲ ሰውራ ስለዝኾነ። ኣብ ፕሮግራሙ ነዲፉዎም ንዘሎ ፖሊሲታትን ዕላማታትን ተግባራውያን ንምግባር ክኣ፡ብዘይ ምሕላል ኪቃለስሎም ጸኒሑ ኢዩ። ቁጠባዊ ለውጥታት ኣምጺእካ፡ ሂወትን መነባብሮን ህዝቢ ንምምሕያሽ፡ ቅድሚ ቀዳማይ ጉባኤ ተተሓሒዝዎ ዝነበረ ዕማም ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ ጉባኤ ኣበርቲዑ ክደፍኣሎም ከኣ ተበጊሱ። ልዕሊ 80% ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝነብር ስለዝኾነ፡ ኣብ ቁጠባዊ ስግረ-ምቜም ብቐዳማይ ዝስራዕ ኢዩ። ሰፋሕቲ ገጠራት ኤርትራን፡ ዝበዝሐ ከተማታትን ሓራ ኮይኑ ኣብ ዝነበረሉ፡ ናይ ህዝቢ ሕርሻውን እንስሳውን ማእቶት ደኹን ሃብቲ ክብ ንምባል፡ ብመጀመርያ፡ ኣብ ትሕዝቶ መሬት ለውጢ ንምምጻእ ተጀሚሩ፡ ዝጸንሐ ስራሕ ንምስፋሕ፡ ፍትሓዊ ብዝኾነን ንዝበዝሐ ህዝቢ ብዘርብሕን መንገዲ ምድልዳል መሬት፡ ማዕረ ምዕረ'ቲ ምቜም ህዝባዊ ትካላት ክምዝካየድ ገይሩ። ኣብ መንጎ ዓድታትን ብሄራትን ዝነበረ፡ ናይ መሬት ጉዳያት፡ ክም ዝዕረቑ ወይ ክምዝድቅሱ ገይሩ። ብመግዛእታዊ መንግስትን ተሓባበርቶምን ወጻእተኛታትን ዝውንኑ ዝነበሩ ዘመናውያን ሕርሻታት ትሕቲ ውድብን ህዝባዊ ትካላትን እናተመሓደሩ ካብ ምኽዳም ክድሕኑን፡ ምህርቶም ንኽበዝሕን፡ ቀጻሊ ጻዕ ርታት ኣካይዱ። መሬት ዘይነበሮም ድኻታት ሓረስቶትን ደቀንስትዮን ናይ መሬት ምውናን መሰሎም ንኽረጋገጽን፡ ቁጠባዊ ሽግራቶም ፈቲሖም፡ ርእሶም ዝኽእሉ ሓራ ዜጋታት ምእንቲ ክኾኑን ሰሪሑ። ባዲሞም ዝነበሩ ሰፋሕቲ ሕርሻታት ኮነ፡ ክሕረሱ ዝኽእሉ ቦታታት ንምልማዕ ጻዕርታት ኣካይዱ። ህዝቢ ናይ ማሕረስ ንዋቱን ሰብኣዊ ዓቕሙን እናተኣኻኸበ፡ ብተራድኦታት፡ ንናይ ሓባር ሽግራት፡ ብሓባር ክምዝገጥሞምን፡ ምህርቱ ንኽዐቢን ውን፡ ጽዒሩ። ሃብቲ እንስሳ ንምዕቃብ፡ ናይ እንስሳ ጥዕና ኣገልግሎቱ ዘርጊሑ። ሕርሻዊ ፍልጠት ንምዕባይ ሰፊሕ ትምህርታዊ መደባት ኣውጺኡ ክሰርሓሉ ጀሚሩ። ሕጽረት ናውቲ ማሕረስ ንምምላእን፡ ሓረስቶት ናይ ናውቲ ምፍራይ ክእለቶምን ዓቕሞምን ክብ ንምባልን'ውን ማእቶታውን ኪነታውን ሓገዛት ናይ ምሃብ መደባት ክትግበር ጀሚሩ። ናይ መትረብን ካልእ ናይ ማይ ምቁጽጻር ስርሓትን ኣገባባትን ንኽዓብዩን ክሰፍሑን፡ ንምምሕያሾምን ንምውዳቦምን ጻዕራታት ኣካይዱ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ክምዚኦም ዝኣመሰሉ ማእቶታዊ ሕርሻዊ ስራሓት ክምዝሳተፍ እናገበረ ኸኣ፡ ሽግራት ህዝቢ ንምቅላል ሰሪሑ። ንሕርሻዊ ውጥንን ናይ ኣተገባብራ መደባት ንምጽፋፍን ዝሕግዙ፡ መጽናዕትታትን ምርምራትን

ንምኽያድ ከኣ ክሰርሕ ጀሚሩ ነይሩ።

ወተሃደራዊ ኩነታት፡ ብምትእትታው ሕብረት ሶቭየትን መሻርኽቱን ንረብሓ መግዛእታዊ ደርግ ተቐይሩ፡ ምዝላቕን ምክልኻልን ምስ መጸ ግን፡ ዳርጋ ብዙሕ ካብቲ ናይ ህ.ግ. ናይ ሕርሻ ልምዓት መደብ ደው ክምዝብል ኮይኑ። ካብቲ ዝተጀ-መረ ስፊሕ ናይ ልምዓት ስራሓት፡ እቲ ግዜ ሓጺር ብምንባሩ፡ ደረጃ ሕርሻዊ ምዕባለ ህዝቢ ትሑት ምዃኑ፡ ናይ ሰብን ክኢላታትን ውሱንነት፡ ናይ ንዋትን ፋናንሲያውን ሕጽረት ህ.ግ. ኣብ ግምት ኣእቲኻ ክረኣ እንከሎ፡ እቲ ዝተፈጸመ፡ ምስቲ ክግበር ዝከኣል ኣነጻጺርካ፡ ኣዝዩ ንእሽቶ'ዩ ነይሩ። እቲ ከምዓቢ መኽሰብ ዝቑጸር ጎኑ ግን፡ እቲ መልእኽትን፡ ኣብ ህዝቢ ዝፈጠሮ ናይ ምብርባር መንፈስን ኢዩ። ናይ መግዛእትን ተሓባበርቱ ሓይልታትን ወራር፡ ንዝበዝሕ ካብቲ ዝተጀመረ መደባት ሕርሻዊ ልምዓት ክዓናቕፍ ወይ ደው ከብል ይኽእል እምበር፡ እቲ ዝቆጻጸሮ ዝነበረ ቦታታት፡ ከተማታትን ጽርግያታትን ጥራይ ስለዝነበረ፡ ኣብቲ ክቆጻጸሮ ዘይክእል ኣከባቢታት ዝነበረ ስራሓትስ ብዝተፈላለየ ዓቕን ቀጺሉ'ዩ። ምዝላቕ ስለዝመጸ፡ ህላወን ቀጻልነት ሰውራ ንምክልኻል'ውን እዋናዊ ግድነት ይንበር'ምበር፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. መደባት ሕርሻዊ ልምዓት፡ ንምስልሳል ከም ሓሳብን ዕማምን ኣየቋረጸን። መግዛእታዊ ወራራት ኣፍሺሉ ውሕስነት ደኑ ኣረጋጊጹ፡ ናብ ዓበይቲ ናይ ጸረ-መጥቃዕቲ መድረኽ ምስ ተሰጋገረ፡ ነቲ ዝሒሉ ዝጸንሐ ናይ ሕርሻ ልምዓት መደባቱ ኣበራቢሩ ብዝበርትዐ ሓይሊ ክሰርሓሉ ጀሚሩ ኢዩ። ድሕሪ ምዝላቕ ኣብዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት ኣውራ፡ ብዘይካ'ቲ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ፡ ህዝቢ ኝኽበታተንን ኝኽይቃለስን ዝፍጽሞ ባርባራዊ ናይ ዕንወት መጥቃዕትታት፡ ደርቂ'ውን ከም ተወሳኺ ጸገም ንናይ ህዝቢ ሕርሻዊ ምህርቲ፡ ኣዳኺሙ-ጥሜት ስለዘኸተለ፡ መደብ ህዝባዊ ግንባር ናይ ሕርሻዊ ልምዓ ት፡ ዝያዳ ኣተኩሮ ክግበረሉን ጸዓት ክውሰኾን ናይ ግድን'ዩ ነይሩ። እዚ ስለዝኾነ ኸኣ፡ ንናይ ሓዋሩ ሽግራት መቃለሊ'ውን ክኾኑ ዝኽእሉ መደባት፡ ናይ ህዝቢ ናይ ዘርእን ናውቲ ማሕረስን እንስሳን ሽግራት ንምፍታሕ፡ ናይ ሰፈራ ፕሮ-



ጀክትታት ወጺኦም ህዝቢ ክሓርሶ ዝኽእል መሬት ምልማዕ፡ ብዓቕሚ ክፍሊ ሕርሻ ህ.ግ. ክለምዑ ዝኽእሉ ዝባደሙ ወይ ሓደስቲ ቦታታት ከምዝሕረሱ ምግባር፡ ናይ እንስሳ ክታበት ምስፋሕ፡ ኣተሓሕዛ መሬትን ምግራብ ዝምልከቱ ትምህርታዊ ይኹን ማእቶታዊ መደባት ምትግባር፡ ወሓይዝ ተቖጻጺርካ ንልምዓትን ንመስተን ዝኸውን ማይ ንምእካብ ሓጽብታት፡ ጋብላታትን መትረባትን ምስራሕ ትሕቲ መሬት ንዝርከብ ማይ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ንምውዓሉ ዓበይቲ ናይ ኩዕታ መካይን ኣተኣታቲኻ ዒላታት ምድህሳስን ምኹዓትን፡ ኣመጋግባን ባህልን ህዝብን ንምምሕያሽ ናይ ደርሁ መፍረን ምዝራእ ኣሕምልትን ከም ዝሰፍሕ ምግባር ክሰርሓሉ ጸኒሑ። ናይ ሰራዊት/ውድብ ጾር ኣብ ልዕሊ ሃብቲ (resources) ሃገር ንምውሓድ ከኣ፡ እቲ ውድብ ርእሱ ክኢሉ ንህዝቢ ምእንቲ ክሕግዝ፡ ኣብ ነንበይኖም ሕርሻዊ ማእቶታዊ ስርሓት ተሳታፍነቱ ምዕባይ፡ ኩነታዊ ምስ ምዕቡል መኪናታትን ምፍራይ ናውቲ ማሕረስን ዝተኣሳሰረ ብቕዓት ኮሚስዮን ሕርሻ ንምምዕባልን ዘካይዶም ምርምራት ንምስፋሕን ከኣ ምስኡ፡ ብዕቱብ ክድፍኣሎም ጸኒሑ።

እዚ'ውን እንተኾነ፡ ከም መደብ ዓቢ ኮይኑ ይጽናሕ'ምበር፡ ኩሎም ዝተሓንጸጹ ዕላማታት ክወቅዕ ኣይከኣለን። እቲ ቀዳማይን ፍሉጥን ምኽንያት ናይ ድርግ ቀጻሊ ናይ ዕንወት ተግባራት'ዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ፡ ዋሕድን ውሱንነትን ናይ መካይንን ንዋትን ገንዘብን'ዩ። ብዙሓት ዘይመንግስታውያንን ናይ ረድኤት ማሕበራትን ኣብዚ ሜዳዚ ዘበርከትኦ እጃም ዓቢ'ኳ እንተኾነ፡ ነቲ ጠለባት ንምምላእ ዝነበሮ ዓቕሚ፡ ኣዝዩ ውሱን ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። እቲ ጉዳይ፡ ወጻኢ ካብቲ ረጽሚ ተራእዩ ከም ሰብኣዊ ጉዳይ ብማሕበረሰብ ዓለም፡ ኣውራ ከኣ ብደረጃ መንግስታት ክድገፍ ዝግብኦ'ኳ እንተነበረ፡ ዝወሓደ ኣቓልቦ ስለዘይተገብረሉ፡ ኣደራዕ ህዝቢ ኤርትራ ንህ.ግ. ጥራይ ኮይኑ ምጽንሑ ካልኣይ ረቛሒ ኢዩ። ናይ ሕርሻ ልምዓት መደባት፡ ይትረፍ ኣብ ግዜ ኲናት፡ ኣብ ግዜ ሰላም'ውን፡ ነዊሕ ዓመታት ዝወስድን ብዙሕ ኣታዊ (input) ዝሓትትን'ዩ። ሓደ ካብቲ ከምዚ ዝገብሮ ምኽንያታት ከኣ፡ ናይ ህዝቢ ትሑት ደረጃ ባህሊ'ዩ። እዚ ኣውራ ደሚቑ

ዝርአ ኣብቲ ማሕረስ ኣጸቢቑ ዘየማዕበለ፡ ሓይሉ ዝያዳ ናብ ጉስነት ዝኾነ ክፍሊ ናይቲ ህዝቢ ኢዩ። ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ሕርሻዊ ልምዓት መደባት፡ ብቐዳምነት ኣብዚ ሰበኽ-ሳግም ህዝቢ ዝዘበለ ስለዝኾነን፡ ከምቲ ዝተጠቕሰ፡ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ቁጠባዊ ሂወት ዝመርሕ ህዝቢ ቅዲ-ናብራ ምልዋጥ ቀሊል ዕማም ስለዘይኮነን፡ እቶም መደባት ተጠቀምቲ ለውጢ ንዘይምምጽኦም ዝጸለወ ረቌሒታት፡ ሓደ'ዩ። ሕርሻዊ ልምዓት፡ ምስ ኣብ ካልእ ሜዳታት ከም ህንጻን፡ መጎዓዝያን... ዝኣመሰሉ ክፍልታት ዝህልዎ ስሉጥ ዝምድናታት'ውን ኣብ ግምት ስለዝኣቱ፡ ብዓቕሞምን ምዕባለኦምን ክጽሎ ጸኒሑ'ዩ።

ቁጠባ ሃገር ኣብ ምህናጽን መነባብሮ ህዝቢ ኣብ ምምሕያሽን፡ ትሕተ-ቅርጽን ስፍሓቱን ኣገዳሲ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከም ዕማም ካብ ዝወሰዶም ቁጠባዊ ንጥፈታት ሓደ ድማ ነይሩ። ቅድሚ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ኣብ ሰፊሕ ገጠራትን ከተማታትን፡ ምስ ሕርሻን ኣገልግሎትን ኢንዱስትርያዊ ምዕባለን ዝተኣሳሰሩ፡ ጽርግያታት ኣብ ምጽርራግን፡ ምዕራይን፡ ሓጽብታትን መትረባትን ዓግማትን ኣብ ምህናጽ ኮነ ምጽጋን፡ ናይ ሓይሊ መደበራት ከም ዝሰርሑ ኣብ ምግባር ናይ ቴሌፎን ማይን፡ መጎዓዓዝን ኣገልግሎታት ከምዝሰርሑ ንምግባር፡ ኣብያተ ትምህርትን፡ ኣብያተ ሕክምናታትን መኻዝንን ኣብ ምህናጽን ምጽጋንን፡ ውሱናት፡ ይኹን'ምበር፡ ከበራብሮም ሚና ነይሩ'ዩ። ድሕሪ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ምስ መግዛእቲ ናይ ምዕናው ሓይሊ ምዕባይ፡ ናይ ህንጻ ስራሓት፡ ኣዝዩ እናኸበደ ምምጽኡ፡ ንመደባት ህንጻዊ ስራሓት ብዓቢ ስለዝበድሆ ከኣ፡ ኣብዚ ሜዳዚ ዝወጸ መደብን ስራሕን ኻኽዓቢ ኣግዲድዎ'ምበር ኣየዳኸሞን። ደጀን፡ መበገሲ ናይ ኩሉ ቁጠባዊ ንጥፈታት ብምዃኑ፡ ብመጀመርታ መራኸቢ መስመራት ወይ ጽርግያታት ምህናጽ፡ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ፡ ኣብቲ ጽንኩር ኣኽራናዊ ቦታ (ሳሕል) ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ኣደነቕቲ ዝኾኑ ጽርግያታት ከምዝሰርሑ ተገይሩ። ካብኡ ወጻኢ ድማ፡ ናብቲ እናሰፍሐ ዝኸደ ሓራን ሓውሲ ሓራን ቦታታት፡ ዝተኣሳሰሩ መርበብ ጽርግያታት፡ ንምዝርጋሕ ዓበይቲ ጻዕርታት ክካየዱ ጸኒሖም። ህንጻዊ ስራሕ ዝበዝሖ ብጉልበት ሰብን ፍልማዊ ናውቲ መኹዓትን፡ ኣብ



ኣኻውሕ ዝስራሕ ምንባሩ ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ። ፍጡንን ነቲ መሰረታዊ ጠለባት ዘማልኦን ምእንቲ ክኸውን ከኣ መኻይንን ናይ ህንጻ ንዋትን ምቕራብ ብዓቢ ኣገዳስነት ተጠሚቱ ካብ ጸላኢ ዝማረኻ መካይንን ዝግዝኣን ብሓገዝ ዝርከብን፡ እንተላይ ንዋት ህንጻ፡ ንምዕባይ ተደፊኡሉ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ውሑዳት ዓመታት፡ ህንጻዊ ዓቕሚ ተመሓይሹ ውጽኢት ናይ ህንጻ መደባት እናዓበየን እናሰለጠን ክመጽእ ጸኒሑ፡ ብተመሳሳሊ ምስ ናይ ጽርግያታት፡ ኣባይቲ፡ መንበሪ፡ መዕቆቢ፡ መኻዝን፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብያተ ሕክምና፡ ጋራጃት፡ ህንጻታት ነኣሽቱ ኢንዱስትርያዊ ትካላት፡ ሓጽብታት፡ ዒላታት፡ መትረባት፡ ኣብ ምስራሕ፡ ምስ ናይቲ ናይ ጸላኢ መዕነዊ መሳርያታትን ተግባራትን፡ ንሱ ዝፈጠሮ ናይ ስራሕን ጸዓትን ጽንኩርነት፡ ዓበይቲ ዕማማት ክፍጸሙ ጸኒሖም'ዮም። መኻይን ህንጻን መኩዓትን፡ ምስራሕ ሕጡብን፡ ዝሓሸን ስሉጥን ጥረ ንዋት ምትእትታው መሰረታዊ ስለዝኾነ ድማ፡ ሰለይ እናበሉ ምምጽኦም፡ ነቲ ስራሕ ክድርኹዎ ምጽናሖም፡ ርኡይ ኢዩ። ኣብዚ ሜዳዚ ሞያውያንን ክኢላታትን ምፍራይ'ውን መሰረታዊ ሕቶ ስለዝኾነ፡ ህንጻዊ ናይ ትምህርትን ታዕሊምን መደባት እናተዳለዉ፡ ክትግበሩ ጸኒሖም'ዮም።

መሰረታውያን ሃለኽቲ ነገራትን ናይ ስራሕ ናውቲን ምቕራብ ዘይፍለ ዕምም ናይቲ ቁጠባዊ ንጥፈታት ብምዃኑ ኸኣ፡ ነኣሽቱ ፋብሪካታትን ኣብያተ ዕዮን ምቛም ብመደብ ክስርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ናይ ሳእኒ ፋብሪካ፡ ምስራሕ ንዋት ጽሬት፡ መግቢ ጠሓንቲ ምትካል፡ ናይ መግቢ መሳርሒ ንዋት፡ ኣብ ህንጻ ይኹን ንዘቤታዊ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ናይ ዕንጸይቲ ስራሓት፡ ምስራሕ ቅያር ኣቑሑትን ካልእ ናይ ሓጺን ንዋትን ኣብያተ ዕዮ፡ መደበራት ኤለትሪክ ምምስራትን መስመራት ምዝርጋሕን፡ ናይ ስፍየትን ቀርበትን ኣብያተ ዕዮ፡ ከም ትካላት ተመስሪቶም፡ ቀስ ብቐስ እናዓበዩ ክፈርዩን ኣገልግሎት ክህቡን ጸኒሖም ኣለዉ። ኣብዚ ሜዳዚ ክትከሉን ክዓብዩን ዝተሓስቡ ፋብሪካታት ይኹን ኣብያተ ዕዮ ብዙሓትኳ እንተነበሩ፡ ብሰሪ ፊናንሲያዊ ውሱንነት፡ ብኸናት ዝፍጠር ዕንቅፋትን፡ እቶም ዝተተኽሉን ዝህቡ ዘለዉን ኣዝዮም ዉሱናት'ዮም።

መኅዓዝያ፡ ደም ቁጠባዊ ሂወት ናይ ሓደ ሃገር'ዩ። ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለን ልምዓትን ዘለዎ ጽልዋ'ውን ብኡ መጠን ዝጥመት ኢ.ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነዚ ብምግንዛብ፡ ናይ መኅዓዚ ትካሉ ዓቕሚ ንምዕባይ ብዓቢ ኣቃልቦን መደብን ክሰርሓሉ ጸኒሑ'ዩ። ኲናት ኣዕናዊ ክነሱ፡ ኣብ ኣተክሮ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ሜዳ መኅዓዓዚ ሰፊሕ ኣበርክቶ ገይሩ'ዩ። ቅድሚ ምዝላቕ ኣንጻር መግዛእታዊ ሓይሊ ኣብ ዝተኻየዱ ውግኣት ኮነ፡ ኣብ እዋን እስትራተጅያዊ ምዝላቕ ሰፋሕቲ ወተሃደራዊ ወራራት ይካየዱሉ ኣብ ዝነበሩ፡ ስዒቡ'ውን ኣብ እስትራተጅያዊ ጸረ-መጥቃዕታዊ መድረኽ፡ ካብ ጸላኢ ዝማረኽ ዝነበረ፡ ናይ መኅዓዚ ንብረት፡ ንናይ ህ.ግ. ትካል መኅዓዝያ፡ መሰረቱ ኮይኑ ኢ.ዩ ኪበሃል ይከኣል። እዚ ስለዝኾነ ግን፡ እቲ ሽግር ተፈቲሑ ማለት ኣይነበረን። ካብ ጸላኢ ዝተማረኸ ዓበይትን ንኣሽቱን መካይን ምስ ምዕባይ ናይቲ ኣገልግሎት ጠለብ ዝመጣጠን ኣይነበረን። ምዕራይ ናውቲ መካይን፡ ቅያር ኣቑሑ፡ ነዳዲ ዘይቲ፡ ጎማ፡ ባትሪ... ወዘተ ምቕራብ'ውን መሰረታዊ ጠለባት ኢ.ዩ። እቲ ዝተረኽበ ብዘድምዕ ምእንቲ ክሰርሕ፡ ጋራጃትን ኣብያተ ዕዮ መኅዓዝያን ምስፋሕን ምምዕባልን፡ ኣወዳድባን ኣጠቓቕማን ናይ መኅዓዝያ ምስፋሕን ምምዕባልን፡ ኣወዳድባን ኣጠቓቕማን ናይ መኅዓዝያ ሃለኽቲ ንዋት ምጽፋፍ፡ ነቶም ሃለኽቲ ንዋት ብቐጻልን ብዘተኣማምንን ምቕራብ፡ ንገለ ካብኦም፡ ጎማን ባትሪን ምስራሖም ምእንቲ ክከኣል፡ ብሓይሊ ክሰርሓሉ ጸኒሑ ብዙሕ ካብቲ መደባት ከምዝዕወት ኮይኑ'ዩ። ኣብዚ ናይ ተኸታታሊ ደርቂ እዋን፡ ንዝርከቡ ንዋት ረድኤት ብህጹጽ ኣብቲ ዝድለ ቦታታት ምብጽጻሕ ተደራቢ ሽኸም ስራሕ ምንባሩ ክዝከር ይግባእ። ዘይመንግስታውያን ውድባትን ማሕበራት ግብረሰናይን ዘርኣይኦ ተሳታፍነት ዓቢ'ዩ። ገና ግን እቲ ዝተሓተ ጠለብ ናይ መኅዓዝያ ዓቕሚ ሽቶኡ ወቒዑ ክበሃል ኣይከኣልን። ክብደት ናይቲ ስራሕን፡ ብመካይን ጥራይ ዝሰላሰል ዘይምኻኑን ብምግንዛብ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ.. ናይ መጽዓኛ ተራ ኣብዚ ሜዳዚ ረሲዑ ወይ ኣቃሊሉ ኣይረኣዮን። ምስ ናይቲ ብቐሊል ክማላእ ዘይክእል ናይ መካይን ጠለብ፡ ሰፊሕ ህዝቢ ዝነብረሉ ኣከባቢታት፡ ዋላ'ውን እቲ ጽርግያታት ዝኣተዎ፡ ናይ ገመል፡ ኣድጊ፡ በቕሊ ኣገልግሎት ዝሰፍሐ



ስለዝኾነ፡ ናይዞም እንስሳታት እዚኣቶም ምህላውን ምፍራይን፡ ብናይ እንስሳ ጥዕና ኣገልግሎት ካልእ መንገዲታትን ክቃለሉ ክፍትን ጸኒሑ'ዩ። ምስቲ ናይ መግዛእታዊ ደርግ ናይ እንስሳ ምጥፋእ መደባት፡ መጽዓኛ ቅድም ስለዝሰርዐ፡ ደርቂ እውን ብዓቢኡ፡ ነዚ ሃብቲ'ዚ ስለዘዕንዎ፡ ንምዕባይ ኣገልግሎት መኅዓ ዝያ ብዓቢ ሃሰዩዎ'ዩ። ብሰንኪ ኲናት፡ ጉዕዞ ብለይቲ ስለዝኾነ፡ ኣብ ጥዕና ናይተን መኻይንን ስሉጥነት ምጉዓዝን'ውን ጎታቲ ኮይኑ ጸኒሑ'ሎ። እቲ ምንቅስቓስ፡ ዝበዝሕ እዋን፡ ናይ ሓደ መኣዝን ጉዕዞ ስለዝኸውን እውን፡ ብዓይኒ ጽዕነት ኪርኣ እንክሎ፡ ዳርጋ ፍርቑ'ቲ ነዳዲን ካልእ ሃላኺን ኣብ መዓላ ስለዘይውዕል ክሳራታት ምኽታሉ ኣይተርፎን። ፊናንሲያዊ ዓቕምን ሕጹርነቱን፡ ምስ ብቐሊል ዘይምርካብ ሃለኽቲ'ውን ካልእ ሃሳዩ ረቛሒ ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ። ኣብዚ ሜዳዚ፡ ሞያውያንን ናይ ዝተፈላለየ ዓውደ ስራሕ ክኢላታትን ምፍራይ ክጽቀጠሉን ውጽኢታውን ኮይኑ ምስ ምጽንሑ፡ ብሽርሒን ምስዳዕን ናይ ሰብ ዓቕሙ ብርኡይ ዝተተንከፈ ትካል ምንባሩ'ውን ዝጥቀስ'ዩ። ናይ ባሕሪ መኅዓዓዚ ኣገዳስነት ፍሉጥን፡ ከም ፖሊሲ'ውን፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንምዕባዩ መደባት ኣውጺኡ ክሰርሓሉ ዝጸንሐን'ኳ እንተኾነ፡ ምስ ጸጥታዊ ተኣፋፍነቱ፡ ናይ ሰብን ፊናንስን ዓቕሚ'ውን ስለዘውስኖ ኣብዚ ሜዳ'ዚ ዝዝከር ብዙሕ ዝተዓመ የለን።

ዕዳጋታትን ንግዳዊ ስራሓትን፡ ከም መሳለጥያ ቁጠባዊ ንጥፈታትን ምንጪ እቶትን ክልእ ክፉል ዕማም ካብ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ህ.ግ. ኢ.ዩ። ንህዝቢ ዘድልዮ መሰረታውያን ሃለኽትን መሳርሒታትን ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝፈርዩን ዝዝርግሑን፡ ካብ ውሽጢ ሃገር ንወጻኢ.ን ብኣንጻሩን ዝንቀሳቐሱን ንምቕራብን ንምውዳብን፡ በቲ ሓደ ወገን፡ መኽሰብ ዘምጽኡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢ.ን ዝካየዱ ንግዳዊ ንጥፈታት ከኣ በቲ ካልእ ማለት'ዩ። ምስ ናይ ኲናት ኩነታትን፡ ናይ መግዛእታዊ ደርግ ናይ ኲናት ፖሊሲን፡ ኣብ ሰፊሕ ገጠራት፡ ኣውራ ከኣ ኣብቲ ሓራን ሓውሲ ሓራን ቦታታት፡ ንህዝቢ ዘድልዮ መሰረታዊ ሃለኽቲ ንክማልኡ ዝገብሮ ናይ እገዳ ስጉምቲታት ኣብ ቁጠባዊ ሂወት ህዝቢ ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ፡ ብመንጽር'ቲ

ብሹናትን ደርቅን እናዓነወ ዝኸይድ ዘሎ ቁጠባ ህዝቢን ውሱንነቱን፡ ናይ ዋጋታት ምዕራግ ኑቲ ኩነታት ናብ ዝኸፍአ ክደፍኦ ከም ዝጸንሕውን ብሩህዩ። ኣብ ንግዳዊ ስርሓት፡ ህ.ግ. ቀዳምነት ሂቡ ክደፍኣሉ ካብ ዝጸንሐ ንግዳዊ ፖሊሲ ድማ፡ ነዚ መሰረታዊ ሽግርዚ ንምቅላል ዝዓለመ ኢዩ። ብወገንቲ ህዝባዊ ትካላት፡ ብምውህላል ዝተዋጽኣ ገንዘብ ደኹን ዉሱን ለቓሕ፡ ናይ መጎዓዝያ መሳለጥያ እናተገብረሉ፡ መሰረታውያን ሃለኽቲ ብዘይ መኽሰብ ከምዝሸየጡ ንምግባር ኪፍተን ጸኒሑ። ብዘይካዚ፡ ዝበዝሕ እዋን ውሱንነት ርእሰማላዊ ዓቕሚ ህዝቢ ሓጻሪ ስለዝኾነ፡ ብኮሚስዮን ንግድ ዕዳጋታት እናተኸፍቱ፡ ሃለኽቲ ነገራት፡ ብዘይ መኽሰብ ከምዝሸየጡ፡ ነጋዶውን ብወገኖም ተመሳሰልቲ ሃለኽቲ ከቕርቡ ምትብባዕ ክግበር ጸኒሑዩ። ዋጋታት ምውሳንን ምቁጽጻርን ከም ፖሊሲ መምስ ኩነታቱ መጽናዕቲ እናተገብረሉ ምስ ምኻዱ፡ ውሱንነት ዓቕሚ ናይቲ ህዝብን፡ ውሱንነት ኮሚስዮን ንግድን ተራእዩ፡ ነጋዶ፡ መኽሰባቶምውን ክብ ኣቢሎም እንተኾነ፡ ኪተሓጋገዙ ዝተኸፍተ ዕድል፡ ብስስዐን (manipulation) ንናይ ነጋዶ፡ እቲ ጉዳይ ገና ኣይተቓለለን። ግብሪን ቀረጽን ንምውዳብን ንምቁጽጻርን ዝወጸ ፖሊሲታትውን ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ክስርሓሉ ጸኒሑኳ እንተኾነ፡ ምስ ኩነታት ኹናትን ስፍሓት ቦታን ምዕባለ ኮንትሮባንዳዊ ሽጣራታትን በቲ ሓደ፡ ኣድህቦ እቲ ግንባርን፡ ናብኡ ዝዋፈርን ናይ ዓቕሚ ውሱንነትን ድማ በቲ ካልእ ብዘድምዕ ኣይተሰርሓሉን። ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ፊናንሲያዊ ዓቕሚ ናይቲ ግንባር፡ ኣብ ነንበይኑ ሜዳታት፡ ወፍሪ ርእሰማል እናተገብረ፡ ዝተሰላሰለ ንግዳዊ ስራሓት ብዙሕኳ እንተኾነን ብዙሕ ሽግራት ይፈትሕ እንተሎን፡ ናይቲ ሞያ ጥበብ ስለዘይተመልከ፡ ዝተረኽበ መኽሰብውን ሃናኺ ስለዝኸውን፡ ንምዕባይ ናይቲ ዝዋፈር ርእሰማል ብምቅያዱ፡ ቀልጢፉ ክዓቢ ኣይከኣለን። ብኣጠቓላሊ ፊናንሲያዊ ዓቕሚ ናይቲ ግንባር ምርኩስ ካብ ዝኾነ ቀንዲ ምንጪታት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ናይ ህዝቢ ወፈያታትን ውጽኢትን ኢዩ። ምስ ምድኻም ቁጠባ ህዝቢ ብሓፈሻን፡ ስእነት ስራሕን እናተተንከፈ ክኸይድ ምጽንሑ ግን ክዝከር ዝግብኦዩ።



ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ምኪያድን፡ ቁጠባ ሃገር ኣብ ምህናጽን፡ ህ.ግ. ርእሰኻ ናይ ምኽኣል ፖሊሲኡ፡ ማለት ንቕሓት ህዝቢ ምብርባር፡ ማእቶታዊ ፍልጠትን ክእለትን ተሳታፍነት ህዝቢ ክብ ምባል፡ መሰረት ትሕተ-ቕርጺ ምንዳቕ፡ ክትስርሖም እትኽእል ባዕልኻ ንምፍራዮም ምብልሓትን ምጽዓርን፡ ናይ ዕዳጋታት ባርያ ዘይምኳን፡ ሃብቲ ሃገርን ህዝብን ምሕላው፡ ፍትሓዊ ናይ ኣተዓዳድላ ሃብትን ምህርትን ስርዓት ምምዕባል፡ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ዝተመርኮሰ ፍትሓዊ ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድናታት ምምስራት፡ ብውዳበ ዝጸፈፈ ናይ ኣወጣጥናን ኣፈጻጽማን ቅጥዒ ምምዕባል፡ ዝዓለሙ፡ ክስርሓሉ ዝጸንሐ ቁጠባዊ ንጥፈታት እዚ ኣብ ላዕሊ ተጸሚቑ ቀሪቡ ዘሎዩ። ኣብቲ መስርሕ ካብ ኣሰራርሓኡ ዝቐሰሞ ተሞክሮውን ሃብቲ ምኳኑ ዘይስሓትዩ። ኩሉዚ ፍሪኡ ብዓይኒ ዝረኣን ዝድህሰስን ስለዝኾነ ከኣ ቅኑዕነት ናይቲ ፖሊሲን፡ ግብራዊ ዕቱብነትን ናይቲ ውድብ ዘረጋግጽዩ።

ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ሃገርን፡ ኩሉ መዳያዊ ናይ ሃገር ምህናጽ ስግረ-ኣቃውማን ፍልጠት ወሳኒ መሳርያዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ብምኽንያት ተኸታታሊ መግዛእትን ጭኮናን፡ ኣውራ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ቀጻሊ ኹናት፡ ባህላዊ ደረጅኡ ከኣ ብፍላይ ከም ዝጉተት ተገይሩዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 25 ዓመታት፡ ናይ ሓደ ወለዶ ናይ ትምህርትን ባህላዊ ደረጃን ሃጓፍ (vacuum) ተፈጢሩዩ። እዚ ኩነታትዚ ንርእሱ፡ ንመግዛእትን፡ ተበለጽቲ ናይ ውሽጢ ሓይልታትን፡ ፖለቲካዊ ውዲታቶም ንምኪታድ፡ ክምዝምዝዎ ዝጸንሑ ድኻም ምኳኑ ክርሳዕ ዘይግብኦዩ። ዘይተማህረ ህዝቢ፡ ኣብ ፖለቲካ ክዋሳእን፡ ነብሱ ክመሓድርን፡ ቁጠባዊ መነባብሮኡ ከመሓይሽን፡ ክስልጥንን ኣይክእልንዩ። ናይ ህ.ግ. ናይ ትምህርቲ ፖሊሲ እምበኣር፡ ነዚ ሓቂታትዚ ካብ ምግንዛብ ዝተበገሰዩ።

ትምህርታዊ ፖሊሲ ህዝባዊ ግንባር፡ ናብ ነንበይኑ መኣዝናት ዝቕንዐ ኮይኑ፡ እቲ ቀዳማይ መሰረታውን፡ ካብ ሓፋሽ ህዝቢ መሃይምነት ምጥፋእዩ ጸኒሑ። ህዝቢ ኣብ ናይ ምንቃሕን ምውዳብን ምዕጣቕን መደባቱ ከኣ፡ ጸረ-መሃይምነታዊ ኲናትን፡

ትምህርትን፡ ዘይፍለ ኣካላዊ ስራሕ ነይሩ። እዚ መደባት'ዚ ቅድሚ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ዓምቢቡ፡ ኣብ ሰፊሕ ቦታታት ኤርትራ፡ ኩሎም መሃይማን ኣብ ፊደል ምቑጻር ከምዝሳተፉ ንምግባር ጽዑቕ ስራሓት ተኻይዱ ፍረ ክህብ ጀሚሩ ነይሩ'ዩ። ምስ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ እቲ መደብ ዘልሓጥ ይበል'ምበር ቀስ ብቐስ፡ ኣበየ ቦትኡ ኣብያተ ትምህርቲ እናተኸፍተ፡ ኣብ ናይ ማእቶትን ካልእ ማሕበራዊ ሂወትን ትምህርቲ ከም ልሙድ ንጥፈት ህዝቢ እናተኣታተወ ክዓቢ፡ ክሰርሓሉ ጸኒዑ'ዩ። ንዝተመስረቱ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ምብታንን፡ መማህራንን ትምህርታዊ ትካላትን ምህዳንን፡ ቀጻሊ ፖሊስን ተግባርን መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ኮይኑ ስለዝጸንሐ ግን፡ እቲ መደብ ተማሊኡ ከይኸይድ ክዕንቅፍ ጸኒሑ'ዩ። ስርዓት ደርግ፡ ኣብቲ ዝቆጻጸሮ፡ ኣውራ ከተማታት መግዛእታዊ ባህሊ ምዝርጋሕ ጥራይ ዘይኮነ፡ እዚ ሓድሽ ትውልዲ ብትምህርቲ ከይምዕብል፡ ንትሕዝቶ ትምህርቲ ንታሕቲ ምውራድን መንእሰያት ናብ ብልሽውና ከምዝዝምብሉ ናይ ምግባርን መደባቱ፡ ስምብራቱ እናደመቐ ክኸይድ ጸኒሑ ኣሎ።

መሃይምነት ምጥፋእ ንበይኑ ግን ኣኻሊ ኣይኮነን። ብሰንኪ ኵናትን ገልታዕታዕን ኮነ፡ ካብ ቅድም፡ ጨሪራ ትምህርቲ ዘይእተዎ ከባቢታት ብዙሕ ብምዃኑ፡ ብዘይካ'ቲ ብሃገር ደረጃ ዘስዕቦ ማህሰይቲ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብና፡ ባህላዊ ጋጋት፡ ፈጢሩ ንዝተመዓራረየ ምዕባለን ተሳታፍነትን ዕንቅፋት ኮይኑ ከምዝጸንሐ ብሩህ'ዩ። ምእንቲ'ዚ፡ ህጻናትን መንእሰያትን ኤርትራ፡ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ዕድል ንምሃብ ከም ኣገዳሲ ትምህርታዊ መደብ ተታሒዙ፡ ኣብ ኩሉ ሓራን ሓውሲ-ሓራን ቦታታት፡ ኣውራ ድማ ኣብቲ ብትምህርቲ ዘይተጸልወን ዕድል ዘይረኸበን ክፍልታት ህዝቢ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ተኸፊቶም። መባእታውን ማእከላይን ደረጃታት ትምህርቲ ንምሃብ ጻዕሪታት ክካየዱ ጸኒሑምዮም። ከም ኣብነት ከኣ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ንምስፋሕን ንምዕባይን ዝተገብረ ጻዕሪ ክጥቀስ ይከኣል። መባእታዊ ኣካዳሚያዊ/ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ምሃብ ንበይኑ እኹል ስለዘይኮነ ከኣ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሜዳታት ኪነት ሰብ ምስልጣን፡ ኣብ ምዕባለን



ህንጸን ሃገር፡ ኣገዳስነቱ ተራእዩ፡ ማዕረ ማዕረ"ቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ መደባት፡ ቤት ትምህርቲ ኪነት ተመስሪቱ ከምዝዓቢ ንምግባር፡ ክድፍኣሉ ጸኒሑ ኣሎ።

ፖሊሲ ምሕንጻጽን፡ ናይ ትምህርቲ/ውጥን መደብ ምውጻእን፡ ወይ ድልየት ምህላውን ግን ንርእሱ ኣኻሊ ኣይኮነን። ስርዓት ትምህርቲ ምውጻእ፡ ናይ ትምህርቲ ንዋት (መጻሕፍቲ) ምስንዳእ፡ ብቑዓትን እኹላትን መማህራን ምቕራብ፡ መምሃርን መዐለምን ንዋት ምቕራብ፡ ኣብያተ ትምህርትን ናይ ውሽጢ መሳርሒን (ጠረጴዛ፡ መንበር... ወዘተ) ምቹእን ድሕንነት ዘለዎን ኣካባቢን ምድላው ይሓትት።

ሃገራዊ ኤርትራዊ ስርዓተ-ትምህርቲ ዘይምጽንሑን፡ ክህሉ ድማ ናይ ግድን ስለዝኾነን፡ ህ.ግ. ናይ ትምህርቲ ክፍሉን፡ ሒዙዎ ካብ ዝጸንሐ ስራሕ ሓደ ንሱ'ዩ። ሞያዊ ክእለትን ብዝሒ ከሰናድኡ ዝኽእሉ ምሁራትን፡ ዝተመሓላለኸ ሃገራዊ ጠባያትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ እቶም ዝተዳለዉ መጻሕፍቲ ውሑዳት'ኳ እንተዘይኮኑ፡ ነቲ ዝወሓደ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ገና ኣይተማልኡን። ብምምህርና ዝሰልጠኑ ዜጋታት ውሑዳት ምስ ምዃኖም፡ ኵናትን፡ ካልእ ናይ ቃልሲ ዕማማትን ነቲ ዝምህር ሙሁር ተጓድሎ ምህላዉ ርኡይ ሽግር'ዩ። ብተወሳኺ ናይ ምሁራት ንወጻኢ ምኻድን ምቕያድን'ውን ካልእ ሽግር'ዩ። ነዚ ጸገም'ዚ ንምስግጋር መማህራን ናይ ምምልማልን ምዕላምን ስራሓት እናተኻየዱ፡ ካብ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራን፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ህዝቢ ዝርከቡ መማህራን ክኾኑ ዝኽእሉን ንምስታፍ ተደፊኡሉ እኳ እንተኾነ፡ መበገሲ ዝኾውን ብዝሕን ብቕዓትን ካብ ምምላእ ገና ታሕቲ'ዩ። ናይ ትምህርቲ መደብ (ካሪክሎም) ምስ ተሰናድአ ንኸይሰርሕ ዓቢ ዕንቅፋት'ውን ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ መጻሕፍቲ ንምሕታም ዝኣክል ናይ ማሕተም መኪናታትን፡ ወረቐትን፡ ቀለምን ካልእ ሃላኺ ናይ ማሕተም ንዋትን ክርከብ ዘይምኽኣሉ'ዩ። ጥራውዝቱን ርሳስ/ብርዒ... ወዘተ ዝኣመሰሉ ናይ መምሃሪ ሃለኽቲ ምቕራብ ሽግር'ውን ምስኡ ዝኸይድ'ዩ። ናይ ኪነት መምሃርን መዐለምን መሳ ርሒታት ስእነት'ውን ኣሎ። ውሽጣዊ ንዋት... ጠረጴዛ፡ ኩርሲ

ስሌዳ... ወዘተ ምቕራብ ሕቶውን ከምኡ። ነዚም ዝተጠቕሱ ሽግራት ንምቕሳል፡ በቲ ዘሎ ማሕተማዊ ትካል ኮነ፡ ናይ ህንጻን ምስናዕን ኮሚስዮናት፡ ካብ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ ንዋትን ናይ ሰብ ዓቕምን እናዋፈርካ ዘይተቐጠበ ጻዕሪታት ክካየድ ጸኒሑ፡ ጉሉሕ ፍርያት ድማ ሂቡሎ። እቲ ስራሕን ጉዕዞን ግን፡ ገና ከቢድን ነዊሕን ምዃኑ ኣይተርፍን።

ካልእ ተሳስዩ ክሓልፍ ዘይግብኦ፡ ናይ ስደተኛታት ኤርትራውያን ናይ ትምህርቲ ጉዳይዩ። ብሓርፋፍ ኣዘራርባ፡ ጥቓ ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ስደት ዝነብርዩ። ዝበዝሕ ኣብ ሱዳን። ኣብ ውሽጢ'ዚ ቀጽሪ'ዚ፡ ብዙሓት ዝተማህሩን ምሁራትን ከምዘለዉ ፍሉጥዩ። ብሓፈሻዊ ኣ ዘራርባ፡ ንስደተኛታት ኤርትራውያን፡ ኣበየ ሃገሩ፡ ዕድል ትምህርቲ ንፋግኢ እንተኾነ፡ ኣብ ገለ፡ ጸቢብ ዕድላት ኣይተሳእነን። ውዒሉ ሓዲሩ ኣብ ስደት ዝነብር ህዝቢ፡ ሃገር ኣብ ምህናጽ ዘለዎ እጃም ዓቢ ስለዝኾነ፡ ትምህርቲ ከምዝቐስም ምግባሩ ብኣገዳስነት ዝጥመትዩ። ህ.ግ. ኣውራ ኣብ ሱዳን፡ ስደተኛታት ንምምሃር፡ ክሰርሕ ተበግሶታት ካብ ምውሳድ ዓዲኢ ተዘይወዓለ፡ ናይ መንግስቲ ሱዳን ፖሊሲን ተራ ናይ ሕቡራት ሃገራት ስደተኛታት ተጸዋዒ ውድብን፡ ዕንቅፋት ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ከም ተወሳኺ፡ ኣብ ብዙሕ ኣከባቢታት፡ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናይ ካልኣይ-ደርቢ ተቐማጢ ምዃን፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ጸቕጥታት ምስ ምህላው፡ ዘይተገዳስነትውን ሓደ ርእይ ደኻም ናይ መንእሰያት ምዃኑ ክዝከር ይግባእ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ትምህርቲ መደባቱ ንምትግባር፡ ውሱንነት ዓቕሙን ዘሎ ውድዓውነትን ኣጸቢቑ ስለዝርዳእ ከኣ፡ ኣውራ ኣብዚ ዝሓለፈ ውሑድ ዓመታት፡ ካብ ፈተውትን ግዱሳትን፡ ኣብ ምምህርናን ታዕሊምን፡ መሰረታዊ ናይ ትምህርቲ ንዋትን መሳርሕን ንምብርካት ክተሓባበሩ ጎስጓሳት የካይደሉ ኣሎ። ካብ ብዙሓት ወለንታውያንን፡ ዘይመንግስታዊ ውድባትን መንግስታትን ኣወንታዊ ኣቓልቦን ሓገዝን ተገይሩሉ ኣሎ።

ኣብዚ ሜዳዚ ክይተተንከፈ ክሓልፍ ዘይግብኦ፡ ትምህርቲ



በየናይ ቅጥዒ ዝብል ሕቶዩ። ብሄራውን ማሕበራውን ኣቀዋውማታት ኣመልኪቱ ተጠቒሱ ኣብ ዘሎ ሕጡባት፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ዝተፈላለየ ዓቕን ጋጋት ባህላዊ ደረጃን ዘለዎ ምዃኑ ብሩህዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ diverse ኣቃውማ ዘለዎ ህዝቢ፡ ናይ ትምህርቲ ፖሊሲ ኣውራ ድማ ቋንቋታት ብዝምልከት፡ ንጹርን፡ ናብ ናጻ ሃገራዊ ሓድነትን ህንጻን ዘምርሕ ክኸውን ናይ ግድንዩ።

እዚ ከም ማእከላይ ሕቶ ተወሲዱ ኸኣ፡ ናይ ህ.ግ. ናይ ትምህርቲ ፖሊሲ፡ ኣብዞም ዝስዕቡ መሰረታውያን መትከላት ዘተኮረ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ብሄር ዝሩብን ጽሑፍን ቋንቋኡ ከማዕብል መስሉ ክሕሉ ናይ ግድን ኢዩ። ኣብ ውሽጣዊ ምምሕድዳራቱ ቋንቋታቱ ከዘውትርውን መሰሉ ክንፈግ ኣይግባእን። ኣብ መንጎ ብሄራት ኤርትራ ይኹን ኣከባቢታት/ዞባታት ዘሎ ትምህርታውን ባህላዊን ደረጃዊ ጋግ ቀስ ብቐስ ከምዝጸብብን ከም ዝመዓራረን ክኸውን ኣለዎ። ማለት ዕድል ትምህርቲ፡ ነቶም ድሒሪት ዝተረፉ ክፍልታት ክዓቢ ይግባእ። ናይ ዝበዝሐ ወይ ዝማዕበለ ብሄር ይኹን ክፍሊ ናይቲ ሕብረተሰብ፡ ቋንቋ፡ ኣብ ካልኦት ኪስግደድ (imposed ክኸውን) የብሉን። ናይ ትምህርቲ ፖሊሲ፡ ንሃገራዊ ምዕ ባለን ህንጻን ዝዓለመምበር፡ ህዝቢ ንምምቓልን ንምብትታንን ዝሰርሕ ክኸውን የብሉን።

ነዚ መሰረት ብምግባር ከኣ፡ ህ.ግ. ናይ ትምህርቲ ቅጥ ዒ ብኸምዚ ዝስዕብ ክሰርሓሉ ጸኒሑ። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ፡ መባእታዊ ትምህርቲ ኣብ ዝቐስመሉ መድርኽ፡ ብናይ ልቓሕ ቋንቋ ዘይኮነ፡ ብቋንቋኡ ኪመሃር ዝቐለለን ዝሰልጠነን ስለዝኾነ እምበር፡ ዓሰርተ ቋንቋታት ንምዕንባብ ዘይኮነ ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ እንግሊዝኛ ከም ቋንቋ ኣብ ኩሉ መባእታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ኣትዩ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ናብ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ዝሰጋገረሉ፡ ነቲ ቋንቋ ከም መምሃሪ ክጥቀመሉ ከምዝበቅዕ ምግባር። ብኹሉ ቋንቋታት ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝወሃቡ ትምህርቲ ትሕዝትኡም ሓደ ክኸውን። ብተወሳኺ ኣብ መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ፡ ዓረብን ትግርኛን፡ ካልእ ቋንቋን (ዝመረጸ)

ክመሃር፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ፡ እንግሊዝኛ ናይ ኩሉ መምሃሪ ቋንቋ ኮይኑ፡ ዓረብኛ፡ ወይ ካልእ ካብ ቋንቋታት ኤርትራ ከም subject ተወሲዱ ብምርጫ ክመሃር። ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ብተመሳሳሊ እንግሊዝኛ መምሃሪ ቋንቋ ኮይኑ፡ ናይ ዓረብኛን ካልኦት ቋንቋታትን ቋንቋዊ ትምህርቲ ከከም ምርጫ ቀጻሊ ክኸውን ኢዩ።

ኣብዚ፡ ዝነደዩ ሓይልታት ብቐጻሊ ከም መሳርሒ ክጥቀሙሉ ዝፍትኑ፡ ናይ ቋንቋ ኣሎ። ንሱ ድማ፡ ህ.ግ. ኣብ ትምህርታዊ ፖሊሲኣ ዘለዋ ኣተሓሕዛ ናይ ቋንቋ ሕቶ፡ ጸረ-ዓረብኛ ከምዝኾነን፡ ትግርኛ ከተንግስ ከምእትሰርሕን'ዩ። በዚ ድማ ሃይማኖታዊ ጸቢብ ስምዒታት ንምርስሳን፡ ንህ.ግ. ንምብሓትን'ዩ። ዓረብኛ ዝዛረቡን ዝፈልጡን ኩሎም ሰዓብቲ ምስልምና ከምዘይኮኑ ብሩህኳ እንተኾነ፡ ዓረብኛ ምስ ሰዓብቲ እስልምና መንፈሳዊ ምትእስሳር ከምዘለዎ ዘይክሓድ'ዩ። እዚ ማለት ግን ዓረብኛ ከም ቋንቋ ንሰዓብቲ እስልምና ጥራይ ዝምልከት ቋንቋ'ዩ ማለት ኣይኮነን። ብዘይካ'ዚ ናይ ዓረብኛ ምስ ሰዓብቲ እስልምና ዘለዎ መንፈሳዊ ምትእስሳር፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ዘለዋ ብሄራት፡ እቲ ትግርኛ ዝዛረብ፡ መብዛሕትኡ ሰዓቢ ክርስትና ዝኾነ ህዝቢ፡ ናይ ጽሑፍ ቋንቋኡ ዝውቱር ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣቐዲሞም ብዝበርሁ ምኽንያታት፡ ማለት ዝበዝሐን ብተዛማዲ ብባህላዊ ደረጃኡ ዝማዕበለን ስለዝኾነ፡ በቶም ካልኦት ብሄራት፡ ትግርኛ ናይ ምዕብላል ስግኣት ከም ዘሎ ብሩህ'ዩ። ናይ ህ.ግ. ናይ ትምህርቲ ፖሊሲ ግን ንትግርኛ ከም ካልኦት ቋንቋታት ብማዕረ ነቶም ዝዛረብዎ ኣብ መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ መምሃሪ ቋንቋ ክኸውን እምበር፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ቋንቋታት ዓብላሊ ኮይኑ ሓደን ንበይኑን ናይ መምሃሪ ቋንቋ ኣይወስዶን። ዓረብኛ ብዝምልከት ከኣ፡ ከም ሃገራዊ ቋንቋ ወይ ቋንቋ ረቫይዳ ኮይኑ ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጢ ኢርትራውያንን፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያንን፡ ናይ ዞባና ናይ ዓረብ ህዝብታትን መውስኢ ቋንቋ ስለዝኾነን፡ ኩሉ ኤርትራዊ ክመሃሮን ክፈልጦን፡ ዘለዎ ቋንቋ ምዃኑ ብምእማን ህ.ግ. ንምዝርግሑን ንምስፍሑን ካብ ምስራሕ ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን'ዩ። ምስ'ቲ ዘካይዶ ጻዕርታት፡ ብዙሕ ቴክኒካዊ



ሕጽረት ከምዘሎ ፍሉጥ ስለዝኾነ ከኣ፡ ከምቲ ሃንቀውታ ክሰፍሕ ከምዘይከኣለ ብሩህ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ሕጂ ደኹን ንመጻኢ ወለዶታት፡ ብነንበይኖም ቋንቋታት፡ ኣብ ነንበይኖም ኣብያተ ትምህርቲ፡ ብኡ ኣቢልካ ድማ፡ ዝተፈላለየን ናብ ምርጻም ዝኸይድን ፖለቲካዊ ሃዋሁው ንምፍጣር ዝግበር ጻዕሪ ኩሉ፡ ናይ ተበለጽትን ጸቢብ ፖለቲካዊ ዕላማታት ዘለዎምን፡ ብመንገዲ ሃይማኖትን ቋንቋን ብሑት ከም ድላዮም ዝዝዉሩዎ ማሕበራዊ ሓይሊ ንምዕቃብ ዝኣመተን ምስ ሓድነታዊ ሃገራዊ ህንጻ ዝጻረርን ስለዝኾነ ንጹግ'ዩ። ምስዚ ኣተኣሳሲሮም ካብ ዘልዕልዎ ሕቶታት፡ ንተመሳሳሊ ዕላማታት፡ ተራ ሃይማኖት ኣብ ትምህርቲ ኢዩ። ኣብ ፕሮግራም ህ.ግ.ሓ.ኤ. መሰል ሃይማኖት ሕሉው'ዩ። ንህዝቢ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ምሃብ'ውን ፍቑድ'ዩ። ሃይማኖታዊ ትካላት፡ መንፈሳዊ ንጥፈታተን ከካይዳ ዝኽልክል የለን። ሃይማኖት ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ንምግባር ኮነ፡ ሃይማኖት ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ደባሊቕካ ህዝቢ ንምክፍፋል ዝግበር ስራሕ ኩሉ ግን፡ ምስ ሃገራዊ ሓድነትን ህንጻን ዝጻረር ስለዝኾነ ንጹግ ኢዩ።

ባህላዊ ደረጃ ህዝቢ ኤርትራ ክብ ንምባል፡ መሰረተ ትምህርቲ ምስፍሕፋሕ እኳ እንተኾነ፡ ህ.ግ. ኣብ ሕርሻ፡ ህንጻ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ኪነት ሜዳታት ዘካየዶ ትምህርትን ታዕሊምን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ'ውን ብሓይሊ ክድፍኣሉን ተጨባጢ ፍረ ክህብን ጸኒሑ'ዩ። ኣብ ሙዚቃ፡ ረቂቕ ስነ-ጥበብ፡ ኢደ-ጥበብ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ስፖርት፡ ንታሪኽን ክብሪን ሃገር፡ ብኡ ከኣ፡ ንሓድነትን ህንጻን ሃገር ምእንቲ ክምዕብሉ ዕቱባት ባህላዊ ናይ ምትብባዕን ምብርባርን ጻዕርታት ከካይድ ምጽንሑን፡ ኣሳጕሙ ከምዘሎን'ውን ኪፍለጥ ይግባእ።

ናይ ህዝቢ ጥዕና ንምሕላው፡ መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽን፡ ናይ ህዝቢ ናይ ስራሕን ማእቶትን ዓቕሚ ክብ ንምባል፡ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ምዕባይን ምምስራትን፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ዕማማት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዘይካ'ቲ ብመግዛእታዊ ሓይልን ግፍዒን ዝወርዶ ኣደራዕ መቕተልትን መቑሰልትን፡ ኣብ ቀጻሊ ናይ ጭኮና ስነ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ

ይሳቐ ምህላዉ፣ ንሃገራዊ ሃብቱ መዝሚዙ ሰሪሑ ናብራኡ ከይመሓየሸን ጥዕንኡ ከይሕሉን ኣብ ስደትን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምክልባቱን፣ መመሊሱ እናደኸየ ክኸይድ ጸኒሑ ኣሎ። ተኸታታሊ ደርቂ ከም ተወሳኺ ነቲ ሕሰም ስለዘብኣሶ ከኣ፣ ፍርያምነት መሬት ደኺሙ፣ ሕርሻዊ ምህርቲ ኣንቆልቍሉ፣ እንስሳዊ ሃብቱ ብተዓጻጻፊ ውሒዱ'ዩ። ብሰሪ'ዞም መግዛእትን ባህርን ዝፈጠርዎም ዕንወታት፣ ጥዕና ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍኣ፣ ናይ ምውራድ ዓቕን እናኣንቆልቆለ፣ ናይ ሞት ዓቕን እናደየበ ክኸይድ ጸኒሑ'ዩ። እቲ ሕሰም ኣውራ ዘጥቅዖም ከኣ፣ ህጻናትን ደቀንስትዮን ኣረገውቲን'ዮም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣሰቃቒ ኩነታት፣ ጠለብ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት፣ ኣዝዩ ዓቢ ምዃኑ ርዱእ'ዩ።

ነዚ ሓላፍነት'ዚ ብምግንዛብ፣ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ስርሑ ንምዕባይ ብሓይሊ ክደፍኣሉ ጸኒሑ'ዩ። ምስ እቲ ሽዑ ዝነበሮ ውሱን ናይ ሰብን ንዋትን ዓቕሚ፣ ቅድሚ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ፣ ኣብ ኩለን ሓራ ከተማታትን፣ ሰፊሕ ገጠራትን፣ ሆስፒታላት ግቡእ ኣገልግሎቶም ከምዝህቡን ከምዝዓብዩን፣ ክሊኒካት ከምዝዝርግሑ፣ ተንቀሳቐስቲ ናይ ኣጋር ሓኪም ኣሃዱታት'ውን ከምኡ ናብኩሉ ኩርናዓት ኤርትራ እናኣተዉ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ከምዝህቡ ጀሚሩ ነይሩ'ዩ። ድሕሪኡ፣ ከም ኣብ ኩሉ ካልእ ንጥፈታቱ፣ ምስ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ ስፍሓትን ዕብየትን ጥዕናዊ ኣገልግሎት ንዝተወሰነ ግዜ ይጩበጥ እምበር፣ እንደገና ካብ ምስፋሕን ምዕባይን'ሲ ኣይተዓግተን።

ኣብቲ ዘተኣማምን ደን፣ ብዙሓት ሆስፒታላት ተመስሪተን ከምዝዓብያ ተገይሩ፣ ኣገልግሎተን'ውን ብፍጡን እናደየበ ክኸይድ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ ሓውሲ- ሓራን ሓራን ቦታታት፣ ቀወምትን ተንቀሳቐስትን ክሊኒካት'ውን ብብዝሕን ብዓቕንን እናወሰኻ ከይደን፣ ነቲ ኣብቲ ከባቢታት ዝነብር ጥራይ ዘይኮነ፣ ነቲ ኣብ መግዛእቲ ዝቆጻጸሮ ከባቢታትን ኣብ ስደትን ዘሎ ህዝቢ'ውን ኣገልግሎተን ይህባ ኣለዋ። ተንቀሳቐስቲ ናይ ኣጋር ሓኪም ኣሃዱታት"ውን ከምኡ።



ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምዕባይ፣ ዝኣክል ብዝሕን ብቕዓትን ዘለዎ፣ ኣብቲ ሞያቲ ዝወፈሩ ክኢላታት ምርካብን ብግቡእ ምውዳብን መሰረታዊ'ዩ። ኣብዚ ሜዳዚ፣ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝተማህሩን ዘገልግሉ ዝነበሩን ኤርትራውያን ሓካይምን ክኢላታትን በብእዋኑ ምእንቲ ህዝቦም ኣብ ቃልሲ ምስታፍ ዝመረጹ ብዙሓት ስለዝነበሩ፣ ኣገዳሲ ምዕባሌ ነቲ ኣገልግሎት ነይሩ። ወለንታውያን ሓካይምን ማሕበራትን'ውን ከምኡ፣ ተሳታፍነቶም እናዓበየ ክኸይድ ምጽንሑ፣ ኣበርክቶኦም ንብዙሓት ሽግራት ከቃልል ኪኢሉ'ዩ። ኣጋር ሓኪምን፣ ኣሕረስትን፣ ካልኦት ክኢላታትን፣ ንምስልጣን ዝወጸ መደባት፣ በብእዋኑ እናተተግበረ፣ ኣብ ታሕቲ ደረጃ፣ ሰፊሕን ሓጋዚን ስራሕ ከካይዱ ከምዝጸንሑ ብሩህ'ዩ። ነቲ ናይ ኪኢላታት ዓቕሚ ክብ ንምባል ከኣ፣ ንኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከቡ ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን፣ ዘንሳጉሳን ተሳታፍነቶም ምስ ኣበርክቶኦም ዘውድባን ማ.ሓ.ኤ. ቀይሙ፣ ክንቀሳቐስን ክሕግዝን ጸኒሑ ኣሎ።

ናይ ጥዕና ሞያውያንን ክኢላታትን ምብዛሕን ምስልጣንን ጥራይ ንበይኑ ኣኻሊ ስለዘይኮነ፣ ናይ ሓፋሽ ጥዕናዊ ንቕሓት ክብ ምባልን ብግብሪ ኽትሓጋገዝን፣ ጥዕናዊ ትምህርቲ፣ ማዕረ-ማዕረ ፖለቲካዊ ጎስጓሳት እናተኻየደ እዋናውያንን ምዱባትን ትምህርታዊ መጽሔታትን ጽሑፋትን እናወጹ፣ ብዘድምዕ ከበርክቱ ጸኒሖምዮም።

ኣብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፣ ካልእ ርኡይ መሰረታዊ ሽግር ናይ መድሃኒት ጉዳይ ኢዩ። ንህዝቢ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ብነጻ ምሃብ ፖሊሲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምዃኑ ፍሉጥ'ዩ። ምስ ድኽነት ናይ ህዝቢ፣ ህዝቢ፣ ካብ ዕዳጋታት መድሃኒት ከገዝእ ወይ ከፊሉ ክምርምር ከምዘይክእል'ውን ርዱእ እዩ። እቲ ዝተሓተ ጠለብ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ኣየማልእን'ዩ። እዚ ስለዝኾነ፣ ንመሰረታውያን መድሃኒታት ኣብ ሃገር ምስራሕ ኣገዳስነቱ ተራእዩ ከምዚ ዝኣመሰለ ትካል ምቛም ጻዕሪ ተኻይዱሉ፣ ተመስሪቱ፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ፣ ምህርቱ ብዓይነትን ብዝሕን እናዓበየ፣ ኢንፍዩዥንን ኣገደስቲ ከኒናታትን ፈሰስትን፣

ተለከይትን መድሃኒት እናተሰርሑ ንብዙሓት ሽግራት የቃልሉ ኣለዉ።

ካልእ ሕክምናዊ መሳርሕን ንዋትን ዝተማልኡ ንምግባር፣ እቲ ቀሊልን ብህሉው ዓቕሚ ክግበር ዝከኣልን እናተሰርሐ፣ ዝኣክልን ዘመናውን መሳርሒታት ኮነ ንዋት ንምርካብ፣ ኣብ ወጻኢ ቀጻሊ ጎስጓሳት ምግባር'ውን ከም መደብ ክስርሓሉ ጸኒሑ'ዩ። መሳርሕን ንዋትን ሕክምና ጥራይ ዘይኮነ፣ ኑቲ ጠንቂ ሕማማት ነኣሽቱ ዝኾኑ ስእነት መጣኒ መግቢታት ንምቅላልን ናይ ጽሬት ንዋትን መሓውር ስንኩላንን ንምስራሕ ዘኽእል ኣብያተ ዕዮ ንምምስራት ኣብ ዝተኻየደ ጻዕሪ ከኣ፣ ብምትሕግጋዝ ፈተውትን ማሕበራት ረድኤትን ተተኺሎም ኣገልግሎቶም ክምዝህቡ ይግበር ኣሎ።

ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣገልግሎት ጥዕናን ምዕባለኡን፣ ሓደ ካብቶም ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት፣ ኣደናቒ ግስጋሰ ዘርኣየ ሜዳዩ። ናይ ኵናት ዕንወት፣ ሓደ ካብቲ ንምስፋሕ ናይቲ ኣገልግሎት ቀይዱዎ ዝጸንሐ ረቛሒ ምኳኑ ክርሳዕ ኣይግባእን። እቲ ምዕባለ ብተዛማዲ ዝርኣ ድኣ'ምበር፣ ማለት፣ ምስ ሓፈሻዊ ምምሕያሽ መነባብሮ፣ ዝኣክል መግቢ፣ ዝኣክል ዝስተን ንጽርየትን ዝኸውን ማይ ምርካብን፣ ቅሳነት ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ፣ እቲ ኣገልግሎት፣ ገና ታሕቲ'ዩ ዘሎ።

ኵናትን ከም ደርቂ ዝኣመሰሉ ባህርያዊ ጠንቅታትን፣ ሕማምን ድኽነትን ዘኸትሉዎን ማሕበራውያን ሽግራት ማእለያ የብሎምን። ድሕረት'ውን፣ ንርእሱ ማሕበራዊ ሽግር ከም ዘስዕብ ፍሉጥ እዩ። እዚ ጠንቅታት'ዚ፣ ስደት፣ ዝኽትምና፣ ምስንካል፣ ሽቕለተ-ኣልቦነት ምምዝባል ስድራቤታት፣ ስነኣእምሮኣዊ ምምዝባል... ወዘተ የስዕብ። ነዚ ሳዕቤናት'ዚ ንምቅላልን ንምቁጽጻርን፣ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከም ዕማም ወሲዱ፣ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራሙ ናይ ፖሊሲ ሕንጻጻት ስኢሉ፣ ግብራውያን መደባት ኣውጺኡ ክሰርሕ ጸኒሑ'ዩ። ማሕበራዊ መሰላት ሰራሕተኛታት፣ ደቀንስትዮ፣ ህጻናት፣ ኣረገውቲ ንምርግጋጽ፣ ኣብ ህዝባውን ፖለቲካውን ንጥፈታቱ ዝግልገለሎም ማሕበራውያን ሕግታትን ትካላትን እናውጽአን እናመሓየሸን ክሰርሑ ዝኽእሉ ተጨበጥቲ



ለውጢታት ኣመዝጊቡ'ዩ።

ዝተመዛበሉ ስድራቤታትን ዝዘኸተሙን ኣላይ ዝሰኣኑን ህጻናት ዝዕቀቡሉን፣ ዝናበዩሉን፣ ዝሰንከሉን ዝዓወሩን ዝእለዩሉን ርእሶም ክኢሎም ዘበርክትሉን፣ ዝተሰዱን ብኵናት ይኹን ደርቂ ዝተደፍኡሉ ዓዲታትን ህዝብን ዝሰፍሩሉ፣ ንብረቶምን ጥሪቶምን ብናይ ጸላኢ ይኹን ባህርያዊ ሓደጋ ዝበረሰ ዝሕገዙሉ መደበራትን ናይ ስራሕ ኣገልግሎትን ኣውጺኡ ክነጥፍ ጸኒሑ'ዩ። እቲ ሽግር ዓቐኑ መዘና የብሉን። መዕቆቢ ዝኸውን ኣባይቲ፣ መግቢ፣ ማይ፣ ክዳን፣ ናውቲ ስንኩላን፣ ኣቕዲሙ ዝተጠቕሰ ናይ ልምዓትን ትምህርትን ጥዕናን ኣገልግሎት፣ ገንዘብ... ወዘተረፈ፣ ይትረፍ ንመላእ ህዝቢ ወይ ከተቕርብ፣ ኣማኢታት ኣሽሓት፣ ንዓሰርተታት ኣሽሓት'ውን ከተቕርብ፣ ኣብ ዳርጋ ዘይከኣል ተልእኾ እዩ። እቲ ሓላፍነት ብቐዳምነት ኣብ ዝባን ህ.ግ.ሓ.ኤ. ስለዝወድቐ ግን፣ እቲ ውድብ፣ ብኒሕን ጽንዓ ትን፣ ኑቲ ሽግር ንምቅላል፣ ዝከኣሎ ክገብር ጸኒሑ'ዩ። እቲ ዝገብሮ ሓደ ሚእታዊት ናይቲ ዝተሓለነ ምንባሩ ምጥቃስ ጥራይ ኣኻሊ'ዩ።

ነዞም ሽግራት እዚኣቶም ንምቅላል፣ብህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ብማ.ረ.ኤ.ን ንናይ ዓለም ማሕበረ-ሰብ ዝተገብረ ተደጋጋሚ ጻውዒትን ጎስጓስን ይካየድ'ኳ እንተነበረ፣ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ፣ ንዘይፍትሓዊ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ጥሜትን ጸበባን ምድርባይ፣ ብደብዳብን ቀጻሊ ኵናቱ ሓጋዚ ረቛሒ ጌሩ ስለዝቖጽሮ፣ ዲፕሎማሲያዊ ናይ ታህዲድ ወፍሪን ጥራይ ከይተሓጽረ፣ ዕንቅፋታት ክፈጥር ምጽንሑ ስልትታት እናተኸተለ ቀጻሊ ዕንቅፋታት ከፊጥር ምጽንሑ ዝዝከር'ዩ። ምስ ናይ'ዚ ኩሉ ዕንቅፋታት፣ ማ.ረ.ኤ. ብዙሓት ዘይመንግስታውያን ውድባትን ማሕበራት ረድኤትን ዝምስገን ሓገዝ ጌሮምዮም። ኩሉኹሉ ተደማሚሩ ግን 5% ናይቲ ሽግር ጥራይ ስለዝተንከፈ፣ ብዓቐን ናይቲ ሽግር ክረኣ'ንከሎ፣ እቲ ሽኽም ገና ኣይተፋኸሰን። እዚ ናይ ቀረባ ዘንጸላሉ ዘሎ፣ ናይ ኣንበጣ ሽግርን፣ ምስፋሕ ምድረበዳ ኣብዘን ዝመጸ ዓሰርተታት ዓመት ዝህልዎ ዓቐንን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ኸኣ፣ ኣተሓሳሳ ቢነቱ ናይቲ ጉዳይ ርኡይ'ዩ። ጉዳይ ስደተኛታት፣ ኣውራ

አብ ሱዳን ናይ ዝርከቡ፡ ሽግራት ንምቅላል ዘይተቐጠበ ጻዕሪ ክግበረሉ ጸኒሑኳ እንተኾነ፡ አቐዲሙ ክምዝተሓበረ፡ ዘይፍቓደኝነት መንግስቲ ሱዳንን፡ UNHCR ን ብዙሕ ዕድል አይሃበን። እቲ ጸገም እዚ ይኹንምበር፡ ንስደተኛታት፡ ሃገሮም ናይ ምምላስ ጻዕሪ ቀጻሊ አሎ። ናይ ዝተመልሱ ቁጽሪ አዝዩ ውሑድ እኳ እንተኾነ፡ ምስቲ አብ ውሽጢ ዝግበር ናይ ልምዓት ስራሕን ምዕባለኡን፡ እናተመሓየሸ ዝኸይድ ሓፈሻዊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኩነታት፡ ክዓቢ ክምዝኽእል ርዱእዩ።

ካልእ ተወሳኺ ማሕበራዊ ጸገም ውጽኢት ናይዚ መግዛእታዊ ደርግ ዘካይዶ ዘሎ፡ ዘይፍትሓዊ ኩናት ዝኾነ ጉዳይ፡ ምሩኻት ኩናት ዝምልከትዩ። ቅድም እስትራተጅያዊ ምዝላቕ ጀሚሩ፡ ምስ ምስፋሕን ምዕባይን ወራራት መግዛእታዊ ደርግ፡ ረብሓ ዘይብሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ እናተገደደ፡ ግዳይ ዘይፍትሓዊ ኩናት ኮይኑ ዝሞተ ልዕሊ ሚእቲ ሽሕዩ። አካሎም ጎዲሎም ዝተማዘበሉ ዓሰርተታት አሽሓትዮም። ዘኽቲሞም ዝተረፉ ቆልዑን፡ አላዪ ዝሰኣኑ ስድራቤታትን'ውን ብአሽሓት ክግመቱ ይኽእሉ። ዝተማረኹ ልዕሊ 10 ሽሕዮም።

ምሩኻት ኩናትን ሰብአዊ ምንባሮምን አተሓሕዞአምን ብዝምልከት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንጹር ፖሊሲኡ አብ ፕሮግራሙ ሰፊሩ አሎ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንምሩኻት ኩናት፡ እኹል መዕቀቢ፡ መግቢ፡ ክዳን፡ ሕክምናዊ አገልግሎት ምሃብ ዓቕሙ ዝተወሰነኳ እንተኾነ፡ ከም ኩሎም አባላቱ ከይለለየ፡ ንምሩኻት ብናይ (subsistence) መነባብሮ ክምዝተሓዙ ክገብር ጸኒሑዩ። መሰረታዊ ፍታሕ ናይቲ ሽግር ንምርካብ፡ ምስ መንግስታትን ማሕበራትን አውራ ድማ እቲ ተሓታቲየ ዝብል ቀይሕ መስቀል፡ ርክባትን ጻዕርን ክገብር ጸኒሑ። ብቐዳምነት፡ ደርግ፡ "ብዘይካ ከዳዓት ዝተማረኹ የብለይን" ኢሉ ነቲ ክውን ነገር ካብ ምኽሓድ ሓሊፉ፡ እቲ ጉዳይ ብመንግስታትን ማሕበራትን ከይልዓል፡ ሓገዝ ድማ ከይግበር ብዝከአሎ ክሕንኩል ስለዝጸንሐ፡ ንፍታሕ ናይቲ ሽግር ዕንቅፋት ኮይኑዩ። ቀይሕ መስቀል'ውን ዕንቅፋት አብ ምፍጣር አይሓመቐን። ካብ ታህዲድ ደርግ



ብምፍራሕን፡ ዕባራ ምኽንያታት ብምፍጣርን አብ ዘይምልከቶ ፖለቲካውን ጸጥታውን ጉዳያት ኢድ ብምእታውን ክሳብ ሕጂ ምሩኻት ኩናት ብዝምልከት ከየበርከተ ጸኒሑዩ። ህ.ግ. ምሩኻት ንምልቃቕ አዊጁ ሓገዝ አብ ዝሓተተሉ፡ ደርግ፡ "ካብ ወራር ስለዝፈርሑ ምሩኻት አፋንዮም፡ ናይ ሓለዋ ሓይሎም፡ ኪጥቀሙሉ ደልዮምዮም... ቀይሕ መስቀል እንተተሓጋጊዙ ተሓባባራይ ማለት'ዩ" ኢሉ ዝገበሮ ታህዲድን፡ ብኡ መሰረት ቀይሕ መስቀል፡ ዘርአዮ ዘይምትሕግጋዝን ምጥቃስ አኻሊዩ። አብዚ ቀረባ እዋን ከም ብሓድሽ ናይ ርክብ መዓጹ ተኸፊቱ ግን፡ ቀይሕ መስቀል፡ ሽግር ምሩኻት ኩናት ንምቅላል መጽናዕትታት የካይድ አሎ።

እቲ ጉዳይ፡ ናይ ውጻኢ ሓገዝ ዝሓትት ይኹንምበር፡ ናቱ ህ.ግ. ሽግር ምሩኻት ኩናት ምቅላል፡ ቅድሚ ዝኾነ፡ ናቱ ሓላፍነት ምዃኑ ስለዝርድኦ፡ ዕንቅፋት ደርግን ካልኦትን ብዘየገድስ፡ ግቡኡ ክገብር ጸኒሑዩ። መግብን፡ ክዳንን፡ ካልእ አገልግሎታትን ምሃብ እዋናዊ ግድነትኳ እንተኾነ፡ እቲ መሰረታዊ ጠንቂ፡ ዘይፍትሓዊ፡ ኩናት-ክሳብ ዘይዓረፈ እቲ ሽግር ቀጻሊ ስለዝኾነ'ውን፡ ነቲ ኩናት ደው ንምባል ከአ፡ ብዘይካ አብ ወተሃደራውን ካልእ ሜዳታትን ዝካየድ ቃልሲ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ምትስንሳን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ዘሎ ናይ ሓባር ናይ ቃልሲ ምሕዝነት ምትራርን አገዳሲ ስለዝኾነ፡ እቶም ምሩኻት ኩናት ከአ፡ አካል ህዝቢ ኢትዮጵያን፡ ቀዳሞት ግዳያት ናይቲ ዘይፍትሓዊ መግዛእታዊ ኩናት ብምዃኖምን፡ ምንቅሕምን ምምሃሮምን፡ ሓደ ካብ ዕማማት ህ.ግ. ኢዩ። አብ ውሽጢ ምሩኻት ኩናት ክሳብ ሕጂ ክካየድ ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ጎስጓስ፡ ንፍልጠት ምሩኻት ከዕምቑ ምጽንሑ ከአ፡ አብነታዊ ምስክሩ፡ እቶም ምሩኻት አብ ጎኒ ህ.ግ. ተሰሊፎም አብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ ዝነጥፉን፡ ምስ ኢትዮጵያውያን ውድባት ተጸንቢሮም ዝቃለሱ ዘለዉን ምሩኻት ነበርዩ። ፖለቲካዊ ግርህና ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓደ ካብቲ መግዛእታዊ ደርግ ዝምዝምዞ ድኻም መሃይምነት ስለዝኾነ፡ ምሩኻት ኩናት፡ መሃይምነት አጥፊኦም ከም ዝመሃሩን ንሓዋሩ ርእሶም ክኢሎም ህዝቦም ፍልጠት ከምዝቕስሙን፡

ምእንቲ ከገልግሉን፡ ዝካየድ ትምህርታዊ መደብ ከኣ፡ ኩሎም ምሩኻት መሃይምነት ምጥፋኦምን፡ ካብኡ ንቕድሚት ከይዶም ምህላዎምን፡ ግብራዊ መግለጺኡ'ዩ። ኣብ ስራሕ ምስታፎም ዓቢ ሓርነታዊ ኣገልግሎት ምስ ምኻኑን ጥዕናዊ መዳዩን፡ ንሞያዊ ክእለት ምሩኻት ክብ ዘብል መደብ ምንባሩን ኾኣ፡ ሎሚ ኣብ ማእከሎም ብዙሓት ናይ ህንጻን ካልእ ሞያታትን ክኢላታት ፈርዮም ንርኢ። ሓደ ካብ ሽግራት ምሩኻት፡ መንፈሳዊ ወይ ስነኣእምሮኣዊ ጸቕጢ'ዩ። ምሩኽን ቅዩድን ናይ ምኻን፡ ንነዊሕ ካብ ስድራኻን ሰብካን ዓድኻን ተፈሊኻ ምብሕታው ኣሎ። ነዚ ሽግራትዚ ንምቅላል፡ ምሩኻት፡ ስፖርታውን ባህላውን ንጥፈታት ከምዘካይዱን ከምዝዘናግዑን፡ ብመንገዲ "ድምጺ ሓፋሽ" ንርእሶምን ንሰቦምን ተስፋ ዝህቡሉ መልእኽትታት ምትሕልላፍ፡ ምጽሕሓፍ፡ ክስርሓሉን ክተባባዕን ጸኒሑ፡ ጽቡቕ ውጽኢት ድማ ነይሩዎ። ምሩኻት ኵናት ንምልቃቕ ብዙሕ ፈተነታት ተገይሩ፡ ገለ'ውን ተለቒቖምኳ እንተኾኑ፡ ምስ ናይ ደርግ ናይ ማእሰርትን ኣስገዳድን ፖሊሲታት፡ እቲ ኣበየ ቦትኡ ተመስሪቱ ዘሎ ፖሊሳዊ ትካል ቀበሌታት፡ ምሩኻት ብሰላም ናብ ዓዶም ተመሊሶም ሰላማዊ መነባብሮኦም ክቕጽሉ ዕንቅፋት ስለዝኾነን፡ በቲ ዝተገብረ ፈተነታት ስለዝተረጋገጸን ከኣ፡ ብዙሓት ናብ ህ.ግ. ክምለሱ ስለዝተገደዱን፡ እቶም ዝልቀቑ ከም ናጻ ሰባት፡ ኣብ ደን ከምዝጸንሑ ተገይሩ። ህ.ግ. ኣብ ኣተሓሕዛ ምሩኻት ክኽተሎን ክትግብሮን ዝጸንሐ ፖሊሲ እዚ ኮይኑ፡ ኢዶም ንዝሃቡ፡ ናብ ዝደለዩዎ መብዛሕትኦም ንወጻኢ-ክኸዱ ከሳልጥ ከምዝጸንሐ'ውን ክጥቀስ ይግባእ። ህድማ ብውልቅን ብእኩብን፡ ንሽርሒ ምውዳብ፡ ኣብ መጀመርያ ብብዝሒ ይርኣይኳ እንተኾነ፡ ምስቲ ዝግበር ኣተኣላልያን ጎስጓስን እናዋሓደ ኣብዚ እዋንዚ ከም ዓቢ ሽግር የለን ክበሃል ይከኣል። ሓደ ካብቲ ዘይተፈትሐ ሽግር ቀጻሊ ናይ ኣየር ደብዳብ ኣብ መዓስከራት ምሩኻት ኮይኑ፡ ብምንቅስቓስ ከም ዝቃለል ክኸውን ጸኒሑ ኣሎ።



ጸረ-መግዛእታዊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቃልሲ

ኣብ መእተዊ ጸብጻብ በሪሁ ከምዘሎ፡ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጸረ-እቲ ብናይ ዓለም ሓይልታት መግዛእቲ ዝተደገፈ፡ ናይ እምበራጦርያ ጥሙሕ ዘለዎ መግዛእታዊ ስርዓታት "ኢትዮጵያ" ኢዩ። ናይዚ ሕልሚዚ ኣዛዚ ኣተሓሳስባን፡ እቲ ንዕኡ ዝድግፍ ረብሓታትን ክሳብ ዘሎ ከኣ፡ እቲ ቃልሲ ኣሎ ማለት ኢዩ። ስርዓት ደርግን፡ ፖሊሲታቱን፡ ተግባራቱን ድማ፡ ብመንጽርዚ ኣተሓሳስባታትዚ ጥራይ ኢዩ ዝርኣ። ስርዓት ደርግ ምምጽኡ ኣብ ኢትዮጵያ ለውጢ መጺኡ'ዶ? ስርዓት ብስርዓት ክትካእ ይኽእል፡ ኣብ መንጎ ሓደን ካልእን ስርዓት ናይ ቅርጽን ሕብርን ፍልልያት ክህልው ይኽእሉ፡ ምልዋጥ ስርዓት መጺኡ ክበሃል ግን፡ ናይ ትሕዝቶ ለውጢ ምስ ዘርኢ ጥራይ ምኻኑ ኪርሳዕ ኣይግባእን። ተመን ዕፋፎቱ ስለዘውደቐ ተመን ምኻኑ ተሪፉ ማለት ኣይኮነን።

ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ከም ድሑር ኦቶክራሲያዊ ስርዓት፡ ናይ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ብቐንዱ ብሄራዊ፡ መሰላት ረጊጹ፡ ናይ ሓደ ብሄር፡ ብሄረ ኣምሓራ ገዛእነት ንምርግጋጽ፡ መሰረታዊ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ከሒዱ፡ ብናይ ምስፍሕፋሕ ትምኒት፡ ንህዝቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣውራ ከኣ ንኤርትራን ህዝባን ንምግዛእ፡ ሰሪሑ፡ ሃብቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ መሬት ሃብቲ ንጉሳዊ ቤተሰብን መስፍናዊ ኣሪስቶክራሲኡን ገይሩ፡ ብዓለማዊ መግዛእታዊ ሓይሊ እናተደገፈ፡ ጠንቂ ስቅያት ከምዝነበረ ዝዝከር'ዩ። ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራን፡ ህዝቢታት ኢትዮጵያን ንስርዓት ሃይለስላሰ ከውድቕ ታሪኻውን ባህሪያውን ግድነት'ዩ ነይሩ። ምውዳቕ ሃይለስላሴ ግን፡ ነቲ ናይ ቃልስታት ዓለም ሽቶታት ወቒዑ'ዶ? ደርግን ትሕዝቶ ስርዓቱን ኣመዓባብላኡን፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 12 ዓመታት፡ ዝምልሶ ሕቶ'ዩ።

ብሓጺር ኣዘራርባ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 12 ዓመታት፡ ደርግ ዝፈተኖ ነገር እንተልዩ ናይ ሃይለስላሴ ሓድጊ ናይ እምበራጦርያ ምምስራት ምድልዳል'ዩ። ናይ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ሕሰም፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ መግዛእታዊ ጭኮና፡ ከም ቀንዲ ጠንቂ ውድቀት ሃይለስላሴ፡ ኣብ ፈለማ፡ ደርግ፡ ኣሚኑሎምን

ተቐቢሉዎምን ዘይኮነ፡ ኣብ ቅድሚኦም ደው ክብል ዘየዋጻጽኦ ስለዝነበረ፡ ክቐትሎም ናይ ግድን'ዩ ነይሩ። ነቲ ዝነበረ ናይ ስልጣን፡ ጓንጓ ክሳብ ዝመልእን ቦታ ዘጣጥሕን፡ ትርጉም ኣልቦ ናይ "ኢትዮጵያ ትቕደም" ጭርሖ ኣልዒሉ ኸኣ፡ ኣጎናጉል ዝኾነ ሕጋዊ ንግስነታዊ ስርዓት (constitutional monarchy) ንምትካል ኣብ ዝገበሮ ቀዳማይ ፈተነ፡ ብሰፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞ ዕላምኡ ከይተዓወተ ተሪፉ። ጠለባት ህዝቢ የቃልሕ ዘሎ ኮይኑ ስለዝተሰሞዖ ኸኣ፡ ኣብ መወዳእታ 75 "ኢትዮጵያ ሶሻሊዝም" ዝበሃል ካልእ ትርጉም ኣልቦ ጭርሖ ኣልዒሉ። "ኢትዮጵያዊ ሶሻሊዝም" ኣብ ዝኣወለ ጊዜ፡ ንኩሉ መታለሊ ህዝቢ ኢሉ ዘልዓሎ ባዶ ጭርሖታት ዝብድህን ዘንሳጉስን፡ እቲ ንቑሕ ክፋል ናይ ተመሃሮ ስለዝነበረ "ዘመቻ" ዝብል መደብ ብጉልባብ ልምዓት ኣታኣታትዩ፡ ኩሎም ናይ ዩኒቨርስትን ካልኣይ ደረጃን ተመሃሮ ምስ መማህራን፡ ፋሕፋሕ ከምዝብሉ ገይሩ። እዚ ግን ንዕላማታት ደርግ ኣይሰርሖን። ንምዝርጋሕ ተቓውሞን ቀጸሊ ብድሆን ኣበራቲዑ፡ ደርግ፡ ኣብ መጀመርያ (መጋቢት 75) 75 ናይ ገጠር መሬት ናይ ምህጋር ኣዋጅ ኣውጺኡ። ስዒቡ'ውን ኣብ ዳሕራይ ፍርቂ 75 (ሓምለ 75) ናይ ከተማ መሬትን ኣባይትን ምህጋር ኣዊጁ። ተቓውሞታት ንምቁጽጻር ምእንቲ ክጥዕም ኸኣ፡ ናይ ከተማን ገጠርን፡ "ቀበሌ" ምምስራት ጀሚሩ። ኣብ ካልኣይ ርብዒ (ሚያዝያ) 76 ከም መዕጸዊ ከኣ "ፕሮግራም ዲሞክራስያዊ ሰውራ" ወረቐቱ ኣውጺኡ፡ ኣብ ኣጋ መወዳእታ 75 (ጥቅምቲ) ናይ "ቀበሌ" ስልጣን ንጭፍሊቓ ምእንቲ ክገልግል ናብ ናይ "ቀይሕ ሽብር" ትካላት ከምዝቕየር ጌሩ፡ ነቲ "ደምልኹ ሰውራ" ኢሉ ዝጎልበቦ ኣበጋግሳ፡ ናብ ሓዊ ሽብርን ደምን ኮይኑ።

ምስ ተቓውሞ፡ ኣውራ ነቲ ብተመሃሮን ምሁራትን ዝምራሕ ዝነበረ፡ ዝተኸተሎ ስልቲ፡ ፍልም ምቅዋሙ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ፡ ነቲ ዝሓየለ ንምቕታል (ኣብቲ እዋን'ቲ EPRP) ኣብ መንጎተን ሽዑ ማርክሳውያን ኢና ዝብላ ዝነበራ ጉጅለታት ዝነበረ "ግርጭታት" መዝሚዝካ ንገለ ናብ ጸግዕኻ ስሒብካ፡ ነቲ ዚብሓትካዮ ድሕሪ ምቕታል፡ ቀስ ብቐስ እተን ካልኦት'ውን



ኣሰሩ ከምዝስዕባ ምግባር'ዩ ነይሩ። ኢህኣፓ ንምጥፋእ፡ እቲ ብስም ጉዳይ ህዝባዊ ውድባት ዝበሃል ቤት ጽሕፈትን ናይ ቀይሕ ሽብር ቀበሌታትን ይተዓወታ'ምበር፡ እቲ ድሕሪኡ ዝሰዓበ እቲ ኣብቲ ልፍንቲ ደርግ ዋና መጋበርያ ዝነበረ መኢሶን'ዩ ነይሩ። ኣብቲ ካልኣይ ዙርያ፡ እተን ንስርዓት ደርግ ስግኣት ዝኾና ጉጅለታት፡ ምስ ተዳቐቓ እተን ዝተፈፍ'ውን ብራዕድን ብረብሓን ተበጽቢጸን፡ እቲ "ኤማለድህ" ዝበሃል ናይ ጉጅለታት ምትእኽኻብ ተሪፉ ናይ "ሓቀኛ ኮሚኒስታውያን" ናይ ውልቀ ሰባት ሓድሽ ምትእኽኻባት መጺኡ። ኣብዚ እዋንዚ፡ ደርግ፡ ስልጣኑ ንምድልዳል ዘብቅዖ ንናይ "ሰራሕተኛታት ሰልፊ ዝውድብ ኮሚቴ" ኣቕሙ፡ ንዕኡ ምስ ሰገረ፡ "ኢሰፓ" መስረቱ፡ ሕጂ "ሪፓብሊክ" ንምቛም ክቀራረብ ይርኣ ኣሎ። እዚ ኣብ ሰዓታት ዝተፈጸመ ዝመስል ትያትሮ፡ ብሓጺር፡ ኣመጻጽኣ ደርግን ስልጣኑ ንምድልዳል ዘካየዶ ስልትታትን፡ ኣነጺሩ ዘብርህ'ዩ። ንሱ ንባዕሉ ባህርይ፡ ኣተሓሳስባ ናይ ደርግ፡ ዚገልጽ'ዩ። ኩሉ ኹሉ ተደማሚሩ ኸኣ፡ ደርግን ስርዓቱን ፖሊሲታቱን ተግባሩን፡ ናይቲ ሃይለስላሰን ኣውረስቱን፡ ዘይተዓወቱሉ ናይ ኢትዮጵያ እምበራጦርያ ምስርታ ተልእኾ መቐጸልታ ምዃኑ የረጋግጽ። ማርክስነት፡ ማሕበርነት፡ ግስጋሰ... ወዘተረፈ፡ ከም ጭርሖታትን፡ ኩሉ ምስኡ ዝኸይድ ነንበይኑ ዝመልክዑ ጽገናታትን ምኩሕሓልን፡ ዝርዝራቱን፡ ብዝኾነ ደኹን መገዲ፡ ከደናግርን፡ ከጋግን ኣይግባእን። ንሓደ ምሉእ፡ ብምሉእ ኣብ ዘርእየካ ቦታ ኾንካ ትርእዮምበር ኣብ ውሽጢ'ቲ ምሉእ ኣቲካ ዝርዝራት ስለዝጠመትካ፡ ምሉእነቱ ክትርእዮ ኣይትኽእልን። ንትሕዝቶ'ውን ከምኡ ብቕርጽን ብሕብርን ጥራይ ክትፈልጦ ኣይከኣልን። ስለዚ፡ ብኸምዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኣመጻጽኣን ስልትታትን ደርግ ብዙሕ ክትዕ ስለዘየድልዮ፡ እቲ መስርሕ ናይቲ ስርዓት ኣመጻጽኣ፡ ብመንጽር መሰረታዊ ፖለቲካዊ ሽግራትን ኣፈታትሓኦምን፡ ንትሕዝቶ እቲ ስርዓት ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ ናይ ህዝብታት ኢትዮጵያ ቃልስን፡ መሰረታዊ ጠለባቱን እንተረኣና፡ እቲ ቅድሚ ኩሉ ክፍታሕ ዘለዎን፡ መሰረትን ውሕስነትን ናይ ዝኾነ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ባህላውን

ለውጢ ዲሞክራሲን ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ምትካልንዩ። ብቀዳምነት ከኣ፣ ናይ ብሄራት ሕቶ ይመጽእ። ብሄራት፣ ናይ ርእሰ ውሳኔ መሰለን ተፈሊጡ፣ ርእሰን ዘመሓድራሉ መሰላት ተዋሂቡወን፣ ናይ ገዛእ ርእሰን ምምሕዳራዊ ስርዓት ከም ዘቖማ ምግባር ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፣ ንግስጋስኣንን ረብሓኣንን ዘገልግል፣ ኣብ ድልየተንን ማዕርነተንን ዝተመርኮሰ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ከም ዝሃንጻ ምስራሕ ኢዩ። እዚ ንመሰረታዊ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ወዲሰብ ዝሕሉን ዘጠቓልልን ክኸውን የድሊ። እቲ ሕቶ፣ ቀሊልን ብዙሕ ጥውይዋይ ዘየድልዮን ኢዩ። ደርግ ግን ነዚ ሕቶዚ ኣብዘን ዝሓለፋ 12 ዓመታት መልሲ ሂቡሉዶ? ኣዋጅ ድሕሪ ኣዋጅ ምውጻእን፣ ስልጣኑ ንምድልዳል ካብ ምብልሓትን ሓሊፉ፣ ነዚ ጉዳይዚ ኣይተንከፎን። ብኣተሓሳስባን ረብሓን ደርግ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ መሰላት ምሃብ፣ ምስ ምህናጽ ዲክታተርያዊ እምበራጦርያ ስለዝጋጮ፣ ሓደ ካብቲ ዘስግኦን ዘርዕዶን ሕቶ ስለዝኾነ፣ ነቲ ጉዳይ ብዲሞክራሲያዊ መገዲ ምፍታሕ ድማ መወዳእታ ህላዌኡ ስለዝኾነ፣ ኩሉ ዝገበሮ፣ ንዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓሳትን ጠለባትን ብሄራት ኢትዮጵያ ኮነ፣ ካልእ ተቓውሞ፣ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክጭፍልቕ ምፍታንዩ። ብኣ ንጻር ድልየተን፣ ብፋሽስታዊ ተግባራቱ ከኣ፣ ናይ ብሄራትን ካልእ ተቓውሞን እናዓበየ ምኻዱ፣ ናይ ፖለቲካዊ ትሕዝቶኡ ሓደ መርኣያዩ።

ፍትሓውን ሕጋውን ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ብዝምልከትከኣ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ፣ ከም ስርዓት ሃይለስላሴ፣ ናይ ምስፍሕፋሕን እምበራጦርያ ናይ ምምስራት ድልየቱን ቀንዲ ስግኣት ካብ ኤርትራ ከምዝመጽእ ኣይስሓቶን። ኣብ ፈለማ፣ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ፣ በቲ ዝተዳኸመ መኪና መንግስቲ ሃይለስላሴ ክጭፍልቕ ከምዘይከኣልውን ኣረጋጊጹ ይፈልጥ ነይሩ። ጉዳይ ኤርትራ ተቓጻሊ ሕቶ ምዃኑን፣ ብሰላም ክፍታሕን፣ ሓደ ካብ ጠለባት ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢታት ኢትዮጵያን ብምንባሩ ኸኣ፣ ክሳብ ዝደሉ ከም ኩሉ ካልእ ሕቶታት፣ ንምፍትሑ ዘለዎ ቅሩብነት ክእውጅ ናይ ግድን ነይሩ። እቲ ብ75 ዘይተኣወ ሰነዱ ከም ዘረጋግጾ

ግን፣ እምኒ ኩርናዕ ፖሊሲኡ፣ ክሳብ ስልጣኑ ዘደልድል፣ ናይ ሰላም መናውራ እናገበረ፣ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሕጋዊ መርትዖታቱ ኣህጉራዊ መልክዕ እንተድአ ወሲዱ "ኢትዮጵያ" ክትከስር ስለዝኾነት፣ ኾነምዚ ዝኣመሰለ ኣስጋኢ ምዕባለ ንምቁጽጻር ብዓለም ደረጃን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘባታቱን፣ ጉዳይ ኤርትራ ንምብሓት ዝዓለመ ነይሩ። ንኣምሳሉ ግን፣ ርእይቶ ህዝብን ዓለምን ንምድንጋር፣ ናይ ሰላም ልኡኻትን ሽማግለታትን እናቕመ፣ ንህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ተ.ሓ.ኤ..ን ክረኽብ ጀሚሩ። እዚ ተበግሶዚ፣ ነቲ ወትሩ ምእንቲ ሰላም ዝተቓለሰ ህዝቢ ኤርትራን ውድባቱን፣ ተስፋ ዝህብ ተርእዮ'ኳ እንተነበረ፣ ብዝኾነ መገዲ የዋህ ምድንጋራት ኣይፈጠረን። ምኽንያቱ፣ ማዕረ ማዕረቲ ናይ ኣፍ ሰላም፣ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ከተማታትን ገጠራትን፣ መዘና ዘይብሉ፣ ናይ ማሕነቕትን፣ ምርሻንን፣ ዓድታት ምንዳድን ሽበራ ደርግ ግኑን ስለዝነበረ። እቲ ሓቂ እዚ ይኹንምበር፣ ሰውራ ኤርትራ ብልዝብ ሰላም ንምምጻእ ቅሩብነቱ ኣብ ርእሲ ምርግጋጽ፣ ናይ ደርግ ርእይቶ ኣፈታትሓ ሰላም ክፈልጥን፣ ርእይቶኡ ሒዙ ክቐርብን፣ ብኡ መሰረት ከኣ፣ ልዝብ ክውደብን ክግበርን ኣሚሙ፣ ደርግ ግን ነዚ ዝተቐረበ ኣይነበረን። እቲ ብድሆ ዘየጋላብጥ ምስኮና ኸኣ፣ ናይ ብሓቂ ድልየቱ፣ ማለት ወተሃደራዊ ፍታሕ ንምርካብ ቀይሕ ዘመቻ ንኤርትራ ኣበጊሱ ከይተዓወተ ብምትራፉ፣ ናይ 9 ነጥብታት ፖሊሲ ኣዋጅ፣ ተነጺጉ። እቲ ሕቶ ንደርግ፣ ብመጀመርያ ንምስምስን መኻሳኸሲን ዝኸውን ሓቅነት ዘይብሉ ዝፈሸለ ናይ "ሰላም" ፈተነታት ምክያድ፣ በቲ ኻልእ ከኣ፣ ዘድሊ ወተሃደራዊ ምቅርራባት ናይ ሰብን ኣጽዋርን ጌርካ ሰውራ ኤርትራ ንምጥሓንዩ ነይሩ።

ነዚ ንምትግባር፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያ "ሰውርኡ" ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ይውረር ከምዘሎ ከምዝስምዖ ጌርካ ሰብ ምእካብን ብረት ከምዘልዕልን ናብ ዘይፈልጠ ኲናት ከምዝኣቱን፣ ቀጻሊ ጎስጓሳት ተኻይዱሉ። ካልኣይ ዕላማ ናይቲ ጎስጓስ፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ውሽጣዊ ተቓውሞኡ፣ ናብ ዘየሎ ናይ ወጻኢ ስግኣት ከምዘድህብ ንምግባሩ ከምዝነበረውን ዝዝከርዩ፣ ኣብቲ እዋንቲ፣ ናይ ሶማል ረጽሚ እናደየበ ይኸይድ ምንባሩ ኸኣ፣

ሓጋዚ ምኽንያት ገይሩ። እቲ ዝተርፍ ናይ ኣጽዋር ጉዳይ ከኣ፡ ብናይ ሶቭየት ምትእትታውን ልግስን ስለዝተማልአ፡ ደርግ፡ ከይተበገሰ፡ ንሰውራ ኤርትራ፡ ክጭፍልቕ ከምዝኾነ ምትእምማኑ ላዕሊ'ዩ ነይሩ። ነቲ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ብህዝብን ዓለምን ደረጃ፡ ዘመኽንዩ ባይታ ንምፍጣር ከኣ፡ ብተበግሶ ሶቭየት፡ ብኣወዳድነት ምብራቕ ጀርመን፡ ሓጺር ትያትሮ ናይ ሰላም ተኻይዱ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝሰለልን ዝምብርከኽን ሓይሊ ከምዘይኮነ ምስተረጋገጸ፡ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ጀሚሩ፡ እነሆ፡ ጥቓ 10 ዓመታት ድሕሪ ከቢድ ዕንወትን ምድማይን፡ ዕላማታትን ውጥናትን ደርግ፡ ሽቶኦም ከይወቕዑ መኺኖም ተሪፎም። እዚ ሓደ ካብቲ ንትሕዝቶ ስርዓት ደርግ መለለዪ ዝኸውን ናይ 12 ዓመታት መረጋገጺ ኢዩ።

ኣብ ውሽጢ'ዚ 12 ዓመታት፡ ስርዓት ደርግ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ መሰረታዊ ናይ ዘረባ፡ ጽሑፍ፡ ምንቅስቓስ፡ ምውዳብ መሰላቱ ነፊጉ፡ ህዝቢ ዲሞክራስያዊ ትካላት ኣቚሙ፡ ስልጣኑ ዘረጋግጸሉ ዕድል ከሊኡ ናብ ናይ ሰራሕተኛታት ሰልፊ ዝብሎ፡ ሰራዊት ዝመሰረቱ፡ ፖሊሳዊ ናይ ቀበሌታት ዲክታተርያዊ ስልጣን ኣብ ምድልዳል ስለዝጸንሐ፡ ተቓውሞታትን ህድማን እናዓበየ ክመጽእ ምጽንሑ ካልእ መርኣያዩ። እቲ መጨፍለቒ መሳ ርያኡ ዝኾነ ወተሃደራዊ ትካል ናዕቢ ከየለዓዕልን ዕልዋ ከይገብርን ስለዘይኣምኖ'ውን ርእሱ ንዘልዓለ ምድቋስን፡ ኣብ ቀጻሊ ቀዋሚ ኵናት ተቐይዱ ተርኡ ከምዝለምስ ገይሩዎ'ዩ። ሪፓብሊክ ንምእዋጅ ከካይድ ዝጸንሐን ምቅርራብ ዝገብረሉን ተዋስኦ ኸኣ፡ ብዝኾነ ይኹን መገዲ፡ መሰል ብሄራትን ሰፊሕ ህዝባዊ ዲሞክራስን ኣብ ኢትዮጵያ ወይ ፖለቲካዊ ፍታሕ ንጉዳይ ኤርትራ ዘይምልከት ምዃኑ፡ ንስርዓት ደርግ ካብ ናይ ሃይለስላሴ ስርዓት ዝፈልዮ ትሕዝቶ ከምዘይብሉ ዘብርህዩ።

ስርዓት ሃይለስላሴ፡ እምበራጦርያ ንምዕባይ ኣብ ዝሰርሓሉ ብዘይ ናይ ወጻኢ ሓገዝ ኣይነበረን። ደርግውን፡ ሐድጊ ሃይለስላሴ ብምኽታል፡ እምበራጦርያ ኢትዮጵያ ንምጽናዕ ቃልሱ ንህዝቢ ኤርትራ ንምቕታልን፡ ተቓውሞ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ንምጭፍላቕን፡ ብዘይ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ደገፍ



ክኸውን ከምዘይክእል ኣይዘንግዖን። ስግኣቱ ምስ ምሕያል ሰውራ ኤርትራን ተቓውሞ ህዝብታት ኢትዮጵያን፡ ሰራዊት ንምዕባይ ዝነበሮ ድልየት ዝዓበየ ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣብ ፈለማ ናይ ኣሜሪካ ሓገዝ ንምርካብ ዝኣኽሎ ጽዒሩ'ዩ። ኣሜሪካ፡ ብምውዳቕ ሃይለስላሴን ምሕያልን ኣንፈትን ናይቲ ዘውደቆ ተቓውሞን ስምባድ ኣትዩዎ ስለዝነበረ-ብደርግ ጠርጢሩ ዘይኮነ- ሃንድራእ ኢሉ፡ ኣጽዋር ከወፊ ስለዘይተኣማመነ፡ ደርግውን ናይ ምጽባይን ምጽማምን ዓቕሊ ስለዘይነበሮ፡ ተገልቢጡ ናብ ሶቭየት፡ ምጥማት ግዜ ኣይወሰደን። ሕብረት ሶቬየት፡ ብማዕ ዶ ክዕዘቦ ንዝጸንሐ ምዕባለታት፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ንግሎባዊ እስትራተጂኡ ዘገልግል ናጻ ዕድል ስለዝተኸፍተ፡ ኣጽዋር ንምሃብ ዓይኑ ኣይሓሰየን፡ ግዜ'ውን ኣይወሰደን። ኣብ ሓጺር ግዜ ከኣ ሰራዊት ደርግ፡ ብብዝሑን ኣጽዋርን፡ ናብ ኣርባዕ ተ ዕጽፊ ደይቡ። ናይ እምበራጦርያ ምዕባይን ተቓውሞ ምድምሳስን ሃንቃሃንቃ ድማ፡ ብናይ ሶቭየት መሻርኽቱን ምትእትታው፡ ሰማይ ደይቡ። እዚ ናይ ግዳም ረቓሒ'ዚ ከኣ'ዩ ቅድሚኡ ታሪኽ ዘየርኣዮ ዕንወትን ምድማይን ኣኸቲሉ፡ ንኹሉ ካልእ ናይ ፍታሕ ተኽእሎታት ከምዝመሓላለኽን ግዜ ከም ዝወስድን ዝገበረ።

ናይ ሕብረት ሶቭየትን መሻርኽቱን ኣብ ጎኒ ደርግ ምትእትታው ንናይ እምበራጦርያዊ ሕልሚታት ኣብ ኤርትራ ንምርስሳንን ዲክታተርያዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ኮፍ ምባልን ጥራይ ኣይኮነን ጸይቑ። ነዚ ከባቢ ንዘይምርግጋእ'ውን ተራ ጸኒሑዎ'ዩ። ብወገን ሶማል ዝተወስደን መመኽነይታ ዝኾነን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ገዲፍካ፡ ናይ ደርግ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ኪኖኡን ዞባዊ ሓያል ናይ ምዃን ስምዒታት'ውን ኣበራቢሩ፡ ሎሚ ጁቡቲ ሓውሲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምዃናን፡ መሬት ሪፑብሊክ ሶማል ምውራርን፡ ንናይ ደቡብ ሱዳን ሽግር ክምዝምዝ፡ ኣብ መወዳእታ ኸኣ፡ ንናይዚ ዞባ'ዚ ሃገራት፡ ወይ ተመሊኸን ዝምብርከኻ ወይ ከምዘየረጋግኦ ንምግባር ዝወስዶ ዘሎ ስጉምቲ፡ ነጸብራቕ ኣተሓሳስባ ደርግ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንተራ ሕ/ሶቭየት፡ ኣብ ምትሕልላኽ ናይዚ ዞባ'ዚ ፖለቲካ ዝገልጽ ኢዩ።

ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ንፖለቲካዊ ፍታሕ ዕድል ዝኸልእ ሃዋሁው፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. እንታይ ኪገብር ነይሩዎ፡ እንታይ ስጉምቲታትከ ወሲዱ፡

ኣብተን ቅድሚ ውድባዊ ጉባኤ ዝነበራ ክልተ ናይ ሽበራ ዓመታት ደርግን ዝሓዞ ጎደናን መኣዝኑን ተነጺሩ በሪሁ ነይሩ። ናይ ሰላም መናውራሉ ባርባራዊ ናይ ከተማታት ናይ ሰላማውያን ሰባት ማሕነቕትን ህልቂትን፡ ናይ ዓድታት ምንዳድ፡ ምርሻን ሰላማውያን ሰባት ኣብ ገጠራት (ወኪድባ ኦምሓር...) ናይ ትሽዓተ ነጥብታት ፖሊሲን ናይ "ቀይሕ ጉዕዞ" ወራር (ሓምለ 76) ሰፊሕ ወተሃደራዊ ምቅርራባት ርኡያት ነይሮም። ንዝኾነ ዘጋግዩ እውን ኣይነበሩን።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ቀዳማይ ጉባኤኡ፡ ንስርዓት ደርግን ዓይነቱን ድሕሪ ምግምጋም፡ ኩሉ መዳያዊ ቃልሲታቱ ከትርርን፡ ህዝባዊ ሓርነታዊ ወተሃደራዊ እስትራተጂ ስኢሉ ከሰርሕን ተበጊሱ ኣብ እስትራተጂያዊ መጥቃዕቲታት ኣትዩ፡ ቃሮራ ድሮ ቀዳማይ ጉባኤ፡ ብዕለት 07/01/77 ሓራ ኮይና። ናቕፋ ብ23/03/77፡ ኣፍዓበት 06/04/77፡ ደቀምሓረ 06/07/77፡ ከረን 08/07/77፡ ሰገነይቲ 03/08/77፡ ድግሳ 05/08/77፡ ሓራ ኮይነን። ብ12/10/77 ጽርግያ ባጽዕ-ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ህ.ስ.ሓ.ኤ. ድሕሪ ምእታው ኸኣ፡ 08/12/77 ዶጎሊ፡ 21/01/77 ከፊል ባጽዕ፡ 24/01/78 ደንጎሎን ጊንዳዕን፡ 25/01/78 እምባትካላን ማይሓባርን፡ 27/01/78 ከኣ ነፋሲትን ሰይዲሺን ሲዕበን፡ ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ተሰነይ 10/04/77፡ ኣቁርደት 31/08/77፡ መንደፈራ 24/08/77፡ ዓዲ ኳላ 12/08/77፡ ሓራ ኮይነን። ብዘይካታ ዝተኸበት ኣስመራን፡ ብኸፊላ ሓራ ዝኾነት ባጽዕን፡ ዘይተኻእለት ዓዲ ቀይሕን፡ ከምኡ'ውን ባረንቱ ዓሰብን፡ ገጠርን ከተማታትን ኤርትራ ብሙሉኡ ሓራ ኮይኑ።

እዚ ምዕባለታትዚ ንስርዓት ደርግ ጥራይ ዘሰግእ ኣይነበረን። ሕብረት ሶቭየት ምስ መሻርኽታ ኩባን፡ ደቡብ የመንን ሊብያን'ውን ዝነበራ ግሎባዊ እስትራተጂያዊ ረብሓታት፡ ኣብ ኣጠራጣሪ ኩነታት ስለዝወደቐ፡ ምትእትታዋ ከተዕቢ ተገዲዳ። እዚ ስለዝኾነ ከኣ፡ ዓቕሚ ሰራዊት ደርግ ውሱን



ብምንባሩ፡ ኣጽዋር ምጉራት ክብ ኢሉ፡ ናይ ኩባን ደቡብ የመንን ሰራዊታት ኣብ ዓውዲ ውግእ ከም ዝወርድ ተገይሩ። ሎጂስቲካዊን ንዋታዊን ደገፍ ናይ ሊብያ'ውን ምስኡ ክብ ኢሉ። ኣብ ፍርቂ ሓምለ 1978 ከኣ፡ ሰፊሕ ወራራት ጀሚሩ። ሰውራ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኸኣ ብፍላይ ኣብ ሰፊሕ እስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ኣትዩሉ ኣብ ዝነበረ፡ ናይ ኵናት ብቕዓት ክብ ኢሉ፡ ተዋጋኢ ዓቕሙ፡ ህዝባዊ ሰራዊትን ህዝባዊ ሚሊሽያን፡ ዓብዩ እኳ እንተነበረ፡ ምስ ገዚፍ ምትእትታው ሕብረት ሶቭየትን መሻርኽቱን ወተሃደራዊ ሚዛን ንረብሓ ደርግ ከም ዝተቐየረ ብሩህ ነይሩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምዕባለ፡ ንኹሉ እቲ ሓራ ዝገበሮ መሬትን ዝሓፈሶ ኩሉ መዳያዊ ዓወታትን ክከላኸልን ክዕቅብን ከምዘይክእል ድማ ብሩህ ነይሩ።

ኣብ ቅድሚዚ ታሪኻዊ ሕቶ፡ ቅኑዕ መልሲ ምሃብ ውሳኔ ስለዝነበረ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነቲ ዝመጸ እስትራተጂያዊ ወተሃደራዊ ለውጢ ድሕሪ ምግምጋም እስትራተጂያዊ ምዝላቕ ክገብር ወሲኑ። እስትራተጂያዊ ምዝላቕ ግን ተስፋ ምቑራጽ ማለት ኣይነበረን። ከምቲ ሽዑ ብዓለም ደረጃ፡ ስወራ ኤርትራ ጠፊኡ'ዩ፡ ብሃገር ደረጃ'ውን "መን ክኽተሎ... እዚ ዕንደራ" ኢዩ ዝበሃል ዝነበረ፡ ህ.ግ. እስትራተጂያዊ ምዝላቕ ክገብር እንከሎ፡ እቲ ምዝላቕ፡ ንኹሉ ሓራ ቦታታት ብሓደ እግሪ ገዲፍካ፡ ፋሕፋሕ ምባልን፡ ተደራቒምካ፡ ናብ ናይ ደባይ ምንቅስቓሳት ምኻድን ኣይነበረን። እቲ ቃልሲ፡ ወተሃደራዊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ፖለቲካውን ስነኣእምሮኣውን ማሕበራውን፡ ቁጠባውን፡ ባህላውን፡ ስለዝኾነ፡ ኣብ ሓርነታዊ እስትራተጂ ከኣ፡ ንወተሃደራዊ ዕላማታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኩሉ መዳያዊ ናይ ስውራ ዕማማትን ንጥፈታትን ምክያድ መበገሲ ደን መሰረታዊ ስለዝኾነ፡ እቲ ደን ከኣ፡ ኪኖ ዶብ ምምስራቱ፡ ጽጋዕተኝነቱን ኣብ ሰውራ ሃሳዩ ስምብራታት ስለዘለዎ ምግፍሑን ምጽባቡን ብዘየገድስ፡ ህላዊኡ ክረጋገጽ ናይ ግድን ነይሩ። ብእስትራተጂ ህ.ግ. ምዝላቕ ዝል ኢልካ ናብ መዕቆቢኻ ደን ምእታው'ውን ኣይነበረን። ኣብ መስርሕ ናይ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ዓቕሚ ሰብካ ብዝከኣል ዓቂብካ፡ እቲ ዘድሊ መስዋእቲ እናኸፈልካ፡

ናይ ኣጽዋር ዓቕምካ ዓቒንካ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ናይ ሰብን ንዋትን ፍናንን ክሳራ ኣውሪድካ፡ ብኣንጻሩ ናይ ተኾሲ ሓይልካ ኣዕቢኻ፡ ፍናንካ ዓቂብካ ክብ ምባልን፡ ትካላትካ ከይዓኑ ኣድሒንካ፡ ንዳግማይ ምህናጽን፡ ንናይ ሓዋሩ ጸረ መጥቃዕቲ ከምዘገልግል ምግባሩን መሰረታውያን ባእታታቱ ነይሮም። ከምዚ ዘኣመሰለ እስትራተጂ፡ ምትግባር ከምዘን ሕንጻጻት ዘለዋ መስመራትን (ወይ ዝንበባ ቃላት) ቀሊል ኣይነበረን። ከቢድ መስዋእትን፡ ተጻዋርነትን ጽንዓትን ዝሓትት ጉዳይዩ ነይሩ። ናይ ምዝላቕ መስርሕ፡ መዘና ብዘይብሉ ጅግንነትን ጽንዓትን፡ ሽቶታቱ ከምዝወቅዕ ኮይኑ። ህ.ሰራዊት፡ ናይ ውግእ ብቕዓቱ ክብ ኢሉ፡ ፍናኑ ከም ሓጺን ተሪሩ፡ ናይ ተኾሲ. ደኑ ፈሊጡ። ቀጻሉ ናብ ናይ ምክልኻል ውሕስነት ምርግጋጽ ኣትዩ።

እቲ ቀዳማይ ምዕራፍ ማለት፡ መስርሕ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ኣብ መፋርቕ ሓምለ 78 ምዝላቕ ደቡብን ምስባር ሰሜናዊ ግንባር ኣስመራ-እምባደርሆ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ ኣብ መቐርካ ዝተኻየደ ቀዳማይ ወራርን፡ ብ20/11/78 ዝጀመረ፡ ብምብራቕን፡ ደቡብ ከረንን፡ ክሳብ መወዳእታ ሕዳር ዝተኻየደ ካልኣይ ወራር፡ ካብ 01/79 ኣብ ግንባራት፡ ዓንሰባን ማዕሚደን፡ ሰ.ም. ሳሕልን ከባቢ ደንደን 6-9/02/79 3ይ ወራር፡ ካብ 30/03/79 ክሳብ 11/14/79 4ይ ወራር ዘካየደ ዝፈሸለ ግንባራት ናይ ምጥሓስ ፈተነ ቀጺሉ። ኣብቲ ናይ ምዝላቕ መስርሕ መድረኽ፡ ህ.ሰ.ሓ.ኤ. ቀስ ብቐስ ናብ ቅድሚ ዕርድታት ምዝላቕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ድሕሪ መስመራት ጸላኢ፡ ተንቀሳቓስን ናይ ደባይን ስርሒታት ክብ ኢሉ ዘካየዶም ኣገደስቲ ውግኣት'ውን ዝዝከሩ ኢዮም። ኣብዞም ኣርባዕተ ወራራት፡ ጸላኢ ብድምሩ ኣስታት 25 ሽሕ ዝኸውን ናይ ሰብ ክሳራ ወሪዱዎ፡ ናይ ህ.ሰ. ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ብኹሉ መዳያቱ ደይቡ ስለዝነበረን፡ ዕርዲታት ሰንጢቑ ብናይ ከበባ ኵናት ህ.ግ. ንምድምሳስ ዝሓሸ ምቅርራብ ኪገብር ናይ ግድን ነይሩ።



እቲ ካልኣይ ምዕራፍ፡ ብወገን ህ.ሰ.ሓ.ኤ. ናይ ምድልዳል ብመግዛእታዊ ሰራዊት ደርግ ከኣ፡ ምስንጣቕን/ ምጥሓስን ከበባን ዝዕላምኡ ኢዩ ነይሩ። መግዛእታዊ ደርግ፡ ናይ ሰራዊቱ ምቅርራብን ምድልዳልን ምስ ገበረ ከኣ፡ ብ08/07/79 ሰሊኹ ንወገን ኣግራዕ፡ ብኩሉ ግንባራት ከኣ ክሳብ መወዳእታ ሓምለ ቀጻሊ ፈተነታት ኣካይዱ። መጥቃዕቲ ብኸቢድ ክሳራ ናይ ኣስታት 12 ሽሕ ሰብን ንዋትን ክሳራ ጥራይ ዘይኮነ ፍናኑ'ውን ብዝያዳ ወዲቑ። ብኣንጻሩ፡ ህ.ሰ.ሓ.ኤ. ዕርዲታቱ ናይ ምጽናዕ ምትእምማኑን ክእለቱን ክብ ኢሉ፡ ናይ ተኾሲ. ዓቕሙ ኣዝዩ ከም ዝጠናኸር ኮይኑ። ምድልዳል ዕርድታትን ብፍሽለት መጥቃዕቲ ጥራይ ምዕቃቡን ኣኻሊ ስለዘይነበረ፡ ዝያዳ ምድልዳል ብሰፊሕ ጸረ-መጥቃዕቲ ንምርግጋጽ፡ ኣብ መመሪያ ታሕሳስ 79 ብግንባር ናቕፋ ህ.ሰ. ሰፊሕ መጥቃዕቲ ወሲዱ። ንሰራዊት ደርግ፡ ንገማግም ኣፍዓበት ከም ዝምለስ፡ ብሰ.ሳሕል'ውን ብተመሳሳሊ ሓጋዚ መጥቃዕቲ ወሲዱ ኣብ ኀላጉል ከምዝሕጸር ገይሩ። ፍሽለት ናይቲ ሓሙሽተ ወራራትን ምድልዳል ደን ንምርግጋጽ ዝተወስደ ዕዉት ጸረ መጥቃዕትን፡ ንናይ ጸላኢ ናይ ምጥቃዕ ዓቕሚ ከምዘልመሶ ድማ፡ በቲ ዝስዓቡ ናይ ጃላነት ክልተ ዓመታት፡ ስምብራት ኣብ ወተሃደራዊ መግዛኣታዊ ዓቕሚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብሃገርን ብዞባን ዓለምን ደረጃ፡ ኣገዳሲ ፖለቲካዊ ኣሰር ኣኸቲሉ ኢዩ። እዚ ስለዝኾነ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርግ፡ ቅድሚ ናብ ዝኾነ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ዕንደራ ምእታው፡ ሰፊሕ ናይ ሰብን ንዋትን ምቅርራብ፡ ምቹእ ሃዋሁው ንምፍጣር፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኢትዮጵያን ዓለምን ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ኀስንሳት ምግባር፡ ፍናን ህዝቢ ኤርትራ ንምህሳይ ከኣ ጽዑቕ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተታት ኣብ ምክያድ ኣትዩ። እቲ ዝቕጽሎ ወራር ሕጋውን ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘለዎን ንምምሳልን ከኣ ድሕሪ ተኸታታሊ ኣኼባታት ናይ "ኣስመራ ማኒፈስቶ" ተፈንዩ።

ድሕሪዚ ኩሉ ምቅርራባት፡ ከኣ እቲ ናይ ሓንሳእን፡ ናይ መወዳእታን ናይ "ቀይሕ ኮኾብ" ወራር ተጀሚሩ። እቲ ውጥን፡ ንህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ውሽጢ 2-3 ሰሙን፡ ብናይ ከበባ ኵናት ምጽናት ኮይኑ፡ እቲ ቀንዲ መጥቃዕቲ፡ ብ15/02/82

ቅድሚ ምጅማሩ፡ ነቲ ኣብ ሙሉእ ኤርትራ ተዘርጊሑ ቀጻሊ መጥቃዕቲታት፡ ዝፍጸም ዝነበረ ተንቀሳቓሲን ናይ ደባይ ኣሃዱታትን ህ.ሰ. ንምድኻም ኣብ ታሕሳስ '18 ሰፊሕ ናይ ተም ሺጥ ወፍሪ ኣካይዱ። ዕላማኡ ከይወቐዐ ከምዝተርፍ ተገይሩ። ቀጺሉ ክሳብ'ቲ ወራር ዝጅምር፡ ብዘይዕረፍቲ ጽዑቕ ናይ ኣየር ደብዳባት ንወርሒ መመላእታ እካይዱ። 6ይ ወራር፡ ብሰለስተ ቀንዲ ግንባራት፡ ማለት ሰ.ም. ሳሕል፡ ናቕፋ፡ ከርከበት (ባርካ) ናይ ምፍንጣስ መጥቃዕቲታት ወሲድካ፡ ድሕሪ 18 መዓልቲ ናይ ሰለስቲኡ መአዝናት መጥቃዕቲ፡ ኣብ ኣዱብሓ ክራኽብ ዝሓለነ እኳ እንተነበረ፡ እቲ ብወገን ባርካ ዝተኸፍተ ግንባር፡ ከይተበገሰ ብኸቢድ ክሳራታት ስለዝተሓምሸሸ፡ ኣይቀጸለን በቲ ካልእ ክልተ ግንባራት፡ ግን ን95 መዓልታት ዝኸውን መሪርን ናይ ፈተነን ጠሓኒ ውግኣት ተኻይዱ። ኣብ መወዳእታ ሓምለ ብስዕረት መግዛእታዊ ሰራዊት ደርግ ተዛዚሙ። ኣብዚ ወራርዚ ደርግ፡ ልዕሊ 40 ሽሕ ኣጠቓላሊ ናይ ሰብ ክሳራ ወሪዱዎ። ብዙሕ ናይ ኣጽዋርን ንዋትን ክሳራታት'ውን ኣኸቲሉሉ። 6ይ ወራር ንህ.ግ. ጸቢብን ፈታንን መድረኽ ዝሓለፈሉ ወተሃደራዊ ተሞክሮ'ዩ ኔሩ። ንህዝቢ ኤርትራን ጽንዓቱን ዘደልደለ፡ ንህ.ሰ. ብብቕዓት፡ ብኣጽዋር፡ ዝሓየለ ኣገዳሲ (መድረኽ) ኢዩ። ብዓ ለም ደረጃ ዓቢ ፖለቲካዊ መቐይሮ ዘምጽአ ምኽኑ'ውን ዘይከሓድ"ዩ።

እቲ ኣብ ሻድሻይ ወራር፡ ስርዓት ደርግ ዝወረዶ ፖለቲካዊ ክሳራ ቀሊል ኣይነበረን። ስምብራቱ ሕሱም ስለዝነበረ ከኣ፡ ናብ ቀጻሊ ርእሰ ቕትለታውን ቀቢጻውን ስጉምትታት ክሓስብ ደፋፊኡዎ። ነዳይ ናይ ልቡ ይሓልም ከም ዝበሃል፡ ን"ህ.ግ. ኣብ ሻድሻይ ወራር ናይ ሰብ ዓቕሙ ተዳኺሙ ኢዩ፡ ናይ ምክልኻል ዓቕሙ'ውን ወሪዱ'ሎ፡ ስለዚ እስትንፋስ ከይረኸበን፡ ሓይሊ ከይወሰኸን ከይተጠናኸረን፡ ምውቃዑ ጥራይ ኢዩ ዘዋጽጽእ" ኢሉ ስለዝገምገመን ንርእሱ ስለዝተዓሻሸወን፡ ከም ዘመተ "ቀይሕ ኮኾብ" ሰረሞንያ ከይገበረ፡ ኣብ ቀጻሊ ናይ ምጽንቃቕ (drain ምግባር) እስትራተጂያዊ ውጥን ኣትዩ፡ ኣብ ዝተናውሐ ህ.ሰ. ድሕሪ ምድኻም፡ ኣብ 6ይ ወራር ዝፈሸሎ ውጥን ንምዕዋትን፡ ኣብ መወዳእታ መጋቢት" 83 ሰላሕታ



ወራር ጀሚሩ። እዚ ወራርዚ፡ ዋዕዋዕታ ዘይተገብረሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብስልቲ እውን፡ ናይ ምትላልን፡ ምዝንጋዕን፡ ሓይሊ ኣኪብካ ኣብ ሓደ ምፍታን፡ ጸኒሕካ ኣብ ካልእ ምቕያርን ዘጠቓልል ስለዝነበረ፡ ካብቲ ብኹሉ ግንባራት ኣብ ሓደ እዋንን ብሓጺር ግዜን ዝብል እስትራተጂ 6ይ ወራር ዝተፈልየ ነይሩ። ንሱ ስለዝኾነ ድማ፡ ክሳብ'ቲ ህ.ሰ. ብ06/07/83 ጀሚሩ ክሳብ መፋርቕ ነሓሰ "83 ዘካየዶ ቀጻሊ ጸረ-መጥቃዕቲ ዝጭበጥ፡ ንሓሙሽተ ኣዋርሕ ቀጺሉ እቲ ዝነውሐ ወራር ኮይኑ። ኣስታት 25 ሽሕ ጥቕላላ ክሳራ ወሪዱዎ። እቲ ቀጺሉ ዝኣተወ መድረኽ፡ ሰፊሕ ናይ ጸረ መጥቃዕቲ መድረኽ ኢዩ ነይሩ። ኣብ መጀመሪያ 84 ብ 15ን 16ን ጥሪ ተሰነይን ዓሊግድርን ዝነበረ ሓይሊ መግዛእታዊ ደርግ ተጠቒዑ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ህ.ሰ. ኣትዩ። ብ22/02/84 ኣብ ልዕሊ'ቲ ብውቃው ዝፍለጥ ኣብ ሰ.ም.ሳሕል፡ ን5 ዓመታት ዝሰረቱ ሰራዊት ዝተገብረ መጥቃዕቲ ከይተዓወተኳ እንተተረፈ፡ ዳግማይ መጥቃዕቲ ኣብ 19-21/03/84 ተኻይዱ እቲ ግንባር ተደምሲሱ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ህ.ሰ. ኣትዩ። ናይ ኣስመራ መዓርፎ ነፈርቲ፡ ዕዉት ናይ ኮማንዶ ስርሒት 21/05/84 ተፈጺሙ።

እቲ ሰፊሕ ናይ ጸረ መጥቃዕቲ መድረኽ ከም እስትራተጂ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ድሕሪ መስመር ዝካየድ ተንቀሳቓስን ደባይን ስርሒታት ምዕባይን ምጽዓቕን ኢዩ ነይሩ። ኣብ ምዕ ራብ ኣውራ ዓበይቲ ስርሒታት ብምክያዶም፡ ጸላኢ ዝቆጻጸሮም ቦታታትን፡ ናይ ምክልኻል ዓንኬሉን ጸቢቡ፡ ከም ክፋል ናይቲ ዝነበረ እስትራተጂ ከኣ፡ ብረንቱ ንምጥቃዕ ተወሲኑ፡ እቲ ስርሒት ብ05/07/85 ጀሚሩ። ኣብ ባረንቱ ዝነበረ ሓይሊ ሰራዊት ደርግ፡ ተደምሲሱን ተበታቲኑን። ስርሒት ባረንቱ፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት መግዛእቲ ዘውረዶ ወተሃደራዊ ክሳራ፡ ፖለቲካዊ ስምብራቱ ዓቢ ስለዝነበረ፡ ንደርግ ናብ ሂስተርያ ኣእትይዎ። ዘየቋርጽ ጸረ መጥቃዕትታት ወሲዱ፡ ምስ ተሓለሎ ከኣ፡ ምስ ካልእ ተወሳኺ ብርጌዳት ካብ ኦጋዴን እቲ ዝዓበየ ሜካናይዝድ ክ/ጦሩ ኣምጺኡ፡ ብ24/08/85 ንባረንቱ እንደገና ሒዙ፡ ክሳብ ተሰነይ ቀጺሉ፡ ንተሰነይ ብ26/08/85 ተመሊሱዋ። ናይ ባረንቱ ስርሒት፡ ኣብ ልዕሊ

ጸላኢ ናይ ሰብን ኣጽዋርን ክስረት ምውራድ (ኣስታት 10 ሽሕ ካብ ዓቕሚ ሰቡ) በቲ ካልእ ወገን ከኣ ንናይ ህ.ሰ. ናይ ተኹሲ ዓቕሚ ክብ ዘበለ፡ ትጽቢት ዝግበረሉ ንዝነበረ፡ ወራር ንምትንዓብ (preempt ንምግባር) ዕዉት ይንበር እምበር፡ ንናይ ህ.ሰራዊት እስትራተጂ ምድልዳል (consolidate ንምግባር) ኣየኽኣለን።

ድሕሪ ባረንቱ፡ ደርግ ኣብ ኤርትራ ንዝነበሮ ሰራዊት፡ ኣስታት 20 ሽሕ ዝኸውን ናይ ካልኣይ ዙርይ "ብሄራዊ ሰራዊት" ኣእትዩ፡ ከም ልሙድ ህ.ሰራዊት ኣብ ናይ ባረንቱ ውግእን ናይ "ቀይሕ ባሕሪ" ጸረ መጥቃዕታዊ ወራሩን፡ ተዳኺሙ'ዩ ዝብል ግምት ስለዝወሰደ ናብ ባረንቱን ተሰነይን ምምላሱ ከም መራሳሰኒ ንሰራዊቱ መዝሚዙ፡ ነቲ ብስም "ባሕሪ ነጋሽ" ዝፍለጥ ሰፊሕ ወራር፡ ብ 10/10/85 ጀሚሩ። ሕጂ'ውን ከም ልሙድ እቲ ወራር፡ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ንህ.ግ. ንምድምሳስ ዝሓለነ፡ "ሓንሳእን ናይ መጨረሽታን" ኢዩ ነይሩ። እቲ ወራር ኣብ ቀዳማይ ገጽ ናህሩ ምስ ወድኣ፡ እንተተመሰለ፡ ካልኦት ክልተ ገጻት ስዒቦም፡ ኣብ መወዳእታ ብናይ ህ.ሰራዊት ጸረ መጥቃዕቲ፡ ብ4/12/85 ተዛዚሙ። እቲ ወራር ፈሺሉ ሰራዊት ደርግ፡ ጥቕላላ ኣስታት 17 ሽሕ ክሳራ ወሪድዎ።

ኣብ "86 ጸላኢ ዝወሰዶ መጠነ ሰፊሕ ወራርኳ እንተዘይነበረ ናይ'ቲ ብ84 ዝጀመረን፡ ኣብ 85 እናዓበየ ዝኸደን ናይ ህ.ግ. ሰፊሕ ጸረ መጥቃዕታዊ እስትራተጂ፡ ከቢድ ስግኣት ስለዝፈጠረሉ፡ ድሕሪ መስመሩ ንምቁጽጻር፡ ብዙሓት ነቑጣታት ኣብ ምዝርጋሕን ቀጻሊ መጠነ ንኡስ ወፍሪታት ኣብ ምክያድን ጸኒሑ። ብኣንጻሩ ህ.ግ. ኣብ ሰፊሕ ገጠራትን ከተማታትን ድሕሪ መስመር ኮነ ኣብ ናይ ቀረባ ደኑ እናኣተወ፡ ተንቀሳቒሱን፡ ናይ ደባይን/ኮማንዶን ስርሒታቱ ከዕብን ከስፍሕን ጸኒሑ።

ካብዚ ብሓጺሩ ዝተዘርዘረ ወተሃደራዊ ምዕባሌታት ከምዝርኣ፡ ስርዓት ደርግ፡ ስልጣኑ ንምድልዳልን፡ እምበራጦርያ ናይ ምህናጽን ምስፍሕፋሕን ውጥናቱ፡ ንምስልሳል ገዚፍ ሰራዊት ንምፍጣርን፡ ብቐዳምነት ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ፡ ምስኡ



ከኣ፡ ናይ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ምንቅስቓሳት ንምድቋስ ዘውጽኦ ዕላማታት ሽትኡ ከምዘይወቕዐ የብርሀ። ኣብ ፈለማ፡ ምስቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ድብልቕልቕን፡ መናውራን፡ ብናይ ሶማል፡ መጥቃዕቲ ዘረሳሰኖ ትምክሕታዊ ስምዒትን፡ ወተሃደራዊ ናይ ኣጽዋርን ክኢላታትን ኣማኸርትን ሶቭየት፡ ምስ ኣካላዊ ምትእትታው ሰራዊት ኩባን ደቡብ የመንን ወተሃደራዊ ዓወታት ከመዝግብ ይኽኣል እምበር፡ ድሕሪኡስ እናንቆልቆለ'ምበር፡ እናሓየለ ኣይከደን። ፕለቲካዊ ንድየቱ እናዓበየ፡ ውዱብ ተቓውሞን ንቕሓትን ህዝቢ ኢትዮጵያ'ውን ክብ እናበለ ስለዝመጸ ኸኣ፡ ቅድሚ ሰለስተ ዓመታት፡ ሰራዊት ንምምጣን ዝተኣታተወ ናይ ኣስገዳድ ናይ ብሄራዊ ውትህድርና ፖሊሲ ዝተወሰነሉ ናይ ቁጽሪ/ብዝሒ ዕላማታት ከይወቕዐ፡ ካብ 1ይ ዙርያ፡ ክሳብ እዚ ናይ መወዳእታ 4ይ ዙርያ፡ እቲ ቁጽሪ እናንቆልቆለ ምኻዱ ሓደ መርኣያ'ዩ። ናይ ሓደስቲ ኣጽዋር ጸብለልነቱ ኣብቲ መጀመርያ ኣድማዒ ተራ'ኳ እንተነበሮ፡ ምስ ቀጻሊ ክሳራታትን፡ ምምራኽ ብዙሕ ዘመናዊ ኣጽዋር ኣብ ኢድ ሰውራን፡ ምምሳኹን፡ ጸብለልትነቱ ኣዝዩ ቀኒሱ፡ ኣድማዕነቱ ተደሪቱ'ዩ። ሕብረት ሶቭየት ደኹን እተን ሰራዊታተን ኣብ ፈለማ ኣብ ዓውዲ ውግእ ዘውረዳ ኩባን ደቡብ የመንን'ውን እቲ ኹናት፡ ከምቲ ዝሓለንኦ፡ ኣብ ኣዋርሕ ተወዲኡ "ጸረ ሰውራ ደምሲስና" ኢለን ክጽሕፈኦ ዝሓሰባ ታሪኽ፡ ከምዘየዋጻጽኦ ምስ ረኣየኦ፡ ሰራዊታተን ስሒበን ወይ ኣጕዲለን ዘርሞዘርሞ ምትራፈንን ምጽቃጠንን እውን፡ ንወተሃደራዊ ዓቕሚ መግዛእታዊ ደርግን ነቓዓቱን መሊኡ ዝነበረ ሓይሊ ዘይምህላዉ ብዝያዳ ከምዝዳኸም ገይሩዎ'ዩ። ፍናን ሰራዊቱ ብቐጻሊ ምንቍልቋልን፡ ዘየዕርፍ ፈኸም ዝብልን ዝድኅልን ተቓውሞታት ምህላው'ውን ካልእ ናይ ድኻም ረቛሒ'ዩ። ሎሚ ኩሉ ናይን/ምስን ስርዓት ደርግ ኮይኑ ዝውጥንን ዘጣቕዕን ዝነበረ በዓል ስልጣን፡ ሰውራ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ኣይድምሰስን'ዩ እናበለ ምምዳሩ ኸኣ መግለጺ ናይቲ ኣጠቓላሊ ውጽኢት'ዩ። ደርግ፡ ካብዚ'ኸ ነበይዩ እቲ ኣተሓሳስባ (mentality) ናይ ኢትዮጵያ እምበራጦርያን ምስፍሕፋሕን መግዛእታዊ ጥሙሕ ክሳብ ዘይተቐየረን ዘይጠፍኣን ብዘይካ ወተሃደራዊ ፍታሕ ካልእ ኣማራጺ ክረኣዮ ስለዘይክእልን

ግን፡ ናይ ደርግ ሓይልኻ ኣጠናኺርካ ምፍታን ኣይክተርፍን ኢዩ። መወዳእታኡ ፍሽለትን ዕንወትን ደርግ ከም ዝኾውን ከኣ፡ ታሪኻዊ ተመክሮ ናይ ሃይለስላሴን፡ 12 ዓመታት ዕምሪ ደርግን ከምዘረጋግጾ፡ ኣየጠራጥርን።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብዘን ዝሓለፋ 12 ዓመታት፡ ብዘካየዶ ጅግንነታዊ ኩናት፡ ብዙሓት መሰረታውያን ናይ ታሪኽ ሕቶታት ኣ ረጋጊጹ'ዩ። ልዕሊ ኩሉ፡ ተኣማንነቱ። ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ! ብኡ ኣቢሉ ድማ፡ ፍትሓዊ ቃልሲ ብግዝፊ መግዛእታዊ ወተሃደራዊ ሓይልን ተሓባበርቱን ከምዘይስዓር። ዝተኸተሎ ህዝባዊ ወተሃደራዊ እስትራተጂን ቅኑዕነቱን። ኣብ መሪርን ከቢድ መስዋእቲ ዝወሰደን ነዊሕ ኩናት ከኣ፡ ኣሃዛዊ ምዕባይ ዘለዎ፡ ልዑል ናይ እስትራተጂን ስልትን ብቕዓት፡ ልዑል ንቕሓትን ፍናንን፡ ዝተመሓየሸን እናረቐቐን ዝኸይድ ኣወዳድባ፡ ብብዝሕን ዓይነትን፡ ካብ ፎኮስ ክሳብ ዘመናዊ እስትራተጂያዊ ኣጽዋር ዝውንን ዝመልኽን፡ ውፉይ፡ ኣብ ማእቶት ዝሳተፍ፡ ዝመሃር፡ ነቕ ዘይብል፡ ዋሕስ ሓርነትን ህንጻን ኤርትራ ዝኾውን ህዝባውን፡ ዞባውን፡ ሚሊሽያን ሰራዊት ሃኒጹ ክወጽእ ክኢሉ።

ህ.ግ. ግን ወተሃደራዊ ውድብ ኣይኮነን። ኣብ ዝቐደሙ ገጻት በሪሁ ከምዘሎ ብዓይኒ ከምዝምስከርን፡ ኩሉ መዳያዊ ሓርነታዊ ህንጻውን ሃገራውን ቃልሲ ዘካይድ ዲሞክራሲያዊ ውድብ'ዩ። ኣንጻር መግዛእቲን ተሓባበርቱን ዘካየዶ ቃልሲ'ውን ወተሃደራዊ ጥራይ ኣይኮነን፡ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ፍትሓዊ ፍታሕ፡ እቲ ዝቐለለን፡ ዕንወትን ምድማይን ዘውሕድን፡ ንናይ ህዝቢ ኤርትራን፡ ህዝቢታት ኢትዮጵያን፡ ናይ ዞባና ህዝብታትን ሰላምን ምርግጋእን ራህዋን ምትሕግጋዝን ዘምጽእን ስለዝኾነ፡ ብዕቱብ ክቃለስሉ ጸኒሑ'ዩ።

ሕልፍ-ሕልፍ ኢሉ ተጠቒሱ ከምዘሎ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ፍትሕን ሰላማዊ ፖለቲካዊ ፍታሕን ዘካየዶ ቃልስታት ኪኖ 30 ዓመታት ንድሕሪት ዝኸይድ'ዩ። ናይ ዓለም ማሕበረ ሰብ ቆላሕታን እዝኒን ምስካልእ፡ ሕጋውን ፍትሓውን ብረታዊ ቃልሲ ከካይድ ከምዝተገደደ እውን ብሩህ'ዩ። ስርዓት ሃይለስላሴ



ብምትሕብባር ኣሜሪካ፡ ይትረፍ ናይ ሰላም ድምጹ ክስማዕ፡ ድሃይን ብርሃንን ብረታዊ ተጋድሎኡ ከይስማዕን ከይርኣን ዓፊኖም ክቐትልዎ የካይዱዎ ኣብ ዝነበሩ ናይ ከንቱ ጻዕሪ፡ ዝኾነ ንልዝብ ዘተባብዕ ሃዋሁው ከምዘይነበረ ይዝከር።

ስርዓት ሃይለስላሴ ምስ ወደቐ፡ ንጉዳይ ኤርትራ "ሰላማዊ ፍታሕ" ካብቶም ቀንዲ ጭርሖታት ህዝቢ ብምንባሩ፡ ደርግ፡ ብእዉጅ ክዛረበሉ ምጅማሩ ተዘኪሩ'ሎ። እቲ ጉዳይ ግን፡ ብኣዋጃትን፡ ናይ እዋኑ ህዝባዊ ድምጹ ብምቕባልን ዘይኮነ፡ ብእምነትን፡ ብዕቱብነትን ክተሓዝ ዝግብኦ'ዩ። ባህርይ ደርግን ዕላማታቱን ምስ'ቲ መሰረታዊ እምነት ዝጻረር ስለዝኾነ ግን፡ እቲ ኣብ ስልጣን ድሕሪ ምምጽኡ ዘካየዶ መናውራን፡ ዝወሰዶ ስጉምትታትን፡ መኺኑ ከምዝተርፍ ኮይኑ'ዩ።

ሰፋሕቲ ወራራት ቅድሚ ምጅማሩ፡ ነቲ ወራራት መመኽነዪ ዝኾውን ወረቐት ንምሓዝን፡ ተቶኻኢሉ ድማ ብሽሕጣንን ታህዲድን፡ ሰውራ ኤርትራ ንምምብርካኽን፡ ብሶቭየት ተኣ ሊሙ ዝዝወር፡ ብኣውሳእነት ምብራቕ ጀርመን ዝካየድ ናይ ሓሶት ናይ ሰላም ፈተነ ከምዝተኻየደ ዝዝከር'ዩ። ብመጸዋዕታ፡ ስሙር ማሕበርነታዊ ሰልፊ ጀርመን ብተኸታታሊ፡ ካብ 25-29/11/77 ቀዳማይ፡ ብ02/02/78 ካልኣይ፡ ካብ 22-23/03/78 ሳልሳይ፡ ካብ 09-10/06/78 ራብዓይ ርክባት ተኻይዶም፡ ብ15/07/78 ከኣ ቀዳማይ ሰፊሕ ወራር ጀሚሩ።

ኣብቲ ቀዳማይ ርክብ፡ ኣብ መንጎ ልኡኽ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ሰበስልጣን ስሙር ማሕበርነታዊ ሰልፊ-ምብራቕ ጀርመንን ዝተኻየደ ርክብ፡ ብምብራቕ ጀርመን ዝቐረበ ሸሓጢ ርእይቶ፡ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። ንሕና ንመስል ርእሰ-ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ናጽነት ንኣምነሉ ኢና፡ ደርግ'ውን ነዚ መሰል'ዚ ከምዝኣምነሉ ኣረጋጊጹልና'ዩ። ኣብ ውሽጢ ደርግ ነዚ መሰል'ዚ ዘይኣምኑሉ ኣለዉ። ስለዚ ነቲ ጉዳይ ንምፍታሕ ልዝብ ክጅምር ኣለዎ፡ ተባሂሉ ኻልኣይ ርክብ ቆጸራ ተገይሩ፡ ልኡኽ ህ.ግ. ነዚ ተበግሶ'ዚ ኣወንታዊ ቆላሕታ ሂቡ፡ ብዛዕባ ፍትሓውነትን ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ መብርሂ ሂቡ። ናይ ህ.ግ. ቅሩብነት ንሰላማዊ ፍታሕን ልዝብን ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ካልኣይ ርክብ፡ ተመሳሳሊ ርእይቶ ብወገን ሰበስልጣን ምብራቕ ጀርመን ቀሪቡ፡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ልኡኽ ናይ ደርግ ኣብ በርሊን ከምዘሎን፡ ምስ ልኡኽ ህ.ግ. ክራኸብ ቅሩብነቱ ከም ዘረጋገጸሎምን ተገሊጹ። ርእይቶ ህ.ግ. ስለዝፈልጡዎ ደርግ ብዘይካ'ቲ ቅድም ብዝተፈላለየ መንገድታት ዝገለጾ፡ ነቲ ዝብልዎ ዝነበሩ ርእይቶ ዘረጋግጽ ነጥቢታት እንተልይዎ ብመገዶም ከቕርብ፡ ሰበ-ስልጣን ምብራቕ ጀርመን ከም መንጎኛታት፡ እቲ ርክብ ብመገዶም ክቕጽል፡ ብወገን ልኡኽ ህ.ግ. ቀሪቡ። ካብ ብመገድን ትሰምዕዎ ካብ ቃሎም ምስምዑ ስለዝሓይሽ ተራኺቡ ዝብል ክትዕ ምስ ቀረበ ኸኣ፡ ልኡኽ ህ.ግ. ርእይቶ ደርግ ንምስማዕ ርክብ ተገይሩ። ከም'ቲ ከበስልጣን ምብራቕ ጀርመን ዝብልዎ ዘይኮነ ኸኣ፡ ልኡኽ ደርግ፡ ኣብ ናይ 3000 ዓመታት ታሪኽን፡ ቦታ ህዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ዘመናት'ቲን፡ ተራ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ምውዳሕ ስርዓት ሃይለስላሴን፡ ናይ ደርግ "ፕሮግራም ዲሞክራሲያዊ ሰውራን" ዘምጽኦ መኽሰባትን፡ ዘጠቓለለ፡ መሰረት ኣልቦ ድርሳን ተገይሩ። ልኡኽ ህ.ግ. ናይ 3000 ዓመታት ታሪኽ ዝበሃል ከምዘየለን መሰረት ከም ዘይብሉን ትርጉሙን፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኽን ሕጋውን ፍትሓውን ቃልሲ፡ ምንጻግ ህ.ግ. ነቲ ዘይምልከቶ "ፕሮግራም ዲሞክራሲያዊ" ደርግን፡ ገሊጹ። ሓድሽ ርእይቶ እንተሎ ክቐርበሉ ሓቲቱ።

ኣብቲ ሳልሳይ ርክብ፡ ከም'ቲ ናይ ካልኣይ ብተመሳሳሊ፡ ሓድሽ ርእይቶ ዝቐረበ ስለዘነበረ፡ ልኡኽ ህ.ግ. ኣጠቓላሊ ርእይትኡ ኣነጺሩ ክቐርብ ከምዝኾነ ገሊጹ። ልኡኽ ምብራቕ ጀርመን፡ ኣርባዕተ ነጥብታት ዘጠቓለለ፡ ሓፈሻዊ ዝትሕዝቶኡ፡ ምቕጻል ናይቲ ልዝብ ዝምልከቶ ርእይቶ ኣቕሪቡ፡ ብኽልቲኡ ወገናት-ህ.ግ.ን ደርግን-ክጽናዕ ኣሚሙ። ብኡኡ መሰረት ከኣ እቲ ርክብ ብቐጸራ ተዓጽዩ።

ኣብቲ ራብዓይ ርክብ፡ ልኡኽ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ታሪኻዊ ሓቅታት ዘብርህን፡ ኣረኣእያኡ ንሰላማዊ ፍታሕ ዘነጽርን ጽሑፍ ብመልክዕ መዘክር ንሰበስልጣን ጀርመን ኣረኪቡ። ርክብ ምስ ልኡኽ ደርግ ኣድላይነት ከምዘይብሉ ኣፍሊጡ። ከምልሙድ ብኢድኩም ትህቡዎም ርእይቶ ተልዮም ከኣ ትሰምዑ ስለዝተባህለ፡ ርክብ ተገይሩ፡ እቲ መዘክር ንልኡኽ ደርግ ተዋሂቡ። ኣብዚ ርክብ'ዚ፡ ልኡኽ ደርግ ሓድሽ ናይ ታህዲድ ቃና ዘለዎ መደረ ምስ ገበረ፡ ንልኡኽ ህ.ግ. ብዝኾነ ይኹን መገዲ ክምብርከኽ ከምዘይኾነ ኣረጋጊጹ "ሰበ ስልጣን ጀርመን'ውን፡ ናይ ሽሕጣን ቋንቋኦም ቀይሮም፡ ደርግ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ምቅርራባት ገይሩ ከምዘሎን፡ ንሶማል ከምዝሰዓረን፡ ህ.ግ. መርገጺኡ ተዘይቀይሩ፡ ሕማቕ ሳዕቤናት ከምጽእ ከምዝኾነን "ተላብዮም"፡ ነቲ ዝቐረበ መዘክር፡ ኣጽኒዮም ርእይቶኦም ክህቡሉን፡ ናይ ቀጻሊ ቆጸራ ግዜ ፈልዮም ክፍልጡን ምኺኖም ገሊጾም። ብኡ ኸኣ እቲ ርክብ ተቛሪጹ፡ ከም'ቲ ዝተጠቕሰ፡ ድሕሪ ወርሒ፡ ሰፊሕ ወራራት ደርግ ጀሚሩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክጥቀስ ዝግብኦ፡ ናይቲ ኣብ በርሊን ዝተኻየደ ርክባት ጉዳይ፡ ንፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ኣንጻር ህ.ግ.ን፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ኣውራ ከኣ ኣብ መንጎ ተሓኤን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ንዝነበረ ፍልልይ ንምምዝማዝ ዝተገብረ ጸወታ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከም ውድብ፡ ናጻ ርክባት ክገብር የግባእባኣሉ'ኳ እንተኾነ፡ ዝኾነ ከምዚ ዝኣመሰለ ርክብ፡ ንመባልሒ ውሽጣዊ ግርጭታት ምስምስ ምእንቲ ከይከውን፡ ምስ ተሓኤ ኣወሃሂዱ ክንቀሳቐስ ከምዝግብኦ ኣይረስዐን። ብሓባር ዝተወሃሃደ ምንቅስቓስ ንኽግበር ዘቕረቦ እማመ ግን ቅቡል ኣይኮነን። ብኣንጻሩ፡ እቲ ርክብ ከም ርክብ ድኻም ተቖጺሩ፡ ከመቐጸልታ ናይቲ ካብ ነዊሕ እዋን ዝጀመረ፡ "ህዝባዊ ግንባር ምስ ጸላኢ ስምምዕ ኣለዎ" ዝብል፡ ጽዑቕ ዘመተታት ተኻይዱሉ። ሕብረት ሶቭየት ነዚ ንምምዝማዝ'ውን ኣይዘንግዖን። ብዝተፈላለየ መንገድታት ናይ ጸለመ ዘመተታት ምክያድ ከይተደረተ፡ ተ.ሓ.ኤ. ንምኽሳብን፡ ንምድላውን ሕጉብጉብ ኣብ ምባል ኣትዩ።

መግዛእታዊ ደርግ፡ ሰፊሕ ወራራት ኣብ ዝጀመረሉ ይኹን የካይደሉ ኣብ ዝነበረ ኸኣ፡ ንሰላም ዕቱብ ጻዕሪ ከምዘካየደን፡ ህ.ግ. ከምዝኣበየትን፡ ኣምሲሉ፡ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተታት ቀጺሉ። ረስኣን እምነትን ኣብ ወተሃደራዊ ዓወት ስለዝነበሮ ኸኣ፡ ንሰላም ከም ናይ መናውራ ወረቐት ክጥቀመሉ'ውን

ኣይደለየን። ምስቲ ቀጻሊ ወራራት፡ ኣውራ ድሕሪ ስትራተጅያዊ ምዝላቕ፡ እቲ ንጉዳይ ኤርትራ ምድጋፍ ኣብ ፍሪታውን ገሊጹ ዝነበረ ስርዓት ኑሜሪ (ንናይ ገዛእ ርእሱ ዕላማታት) ርእይቶኡ ቀይሩ፡ ከም ሞንጎኛ ክንቀሳቐስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰውራ ኤርትራ compromise ክገብር፡ ዝተፈላለየ ጸቕጥታት የካይድ ኣብ ዝነበረሉ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ሱዳንን ካልኦት ሽዑ ዝፈታትኑ ዝነበሩ ግዱሳትን፡ ብቐንዲ ኸኣ፡ ካብ ተመክሮ በርሊን ገምጋሙን፡ ንኣፈታትሓ ጉዳይ ኤርትራ ብሰላማዊ መገዲ፡ ርእይቶኡ ዘነጽር፡ ናይ ረፈረንዱም እማመ ብ23/11/80 ኣዊጁ። ዕቱብነቱ ከየሰልከየ ከኣ፡ ሓቀኛ ልዝብ ንምክያድ፡ ጽዑቕ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ምንቅስቓሳት ቀጺሉ።

ናይ ግዱሳት መንግስታት፡ ማሕበራት፡ ውልቀሰባት ተበግሶታት ንሰላማዊ ፍታሕ ኣይቋረጸን። ኣወንታዊ ኣቓልቦን ቅሩብነትን ህ.ግ.'ውን ወትሩ ኣየቋረጸን። ደርግ ግን፡ ናይ "ቀይሕ ኮኾብ" ወራሩ ዘፍ ክሳብ ዝብል፡ ሰላም ዝብሃል ክሰምዕ ቅሩብ ኣይነበረን። እቲ ወራር ምስ ተሃሞኸ ግን፡ ብመገዲ ሃሱሳቱ ኣብ ወጻኢ፡ ክራኸብ ከምዝደሊ ተደጋጋሚ ፈተነታት ኣካይዱ። እቲ ርክብ ግን፡ ኣብዚ እዋን እዚ ናይ መጀመርያ ርክብ ብዕለት 23/08/82 ኮይኑ ብተኸታታሊ፡ ኣብ 11/11/82፡ 03/01/83፡ 18/02/83፡ 19/07/83፡ 02/03/84፡ 31/03/85... ዓሰርተ ኣፈናዊ ርክባት ተኻይዱ።

ኣብቲ ናይ መጀመርያ ርክባት፡ ምስጢራውነት ናይቲ ርክባት ቀንዲ ኣከራኻሪ ጉዳይ ነይሩ። ብወገን ህ.ግ. ልዝብ እዉጅ፡ ሳልሳይ ኣካል ዝሳተፎ ክኸውን፡ ነፍስ ወከፍ ወገን ከኣ ነቲ ልዝብ ነናቱ እማመ ወይ ናይ ስራሕ ወረቐት ሒዙ ክቐርብ ዝብል መሰረታዊ ርእይቶታት ክቐርብ እንከሎ፡ ደርግ፡ እቲ ልዝብ ምስጢራዊ ክኸውን ጥራይ ከም ዝደልዮ ኣፍሊጡ። ብዛዕባ 3ይ ኣካል ኣትሪሩ ዝቃወም'ኳ እንተነበረ፡ ኣብ መወዳእታ መንጎኛታት፡ ክልቲኦም ወገናት ዝሰማምዑሎም ንክኾኑ ዝቐረበ ርእይቶ ህ.ግ. ከይተቐበለ፡ ከምቀደም፡ ዘረይቲ ዝኾኑዎ ማለት ካብ ርእይቶኡ ርእይቶኦም ዘይፍለ ወገናት ክኾኑ ይጸቕጠሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ'ቲ ኣፈናዊ ርክባት ናብ ልዝብ ዝሰጋገር ብዝፈጠሮ ዕንቅፋታት፡ ከይተመልሰ እቲ ኣፈናዊ ርክባት፡ ኣብ ዕጹው ማዕጾ በጺሑ። ኩሉ ኣብ ዝኾነ ርክብ ዝግበር ዝርርብ ብድምጺ ዝተመዝገበ ንኽከውን ብህ.ግ. ዝቐረበ እማመ ኣይተቐበሎን። ነቲ ልዝብ ዝኸውን ናይ ክልቲኡ ወገናት ወረቓቕቲ ከቕርብ ብወገን ህ.ግ. ዝጽቀጠሉ ነጥቢ ነይሩ። ህ.ግ. ናይ ረፈረንዱም እማመ ነጥቢታቱ ኣቕሪቡ። ብወገን ደርግ ግን፡ ድሕሪ ግዜ፡ መገላበጢ ስለዝሰኣነ፡ ነቲ ንዞባዊ ምምሕድዳር ዝመስል ወረቐት'ኳ እንተቐረበ፡ እቲ ዝቐረበ ወረቐት ናይ መወዳእታ ከምዘይኮነ ብምፍላጥ፡ ነቲ ወረቐት ኣቕሪቡ ስሒቡዎ ክበሃል ስለዝከኣል፡ ርእይቶኡ ዘጠቓልል ወረቐት ኣየቕረበን። ብወገን ህ.ግ. ደርግ፡ ዝኾነ ይኹን ወረቐት ወይ ርእይቶ የቕርብ ብዘየገድስ ብዘይካ'ቲ ኣብ ናይ ረፈረንደም እማመኡ ዝነበረ ሰለስተ ምርጫታት፡ ዝኾነ'ውን ይኹን፡ ናይ ደርግ ርጉጽ ርእይቶን ናይ ስራሕ ወረቐትን ጥራይ ክህሉ ይደፍእ ነይሩ። ክሳብ'ቲ ርክባት ኣብ ዕጹው ማዕጾ ዝበጽሕ ድማ፡ ደርግ ዝኾነ ወረቐት ኣየቕረበን። ኣብ ክንዲ ከምኡ ምግባር፡ ልኡኻት ደርግ፡ መገዲ ንምንቃሕ (ወረቐት ምቕራብ'ውን ስለዝሓርበቶም) ኣተረጓጉማ ህ.ግ. ነቲ ኣብ ናይ ረፈረንዱም እማመ ዘሎ ነጥቢታት መብርሂ ሓቲቶም፡ መብርሂ ተዋሂብዎም፡ ኣብ ወግዓውን ዘይወግዓውን ዝበሃል ርክባት፡ ተጓራጫዊ ርእይቶታት ኣብ ምሃብን፡ ቆጸራታት ኣብ ምምጣጥን ኣድሂቦም። ኩሉ'ቲ ንኣፈናዊ ርክባት ዝምልከት፡ ምስ ተጸንቀቐ፡ ህ.ግ. ናብቲ መሰረታዊ ነጥቢ ብምምላስ፡ እቲ ልዝብ እዉጅ ኮይኑ ክጅመር፡ ሳልሳይ ኣካል ክፍለጥን (difined ክኸውንን) ክሳተፍን፡ ንዘቕረቦ ርእይቶታት፡ ብወገን ደርግ ስለዘይተደገፈ ካብኡ ንላዕሊ ዝኸይድ'ውን ስለዘይነበረ፡ እቲ ኣፈናዊ ርክባት ኣብ ዕጹው ማዕጾ በጺሑ ደው ኢሉ።

እዚ እናተኻየደ እንከሎ፡ ናይ ሰላም ተበግሶታት'ውን እናሰፍሐን እናሓየለን ስለዝመጸ፡ ንደርግ በዳሂ ኩነታት ከም ዝፈጠረ ዝዝከር'ዩ። ኣብ ነንበይናዊ ኣጋጣሚታት'ውን ንደርግ፡ ዝዕደሙ ብዙሓት ናይ መንግስታትን ውድባትን ጸዋዒታት እናቐረቡ ከይዶም። ደርግ ግን፡ ነቲ ምንም ዕቱብነት ዘይገበረሉ ኣፈናዊ ርክባትን፡ ምስጢራዊ ክኸውን ዝጸቕጠሉ ዝነበረን፡ ከም መዕ

በስ ኣፍ “ንራኸብ ኣሎና” ኣፈናዊ ርክባት ዘሳሓሕብ ነጥቢ ነይሩ ኢዩ። ደርግ ግን፡ ንኹሉ'ቲ ዘውጽኦ ምስጢራት ኣሉታ እናሃበሉ፡ ብዛዕብኡ ዘመተ ምኽያድ ኣየቋረጸን። ኣብ ውሽጢ ነቲ ኩናት ዝጸልኦን፡ ፍሽለት 6ይ ወራር፡ ክምዝምዙ ዝደልዩን ዝፍንውዎ ነቐፌታትን ሕሜትን ንምዕጋስ'ውን፡ “ሓንሳእን ንናይ መወዳእታን” እናበለ ይፍክር ከምዘይነበረ፡ ናይ ሰላም ቋንቋሲ መሲሉ ንምርኣይ “ርክብ ነካይድ ኣሎና” ንግዚያዊ ህልኽት ተጠቒሙሉ'ዩ። ኣብ መወዳእታ፡ ብህ.ግ. ኣፈናዊ ርክባት ተኻይዱ፡ ብጠንቂ ደርግ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ክምዝበጽሐ ዝገልጽ ኣዋጅ ምስ ወጸ ከኣ፡ ኩሉ ጸወታታት ደርግ ተኸሺሑ ደኹ ክምዝብል ኮይኑ።

ናይ ህዝባዊ ግንባር ቃልሲ ምእንቲ ሰላም ግን፡ በዚ ኣይተዓንቀጸን። ብዓለም ደረጃ፡ ሰፊሕን ዕቱብን ዘመተታት እናካየደ፡ ጸዕርታቱ ክቕጽል ጸኒሑ። ደርቂ ከም ተወሳኺ ሕሰም ንህዝቢ ኤርትራን ህዝብታት ኢትዮጵያን ዓቢ ጉድኣት የውርደሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እቲ ቀንዲ ሽግር ደርቂ ዘይኮነ፡ ኩናት ምዃኑ ኣብ ርእሲ ምብርሁ፡ ነቲ ኩናት ምዕራፍ'ውን ንሓዋሩ፡ ንዘቕልቀሉ ሰርያዊ ዕንወታት ንምቁጽጻር ከምዝሕግዝ፡ ኣፍሊጡ። ንሰላማዊ ፍታሕ ዘለዎ ድልየትን፡ ተኾሲ ደው ኣቢልካ ናጻ ምትሕልላፍ ንዋት ረድኤት ክግበር ጸዊዑ'ዩ። ደርግ ነዚ'ውን ነጺጉዎ። ናይ መንግስታትን ውድባትን ውልቀሰባትን ተገዳስነት ንሰላም ግን እናዓበየ ከይዱ'ምበር ኣይፈኸሰን። ኣብዚ መወዳእታ ብመንግስቲ ሱዳን ዝተፈተነን ብወገን ደርግ ክምዘይዕወት ዝተገብረን ናይ ሰላም ጻዕሪ ክዝከር ይከኣል። ናይ ሃገራዊ እማመን ዕቱብ ምትሕግጋዝን ሎሚ ኣብ ዓለም ኣብ ዝነበሩ ከባቢታት፡ ደገፍ ረኺቡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምእንቲ ሰላም ዝግበር ጻዕሪታት፡ ዝያዳ እናተወደበን [illegible] ምእንቲ ሰላም ዝግበር ጻዕሪ ግዜ ዝወሰደን [illegible] እምበር፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከይተሓለለ ክደፍኦ [illegible] ምስቲ ኣብ ካልእ ሜዳታት ዝካየድ ቃልሲታት [illegible] ዝህብ ድማ ርጉጽ'ዩ። ሓደ [illegible] ቃልሲታትን'ዩ።



ናይ ወጻኢ ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊን ስራሕ

ኣብ ዓለም ዘሎ፡ ፖለቲካዊ ምዕባለታት፡ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ውግኣት፡ ረጽሚታት፡ ቃልኪዳናት ቁጠባዊ ርክባት፡ ባህላዊ ምልቕቓሓት... ወዘተ፡ ኣብ ንሓድሕዱ ዘለዎ ምጽልላዋት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ስለዝኸይድ ንሓደ ፖለቲካዊ ተርእዮ ወይ ምንቅስቓስ ካብኡ ነጺልካ ወይ ኣብሒትካ ምርኣዩ ኣይከኣልን። ቅድሚ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዘካየዶም ናይ ወጻኢ ንጥፈታት ምርኣይ ከኣ፡ እቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ዝተንቀሳቐሰሉ ዓለማውን ዞባውን ሃዋሁ ምርኣይ ኣገዳሲ ይኸውን።

ኣብ ዓለም ንዝርኣዩ ፖለቲካዊ ምዕባለታት፡ ዝጸልው ረቛሒታት ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ እቶም ቀንዲ ናይ ዓለም ቀዳሞት ሓያላት ኢዮም። ሓያላትን፡ ጸለውትን ዝገብሮም፡ ቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊ ብኡ ኣቢሉ ኸኣ፡ ፖለቲካዊ ዓቕሞም'ዩ። ሓያላት ምስማዮምን፡ ምዃኖምን፡ ካብዚ ወጻኢ ክጥመት ኣይክእልን። እዞም ቀንዲ ሓያላት፡ ሕቡራት መንግስታትን ሕብረት ሶቭየትን፡ ብቑንዶም'ኳ እንተኾኑ፡ ሓይሎም ኣብ ሃገሮም ጥራይ ወይ ኣብ ባዕላዊ ዓቕሞም ጥራይ ዘይኮነ፡ ብቓል-ኪዳናትን ሰዓብትን ዝተደገፈ ምዃኑ፡ ምግንዛብ'ውን ኣገዳሲ'ዩ።

ብልሙድ ኣዘራርባ፡ ዓለም ኣብ ክልተ ቀጽሪታት ወይ መዓስከራት ማለት፡ ንኽልተ ስርዓታት ዝውክል-ከፊልካ ገምጋማት ይካየድ'ኳ እንተኾነ፡ እዚ ኣከፋፍላ'ዚ፡ ብናይ ጽልዋ ሓይሊ ጥራይ ድኣ ክጥመት ይግባእ'ምበር፡ ብረብሓታት፡ ብመትከላት፡ ብኣተሓሳስባ፡ ከፋፊልካ ምርኣዩ፡ ንናይ ዓለም ክውን ፖለቲካዊ ኩነታት ከምዘየንጸባርቕ ክስሓት የብሉን።

እቲ ዓቢ ጽልዋ ናይተን ክልተ ልዕለ-ሓያላንን፡ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ዘለወን ተቓውሞን፡ ናይ ክልቲኤን ቅንቅን ወይ ውድድር ኣብዚ ዞባ ጠንቂ ናይ ስቅያት ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ናይ ግጭትን ዘይምርግጋእን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምዃኑ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ግርም ገይሩ ይርድኦ። በዚ

መሰረት'ዚ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሶቬት ሕብረትን፡ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ መጻኢ ዕድሎም ብናጻ ናይ ምውሳን ዘለዎም መሰላት ንኽፈልጣን፡ ጽልዋአን ሰላምን ምርግጋእን ኣብዚ ዞባ ንምስፋን ንኽጥቀማሉን፡ ብተደጋጋሚ ጸዊዑ።

## ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (ሕ.መ)

ናይ ኣሜሪካ ተራን ጽልዋን፡ ኣብ ዓለም፡ ኣብዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ኣርእስትታት ተኸፋፊሉ ክርኣ ይከኣል። ቁጠባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ።

ናይ ኣሜሪካ ቁጠባዊ ጽልዋ ኣብ ዓለም ኣብዘን፡ ዝሓለፉ 10 ዓመታት እናዓበየ ክመጽእ ምጽንሑ ፍሉጥ'ዩ። ኣሜሪካ ከም መራሒት ናይ ዓለም ብሕቴው ር/ማል (monopoly capital) ኣብ ዓለም ዘለዋ ናይ ቁጠባ ምቁጽጻር ሓያል'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ኢንዱስትርያውን፡ ቴክኖሎጂያውን፡ ንግድን ናይ ኣሜሪካ ዝተመርኮሰ'ዩ።

ናይ ኣሜሪካ ኩባንያታት (ኢንዱስትሪታት)፡ ኣብ ካልእ ክፍላተ-ዓለም ዘሎ፡ ብዞባ ይኹን ብሃገር ደረጃ ዝጥመት፡ ኢንዱስትሪታት እናዓብለለ ክመጽእ ጸኒሑ። ኣብተን ኢንዱስትርያዊ ዝበሃል ሃገራት ዘሎ ኢንዱስትሪታት፡ ብብቕዓት ኮነ፡ ብሓይሊ፡ ብinvestiment ትሕቲ ናይ ኣሜሪካ ስለዝኾነ፡ ብናይ ኣሜሪካ ኢንዱስትሪ ዝእዘዝን ዝዕብለልን'ዩ። ኣብ ብዙሓት ካብተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ዘሎ፡ ኢንዱስትሪታት፡ ብሙሉኡ ወይ ብኸፊሉ ናይ ኣሜሪካ (ብናይ ኣሜሪካ ርእሰ ማል ዝተክል) ስለዝኾነ፡ ኣብ ገሊኡ ሃገራት ዘሎ፡ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለ፡ ናይ ኣሜሪካ ኢንዱስትሪ ወይ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ብመሰረቱ፡ ኣብ ናይ ኣሜሪካ ርእሰ ማልን፡ ቴክኖሎጂን፡ ወይ ልቓሕ ርእሰማልን ቴክኖሎጂን ስለዝሰርሕ። ኢንዱስትሪታት ከም ትካላት ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዓቕሚ ሰብ እንትሪኢና፡ ኣብ ኣሜሪካ ዘሎ፡ ናይ ህዝቢ ኣሜሪካ ናይ ሊቃውንቲ፡ ምሁራት ክእለታውያን (skilled)



ሽቃሎን፡ ካልእ ሰራሕተኛ ሓይሊን፡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንናይ ኣሜሪካ ኢንዱስትሪያዊ ሓይሊ ዝሰርሕ፡ እቲ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝርከብ፡ ሊቅ፡ ምሁር፡ ክእለታዊ ሽቃላይን፡ ካልእ ሰራሕተኛ ኣሓይለን ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ፡ ንናይ ኣሜሪካ ኢንዱስትሪታትን ፊናንስያዊ ትካላትን multinationals ዘገልግል ተደራቢ ሓይሊ'ዩ። ኣብ ኣሜሪካ ዝግበር፡ ናይ ኣሜሪካውያን ናይ ስነፍልጠትን፡ ቴክኖሎጂን፡ ካልእ ኢንዱስትሪያዊ ምህዞን፡ ምዕባለን ጥራይ ዘይኮነ'ውን፡ ኣብተን ዝማዕበላ ሃገራት ዝግበር ተመሳሳሊ ምህዞን ምዕባለን፡ ንናይ ኣሜሪካ ቁጠባ ዘገልግልን ዘሐይልን ምዃኑ'ውን፡ ክጥቀስ ይግባእ።

ኣብ ጃፓን፡ ርሑቕ ምብራቕ እስያ፡ ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ፡ ካናዳ፡ ኣውስትራልያ ዘሎ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባሌታት ብሙሉኡ ወይ ብኸፊል፡ እዚ ኣንፈት'ዚ፡ ኣውራ ድሕሪ 2ይ ኵናት ዓለም ደሚቑ ዝተቐልቀለ ይኹን'ምበር፡ ኣብዘን ዝሓለፉ 10 ዓመታት፡ ምስ ዝተራእየ ናይ ቴክኖሎጂ ፍጡን ምዕባሌ፡ ዝያዳ እናዓበየን እናሓየለን ክኸይድ ምጽንሑ ዘይክሓድ'ዩ። ኣብ መንጎ ኣሜሪካን፡ ካልኦት ምዕቡላት ሃገራትን ዝርኣ ውድድር ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ፡ ካልኣዊ ቦታ ዝሕዝ ምዃኑን፡ ዜና ዜና፡ ካብ ናይ ኣሜሪካ ዕብለላ ስለዘይወጽእን፡ ኣብ መወዳእትኡ ድማ፡ ናብ ሓደ ፈለግ ስለዝኮያን፡ ማለት፡ ናብ ሓደ ናይ ዓለም ርእሰማል insignificant ረቋሒ ኢዩ። ኣብተን ሓውሲ ምዕቡላት ዝበሃላ ሃገራት፡ እስያን፡ ላቲን ኣሜሪካን፡ ኣፍሪቃን፡ ማለት፡ ኣብተን ዝበዝሓ ርእሰማላውያን ክበሃላ ዝኽእላ ሃገራት (ከፊል-ርእሰማላዊ) ዘሎ ኢንዱስትሪታትን፡ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለታትን ዘሎ ደረጃ ምዕባለን ናጽነትን እንተረኣና፡ ካብተን ቀዳሞት ኣዝዩ ዝተሓተን፡ ዝዓበየ ጽልዋ ናይ ኣሜሪካን፡ ኣብ ክሊ ኣሜሪካ ዝርከባ ምዕቡላት ሃገራትን፡ ዘለዎ'ዩ። ናይ'ዘን ዝተጠቕሳ ሓውሲ ምዕቡላት ሃገራት ኢንዱስትሪ፡ ናይ ትምህርትን ስልጣነን ደረጃአን ለጠቕ ዝበለ ብምዃኑ፡ ናይ ምውድዳርን ርእሰኻ ምኽኣልን ምዕባይን ዓቕሚ ስለዝውሰን፡ ኣሜሪካን ኣብ ክሊ ኣሜሪካ ዘለዋ ምዕቡላት ሃገራትን፡ ናይዘን ሓውሲ ምዕቡላት ሃገራት ኢንዱስትሪያውን ቴክኖሎጂያውን ምዕባለን ርእሰኻ ምኽኣልን፡ ዕብለላኣንን

ምቁጽጻረንን ስለዝንኪ፣ ክዓቢ ስለዘየፍቅዳ፣ ጽግዕተኛን ዝያዳ ኣገልጋልን ጥራይ ዘይኮነ፣ ብዓቢኡ፣ ርእሰማል ናይ ኣሜሪካን፣ ኣብ ክሊ ኣሜሪካን ዘለዋ ምዕቡላት ሃገራትን ኢዩ።

እተን ዘይማዕበላ፣ ዝበዝሕ ግዜ ከም "ሳልሳይ ዓለም" ዝፍለጣ ሃገራት፣ እስያን፣ ኣፍሪቃን ላቲን ኣሜሪካን፣ ኣብ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለአን ብዙሕ ግምት ዘይወሃቦ ምዕባይ ዘለወን፣ ዝበዝሓ ካብአን፣ ኣዕናኽ ወይ ሰዓብቲ ኣሜሪካን፣ ኣብ ክሊ ኣሜሪካ ዘለዋ ምዕቡላት ሃገራትን ዝኾና፣ ተርአን ኣብ ናይ ዓለም ቁጠባ፣ ከም ኣቕረብቲ ጥረ ነገራትን ናይ ሰብ ጉልበት ምንጭን ኣህለኽትን፣ ጥራይ ክጥቀስ ዝከኣል፣ ሰሪ ድሕረተንን፣ ቀይዲ ናይ ምዕቡላት ሃገራትን፣ ምሉኣት ጽግዕተኛታትን፣ በዱን፣ ናይ ኣሜሪካን ካልኦት ምዕቡላት ሃገራትን ኮይነን፣ መወሰኽታ ሓይልን ዕብለላን፣ ኢንዱስትሪታት ኣሜሪካን መሻርኽታን እየን፣ ኣብ ልዕሊ'ዘን፣ ዘይማዕበላ ሃገራት ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ዝተራእየ ምዕባይ ጽልዋን ምቁጽጻርን ዕብለላን፣ ኣሜሪካ ኣዝዩ ገዚፍ ምኽኑ ድማ፣ ብኣካያይዳ ቁጠባታተን ጥራይ ዘይኮነ፣ እናዓበየ ክኸይድ ብዝጸንሐ ቅልውላዋተን ዝግለጽ'ዩ። ብኣጠቓላሊ፣ ብዓለም ደረጃ፣ ናይ ኣሜሪካን ምዕቡላት ሃገራትን ናይ ዕብለላ ምዕባይ ኣንፈት ክምዚ ዝተጠቕሰ ይኹን'ምበር፣ እቲ ምዕባለ፣ ናቱ ሽግራት እናዕበየ ክመጽእ ከምዝጸንሐ'ውን ክርሳዕ ዘይግባእ'ዩ። ኢንዱስትሪያውን ቴክኖሎጂያውን ምዕባለታት ናይ ኣሜሪካ ምዕባይ ሽቕለተ-ኣልቦነት፣ ብቐንዱ ኣብተን ምዕቡላት ሃገራት፣ ዝያዳ ድኽነትን ቁጠባዊ ቅልውላውን፣ ናይተን ሓውሲ ምዕቡላትን፣ ዘይማዕበላን ተጸለውቲ ሃገራት ህዝብታት እናዕበየ ክኸይድ ተራእዩ ኢዩ። እዚ ኣንፈት'ዚ፣ ናብ ዝዓበየ ሽቕለተ-ኣልቦነትን፣ ድኽነትን፣ ቁጠባዊ ቅልውላውን ህዝብታት ዓለም ከምዘምርሕ'ውን ኣይከሓድን።

ንግዳዊ ክፋል ናይ'ቲ ብኣሜሪካ ዝምራሕ ናይ ዓለም ርእሰማላዊ ቁጠባ'ውን፣ መቐጸልታ (projection) ናይቲ ኢንዱስትሪያዊ ምዕባለ'ዩ። ኣብ መንጎ ኣሜሪካ በቲ ሓደ ወገን፣ ጃፓን፣ ኣውስትራልያ፣ ምዕቡላት ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ እስያ፣



ምዕራብ ኤውሮጳ፣ ካናዳ፣ በቲ ካልእ ወገን ዘሎ ናይ ሓድሕድ ናይ ንግድ ውድድር፣ ብምኽልካልን (tariff) ቃል-ኪዳናትን፣ ሚዛን ከም ዝሕሉ ንምግባር ጸዕርታት ይግበር'ኳ እንተኾነ፣ ምስ ናይ ኣሜሪካ ፊናንሲያውን ናይ ንግድን ሓይሊ (እንተላይ ወጻኢ ካብ ሕመረት ናይ ምዕቡላት ሃገራት) እቲ ውድድር ነተን ካልኦት ምዕቡላት ሃገራት፣ ገዚፍ ናይ ንግድ ከሳራ ዝፈጥር'ኳ እንተዘይኮነ፣ ዜሩ-ዜሩ፣ እቲ ሚዛን ናብ ረብሓ ኣሜሪካ ስለዝዘብል ናይ ኣሜሪካ ምቁጽጻር ንናይ ዓለም ንግድ፣ ርኡይ ናይ ምዕባይን ዕብለላን፣ ኣንፈቱ ሒዙ ክኸይድ ጸኒሑ ኢዩ።

ኣብ ሓውሲ ምዕቡላትን ዘይማዕበላን ሃገራት ዓለም እንተሪኢና፣ ንግዳዊ ዝምድናታተን ምስ ኣሜሪካን ካልኦት ምዕቡላት ሃገራትን፣ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓን፣ ማዕርነትን ዝተመርኮሰ፣ ስለዘይኮነ እተን ዝበዝሓ፣ ኣብ ናይ ልቓሕ ዕዳ ዝጠሓላ ኮይነን፣ ኣብ ርእሲ ዕዳ ዕዳ እናወሰኻ፣ ናይ ዕዳታተን ወለድ ንዕዳታተን ናብ ምዕባይ ስለዝኸደ፣ ሎሚ፣ ዕደአን ምኽፋል ስኢነን፣ ኣብ ውሽጢ እዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ብፍላይ፣ ሰማይ ብዝዓርግ ናይ ዕዳ ሽኽሚ ተጸቒጠን፣ ዝሳቐያ ዘለዋ፣ ኣውራ ዘይምዕቡላት ሃገራት፣ ብዙሓት'የን። እዚ ኣንፈት ናይ ዓለም ንግዳዊ ዝምድናታት ኣብ መንጎ ኣሜሪካን ኣዕናኽታን፣ ብቐንዱ ንናይ ኣሜሪካ ዓለማዊ ቁጠባዊ ሓይልን ጽልዋን ከዕቢ ተራእዩ'ኳ እንተኾነ፣ በቲ ካልእ ወገን፣ ንዝምድና ኣሜሪካን ተኸተልታን፣ ኣምጺጽዎ ከምዘሎ ርዱእ'ዩ።

ናይ ኣሜሪካ ካብ ቬየትናም ተሳዒራ ምውጻእ (75) ወተሃደራዊ ዕብለላን ምቁጽጻርን ኣሜሪካ ብዓለም ደረጃ ዘዳኸሞ ምንባሩ ዘይካሓድ'ኳ እንተኾነ፣ ኣንጻር ረብሓ ኣሜሪካ፣ እስትራተጅያዊ ናይ ሓይሊ ሚዛን ቀጸሊ ለውጢ ኣኸቲሉ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣሜሪካ ድሕሪኡ ብዝተኸተለቶ ስልትን፣ ኣብቲ ከባቢ ይኹን ኣብ ካልእ ክፍላተ ዓለም ብዝመጸ ምቅይያራት ወተሃደራዊ ሚዛንን፣ ኣሜሪካ ሚዛና ክትመልሰን፣ ወተሃደራዊ ጸብለልነታ ከምትሕሉን ኮይና'ያ።

ኣሜሪካ፣ ብመጀመሪያ እስትራተጂያዊ ቁጠባዊ ረብሓታታ ብዓ

ለም ደረጃ ንምሕላው ወይ ንምዕቃብ፣ ወተሃደራዊ ጸብለልነት ክትዕቅብ፣ ስለዘለዋ፣ ክፋል ናይ ኢንዱስትሪታታ፣ ክፋል ናይ ፊናንሲያዊ ዓቕማ፣ ኣሽሓት ካብ ሊቃውንታ፣ ኣጽዋር ናይ ምምዕባል ስራሕ ዝዋፈር'ዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት፣ ኑክለየራዊ ዓቕማ ምዕባይ ጥራይ ዘይኮነ፣ ናይ ህዋ ጠፈር ናይ ቴክኖሎጂን ስነ-ፍልጠትን ምርምርን ምዕባለን፣ ናብ ወተሃደራዊ እስትራተጂያዊ ኣገልግሎት ብምውዓል፣ ብስም "ኲናታት ከዋኽብቲ" (star wars) ዝፍለጥ፣ ናይ ኲናት መሳ ርሒ ምትእትታዋን ዓብላልነት ምርካባን፣ ናይ ጸብለልታን መዋገይን ዓቕማ ክብ ኣቢላ ምህላዋ ፍሉጥ'ዩ።

ናይ ቬየትናም ኲናት ብዘትረፎ ስምብራት፣ ናይ ኣሜሪካ ቀጥታዊ ወተሃደራዊ ምትእትታዋት ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ዓለማት ለጠቕ'ኳ እንተበለ፣ በቲ ካልእ ወገን፣ ኣዕሩኽታን ሰዓብታን ንዝኾኑ ስርዓታት ንምሕያል ዝተኸተለቶ ናይ ኲናት ፖሊሲ፣ ሰፊሑን ገዚፉን'ዩ። ናይ ናቶ ቃል-ኪዳን ኣብ ምትራር፣ ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ ኑክለየራዊ ኣጽዋር ብሰፊሕ ኣብ ምዝርጋሕን፣ ናይቲ ቃል-ኪዳን ኣባላት፣ ናይ ኑክለየር ኣጽዋር ምስራሕ ዓቕሚ ኣብ ምምዕባልን፣ ናይ ኣየርን ባሕርን ምድርን፣ (conventional) ወተሃደራዊ ዓቕሚ ኣብ ምዕባይን ዝገበረቶ፣ ኣበርክቶ ሓደ መርኣያ ናይቲ እስትራተጂ'ዩ። ኣብ መንጎኣን፣ ካልኦት ብዘባ ደረጃ ቃል-ኪዳን ዝወደባን፣ ውልቀ ሃገራትን፣ ዝተገብሩ ውዕላትን፣ ዝተዋህቡ ወተሃደራዊ ሓገዛትን'ውን ዓብዮም'ዮም። እዚ ከም መተካእታ ቀጥታዊ ወተሃደራዊ ምትእትታው፣ ናይ ኣሜሪካ ናይ ኪዳን ኣዕ ሩኽትን ሰዓብትን፣ ርእሰንን ከባቢታተንን ንኽቆጻጸራ ዘኽእል ሓጋዚ ምእንቲ ክኸውን ተባሂሉ'ዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ርእሰኻን ከባቢኻን ናይ ምቁጽጻር ስትራተጂ፣ ካብ ቁቁጽጽራ ከይወጽእ ከኣ፣ ኣሜሪካ፣ ኣብ ነንበይኖም ዞባታት ዓለም ዘለዋ ወተሃደራዊ መደበራት ብምድልዳልን፣ "ናይ ፍጡን ምዝርጋሕ ሓይሊ" (Rapid Deployment Force) ኣሃዱታት ምስልጣናን ምዕባያን፣ ናይዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ተርእዮ'ዩ።

እቲ ብስምብራት ስዕረት ቬየትናም ዝተራእየ ምቑጣብ ናይ



ቀጥታ ወተሃደራዊ ምትእትታው እውን ፈጺሙ ዝሓሉ ወይ ተሪፉ ክበሃል ኣይከኣልን። ናይ ግሬናዳ ወራርን፣ ኣብ ልዕሊ ሊብያ ዝተፈጸመ ናይ ኣየር መጥቃዕትታትን ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ከም ተወሳኺ፣ ኣሜሪካ ረብሓታታን፣ ረብሓ መሓዙታን፣ ንምሕላው፣ ተጻረርቲ ንዝኾኑ ወይ ናይ ሶቬየት ዕብለላ ኣብ ዘለዎም ሃገራትን ከባቢታትን፣ ንዝርኣዩ ተቓውሞታት ብምድጋፍ ወይ ብምውዳብን ብምልዕዓልን፣ እትገብሮ፣ ኣብዘን ዝሓለፋ ውሑዳት ዓመታት እናደመቐ ዝመጸ፣ ተዘዋዋሪ ወተሃደራዊ ምትእትታዋት'ውን ካልእ መልክዕ ናይ ኣሜሪካ ወተሃደራዊ እስትራተጂ'ዩ። ብዝሓየለ ኣብ ማእከላይ ኣሜሪካ፣ ኣንጻር ናይ ኒክራጓዋ ስርዓት፣ ኣብ ኣንጎላ ንዩኒታ፣ ኣብ ኣፍጋኒስታ ንመጅሃዲን እትፍጽሞ ዘላ ርኡይ ምትእትታው ድማ መግለጺ ኢዩ። ካልእ፣ ብCIA ዝካየድ ስቱር ናይ ሽበራን ስለያን ሽርሒን፣ ቅንጸላን ስራሓት'ውን ከም መመላእታ ክጥቀስ ይከኣል።

ናይ ኣሜሪካ ስርዓት፣ ብናይ "ሓርነት፣ ሕውነት፣ ማዕርነት" "ዲሞክራሲ" "ሰብኣዊ መሰል" ዝመጻደቕ ይኹን'ምበር፣ ብዓ ለም ደረጃ ዘሎ ረብሓታቱ ንምሕላው፣ ጸረ ሓርነትን፣ ጸረ-ማዕርነትን፣ ጸረ-ዲሞክራስን፣ ጸረ-ሰብኣዊ መሰልን ዝኸይድ ፖለቲካዊ ስርዓታት ንምትካልን ንምዕቃብን፣ ዝኾነ፣ መገዲ (means) ዝመርጽ ምዃኑ ርኡይ ኢዩ። ኣብ ኣሜሪካ (ዓሌታዊ ናይ ጸለምቲ ኣፈላላይ-ህንዲ ከይተረፈ) ይኹን እተን ምዕቡላት ናይ ምዕራብ ሃገራት ማሕበራውን፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን መሰሎም፣ ዝተነፍጎም ዓበይቲ ክፋላት ናይቲ ሕብረተሰባት ምህላዎም በቲ ሓደ ወገን፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ናይ ሕሉፍ የማንን ሓደሽቲ ፋሽስታዊ ጉጅለታትን እናዓበዩ ምምጽኦምን፣ Moderate ዝኾኑን ዲሞክራስያውያንን ሓይልታት ኣብ ዝቕልቀሉ፣ ብሽርሕን ብጸቕጥን ካብ ፖለቲካዊ ስልጣን ምርሓቖምን በቲ ካልእ ገላጺ ተርእዮ'ዩ።

ኣብተን ሓውሲ ምዕቡላትን፣ ዘይምዕቡላትን፣ ሃገራት እስያን ኣፍሪቃን ላቲን ኣሜሪካን፣ ዝርከባ ስርዓታት፣ ናይ ኣሜሪካ

ዓለማዊ ፖለቲካዊ እስትራተጂ፡ እንታይ ምኳኑ፡ ኣነጺሩ ዘብርህ፡ ኣብነት'ዩ። ዝበዝሓ፡ ኣብተን ዝተጠቕሳ ክፍላተ ዓለም ዝርከባ፡ ኣዕሩኽቲ ኣሜሪካ ዝኾና ስርዓታት፡ ወተሃደራዊ ምልክታት፡ ዓሌታዊ ንግስነታት፡ ፋሽስታዊ ናይ ሕሉፍ የማን ህዝብታት ዝጭፍልቓ፡ ብህዝቢ ንጹጋት ስርዓታት'የን። ኣብዚ ዞባታት እዚ ዝርከባ ሃገራት፡ ናጻን ዲሞክራስያዊን ስርዓታት ኣብ ዝተኸላሉ፡ ብኣሜሪካ እናተደገፈ ዝካየድ ዕልዋታትን ወተሃደራዊ ጸቕጥን፡ ቁጠባዊ እገዳን'ውን ውሑድ ኣይኮነን።

ኣብዘን ዝሓለፋ ውሑዳት ዓመታት፡ ኣብ ናይ ኣሜሪካ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ካብ ዝተራእዩ ሓደሽቲ ስልቲ ሓደ፡ ኣዝዮም/ ምሒር ጸይቀ ዕሉል/ ንዝኾኑ ስርዓታት ብናዕቢ/ ምልዓል ህዝቢ ተፈንቂሎም ክይወደቑ፡ ሳዕቤኑ ንረብሓታት ኣሜሪካ ክሳብ ዘዕ ኑ ደረጃ ክይበጽሐ፡ ነቲ ስርዓት ክይቀየርካ ንውልቀ መራሕቲ ምእላይ ኢዩ። ብተመሳሳሊ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ስርዓታት ብዘካይዱዎ ጭኮናን ምዝመዛን፡ ናይ ህዝቢ ተቓውሞን ናዕብን እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ነቲ ህዝብን ወጽዓኡን ተሓሲቡ ዘይኮነ፡ እቲ ሃሱስ ዝኾነ ስርዓታት ክይወድቕ ምምሕያሻት ክተኣታቱ ጸቕጥታት ምግባር'ዩ።

ኣብ ዓለም ዝርከቡ ረጽምታትን፡ ቃልሲታትን፡ ምግሃስ መሰላትን፡ ወራራትን ምግትኡ ዝሓላፍነቶም ኣህጉራውያንን፡ ዞባውያንን፡ ከም ሕ/ሃገራት (U.N) ው.ሓ.ኣ. (O.A.U) ዝኣ መሰሉ ውድባት ከምዘለዉ ፍሉጥ'ዩ። እዞም ውድባት እዚኣ ቶም፡ ዓበይቲ ስም ለበስ መጋባኣያታት ኮይኖም ምትራፎም ድማ ኣየማትእን። ሓደ ካብቲ ናይዞም ውድባት እዚኣቶም መልመሲ ጠንቂ ጽልዋ ኣሜሪካ'ዩ። ኣመሪካ በቲ ኣብ ዓለም ዘለዋ ከቢድ ጽልዋ፡ ኣሜሪካ፡ እቶም ኣንጻር ረብሓታታ ዝኾኑ ጉዳያት ብቕልጽማ ክትፈትሕ እናመረጸት ኣቤቱታ ውጹዓት ህዝብታት ኣብዚ መጋባኣያታት'ዚ ኣብ ዝቐርብሉ (እዚ'ውን መብዛሕትኡ እዋን እንተፈቒዳ) ከም ዝንጸጉን ከምዘይዕ ወቱን ብምግባር፡ እዞም መጋባኣያታት እዚኣቶም ንረብሓኣ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ጥራይ ውሳኔታት ከምዝሓልፈሎም እናገበረት፡ ነቶም ምስ ረብሓኣ ዘይሳነዩ እናኣገደት፡ መጋበርያኣ



ጥራይ እናገበረቶም'ዩ። ኣብዘን 10 ዓመታት ዝተቐልቀሉ ደኹን ኪኖኡ ዝኸዱ ህዝብታት ዘድምዩ ዘለዉ ምርጻማት፡ ደኹኑ በደላት ፍታሕ ሲኢኖም ምጽንሖም ሳዕቤን ናይቲ ብጽልዋ ኣሜሪካ ዝለመሰ መጋባኣያታት'ዩ። ጉዳይ ኤርትራ፡ ሓደ ካብ ዓሰርተታት ኣብነትዩ'።

## ሕብረት ሶቭየትን ናይ ዓለም ጽልዋኡን

ብሓርፋፍ ኣዘራርባ፡ ሕብረት ሶቭየት፡ ከም ስርዓት ዘለዎ ቁጠባውን ኢንዱስትሪያውን ቴክኖሎጂያውን ምዕባለ/ ሓይሊ ማዕረ ናይ ኣሜሪካ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ብኣጠቓላሊ፡ ናይ ኣሜሪካን ሰብ-ኪዳና ናይ ምዕራብን ጃፓንን ደሚርካ ክርኣ እንክሎ ግን፡ ናይ ሕብረት ሶቭየትን፡ ሰብ ኪዳናን ቁጠባዊ ዓቕሚ ደኹን ጽልዋኡ ኣብ ዓለም ኣዝዩ ለጠቕ ዝበለ'ዩ። ናይ ኣሜሪካን ምዕራብን፡ በቲ ሓደ፡ ናይ ሶቬየትን ሰዓብታን ከኣ በቲ ኻልእ፡ ምስ ሓውሲ ምዕቡላትን ዘይምዕቡላትን ሃገራት ዓለም ዘሎ ንግዳዊ ዝምድናታትን ምትእስሳራትን እቲ ዳሕራይ ዝደኸመ ምኳኑ ይፍለጥ። ኣብ መንጎ ኣሜሪካን መሓዙታን ሕብረት ሶቭየትን መሓዙታን ዘሎ ቀጥታዊ ቁጠባውን ንግዳውን ዝምድናታት'ውን እቲ ቀዳማይ ጸብለልታ ኣለዎ። እቲ ክዉን እዚ ስለዝኾነ፡ ማለት ናይ ሕብረት ሶቭየት ቁጠባዊ ጽልዋን ውድድርን ኣብ ዓለም፡ ትሕቲ (inferior) ናይ ኣሜሪካ ስለዝኾነ፡ ናይ ሶቭየት፡ ቅድድም ኣብዚ ሜዳ'ዚ ንኣሜሪካ ኣብ ምሕላፍ ዘድሃበ ኢዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት፡ ብተዛማዲ ምስቲ ኣሜሪካን ሰብ-ኪዳናን ዘዕበዩዎ ዓለማዊ ቁጠባዊ ጽልዋ ክርኣ እንክሎ፡ ሕብረት ሶቬየት፡ ዘምጽኦ ናይ ጽልዋ ምዕባይ ድሩት ኢዩ። ቺና ካብ መዓስከር ሶቭየት ምውጻኣን፡ ንሱ ዘኸተሎ ምግምማዕን፡ ናይ ቺና ምስ ኣሜሪካ ምዕራብን ዘለዋ እናሓየለ ዝመጸ ቁጠባዊ ዝምድናታት፡ ሓደ ኣገዳሲ ረቛሒ ምንባሩ'ውን ዝፍለጥ'ዩ።

ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሕብረት ሶቭየትን እስትራተጂኡን'ውን ብኡኡ መንጽር ክርኣ ይከኣል። ኣብ እስትራተጂያውን ኑክለየራውን ካልእ conventional ወተሃደራዊ ዓቕምን፡ ብዘይካ'ቲ

ኣብ ገለ ሜዳታት ዘሎ ምቅዳምን ምድሓርን፡ ንናይ ኣሜሪካን ቃልኪዳናን ዝወዳደር ምኳኑ ይፍለጥ። ብጽልዋ ክርኣ እንከሎ ግን፡ እናተዳኸመ ክመጽእ ምጽንሑ ብሩህ'ዩ። ሕብረት ሶቭየት ኣውራ ምስ ሳልሳይ ዓለምን ስርዓታቱን ክምስርቶ ዝደሊ ዝምድናታት ኣጽዋር ምሻጥን ንዕኡ ከም ቀይዲ ምዝውታርን፡ ንግሎባዊ ወተሃደራዊ ጽልዋኡ ክምዘዕቢ ይኣምንን ይሰርሓሉን እኳ እንተኾነ፡ ብውጽኢት ክርኣ እንከሎስ ውሱን ወይ ኣሉታዊ ኢዩ። ፖላንድ፡ ኣፍጋኒስታን፡ ቬየትናም፡ ኣንጎላ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክጥቀሳ ይኽእላ።

ሕብረት ሶቬየት፡ ንፖለቲካዊ ዝምድናታቱ፡ ምስ ናቱ ናይ ዕብለላን፡ ግሎባዊ ውድድር ምስ ኣሜሪካን ጥራይ ስለዝርእዮ፡ "ማሕበርነት" "ግስጋስ" "መሰል ርእሰ ውሳኔ" "ዲሞክራሲ" እናበለ'ውን ይዛረብ'ኳ እንተኾነ፡ ብግብሪ፡ ኣንጻር ንዲሞክራሲ ዝንቀሳቐሱ ሓይልታትን ኣንጻር ናይ ሓርነት ምንቅስቓስ'ዩ ዝሰርሕ። ህዝብታት ሳልሳይ ዓለም፡ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓሳት ዓለም፡ ናይ ሓርነት ምንቅስቓሳት፡ ብሕልፊ ኣብ ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ኣብ እዋን ምስብባር መግዛእቲ (decolonization period) ኣብ ሕብረት ሶቭየትን ደገፉን እምነቱ ላዕሊ'ኳ እንተነበረ፡ ተሞክሮ ብዘረጋገጾ ባህርይ ሕብረት ሶቭየት፡ ሎሚ እዚ ሚዛን'ዚ እናሰኣነን እናንቆልቆለን ምኻዱ ርኡይ ኢዩ። ኣብ ርሑቕ ምብራቕን ኤስያን፡ ድሕሪ ቬትናም፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኤውሮጳ፡ ምስ ሃገራትን ውድባትን ዝነበሮን ዘለዎን ዝምድናታት ከኣ ኣብነት'ዩ። ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎን ዝነበሮን መርገጺ ከኣ ካብዚ ኣይፍለን።

ካብ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ደገፍ ምርካብ፡ ብቐንዱ ናይዘን ክልተ ሓያላን ደገፍ ምርካብ ማለት ስለዝኾነ ኸኣ፡ ህዝቢ ኤርትራን ፍትሓዊ ቃልሱን ክሳብ ሕጂ፡ ኣህጉራዊ ምፍላጥን፡ ፍትሕን ክረክብ ዘይምኽኣሉ፡ ናብ መርገጽን ጽልዋን ኣሜሪካን ሕብረት ሶቭየትን ዝምለስ'ዩ።

ኣብቲ ታሪኻዊ መእተዊ ናይዚ ጸብጻብ በሪሁ ከምዘሎ፡ ጉዳይ ኤርትራ፡ ካብ ፍልሙ ቅኑዕን ፍትሓውን ፍታሕ



ከይረክብ፡ ዕንቅፋት ዝኾነት ኣሜሪካ'ያ። ምስ ግሎባውን ዞባውን እስትራተጂያዊ ረብሓታታ ስለዘይተሳነየ፡ እዚ ናይ ጽልኢ መርገጺ'ዚ ኣንጻር መሰል ርእሰ-ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራን ናጽነቱን ክሳብ ምውዳቕ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ብወተሃደራውን፡ ቁጠባውን፡ ዲፕሎማስያውን፡ ደገፍ ዝተሰነየ ምንባሩ፡ ዝዝከር'ዩ። ምስ ምውዳቕ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ኣሜሪካ ብኣንፈት ናይቲ ህዝባዊ ማዕበል ስለዝሰምበደት፡ ጠለባት ደርግ'ውን ፈሊጣ ስለዘየማለኣት፡ ብምእታው ሶቬየት፡ ከሲራ ወጺኣ'ያ። እዚ ኣብ ረብሓታት ኣሜሪካ ግሎባውን ዞባውን ጽልዋ ዝነበሮ፡ ናይ ሶቬየት ምእታው ግን፡ ንኣሜሪካን መርገጺኣን ኣይቀየረን። ብኣንጻሩ፡ ኣመሪካ ቁጠባውን ዲፖሎማስያውን ደገፍ ንደርግ እናዓበየ ክመጽእ ጸኒሑ፡ ምኽንያቱ፡ ናይ ሕብረት ሶቭየት ተመክሮ ኣብ ብዙሓት ናይ ሳልሳይ ዓለም ሃገራት፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ከኣ ብፍላይ፡ ናይ ግብጺ፡ ሱዳን፡ ሶማል፡ ተመክሮታት ዝምድና፡ ኣብ መወዳእታ ምስንጉ ሕብረት ሶቬየት ስለዝተዛዘመ፡ ኣብ ኢትዮጵያ'ውን ጽልዋ ሶቬየት ብኸምኡ እናሃሰሰ ከይዱ፡ ምብታኹ ኣይተርፎን'ዩ፡ ዝብል እምነት ስለዝነበረ'ዩ። ነዚ ምርኩስ ብምግባር፡ ኣሜሪካ ንስርዓት ደርግ ቁጠባውን፡ ዲፕሎማሲያውን፡ ሓገዝ ምሃብ ኮነ፡ ንፍትሓዊ ጉዳይ ኤርትራ ዘይምልዓል ወይ ዘይምድጋፍ፡ ከም ስልጣን መሐየልን ፖሊሲኡ ጌሩ ክሰርሓሉ ኸኣ ጸኒሑ። ኣረኣእያኡን መርገጺኡን ኣብ ገዛእ ርእሱ ከይወሰነ ከኣ፡ ኣዕሩኽቱን ሰዓብቱን ተመሳሳሊ መርገጺ ክወስዱን፡ ንሰውራ ኤርትራ ከይድግፉን፡ ጸልዩ። እቲ መሰረታዊ ፍትሓውን ሕጋውን መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ብጎኒ ገዲፉ ኸኣ፡ ንህ.ግ. ከም ማርክሳዊ ውድብ እናቕረበ፡ ክመሳምስ ጸኒሑ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ግን፡ ቀጻሊ ናይ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ጉዳይ ኤርትራ ዝጸንሐ ናይ ጽልኢ መርገጺ እናፈለጠ፡ ኣሜሪካ ከም ዓቢ ጽልዋ ዘለዋ ኣባል ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ፡ መርገጺኣ ክትቅይርን፡ ኣብ ሰላማዊ ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ፍታሕ ናይቲ ጉዳይ ከተበርክትን ጸውዒቱ ካብ ምቕራብ ዓዲ ኣይወዓለን። ብወገን ኣሜሪካ ግን፡ ዛጊት ኣወንታዊ ኣቓልቦ ኣይተገብረን። መርገጺ ምምሕዳር ኣሜሪካ እዚ ይኹን'ምበር፡ ህ.ግ. ፍትሓውነት

ቃልሲ ንህዝቢ ኣሜሪካን ጉባኤን፡ (congress) ንምርዳእን ደገፍ ንምርካብን ጻዕርታቱ ኣየቋረጸን።

መርገጺ ሕብረት ሶቬየት፡ ቅድመ ፌደራስዮን፡ ምስ መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝነበረ ዝዝከር'ዩ። ድሕሪኡ ፌደራስዮን እናተጋህሰ ኣብ ዝኸደሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣቤት ኣብ ዝበለሉ ግን፡ ሕብረት ሶቭየት ምእንቲ ፍትሒ ፍሕት ኣይበለን። ብኣንጻሩ፡ ቀስ ብቐስ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታቱ እናትረረ፡ ንናይ ሃይለስላሴ ገጽ ኣብ ኣፍሪቃ ምእንቲ ክጥቀመሉን፡ ቁጠባዊ ደገፋት ገይሩ፡ ኣብ ዓሰብ መጻረዪ ነዳዲ ሃኒጹ፡ ናይ ባህርዳር ናይ ፖሊተክኒክ ትምህርቲ መስሪቱ፡ ንግዳዊ ዝምድናታቱ ናብ ምዕባይ ይደፍእ ነይሩ። ክሳብ ምውዳቕ ሃይለስላሴ፡ ንሰውራ ኤርትራ ይኹን ንናይ ኢትዮጵያ ተቓውሞታት ዝሃቦ ደገፍ ኣይነበረን። ሃይለስላሴ ድሕሪ ምውዳቑ'ውን ብቐረባ ናይ ምዕዛብ መርገጺ'ተዘይከይኑ፡ ናይ ደገፍ ተበግሶ ኣይወሰደን፡ ናይ ደርግ ህርፋን ኣጽዋር ብኣመሪካ ብኢጋ ክይተማልአ ምስ ተረፈን፡ ምስ ተዓደመን ከኣ፡ ሕብረት ሶቭየት እቲ ወርቃዊ ዕድል'ቲ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ማእከላይ ምብራቕን ዝነበሮ ጽምኢ ግሎባውን ዞባውን እስትራተጂያዊ ረብሓታት፡ ዘርዊ ምኽኑ ስለዝፈለጠ፡ ንሶማል ጠንጢኑ፡ ንደርግ ዘይተቐጠበ፡ ሓገዛት ክህብ ጀሚሩ። ክብ ኢሉ በሪሁ ከምዘሎ፡ ከኣ፡ ንፍትሓዊ ጉዳይ ኤርትራን፡ ዲሞክራሲያዊ ተቓውሞ ህዝቢታት ኢትዮጵያን "ጸረ-ሰውራን" "መሳርሒ-ሃጸይነትን" ዝብል ኣስማት እናቐለመ ሰዓብቱ እናደፋፍአ፡ ኣካላዊ ምትእትታው ጌሩ፡ መግዛእታዊ ናይ ህልቂትን ዕንወትን ገበን ክፍጽም ጸኒሑ። ሰውራ ኤርትራ ኣብ ምቅላልን፡ (Discredit ኣብ ምግባር) ዲፕሎማስያዊ ደገፍ ከይረክብን ከኣ፡ ብዓለምን ብዞባን ደረጃ ንዘለዉ ሰዓብቱ ኣሰሩ ክኸተሉ ክደፋፍእን ክጸሉን ጸኒሑ። ህ.ግ. ሕብረት ሶቭየትን ሰዓብቱን ፍትሓዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንኽፈልጡን፡ ምትእትታዎም ኣብ ምጭፍላቕ ሰውርኡ ኢዶም ከልዕሉን፡ ተደጋጋሚ ጻውዒት ክገብር'ኳ እንተጸንሐ፡ መልሱ ምድያብ ናይቲ ምትእትታውን ጽልእን'ዩ ኮይኑ። ውጽኢቱ ኸኣ፡ ምሕያል መኸተ ህ.ግ. ነይሩ።



ንናይ'ዘን ክልተ ኣብ ዓለም ሓያል ጽልዋ ዘለወን መዓስከራት፡ ኣሜሪካን ሕብረት ሶቭየትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ኣብ ዓለም ብዞባን ብሃገርን ደረጃ ዘሎ መርገጺታት ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ኤርትራ ምፍላጥ ዝሕግዝ'ዩ። ቅድሚኡ ግን ናይ ቀረባ ጽልዋን ምትእስሳርን ዘለዎ ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ዘሎ ቃልስን ተቓውሞን ህዝብታት ምዕባሌታት ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

ናይ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ኣውራ ናይ ብሄራት ሕቶ፡ ቀንዲ ጠንቂ፡ ናይቲ ነገስታት ኣምሓራን ትግራይን፡ ኢትዮጵያ (empire) ናይ ምግባት ዘይተማልአ መስርሕ ተረፍ ምኻኑ ፍሉጥ'ዩ። ኣብ እዋን ምንሊክን ሃይለስላሴን ናይ ኣምሓራ ዕብለላ ምድያቡ፡ ኻኹላተን ብሄራት "ኢትዮጵያ" ኣብ ትሕቲ ናይ ሓደ ብሄር ምልኪ ኣእትዩወን። ናይ ምንሊክን ሃይለስላሴን ንግስነት ግን፡ ን"ኢትዮጵያ" ብምልእታን ንህዝብታተን፡ ከውህድ ዝኽእል ምዕቡል ስርዓታት ዘይምንባሩን፡ ድሑር መስፍናዊ ጭፍለቓኡን፡ ናይ ሓድነት ስምዒት ኣይፈጠረን። ብሄራዊ ስምዒታት ክሐይል ድማ ናይ ግድን ነይሩ።

ሃይለስላሴን ስርዓቱን፡ ናይ ኢትዮጵያ empire ንምጥርናፍን ንምድልዳልን ኣብ ዝገበሮ ፈተነታት፡ መልሰ ግብሪ ጭኮናኡ ናይ ብሄራት ምልዕዓል ይቀላቐል ኣብ ዝነበረሉ፡ ዝወስዶ ዝነበረ ጭፍለቓታት፡ ራዕድን ምንብርኻኽን ስለዘኸተለ፡ ኣብ ገለ ብሽርክነት ስለዘህድኦ'ውን፡ ብሄራዊ ምንቅስቓሳትን ውድባትን ክቐማ ዕድል ኣይሃበንን። ዝኾነ ካልእ መሰረታዊ ሰብኣውን ፖለቲካውን መሰላት ዘይህብ፡ ስርዓት ምንባሩ'ውን ሕብረ ብሄራውያን ዝኾና ውድባት'ውን ኣይተመስረታን። ትምህርቲ ኣብ ዝተሓተ ደረጅኡ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣቃውማታት'ውን ኣዝዩ ድሑር፡ ብናይ ዓለም ፖለቲካን ቁጠባን ዘይተጸልወ መብዛሕትኡ ኣብ ገጠር ብ subsistence ቁጠባ ዝነብር ህዝብታት ምንባሩ'ውን ኣብ ፖለቲካዊ ምዕባሌታት "ኢትዮጵያ" ስምብራት ነይሩዎ'ዩ። ምናልባት ከም ፍሉይ ዝጥቀስ ናይ ህዝቢ ሶማል ተቓውሞ ኣብ ኦጋዴን፡ ንብሄራዊ ስምዒት ዘሐይል፡ ናይ ናጻ ሬፑብሊክ ሶማል ምህላው፡ ሓጋዚ ስለዝነበሮ'ዩ ከም ውድብ ብረታዊ ተቓውሞ ዘካይድ ምንቅስቓስ ዝኾነ። ናይ

60 ናይ ዕልዋ ፈተነ፡ ተነጺሉ ምፍሻሉ'ውን ሓደ ምኽንያት ንሱ ነይሩ። እቲ ኣብ ውሽጢ ምሁራትን ተመሃሮን እናደየበ ዝኸይድ ዝነበረ ንቕሓትን ምንቅስቓስን'ውን ይትረፍ ንገጠራት ክጸሉ፡ ኣብ ከተማታት እንተኾነ'ውን ጽልዋኡ ኣዝዩ ጸቢብ'ዩ ነይሩ። ዝበዝሓ ብሄራውያንን ሕብረ-ብሄራውያንን ውድባት ክቕማ ዝጀመራሉ ከኣ ኣብ መጀመርያ 70ታት ኢዩ። ናይ መጀመርያ 70ታት ምንዕዓብ፡ ብፖለቲካዊ ውድባት ዝተመርሐ ዘይኮነ፡ በቲ ዝነበረ ቅልውላውን ደርቅን ኣብ ኤርትራ ዝካየድ መግዛእታዊ ኲናትን ተደማሚሩ ዝመጸ'ዩ። ፍኑው ዝገበሮ'ውን ንሱ'ዩ። ስለዚ ኸኣ'ዩ ኣብ 74 ድሕሪ ምውዳቕ ሃይለስላሰ ናይ ፖለቲካ ጓንጓ ዝተፈጥረ።

ናይ ኢትዮጵያ ገዛእቲ ናይ እምቦራጦርያን ምስፍሕፋሕ ጥሙሕ ብባህሩ፡ ንህዝብታት ኢትዮጵያን፡ ህዝቢ ኤርትራን ናይዚ ዞባዚ ህዝብታትን፡ ናይ ሰላምን፡ ምርግጋእን፡ ራህዋን፡ ምትሕግጋዝን፡ ስግኣት ስለዝኾነ፡ ናይ ኩሎም ናይ ሓርነትን ዲሞክራስን ሓይልታት ምሕዝነት ናይ ግድን'ዩ። እቲ ምሕዝነት ኣብ ንጹር ኣረኣእያ ዝተመርኮሰን ናይ ሓባር ናይ ስራሕ ፕሮግራም ዘለዎን፡ ኣብ ግብራዊ ምትሕግጋዝ ዝግለጽን ክኸውን ድማ የድሊ። ነዚ መሰረተ-እምነት መበገሲ ብምግባር፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምስ ኩላተን ብሄራውያንን ሕብረ-ብሄራውያንን ውድባትን ኣብ ኢትዮጵያ፡ ምሕዝነታዊ ዝምድናታት ንምምስራትን ንምድልዳልን ክሰርሕ ጸኒሑ።

ፖለቲካዊ መበገሲታቱ ከኣ እዚ ዝስዕብ መሰረታዊ መትከላት ዘጠቓለለ ነይሩ። ምፍላጥ መሰል ርእሰ ውሳኔ ብሄራት ኣብ "ኢትዮጵያ"፡ ምፍላጥ ዲሞክራሲያውያን ብሄራውን ሕብረ-ብሄራውን ውድባት፡ ምሕንጻጽ መስመር ናይ ሓባር ጸረ መግዛእታዊ ሓርነታዊ ዲሞክራስያዊ ምሕዝነታዊ ግንባር፡ ኩሉ መዳያዊ ምትሕግጋዛት ምምስራትን ምዕባይን። ብወገን ውድባት ኢትዮጵያ ከኣ ብተመሳሳሊ ምፍላጥ (recognition) ፍትሓውን ሕጋውን ጸረ መግዛእታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን፡ ኣብቲ ናይ ሓባር ምሕዝነታዊ ግንባር ከኣ ምስታፍን።

ቅድም ዝምድና ህ.ግ. ምስ ኢ.ህ.ኣ.ፓ. ኣብ መጀመርያ 70ታት



ከምዝነበረ፡ ዝዝከር'ዩ። ብወገን ህ.ግሓ.ኤ እቲ ዝምድና ስልታዊ ማለት፡ ኣብ ጸቢብ እዋናዊ ናይ ረብሓ ዘይኮነ፡ ብመሰረት'ዞም ክብ ኢሎም ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ሓባር መሰላት ምኽባርን ምሕዝነትን'ዩ ነይሩ። ኢ.ህ.ኣ.ፓ.'ውን ንመሰረት'ቲ ስምምዕ፡ ኣብ ናይ ሓባር ምይይጥ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ ምትሕግጋዛት ጀሚሮም ንዓመታት ከምዝቕጽሉ ኮይኑ'ዩ። ደንጉዩ ኣብ 77 ዝወጸ መግለጺ፡ ፕላኑም ማእከላይ ሽማግለ ኢ.ህ.ኣ.ፓ. ግን፡ ኣብ መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ከምዘይኣምን፡ ንውድባት ሰውራ ኤርትራ (ህ.ግ.ሓ.ኤን ተ.ሓ.ኤ.ን) ከም ዲሞክራስያውያን ከምዘይቁጽር፡ ምስኣተን ዝነበሮ ዝምድና ድማ ስልታዊ ከም ዝነበረ፡ ኣረጋጊጹ። በዚ እቲ ዝምድና ሓሸኪሩ፡ ከም ዝድስክል ኮይኑ።

ቀጺሉ ምስ ህ.ወ.ሓ.ት፡ ኣብ 76 ድሕሪ ምምስራቱ ዝማዕበለ ዝምድና'ዩ። እቲ ዝምድና ኣብ ካብ እምነት ህ.ግ. ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ዘለዋ ብሄራት መሰልን፡ ምፍላጥ ህ.ወ.ሓ.ት. ንፍትሓዊ መስል ህዝቢ ኤርትራን ዝተመስረተ'ዩ ነይሩ። እቲ ዝምድና ንዓሰርተ ዓመታት ኣቢሉ፡ ኣብ ጽቡቕ ናይ ምትሕግጋዝ ሃዋሁው፡ ከምዝማዕበለ፡ ፍሉጥ'ዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ኣውራ፡ ሰነዳት ህ.ወ.ሓ.ት.፡ እቲ ምስ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝነበረ፡ ዝምድና ስልታዊ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዘይዲሞክራስያዊ ምዃኑ ካብ ዝውስን ሓሙሽተ ዓመታት ከምዝሓለፈ፡ የረጋግጽ። እቲ ብወገን ህ.ግ.ዝጸንሐ ኣረኣእያ፡ ሓቀኛን ኣብ እዋናዊ ስልትታት ዝተበገሰን ዘይምንባሩ፡ እቲ ንህ.ግ. ምስጢር ኮይኑ ክሰርሕ ዝጸንሐ ፖሊሲ፡ ስለ ዝተኣወ ኸኣ፡ ህ.ግ. ብዝገበሮ ክይተጣዕሰ፡ "ዕሽነቱ" ተረዲኡዎ፡ ኣብ ቆይቆ ኘኸይኣቱ፡ ወሲኑ ነቲ ዝምድና ኣቋሪጹዎ።

ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝብታት ኢትዮጵያ (ድ.ም.ህ.ኢ.) ካብቲ ኢትዮጵያዊ ህዝባዊ ሰውራዊ ሰልፊ ዝወጸ ውድብ ኢዩ። ደ.ም.ህ.ኢ.. ኣብ ልዕሊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንርእሰ-ውሳኔ ንጹር መርገጺ ካብ ዝወሰድ ኣትሒዙ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምስኡ ዘለዎ ዝምድና ንምድልዳል ክሰርሕ ጸኒሑ፥ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ውድባት ድማ ምትሕግጋዝ እናዓበየ መጺኡ። ንህ.ግ.ሓ.ኤ. ከም

"እስትራተጂያዊ መሓዛ" ኣይንቆጽሮን ኢና ዝብል ኣቀራርባ ናይ ደ.ም.ህ.ኢ. ግን (ዕቃበታት) ተሓፊዛት (reservations) ፈጢሩ ኣሎ። ይኹን'ምበር፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነቲ ዝምድና ብዝያዳ ንምንጻርን ሓደስቲ ሜዳታት ናይ ምትሕግጋዝ ንምድህሳስን፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ሓደ ልኡኽ ናብቲ ደ.ም.ህ.ኢ. ዝንቀሳቐስሉ ቦታታት ሰዲዱ።

ምስ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ፡ ኣብቲ መሰረታዊ መትከላት ዝተመርኮሰ፡ ዝምድናታት ክምዕብል ጸኒሑ'ዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኦሮሞ ናቱ ካብ ዝኾነ ብሄር ጭቆናታት ዝመረረ መሰረት ከምዘለዎ ርዱእ'ዩ። ምዕባይ ናይቲ ብሄርን፡ ጆኦግራፊያዊ ዝርጋሐኡን፡ ምዕባለ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሱ ምስ ወጻኢ ናይ ምርኻብ ዘለዎ ወድዓዊ ጸገምን ግን፡ ወ.ሓ.ኦ. ምስ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንኸማዕብሎ ዝግባእ ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድናታት ደሪትዎ'ዩ።

ናይ ምዕራብ ሶማል ሓርነት፡ ግንባር ዝምድና ምስ ሰውራ ኤርትራ፡ ሓፈሻውን ስምዒታውን ኮይኑ ካብ ዝጸንሕ፡ ነዊሕ ጌሩ ኢዩ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ እቲ ዝምድና ምስ WSLF ዘይከነ፡ ምስ ህዝቢ ሶማል፡ ዓሰርተታት ዓመታት ንድሕሪት ዝኸይድ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነዚ ስምዒታዊ ምድግጋፍ፡ ኣብ ንጹር ኣረኣእያታት ዝተመርኮሰን፡ ግብራዊ ናይ ምትሕግጋዝ መልክዕ ዘለዎን ንኽኸውን ዝገበሮ ጻዕርታት ክሳብ ሕጂ፡ ብወገን ግ.ሓ.ም.ሶ. ኣወንታዊ ስጉምቲ ስለዘይተወስደሉ፡ እቲ ዝምድና ብዙሕ ኣይደፍአን።

ምስ ናይ ሲዳማ ህዝቢ ምንቅስቓስ፡ ምስ ግ.ሓርነት ሲዳማ እውን ክሳብ ሕጂ ናይ ልልይ ዝምድናታት ቀጸልቲ ኮይኖም ጸኒሖም'ዮም። ምስቲ ንስሉጥ ርክብን ምትሕግጋዝን ዘሎ ናይ ራሕቂ ሽግር፡ እቲ ውድብ፡ ኣብ ኣረኣእያ ህ.ግ. ብዛዕባ፡ ሕቶ ሓድነት ዕቃበታት ስለዘለወን፡ ህ.ግ.'ውን ንባህርይ ናይቲ ውድብ፡ ብደቂቕ ንምጽናዕ ኣብ ትዕዝብቲ ስለዝጸንሐን፡ ምዕባሌታቱ ኣብ መጻኢ ጥራይ'ዩ ክርአ ዝኽእል። ናይ ብሄረ ዓፋር ምንቅስቓስ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ዝተመሓላለኸ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ብካ ፍሉይ ታሪኻውን ማሕበራውን ባህላውን



ጅኦግራፍያውን ፍሉይነት ዝጸልዎ ባህርይ፡ እቲ ምንቅስቓስ፡ መኣዝኑ ንኸየንጽርን መሳርሒ ንኸኸውንን መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያን ካልኦት ናይ ወጻኢ ሓይልታትን፡ እንተላይ ኤርትራውያን በቲ ሓደ ናይ "ዓባይ ደንካልያ ስምዒታት ንምጉሁሃር፡ በቲ ካልእ ከኣ፡ ነቲ ምንቅስቓስ ንምብትታን ኢዶም ከእትዉ ስለዝጸንሑ፡ ነቲ ሕቶ ኣተሓላሊኹዎ'ዩ። ህ.ግ ነዚ ብምግንዛብ፡ ምዕባሌታት ናይቲ ምንቅስቓስ ብተዓዛብነት ክርእዮ ጸኒሑ እዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ ውሑዳት ዓመታት ምስ ግንባር ሓርነት ዓፋር ብዘካየዶ፡ ቀጻሊ ምይይጥ፡ ኣብ ናይ ሓባር ምርድዳእ፡ በጺሑ፡ እቲ ዝተገብረ ምርድዳእ ናብ ምትእኽኻብ ብሄራዊ ምንቅስቓስ ዓፋር ከምርሕ ድማ ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና ጀሚሩ ኣሎ።

ምስ ሕብረ-ብሄራውያን ውድባት፡ ከማዕብሎ ካብ ዝፈተኖ ዝምድና ናይ መኤሶን ሓደ ካብቲ ዝጥቀስ'ዩ። ብ84 ኣብ ዝተገብረ ርክባትን ድሕሪኡ ዝቐጸለን፡ ንተራ መኢሶን ኣብ ልፍንቲ ምስ ደርግ ብዘይካ ዘሎ ፍልልይ፡ መኢሶን፡ ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝኣምን ድሕሪ ምርግጋጽ ርክባትን ምትሕግጋዝን ክቕጽል ስምምዕ ተገይሩ ነይሩ'ዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝዝርግሑ ዘለዉ ጽሑፋት መኢሶን ብዙሓት ሕቶታት፡ ዘልዕሉ ስለዝኾኑን፡ ንምንጻሮም ዝተኻየደ ርክብ ድማ ስለዘየለን፡ እቲ ዝምድና ንመጻኢ ደፋኢ ኢልካ ዝርአ ክኸውን'ዩ።

ወጻኢ ካብተን ውድባትን፡ ከምቲ ሓፈሻዊ መትከላትን ኣዕሚቑካ ክርኣ፡ ዝግባእ፡ ንመሰል ርእሰ ውሳኔን፡ ምንጻልን፡ ሓድነትን፡ ልፍንትን፡ ምሕዝነትን ዝምልከት፡ ሕቶታት፡ ህ.ግ. ኣብቶም ሕቶታት ዝጸንሖ ምምልካትን ዝለዓለ ኣገዳስነት ዘለዎ'ዩ።

መሰል ርእሰ ውሳኔ፡ መባእታዊ መሰል ህዝብታት ምዃኑ ኣየካትዕን፡ መሰል ርእሰ-ውሳኔ፡ ተመጣጢ ሕቶ ምዃኑ፡ ንነንበይኖም ኣተርጓጉማታት ቅሉዕ ምዃኑ'ውን ርዱእ'ዩ። መሰል ርእሰ-ውሳኔ ሃገራትን ብሄራትን ዘጠቓልል ምዃኑ'ውን ብሩህ'ዩ። ኣብ ሳልሳይ ዓለም ብሓፈሻ ወይ ኣብ መግዛእትታት ንዝነበሩ

ህዝብታት፡ ጅኦግራፊያዊ ዶቦም፡ ብኸመይ ከምዝተሓንጸጸን፡ ሃገራት ብኸመይ ከምዝቖማን፡ ኣብ መእተዊ ናይዚ ጸብጻብ ወረዳ ዘሎ ነጥብታት መግለጺኡ'ዩ። ምስኡ ናይ "ኢትዮጵያ" ኣመጻጽኣን፡ ናይ እምበራጦርያ ምህናጽ ጥሙሕን ኣመዓ ባብላኡን በሪሁ ኣሎ። ሃገራዊ ጉዳይ ኤርትራ፡ ከም ጸረ-መግዛእታዊ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ መሰሉ ንርእሰ-ውሳኔ እንታይ ከምዝኾነ እውን ኣየከራኸርን። ኣብ ኢትዮጵያ ንዝርከባ ብሄራት፡ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ብኸመይ ይትርጎም እቲ መሰል ክሳብ ምንጻል ከምዝኸይድ፡ ዝኾነ ህዝቢ ክንጸል እንተደልዩ፡ ዝኾነ ካልእ ህዝቢ መጺኡ ብሓይሊ ድልየቱ ክዓግት ከምዘይክእል ብመትከል ርዱእ'ዩ። ሓድነት ኣብ ድልየትን ማዕርነትን ዝተነድቀ ንናይ ጭቁናት ብሄራት ናይ ሓባር ረብሓ ዘገልግል ክኸውን'ውን ብመትከል ቅቡል ኢዩ። ኣብዚ፡ ናይ ጨቛኒ ብሄርን ናይተን ጭቁናት ብሄራትን፡ ኣረኣእያ ኮነ ድልየት ናብ ክልተ ጫፋት ዝኸደ ከም ዝኸውን ርዱእ'ዩ። ኣብ መንጎ ኣንጻር ብሄራዊ ዕብለላን ምእንቲ ዲሞክራስን፡ ዝቃለሳ መራሕቲ ውድባት ዝህሉ ኣረኣእያ ናይ ሓባር ባይታ ክህልዎ ግን ናይ ግድን'ዩ። እንተ ዝብል ትሕጃዊ ግምት (Assumption) ወሲድካ፡ እቲ ብሄራዊ ግርጭት እንተተባሊሑ፡ ምንጻል፡ ከምተኽእሎ ከም ዘሎ ምፍላጥ ጽቡቕ ኢዩ። ውሃብ ታሪኽ ናይ "ኢትዮጵያ" ንህሉው፡ ዝምድናታት ዲሞክራሲያዊ ብሄራውን፡ ሕብረ ብሄራውን፡ ውድባት ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ እቲ ግርጭት ናይ ምብላሑ ተኽእሎ ጸቢብ ስለዝኾነ ኣንፈት ናይቲ ጉዕዞ ናብ ሓድነት ከምዘምርሕ ብሩህ ኢዩ። ናብኡ ከምዘምርሕ ምግባር'ውን ከም ቀዳማይ ዕማም ናይቲ ዲሞክራስያዊ ሓይልታት ክኸውን ይግባእ። ትምክሕታውያን ናይ ዕብለላን፡ empire ናይ ምምስራት ሃንቀውታ ዘለወን ውድባት ምህላወን ተረሲዑ ኣይኮነን። እዘን ውድባት እዚኣ ተን ብታሪኽ መወዳእትአን ቅህማ ስለዝኾነ ግን፡ ኣስጋእነተን፡ ምንጻል ንምምራጽ ምኽኑይ ክገብሮ ኣይክእልን።

ናይቲ ዲሞክራሲያዊ ንሓድነት ከም ቀዳማይ ዕማም ዝወስድ ሕቡር ቃልሲ ጥራይ ስለዝቆጻጸረን'ውን ናይ ደሞክራሲያውያን ውድባት፡ ሓድነት ከም ዕላማን ጭርሖን ምውሳድ፡ ቅኑዕ



ኢዩ። ነዚ መሰረታዊ እምነት መበገሲ ብምግባር ከኣ'ዩ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሓድነት ከም ምርጫ ከምዝወሰዶ ዝኣመመ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ደኹን ህ.ግ.ሓ.ኤ. ጠረፍ (party) ስለዘይኮነን፡ መሰል ናይ ርእይቶኡ ተተግባሪ ምግባር ከምዘይብሉን ክፍለጥ ይግባእ። ኣብዚ ሕቶ'ዚ ዝህሉ ፍልልይ ህ.ግ.ን ዝኾነ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ውድብን ድማ፡ ናይ ምይይጥ ጉዳይ እምበር፡ እስትራተጂያዊ ናይ ቃልሲ ሕቶ ክኸውን ኣይክእልን። ቀጺሉ ዝመጽእ ናይ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ውድባት ናይ ልፍንቲ ሕቶ'ዩ። ብዙሓት፡ ብሄራውያንን፡ ሕብረብሄራውያንን፡ ውድባት ከምዘለዋ ፍሉጥ'ዩ። ነናይ ርእሰን ፕሮግራምን ናይ ቃልሲ ኣገባብን'ውን ኣለወን። ናይ ቀረባ ዕላምኣን ከኣ፡ ንስርዓት ደርግ ምውዳቕ'ዩ። ደርግ ምስ ወደቐ'ኸ፡ ከሎ ገና እተን ዲሞክራስያውያን ውድባት ነዚ ሕቶ'ዚ እንተዘይመሊኣንኦ፡ ንሓድሕደን ኣብ ምጽራርን ምውራርን፡ ምውጋእን ክኣትዋ'የን ማለት ኢዩ።

ስለዚ፡ ከሎ ገና ነዚ ሕቶ'ዚ መልስን ዝቆጻጸርን ናይ ሓባር ባይታ ክፈጥራን፡ ሓይለን ክተኣኻኽባን ቃልሰን ከወሃህዳን ምእንቲ ናይ ሓባር ግንባር ክምስርታ የድሊ። እቲ ግንባር ስልታዊ ጥራይ ምስ ዝኸውን፡ ደርግ ክሳብ ምውዳቕ ጥራይ ስለዝኸይድ፡ ውጽኢቱ ኣቐዲሙ ከምዝተጠቕሰ ናብ ረጽምታት ዘምርሕ ኢዩ። ህ.ግ. ነዚ ብምግንዛብ፡ ነቲ ዝዓበየ ተኽእሎን ዕማምን ሓድነት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ውድባት፡ ናይ ሓባር ግንባር መስሪተን፡ ቃልስታተን፡ ንስርዓት ደርግ ኣውዲቑ፡ ሓደ ማእከላይ ምምሕዳር ወይ መንግስቲ ተኺሉ፡ ናይ ነፍሲ ወከፍ ብሄር ርእሰ ምምሕዳር ወይ መንግስቲ ዘቐውም፡ ንኣቀዋውማ ናይቲ ማእከላይ መንግስቲ ብምይይጥን ብድልየትን ኣብ ማዓርነትን ከምዝምርኮስ፡ ነፍሲ ወከፍ ብሄራዊ ምምሕዳር፡ ምሉእ መሰል ናይ ሓደ ብሄር ዝህብ፡ ኣብ መንጎ እቲ ማእከላይ ምምሕዳርን (መንግስትን ብሄራዊ ርእሰ ምምሕዳራትን) መንግስታትን በቲ ሓደ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ብሄራዊ ርእሰ ምምሕዳራት/መንግስታት ንሓድሕዶ በቲ ካልእ ዝህሉ ሕጋዊ ዝምድናታት ዘነጽር ትሕዝቶ ዘለዎ ኸኣ ናይ ሓባር ፕሮግራም እምበር፡ ዘተግብሮ ወይ ዘስገድዶ

ጉዳይ ኣይኮነን።

እቲ ሳልሳይ፡ ኣብ መንጎ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ውድባትን፡ ሃገራዊ ሰውራ ኤርትራን ዝድለ ምሕዝነት ዝምልከት ኢዩ። መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ምውዳቕ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራን ህዝብታት ኢትዮጵያን ምትሕግጋዝ ኮነ፡ ምውህሃድ ናይ ቃልሲ፡ ኣገዳስነት ሓተታ ኣየድልዮን። ንሓዋሩ ምእንቲ ሰላምን ምርግጋእን ራህዋን ግስጋሰን ናይ ክልቲኡ ሃገራት ህዝብታትን እዚ ዞባን፡ ምትሕግጋዝን ብሓባር ምስራሕን'ውን ከምኡ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ'ዩ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምስ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ዲሞክራሲያውያን ውድባት፡ ናይ ምትሕግጋዝን ምውህሃድን ምሕዝነታዊ ግንባር ክምስረት ዝኣመመን ክሰርሕን ወይ ዝምድናታት ክምስርትን ዝጸንሐ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ. ክጽዕረሉ ዝጸንሐ ዕላማ፡ እዚ ኮይኑ፡ እቲ ዝድለ ውጽኢት ከምዘይሃበ ብሩህ ኢዩ። ኣረኣእያ ህዝባዊ ግንባር ይኹን ግብራዊ እማመታቱ ቅኑዓት ከምዝነበሩ ኣየጠራጥርን። እቲ ቃልሲ ዓቕልን፡ ግዜን፡ ዝሓትት ስለዝኾነ ግን፡ እቲ ክሳብ ሕጂ ዝተኻየደ ጻዕርታት፡ ዓበይቲ ዓወታት ብዘይምምዝጋቡ ኣየተሓሳስበን። መጽናዕትን ቅኑዕ ኣተኣላልያን ይሓትት።

ብዞባናን ብዓለምን ደረጃ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ዓሰርተ ዓመታት ዝተራእዩ ምዕባለታት ቅድሚ ምሓዝ እምበኣር፡ ናይ ቀረባ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ህዝብታት ኩነታት ክንርኢ ኢና።

ናይ ሱዳን ህዝባውን ጅኦግራፊያውን ምስሖ ኸኣ፡ ናይ ሱዳን ስርዓታት፡ እስትራተጂያዊ ኣገዳስነትን ጽልዋኡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ብሩህ ኢዩ። ስርዓት ኑሜሪ፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ዓ ለማውን ዞባውን ብፍላይ ከኣ ምስ ስርዓት ደርግ ዝምድናታቱ፡ ኣብ ሱዳን ስልጣኑ ንምርግጋእ ይኽተሎም ዝነበረ ፖሊሲታት (inconsistent) ተገላበጥትን ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ ዝኸዱ ምንባሮምን ውድቀቱ ከምዘኸተሉ ፍሉጥ ኢዩ። ብቐጻሊ ዝብድህዎ ዝነበሩ መሰረታውያን ሕቶታትን ከኣ፡ ጉዳይ ደቡብን፡ ቁጠባዊ ቅልውላውን፡ ፍትሕን ዲሞክራስን ኢዮም። ንጉዳይ ደቡብ፡ ብውዕል ኣዲስ ኣበባ ክህድኦ ክኢሉ፡ ስልጣኑ ንምድልዳል'ውን



ሓጊዝዎ እኳ እንተኾነ፡ ኑቲ ስምምዕን ኣተሓሕዛን ናይቲ ጉዳይ እናዘረገ፡ ዳግማይ ከምዝትኮስ ገይሩዎ'ዩ። ሃብቲ ሱዳን ቀስ ብቐስ፡ ናብ ኢድ ውሑዳትን ናብ ኢድ ናይ ወጻኢ ረብሓታትን እናኣተወ፡ ናብ ዘይመዓላኡ እናወዓለን ብልሽውና (corruption) እናተባብዐን ከኣ፡ ንሱዳን ሰፍ ዘይብል ስዕረታት ኣሰኪሙ ብቐሊል ዘይፍታሕ ቁጠባዊ ቅልውላው ፈጢሩ። ዲሞክራሲያዊ መሰል ህዝቢ ሱዳን እናቖርመመ ዲክታተርያዊ ስልጣን እናደልደለ ንሓድነትን ዲሞክራስን ህዝቢ ዝሃሲ ሕግታት ብዊንታ እናተኣታተወ ህዝባዊ ምልዕዓላት ከምዝትኮሱ ጌሩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ተኸንቢሉ።

ድሕሪ ስምምዕ ኣዲስ ኣበባ፡ ንሃይለስላሴ ካሕሳኡ ንምኽፋል ኣብ ልዕሊ ሰወራ ኤርትራ ጸቕጥታት ብምኽያድ ዕንቅፋታት ይፈጥር ኔሩ። ስርዓት ሃይለስላሴ ድሕሪ ምውዳቑ፡ ሶብየት ንኣመሪካ ምስ ተክኣት፡ እውጅ ደገፋት ክህብ ጀሚሩ። ደርግ እውን ኣብ ወተሃደራዊ ሓይሉ ምትእምማን ስለዝነበሮ ንሱዳን ኣብ ምጭፍላቕ ሰውራ ኤርትራ ክጥቀመላ ኣብ ፈለማ ግዲ ኣይገበረን፡ ሰውራ ኤርትራ ብናይ ደገ ሓይሊ ከምዝዝወር ንምርኣይ'ውን ኣንጻር ስርዓት ኑሜሪ ርሱን ዘመተታት ኣብ ምኽያድ ኣትዩ። ድሕሪ እስትራተጂያዊ ምዝላቕን ምፍሻልን ወራራትን፡ ደርግ ንስርዓት ኑሜሪ ምእንቲ ክጥቀመሉ፡ ሓሳብ ስለዝቐየረ ሓድሽ ናይ ምቅርራብ ዝምድና ማዕቢሉ፡ ሰውራ ኤርትራ፡ ኣውራ ኸኣ ህ.ግ. ንምድኻም ቀጻሊ ጸቕጥታት ተኻይዱ፡ ክሳብ ኣብ እዋን 6ይ ወራር፡ መሬት ሱዳን ህ.ግ. ንምጥቃዕ ዝተጠቕመሉ ደረጃ በጺሑ። ምስ ፍሽለት ሻድሻይ ወራር፡ ውሽጣዊ ቅልውላው ሱዳን፡ ብፍላይ ከኣ ናይ ደቡብ፡ እናጎሃረ ስለዝመጸ፡ ደርግ ድማ ንስርዓት ኑሜሪ ብዝሓየለ ንምጉጣይ ንናይ ደቡብ ሱዳን ተቓውሞ ምድጋፍ ከም ኣማራጺ ወሲዱ ኢዱ ከእቱ ምስ ጀመረ፡ ናይ ኑሜሪ ጸቕጢ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ፈኲሱ። እቲ ምፍኳስ ግን፡ ህ.ግ. ምስቲ ዝነበረ ናይ ስዑድያ ምትእትታውን ጽልዋን፡ ኣዳኺምካ ካልኦት ጉጅለታት ምሕያል ስለዝነበረ፡ ሃሳይነቱ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ላዕሊ ኢዩ ኔሩ። ምስ ከምዚ ዝኣመሰለ፡ ስልጣን ንምዕቃብ፡ ስርዓት ኑሜሪ ዝኽተሎ ዝነበረ

ተገላባጢ ፖሊሱ፡ ንሰላም ዝነበሮ ጸዕርታት ሓንሳእ፡ ምሉእ ደጋፊ ንፍትሓዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ክድይብ ሓንሳእ ከኣ፡ ተጻይ ወይ ሰውራ ኤርትራ ናብ ምውጋይ (compromise) ክወርድ ናይ ምጽቃጥ ባህርይ ኢዩ ነይሩዎ።

ስርዓት ኑሜሪ ብዲሞክራሲያዊ ናዕቢ ህዝቢ ሱዳን ወዲቑ ግዝያዊ መንግስቲ ምስ ቆመን፡ ኣብ ሱዳን ነንበይነን ሰልፍታት ነንበይኑ ኣረኣእያ ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ኤርትራ'ኳ እንተነበረ፡ እቲ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተሸጒሩ ዝነበረ ማዕጾ ናይ ናጻ ምንቅስቓስን ርክብን ምስ ህዝቢ ሱዳን ኰነ ናይ ፖለቲካ ሓይልታቱ ተኸፊቱ። መብዛሕትአን ሰልፍታት ኣብ ልዕሊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበረን ኣረኣእያ ተደናጋጺ ስለዝነበረ ከኣ፡ ምስቲ ሓፈሻዊ ዲሞክራሲያዊ ሃዋሁው፡ ንንጡፍ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ኣተባቢዑ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኩነታት ሰውራ ኤርትራን ኣረኣእያኡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ንምብራህ መደብ ኣውጺኡ ሰፊሕ ርክባትን ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን ኣካይዱ ዝምስጉን ውጽኢት ኣርእዩ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ኣብ ዝተራእየ ምዕባለ ብካ ዴሳዊ ሰልፊ ሱዳን፡ ንሱ'ውን ንፍሉጥ ምኽንያታት፡ ኣንጻር ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ደው ዝበለ ሓይሊ ኣይነበረን።

ምርጫታት ተኻይዱ መንግስቲ ድሕሪ ምቛሙ፡ እቲ ስርዓት ኣብ መንጎ ጉዳይ ደቡብ ሱዳንን ፍትሓዊ ጉዳይ ኤርትራን ዘሎ ፍልልይ ኣነጺሩ፡ ንናይዚ ዘባ ሰላምን ምርግጋእን ክሰርሕ ምኳኑ፡ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላማዊ መንገዲ ንክፍታሕ ምእማን ጥራይ ዘይኮነ ተበግሶታት እውን ምውሳዱ፡ ኣወንታዊ ምዕባለ'ዩ። ናይ ደርግ ቀጻሊ ኣብ ሱዳን ንዘይምርግጋእ ኢድ ምትእትታው፡ ናይ (SPLA) ቀጻሊ ጸቕጥታት፡ ጉዳይ ደቡብ ሱዳን ገና ዘይምፍትሑ፡ ቁጠባዊ ሽግራት ምህላዎም፡ ናይ ስልጣን ምርግጋእ ሕቶ ገና ስለ ዝ ኾነ፡ ናይ ወጻኢ ምትእትታውን ጸቕጥን ምህላዉ፡ ነቲ ዘሎ መንግስቲ፡ ካብ ውሽጣዊ ሽግራት ወጻኢ፡ ኣብዚ ከባብን ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራን፡ ኣድህቦ ክገብርን፡ ስጉምትታት ክወስድን ደሪቶሞ ከምዘለዉ ይፍለጥ።



ኣብዚ ናይ ህዝቢ ሱዳን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብስለትን፡ ልግስን ጽኑዕ ደገፍ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራን፡ እቲ ብዝያዳ ክነኣድ ዝግበኦ ኢዩ። ቅድሚ 1961 ህዝቢ ሱዳን ንኤርትራውያን ሓርበኛታት ኣዕቍቡ ኣብ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ሓጊዙን። ኣብዘን ህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ናይ መግዛእታዊ ግፍዕታት ባህርያዊ ጉድኣትን ዝኾነለን ዝሓለፋ 25 ዓመታት ድማ፡ ህዝቢ ሱዳን ነቲ ሓው ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ዑቕባን ረድኤትን ወፍዩ። ሽሕ'ኳ ናይ ስርዓታት ለውጥታት፡ ብፍላይ ድማ እቲ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ዝተራእየ ተገራጫዊ ሜላታት ስርዓት ኑሜሪን ቀጻሊ ጸምጢታቱን እንተነበረ፡ ሰውራ ኤርትራ ሳላ'ቲ ዘይተፈልየ ምሕዝነት ህዝቢ ሱዳን፡ ኣብታ ሃገር ንጡፍ ኮይኑ ጸኒሑ። እቲ ሕጂ ኣብዚ ህሉው ዲሞክራሲያዊ ሃዋህው ብግሁድ ዝረአ ዘሎ ደገፍን ምድንጋጽን ድማ፡ መቐጸልታን መረጋገጽን ናይቲ ንነዊሕ ዝጸንሐ መርገጺ ህዝቢ ሱዳን ኢዩ።

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሓደ ካብቲ ክሳብ ሕጂ ዘይደቀሰ ሕቶ፡ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ረፑብሊክ ሶማልን ዘሎ ናይ ዶብ ጉዳይ ኢዩ። እቲ ቀንዲ ሽግር ግን፡ ናይቲ ኣብ ኦጋዴን ዝርከብ ህዝቢ ሶማል ጉዳይ ኢዩ። ኣብ ናይ ኣፍሪቃ ኣብ ግዜ ምብትታን መግዛእቲ (decolonazation) ሶማላዊ ብሄራዊነት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ኣብ ዝነበረሉ፡ ኣብ ክልቲኣተን ናይ ብሪጣንያን ኢጣልያን ሶማልያታት ዝነበሩን፡ ኣብ ጅቡቲ፡ ኦጋዴን፡ ወረዳ ሰሜናዊ ዶብ፡ (ኬንያ) ዝነበሩ ሶማልን ሓንቲ ሶማል ናይ ምምስራት ስምዒትን ምንቅስቓስን ከም ዝነበረ ዝዝከር ኢዩ። ኣብ ሰሜናዊ ዶብ ኬንያ እቲ ምንቅስቓስ ዓርጋ ደው ድሕሪ ምባሉን፡ ጅቡቲ ብ77 ናጻ ሃገር ምስ ኮነትን፡ ናይ ሶማል ብሄራዊ ቃልሲ ኣብ ኦጋዴን ቀጺሉ። ኣብ ግዜ ሃይለስላሴ ሕቶ ናይ ህዝቢ ሶማል ኣብ ኦጋዴን ብሰላማዊ መንገዲ ፍታሕ ክረክብ ዝኽእል ስለዘይነበረን፡ ቀጻሊ ኩናት ይካየደሉን፡ ኣብ መንጎ ረፑብሊክ ሶማልን ኢትዮጵያን ናይ ረጽሚ ጠንቂ ኮይኑን ድሕሪ ምቕጻሉ፡ ደርግ ናብ ስልጣን ኣብ ዝሓኾረሉ፡ እቲ ረጽሚ ናብ ዝለዓለ ደረጅኡ በጺሑ። ብምትእትታው ናይ ኩባ ሰራዊት ከኣ፡ ናይ ሶማል ምድፋእ ተዓጊቱ ንድሕሪት ከምዝምለስ ኮይኑ።

እዚ ኣሉታዊ ጽልዋታት ኣብ ርእሲ ምትራፉ፡ ዝሰዓበ ቁጠባዊ ምድኻማት፡ ምስቲ ሰውራ ሶማል ከሓጽቦ ዝተላዕለሉ ቀቢላውን ኢትኒካውን ምግምማዓት ተደማሚሩ ውሽጣዊ ምድኻማት ኣኸቲሉ። ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ተቓውሞን ክብ እናበለ ከይዱ። እዚ ንደርግ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ስለዝኾነ ከኣ ነቲ ዝነበረ ናይ ተቓውሞን ቀቢላዊ ምክፍፋላትን ኩነታት መዝሚዙ፡ ንገለ ብምኽሳብ ኣብ ትሕቲ ጉልባብ ተቓወምቲ መሬት ሶማል ወሪሩ፡ ኣብ ቀጻሊ መጥቃዕቲ ይርከብ። ድሕሪ 78 ናይ ሶቭየት ወተሃደራዊ ሓገዝ ምቁራጽን ዝምድና ምብልሻውን፡ መንግስቲ ሶማል ካብ ምዕራብን-ብቐንዱ ካብ ኣሜሪካ- ዓረብን ዝተጸበዮ ወተሃደራዊ ይኹን ቁጠባዊ ሓገዝ ስለዘይረኸበ ከኣ፡ ናይ ምክልኻል ዓቕሙ፡ ተደሪቱ፡ ቁጠባዊ ሽግራቱ'ውን ከይተመሓየሸ ጸኒሑ ኣሎ። ደርግ ነዚ'ውን ክምዝምዞ ኣየናሕሰየን። በቲ ሓደ ኢድ ወተሃደራዊ ጸቕጥታት እናገበረ፡ በቲ ካልእ ነቲ ረጽሚ ብልዝብ ንምፍታሕ ኣብ ዝብል ምስምስ ተበግሶ ወሲዱ፡ ክሳብ ናይ ጅቡቲ ርክባት በጺሑ ነይሩ። ዕላማ ደርግ ሶማል ኣብ ድኹም ቦታ ስለ ዘሎ፡ ኣብቲ ዘይዓረፈ ናይ ዶብ ምስሕሓብ፡ ኻኺምብርኽኽን፡ ንናይ ኦጋዴን ሶማል መስል ርእሰ ውሳኔ ዘለዎ ደገፍ፡ ኻኽቋርጽ፡ ኣብ ውዕል ከምዝኣቱ ንምግባርን፡ ኣብ ዶብ ሶማል ኦዐስኪሩዎ ዘሎ ሰራዊት፡ ናብ ኤርትራን ንናይ ውሽጢ ተቓውሞን መጨፍለቒ ክጥቀመሉ ስለዝኀርሐ ኢዩ። ኣብ ናይ ብሓቂ ድልየት ዝተመርኮሰ ተበግሶ ስለዘይኮነ ከኣ፡ ናይ ምፍሻሉ ኣንፈታት ድሮ ርኡይ ኮይኑ ኣሎ።

ህዝብን መንግስትን ሶማል፡ ምስ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ምሕዝነት፡ ቅድሚ ዓሰርተታት ዓመታት ዝጀመረ'ዩ። ንህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን ዝገበሮ ሓገዝ'ውን ምስ ናይ ድሩት ዓቕሙ ዓቢ'ዩ። ምስ ህ.ግ. ዘለዎ ጽቡቕ ዝምድናን፡ ኣብ ኩሉ ሜዳታት ዝገበሮ ምትሕግጋዝን'ውን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ህዝብን መንግስትን ሶማል ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ሶማል ኣብ ኦጋዴን ስለዝድግፍን፡ ምስ ህዝብን መንግስትን ሶማል፡ ንናይ ደርግ ወራራት ስለዝኹንን፡ ሶማል ንናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓርነትን ምርግጋእን ኣብ እትገብሮ ጻዕሪ ተሓባባራይ ስለዝኾነን ከኣ፡ ነቲ ዝምድና ንምሕያልን



ንምምዕባልን ኪደፍኣሉ ጸኒሑ።

ናይ ኤርትራ ጅኦግራፊያውን ታሪኻውን ቦታ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብናይቲ ዞባ ምዕባሌታት፡ ብቐረባ ዝጽሎ ይገብሮ ጥራይ ዘይኮነ ዘይፍለ እስትራተጅያዊ ኣካሉ ምኻኑ እውን ብሩህ'ዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ብዙሓት ሃገራት ዓረብ፡ ምድንጋጽን ደገፍን ይረክብ ከምዝነበረን ብኣንጻሩ፡ ሰውራ ኤርትራ ኣጸቢቑ ዝነጥፈሉ ከባቢ ምኻኑን ርዱእ'ዩ። ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ግን፡ ብኣጠቓላሊ ኪርአ እንከሎ፡ ንሰውራ ኤርትራ ዝሃቦ ደገፍ፡ ለጠቕ ከም ዝበለ'ዩ ዝግምገም። ንቡዙሕ ምኽንያታት።

ብመጀመርያ እቲ ዞባ ኣዝዩ ዝተመቓቐለን፡ ብዝተፈላለዩ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝጽሎን፡ ኣብ ናይ ሓድሕድ ቀጻሊ ቅልውላው ስለዝነብርን። እዚ ምምቕቓል'ዚ፡ ግብጺ ምስ እስራኤል፡ ናይ ካምፕደቪድ ውዕል ኣብ ዝፈረመትሉ ከምዝብእስ ኮይኑ ምኽንያቱ ግብጺ ከም ውሳኔ ሓይሊ ኣብዚ ዞባ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ቃልሲ ህዝቢ ፍልስጤም፡ ንርእሰ ውሳኔን፡ ስሙር ቃልሲ ህዝቢታት ዓረብ ኣንጻር እስራኤልን ዓቢ ቦታ ሒዙ ምጽንሑ፡ ምውጻእ ግብጺ ካብዚ ልፍንቲ'ዚ፡ ዓቢ ጓንጓ ክፈጥር ክኢሉ። ድሕሪኡ ነቲ ምምቕቓላት ንምፍዋስ ዝተገብረ ፈተነታት ክዕወት ኣይከኣለን። ምኽንያቱ፡ ብዙሓት ናይ ግዳም ሓይልታት፡ ኣብ ዘይምርግጋእ ናይቲ ዞባ ረብሓ ስለዘለዎምን፡ እቲ ስርዓታት እውን ናይ ገዛእ ርእሱ ሓድሕዳዊ መምስ ረብሓታቱ ዝተኣሳሰረ ግርጭታት ስለዘለዎን። ኣብ ጉዳይ ፍልስጤም፡ ኣብ ሊባኖስ፡ ኲናት ዒራቕ-ኢራን፡ ዘሎ ዝተፈላለየ መርገጺታት መርኣያኡ'ዩ። ሓደ ካልእ ረቛሒ ኸኣ፡ እቲ ኣብ ስሳታት ዝነበረ ርሱን ዓረባዊ ብሄራዊ ምንቅስቓስን ስምዒትን እናተመቓቐለን እናተዳኸመን ምኻዱ'ዩ። እዚ ምዕ ባለታት'ዚ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብኣሉታ ከምዝጸልዎ ኮይኑ።

ኣብ መንጎ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን፡ ቃልሲ ህዝቢ ፍልስጤምን ዘሎ ምሕዝነት፡ ብገጽ ናይተን ውድባቱ ክርአ እንከሎ ናብ ሕማቕ ገጹ'ዩ ከይዱ። ብዙሓት ካብተን ንቃልሲ ህዝቢ

ኤርትራ ዝድግፋ ዝነበራ ውድባት፡ ደርግ ምስ ሕብረት ሶቭየት ምስ ዓረኹ፡ ንሰውራ ኤርትራ ከም "መሳርሒ ሃጸይነት" ክቕልምኦ ስለዝጀመራ ዝምድና ተበቲኹ፡ ደርግ ንውድብ ሓርነት ፍልስጤም (PLO) ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ቤት ጽሕፈት ምስ ከፈተሉ ምስ ሰውራ ኤርትራ ዝነበረ፡ ምሕዝነት ው.ሓ.ፍ. ዝሒሉ። ህ.ግ. ብኣጠቓላሊ ምስ ው.ሓ.ፍ.ን ምስ ኩለን ፍልስጤማውያን ሓይልታትን ጽቡቕ ዝምድና ንምዕቃብ ጻዕርታት ካብ ምክያድ'ኳ እንተዘየቋረጸ፡ ክሳብ ሕጂ ኣወንታዊ ኣቓልቦ ይኹን ደገፍ ከይረኸበ ጸኒሑ'ሎ።

ደቡብ የመንን ሊብያን፡ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ከምዘሎ፡ ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ መርገጺ ምውሳድ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምጭፍላቕ ሰራዊተንን ኣጽዋረንን ኣብ ዓውደ ውግእ ብምውራድ፡ ዕንወትን ምድማይን ኣስዒበን ኣብ ጎኒ መግዛእታዊ ደርግ ደው ኢለን ናይ ጽልኢ መርገጺ ኣዊ-ን'የን። ደቡብ የመን ሰራዊታ ትስሕብ እምበር ክሳብ'ዚ ኣብዚ ቀረባ፡ ዝተራእየ ውሽጣዊ ቅልውላው፡ ናይ ባሕርን ኣየርን ሎስቲክ ቀንዲ ተሓባባሪት ደርግ ኮይና ጸኒሓ'ያ። ሊብያ'ውን፡ ምስ ደርግ ዘለዋ ምውቕ ዝምድና ብዓቕን ይዝሓል'ምበር፡ ደገፋ ኣየቋረጸትን።

ግብጺ ኣብዚ ዞባ'ዚ ዘለዋ ኣረኣእያ፡ ብተራኣን ጽልዋኣን ምብራቕ ብሓፈሻ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ናይ ኒል ሃገራትን ክኣ ብፍላይ ስለትርእዮ፡ በዚ መሰረት ድማ፡ ምስ ኢትዮጵያ ዘለዋ ዝምድና ከተማዕብል ስለትሓስብ፡ ኣብ ልዕሊ ሰውራ ኤርትራ ዘለዋ መርገጺ ቁጡብ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኣብዚ መወዳእታ እዋን ስርዓት ሙባረክ፡ ኣንጻር ሰውራ ኤርትራን ንረብሓ ደርግ ሎቢ (lobby) ናይ ምግባር ተበግስኡን ከኣ፡ ሓድሽ ተርእዮ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ኣብ ሱዳን ዝነበሮ ጽልዋ ስለዝሃሰሰ ክኸውን ከም ዝኽእል ይግመት። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምስ ግብጺ፡ ከም ምስ ኩለን ሃገራት ዓረብ፡ ጽቡቕ ዝምድናታት ንምምስራት፡ ናይ ወትሩ ጻዕሩ ኮይኑ'ኳ ተጸንሐ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ናይ መወዳእታ መርገጺ ከም ዝቃወም ኣብሪሁ ኢዩ። ስዑድያ ሓንቲ ካብተን ኣብዚ ዞባ'ዚ ሓያል ጽልዋ



ዘለዋ ሃብታም ሃገር ምዃና ፍሉጥ'ዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ድሕሪ ቀዳማይ ጉባኤ ምስ ስዑድያ ጽቡቕ ዝምድና ንምምስራት ብተገዳስነት ከም ዝተንቀሳቐሰት ዝዝከር'ዩ። ስዑድያ ግን፡ ካብ ፈለማ ናጻ መስመር ህ.ግሓ.ኤ. ስለዘይተቐበለቶ ኣብዚ ዞባ ንዘለዋ ናይ ዕብለላን ዘይምርግጋእን እስትራተጂ ዘገልግል ሓይሊ ስለዘድልያ፡ ኣንጻር ህ.ግ. ካልኦት ዕሱባት ጉጅለታት ንምፍጣርን ንምሕያልን፡ እትገብሮ ኢድ ምእታው ኣይዓረፈን። ኣብዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ ዓመታት ብሕልፊ፡ ንህ.ግ. ንምድኻም እተካይዶ ፈተነታት ክብ ብምባል፡ ኑቲ ዝተፈርከሸ "ስምምዕ ጅዳ" ኣብ ምቛም ሽርሓዊ ተራ ተጻዊታ ኢያ። እዚ ይኹን እምበር፡ ህ.ግ. ኑቲ ምትእትታው ብምቅዋም ጥራይ ከይተደረተ፡ ስዑድያ ኣብ ሓድነት ውድባት፡ ቅኑዕን ሃናጽን ተራ ክትጻወት ካብ ምጽዋዕ ኣይዓረፈን። ንጥሉል ንምጥልቃይ ስዑድያ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ. ዓጽያ ኣጽዋር ህ.ግ. ከቲራ። ናይ ጅዳ ስምምዕ ይፈርከሽ'ምበር፡ ሕጂ'ውን፡ ካልእ ሽርሓዊ ምትእኽኻብ ንምፍጣር'ሲ ኢዳ ኣይኣከበትን።

ኩዌት፡ ካብተን ንፍትሓዊ ጉዳይ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ደው ዝበለት ሃገር'ያ። ንጉዳይ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት-ሃገራትን ካልኦት መጋባእያታትን ብቐጻሊ ምልዓላ'ውን ዝዝከር'ዩ። ሰላማዊ ፍታሕ'ን ምርካብ ሰበ-ስልጣን ኩውየት ቀጻሊ ጻዕርታት ከካይዱ ጸኒሖምን፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሰብኣዊ ረድኤት ለጊሶምን ኢዮም። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንተራን መርገጽን ኩውየት ብዕቱብ ክርእዮን ንተበግሶ ሰላማዊ ፍታሕ ደገፉ ኣረጋጊጹ፡ ተራን ደገፍን ኩውየት ከም ዝዓቢ ንምግባር ክንቀሳቐስ ከም ዝጸንሐ ከኣ ይፍለጥ።

ሃገራት ኢማራት ዓረብ፡ ንፍትሓዊ ጉዳይ ኤርትራ ምድጋፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሰውራ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ፊናንስያዊ ሓገዝ ብምሃብ ዓቢ ተራ ክትጻወት ጸኒሓ'ያ። ሓድነት ውድባት ኤርትራ ንምምጻእ ብተገዳስነትን ጽቡቕ ድልየትን፡ ከተካይዶ ዝጸንሐት ጻዕሪ'ውን ብኣወንታ ዝዝከር'ዩ።

ሶርያ ካብ ነዊሕ እዋን ኣብ ጎኒ ሰውራ ኤርትራ ደው ኢላ ዝጸንሐት ሃገር'ያ። ድሕሪ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ፡

ኣብ ልዕሊ ህ.ግ. ዝነበራ ኣረኣእያ፡ እናማዕበለ ከይዱ፡ ኣብ ደማስቆ ቤት ጽሕፈት ምፍቃዳን፡ ውድብና፡ ምስ ዝተፈላለየ ምንቅስቓሳት ዓረብ፡ ንክራኸብን ክነጥፍን ዕድል ምሃብ፡ ድማ ብኣወንታ ዝግለጽ'ዩ።

ኣብ ዒራቕ፡ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ. ካብ ዝህሉን ዝነጥፍን ነዊሕ ገይሩ'ኳ እንተኾነ፡ ናይ ዒራቕ ምሉእ ደገፍን ምድንጋጽን፡ ምስቲ ባዓሳዊ'የ ዝብል ደቂቕ ስለዝኾነ፡ ክሳብ ሕጂ ምስ ውድብና ዘለዎ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ብዙሕ ለውጢ ከየርኣየ ጸኒሑ'ሎ። ልዕሊ ኩሉ ዒራቕ ንፍትሓዊ መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ቀዋሚ ደገፍ ግን ብኣወንታ ዝውሰድ'ዩ።

ኣብ ኣልርያ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ. ምህላውን ምንቅስቓሱን ዝፍለጥ'ኳ እንተኾነ፡ ክሳብ ሕጂ ኣልርያ ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ ዝወሰደቶ ንጡፍ ተራ ደኹን ዝሃበቶ ሓገዝ የለን።

ናይ ማእከላይ ምብራቕ ሃገራት ኩነታትን መርገጽን እዚ ኮይኑ፡ ብእኩብ ብመገዲ ውድብ ሃገራት ዓረብ (Arab League) ፍናናውን ፖለቲካውን ደገፍ ምርካብ'ውን ብተገዳስነት ክርአ ዝጸንሐ'ዩ። እዚ ውድብ'ዚ፡ ኣብ 81 ንጡፍ ተበግሶ ወሲዱ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ብምድጋፍ፡ ውድባቱ ንምስማር'ውን ጻዕርታት ኣካይዱ ከም ዝነበረ ተጠቒሱ'ሎ። ምፍሻል ናይቲ ተበግሶ ብሰንኪ ሰውራ ኤርትራን፡ እቲ ውድብ'ውን ኣብ ሃገራት ዓረብ፡ ዘለዎ ጽልዋ ድሩት ስለዝኾነን፡ ክሳብ ሕጂ ንጉዳይ ኤርትራ ብዙሕ ክድፍኣሉ ኣይከኣለን።

ስዒቡ ብኣገዳስነት ዝስራዕ፡ ኣፍሪቃ'ዩ። ብውዲታት ሃይለስላሴ ጉዳይ ኤርትራ ብዓረብ ዝተደፍአ ምኺኑ-ንምምሳልን፡ ንኤርትራ ከም ኣካል ኢትዮጵያ ከም ትውሰድን ዝተኻየደ ጻዕሪ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣሉታዊ ስምብራት ገዲፉ ከምዝነበረ ዝርሳዕ ኣይኮነን። ጉዳይ ኤርትራ ናብ ኣንዳ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ንምእታው'ውን ቀጻሊ ጻዕርታት ክካየድ ጸኒሑ'ዩ። ነዚ ንምትዕንቓፍ፡ ደርግ ኩሉ ካብ ሃይለስላሴ ዝወረሶ ሽጣራታት ምድንጋር ክጥቀመሉ ኣብ ርእሲ ምጽናሕ ናይ ው.ሓ.ኣ. ድኻምን ስግኣቱ ካብ ምልዓል ጉዳይ ኤርትራን ክሳብ ሕጂ



ነቲ ዝተኻየደ ጻዕርታት ዕውት ኣይገበሮን። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ጉዳይ ኤርትራ ንምግላጽን ደገፍ ንምርካብን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ልኡኻት ኣንቀሳቒሱ ደገፍ ናይ ብዙሓት ሃገራት ረኺቡ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ምንቅስቓስ ስለ ዘይሰፍሐን ቀጻልነት ስለዘይነበሮን፡ ኣብ ኣፍሪቃ ኣድማዒ ስራሕ ተኻይዱ ክበሃል ኣይከኣልን። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ግን ፍልጠትን ተገዳስነትን ኣፍሪቃ ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ ዝሑል ደኹን'ምበር እናዓበየ ይመጽእ ምህላዉ ዘይከሓድ'ዩ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ናይ ደርቂ ዓመታት ኣውራ፡ ዝጥመት ምዕባሌታት ዘምጽአ ኣብ ኤውሮጳን፡ ሰሜን ኣሜሪካን (ካናዳ ብሕልፊ) ኣውስትራልያን ዘሎ ደገፍ'ዩ። እቲ ወፈያ ናይተን ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝርከባ ናይ ሃገራት ናይ ደገፍ ሽማግለታት፡ እቲ ናይ ኤውሮጳዊ ፓርላማ ናይ ደገፍ መርገጺ፡ ደገፍ ናይ ማሕበርነታዊ ኣህጉራዊ፡ ኣብ እስካንዲናቭያውያን ሃገራት፡ ብፍላይ ኖርወይ ዝርአ ምድንጋጽ ደገፍ ናይ ሰልፊ ዕዮ ብሪጣንያን ማሕበርነታዊ ሰልፊ ፈረንሳን ብዙሓት ማሕበራት ሰራሕተኛታትን፡ እቲ ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ ኣብ ናይ ጀርመን፡ ደንማርክ፡ ሆላንድ፡ ኢጣልያ ፓርላማታት ዝካየድ ተደጋጋሚ ክትዕን፡ ከም ኣብነታት ክጥቀስ ይከኣል። እዚ ከባቢታት'ዚ፡ ብመገዲ ጋዜጠኛታት፡ ዘይመንግስታውያን ውድባት፡ ናይ ረድኤት ማሕበራት፡ ናይ ደገፍ ሽማግለታትን፡ ወከልቲ ሰልፍታትን መንግስታትን፡ ተደናገጽቲ ውልቀሰባትን፡ (ብኣጋጣሚ ደርቂ ብዝያዳ) ምስ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን ዝእለ፡ ሰፊሕ ዕድል ስለዝረኸበን፡ ተገዳስነቱ ክብ እናበለ ኸይዱ ካብ ግዝያዊ ረድኤት ሓሊፉ፡ ነባሪ ፍታሕ ንምምጻእ ክጽዕርን ክሰርሕን፡ ሰላማዊ ፍታሕ ንምርካብ፡ ዕቱብ ተበግሶታት ክወስድን ምጅማሩ፡ ኣቓልቦ ዝወሃቦ'ዩ። ህ.ግ. ነቲ ኣወንታዊ ምዕባለን ተበግሶን፡ ፍረ ከም ዝህብ ንምግባር ድማ፡ ብተገዳስነት ክንቀሳቐሰሉ ጺኒሑ'ዩ።

ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዝካየድ ቀጻሊ ናይ መዘክራትን ጥርዓናትን ጻውዒት'ውን ኣየቋረጸን። ኣብ ሻራ ናይ ዘይብለን ምንቅስቓስን፡ ውድብ እስላማዊ ዋዕላን፡ ካልእ ኣጋጣሚታትን'ውን ብተመሳሳ

ሊ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰላ መጋባእያታት፡ ብላዕሊ ሚርካ ብቐሊል ዝሳለጥ ጉዳይ ከምዘየለ ፍሉጥ'ዩ። ናይ ጽልኢ መርገጺን ዘለዎን ኣሜሪካን ሶቭየትን ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ጉዳይ ኤርትራ ክሳብ ዘይተቐየረን፡ ብታሕቲ ክካየድ ዝግብኦ ስራሕ'ውን ክሳብ ዘይተማልአን እቲ ቃልሲ ግዜ ዝወስድ'ዩ። እቲ ሓቂ እዚ ይኹን'ምበር፡ ህ.ግ. ቀጻሊ ኣቤቱታኡ ግቡእ ስለዝኾነ ከይሰልከየ ክሰርሓሉ ጸኒሑ'ሎ።

ብኣጠቓላሊ ክርአ እንከሎ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ቅድሚ ገዚፍ ምትእትታው ሕብረት ሶቭየትን፡ ቀጸልቲ መጠነ-ሰፊሕ ወራራት ኣትኪሉ ብጽንዓት ክቃለስን፡ ውጥናት መግዛእታዊ ደርግ ከፍሽልን ምኽኣሉን ኣብ ዝተፈላለዩ ሜዳታት፡ ተጨባጢ ምዕባለ ብምርኣዩን፡ ወተሃደራዊ ፍታሕ ከምዘይከኣል ስለዘረጋገጸ፡ ብዓለምን ብዞባን ደረጃ፡ ኣድናቖትን ምድንጋጽን ተገዳስነትን ኣፍርዩ፡ ሎሚ ቦታ ሰውራ ኤርትራ ክብ ኢሉ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ከምዝርከብ ብሩህ'ዩ። ናይ ወጻኢ ንጥፈታቱ ብድሩት ዓቕሚ ምቕያዱ ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ፡ ብዙሕ ድኽመታት ከምዝነበሮስ ዘይከሓድ'ዩ።



# ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ፕሮግራም ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ

## ዕላማታት፡-

### 1. ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ምትካል

ሀ) ናይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናይ ምምሕዳር ኣካላትን ኹሉ ጸረ-ሃገራውን ዘይደሞክራስያውን ሕግታትን ደምሲስካ፡ ንኤርትራ ዝትንከፍ ኣብ መንጎ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ካልኦት መንግስታትን ዝተኸተመ ናይ ወተሃደርን ቁጠባን ፖለቲካን ባህልን ውዕላት ምስራዝ።

ለ) ንናይ ወጻኢ ሓይልታት ረብሓ ዘየገልግል ንጥቕሚ ሓፋሽ ህዝቢ ዝሕሉ መንግስቲ ምትካል።

ሐ) ብደሞክራስያዊ መንገዲ ካብ ዝተመርሐ ናጻ ናይ ህዝቢ ወኪላት ምርጫ ህዝባዊ ባይቶ ምቛም፡ እዚ ህዝባዊ ባይቶ'ዚ ቅዋም ይሕንጽጽ፡ ሕግታት ይሕግግ፡ ኣብ እተፈላለየ ሜዳታት ሜላታት ይሕንጽጽ፡ ሓድሽ ውዕላት የጽድቕ፡ ህዝባዊ ፈጻምን ፍርዳውን ኣካላት ይመርጽ።

መ) ናይ ርእይቶ፡ ናይ ጋዜጣን ጽሑፍን፡ ናይ ኣኼባ፡ ናይ እምነትን ናይ ሰላማዊ ሰልፍን ደሞክራስያውን መሰላትን ምሕላው፡ ሃገራውን ናይ ፖለቲካ ሰልፍታትን ሃገራውያን ናይ ሸቃሎን ሓረስቶትን ደቀንስትዮን ተማሃሮን መንእሰያትን ናይ ሞያን ማሕበራትን መሰላት ምሕላው።

ሰ) ኣብ ቅድሚ ሕጊ ኹላቶም ዜጋታት ኤርትራ ናይ ብሄርን ጾታን ወገንን ባህላዊ ደረጃን ስራሕን መዝን ሃብትን እምነትን... ወዘተ. ኣድልዎ ዘይብሉ ማዕርነት ምሕላው።

ረ) ናይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኮራኹር ብምዃን ኣብ ልዕሊ ሃገሮምን ህዝቦምን ግፍዒ ንዝፈጸሙ ኤርትራውያን ብጽኑዕ ሕጊ ምቕጻዕ።

2. ካብ ናይ ወጻኢ ምቁጽጻር ናጻ ዝኾነ፡ ኣብ ነብሰኻ ምኽኣል እተመርኮሰ፡ ብውጥን ዝምራሕ ሃገራዊ ስርዓተ-ቁጠባ ምትካል

ቁጠባ ኤርትራ ንምምዕባል ኣብ ሕርሻን ኢንዱስትርን ንግድን ብሕታውን መንግስታውን ክፋላት ይህሉ። እቲ መሰረታዊ ቁጠባዊ ምንጭታት መንግስታዊ ይኸውን። ኣብ ብሕታዊ ክፋል ናይ ውሽጢ ሃገር ርእሰማል ወፍሪ፡ ኣብ መንግስታዊ ክፋል ድማ ናይ ወጻኢ ርእሰማል ወፍሪ ምፍቃድን ምትብባዕን።

ሀ) ሕርሻ

1. ኩሉ ኣብ ኢድ ወራሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንዘሎ መሬት ኣብ ጥቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ምውዓል።
2. ዓበይትን ዘመናዊ ቴክኒክ ዝሓቱን ሰፋሕቲ ሕርሻታት መንግስታዊ ሕርሻታት ብምግባር፡ ምህርቶም ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ህዝቢ ምውዓል።
3. መሬት ኣብ ጥቕሚ ሓራሲኦ ንምውዓልን ኣብ ኤርትራ ዝርከብ መሬት ማዕርነታዊ ምድልድ ክግበረሉ፡ ዘመናውን ምዕቡልን ናይ ሕርሻን ጉስነትን ስርዓት ንኺሕዝ ናይ ሓረስቶት እቶትን ናብራን ከመሓይሽ ዚኽእል ናይ ምትሕግጋዝን ሕብረትን ኩነታት ክፍጠር ምትብባዕ።
4. ናይ ኤርትራ ሓረስቶስ ጸገም ንምቅላል ምስ ዘመናዊ ናውቲ ማሕረስ ኣብ ርእሲ ምልላይ፡ ናይ ኣማኸርትን ክኢላታትን ናይ መሬት መልምዒ ድኹዕታትን ዒላታትን ሓጽብታትን ናይ እንስሳ ሓለዋ ጥዕናን መጎዓዝን ገንዘብን... ወዘተ. ሓገዛት እናገበርካ፡ ዘመናዊ ናይ ሕርሻ መደብ ከምዝሕዙን ናብራኦምን ኩነታት ስርሖምን ከምዝመሓየሽ ምግባር።
5. ሰበኽ ሳግም ኤርትራውያን ዘመናዊ ናይ እንስሳታት ምፍራይ መደብ ንኽሕዙ ኣብ እተወሰነ ቦታታት ምቕማጥ ንኽለምዱ፡ ብሕርሻ ንኺምዕብሉ፡ ናብራኦም ንኽመሓይሹ፡ ናይ እንስሳታት ምፍራይን ሓለዋ



ጥዕናን፡ ሕርሻን ትምህርቲ ምሃብን፡ ናይ ኣማኸርትን ክኢላታትን ገንዘብን ሓገዝ ምግባር።
6. ኣብ መንጎ ውልቀሰባትን ዓድታትን ዝርከብ ናይ መሬት ምስሕሓብን ዘይምድልዳልን፡ ረብሓ ናይቲ ውጹዕ ወገን ምስ ጥቕሚ ሃገራዊ ምህናጽ ክወሃሃደሉ ብዝኽእል ኣገባብ፡ ብሰላማዊ መንገድን ብስምምዕን ከም ዝፍታሕ ምግባር።
7. ኣብ ገጠርን ከተማታትን ቁጠባዊ ትሕዝቶን ኩነታት መነባብሮን ምምዕባልን ምቅርራብን።
8. ሰፋሕቲ ሸኻታትን ኣብ በረኻታት ዝርከቡ ኣግራብን ንብረት መንግስቲ ምግባር፡ መሬትን ኣግራብን እንስሳ ታትን ንኸይበርሱ ምሕላው፡ ናይ ምግራብ ዘመተ ድማ ምክያድ።
9. ኣብቲ ቁጠባዊ ውጥን ኣብ መንጎ ሕርሻን ኢንዱስትርን ዘሎ ዝምድና ብግቡእ ከምዝሕሎ ምግባር።

ለ) ኢንዱስትሪ

1. ኣብ ኢድ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ኮራኹሮም ኤርትራውያንን፡ ተጻረርቲ ናጽነት ኤርትራ ዝኾኑ ወጻእተኛታትን ዝርከቡ ኢንድስትሪ ብምሉኡ ምህጋር።
2. ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት፡ ማሕጎዳታት፡ ናይ ባሕሪ ሃብቲ፡ መራኽቢ፡ ህዝባዊ መጎዓዝያ ናይ ሓይሊ መደበራት ብመንግስቲ ይውነን።
3. ናይ ባሕሪ ሃብቲ ምምዝማዝ፡ ማእቶት ናይ ጨውን ካልእ ማዕድናትን ምድንፋዕ፡ ናይ ዓሳ ኢንዱስትሪ ምምዕባል፡ ዘይተዳህሰሱ ማዕድናት ድማ ምድህሳስ።
4. ርእሰማል ዘለዎም ሃገራውያን ኤርትራውያን ኣብ ብሕታዊ ክፋል ፋብሪካታትን ኣብያተ ዕዮን ብምውናን ኣብ ሃገራዊ ምህናጽ ንኽሳተፉ ምትብባዕ።
5. ናኣሽቱ ኣብያተ ዕዮ ንምድንፋዕ፡ ሕርሻ ንምምዕ ባል፡ ናይ ኢንዱስትሪ ተጸጋዕነት ንምቅላስ፡ ኪቢድ ኢንዱስትሪ ንምምዕባል ምጽዓር።

ሐ) ፋይናንስ

1. ንቁጠባዊ ምንቅስቓስ ንምቁጽጻርን ንቁጠባዊ ምዕባለ ንምፍጣንን ናይ ባንክ ስራሓት ምምእካል፡ ኩሉ ናይ ውሕስነት ማሕበራትን ባንክታትን ናይ መንግስቲ ምግባር።
2. ሓደ ብመንግስቲ ዝውነን ማእከላይ ሃገራዊ ባንክ ምቛም፡ ናጻ ዝኾነ ሃገራዊ ገንዘብ ድማ ምሕታም።
3. ንሓፋሽ ህዝቢ ካብ ምዝመዛ ንምንጋፍ፡ ንሓረጣ ብኹሉ መልክዕ ምውጋድ፡ ልቓሕ ከኣ በቲ ዝተሓተ ወለድ ምሃብ።
4. ናይ ሕርሻውን ኢንዱስትሪያውን ኢደ ጥበባውን እቶት ሃገር ውሽጣዊ ዕዳጋ ንምሕላው፡ ከከም ተደላይነቱ ናይ ጉምሩክ ሜላታት ምሕንጻጽ።
5. ሃገር ንምምሕዳርን ንምክልኻልን፡ ማእቶታዊ ተግባራት ንምስልሳልን፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምሃብን ዘኽእል ዝተደላደለን ርትዓውን ናይ ግብሪ ኣከፋፍላ ሜላታት ምሕንጻጽ።

መ) ንግዲ

1. ናይ ሃገር ንግዲ ንምምዕባል ኣድላዪ መርበብ ናይ ምድርን ኣየርን ባሕርን መራኸብን መጎዓዝያን ምዝርጋሕ።
2. መንግስታውን ብሕታውን ንግዲ ሃልዩ፡ እቲ ብሕታዊ ንምህናጽ ሃገር ዝጎድእ ከይከውን መንግስታዊ ቁጽጽር ምግባር።
3. ኣድለይቲ ሃለኽቲ ኣቑሑ ንደገ ዘይምልኣኽ፡ ናይ መጋየጺ ኣቑሑ ድማ ብዓቕን ምምጻእ።
4. ኣብ ውሽጢ ንዚፈሪ በብዓይነቱ እቶት ምልውዋጥን ዋጋታት ምውሳንን ምቁጽጻርን።
5. ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ዝኣቱን ዝወጽእን ኣቑሑ ኣጥቢቕካ ምቅዋም።
6. ምስ ኩለን ሃገራት፡ ፖለቲካዊ ስርዓተን ብዘየገድስ ናይ ንግዲ ዝምድና ምምስራት።



ሰ) ናይ ከተማ መሬትን ኣባይትን

1. ኩሉ ናይ ከተማ መሬት ናይ መንግስቲ ንብረት ይኸውን፡ መሬት ምክራይ ፍቑድ ኮይኑ ብመንግስታዊ ሕጊ ይውሰን።
2. ብደርግ ዚተገብረ ግጉይ ኣገባብ ኣተሃጋግራ ኣባይቲ ተጸኒዑ ዳግመ-ግምት ምግባር።
3. ኩሉ ዜጋ ንመንበሪ ዝኾኖን ንዘካርዮን ገዛ ክሰርሕ ምፍቃድ።
4. ናይ ህዝቢ ናብራ ንምጥጣሕ፡ ደረጃ መነባብሮ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ርትዓዊ ዚኾነ ናይ ኣባይቲ ክራይ ዋጋ ብመንግስቲ ምውሳን።
5. ናይ ገዛውቲ ዋሕዲ ንምቅላልን ናይ ሓፋሽ ሽግር ንምፍታሕን፡ ብዘመናዊ ቅጥዒ ከከም ኣድላይነቱ ኣባይቲ ምህናጽ።

## 3. ባህልን ትምህርትን ስነ-ኪነትን ሓለዋ ጥዕናን ምምዕባል

ሀ) ባህሊ

1. መግዛእቲ ኢትዮጵያን ካልኦት ባዕዳውያን ሓይልታትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምግዛእን ንምምዝማዝን ኤርትራዊ መንነት ንምጥፋእን ክብሉ ዝዘርግሕዎ ናይ ባዕዲ ሕማቕ ልምድታትን ነውራም ማሕበራዊ ተግባራትን ምጥፋእ።
2. ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንዘለው ባህልታትን ልምድታትን ነቲ ሕማቕ መዳያቱ ኣጥፊእካ ነቲ ጽቡቕን ኣወንታውን ትሕዝቶኡ ምምዕባል።
3. ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝወሃብ ናይ ትምህርቲ ዕድል ናይ ኤርትራን ህዝባን ዛንታ ኣንጻር መግዛእትን ጭቆናን፡ ንሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን ዚተኻየደ ቃልሲ ተመክሮን መስዋእትን ጅግንነትን፡ ናይ ሃገር ጽቡቕ ወግዕን ልምድን ባህልን ኣጸቢቑ ከምዝፍለጥን ከምዝኽበርን ከም ዝምዕብልን ምግባር።

4. ምእንቲ ድሕነት ሃገሮምን ህዝቦምን ክብሉ ኣብ ሰውራዊ መትከላቶም ኣብ ናይ ናጽነትን ሓርነትን ቃልሲ ተሰሊፎም ዝተሰውኡ ጋኑ ዜጋታት ህዝቢ ኤርትራ ከምዝሕበነሎምን ዝኾርዓሎምን ታሪኽ ሃገሮም ንዘልኣለም ከምዝዝክሮምን ምግባር።
5. ገስጋሲ ሃገራዊ ባህሊ ንምምዕባል፡ ባህላዊ ማእከላትን ክበባትን፡ ከም ትያትር፡ ሲነማ፡... ወዘተ. ዝኣመሰሉ ባህላዊ መሳለጥያታትን ምምስራት።

ለ) ትምህርትን ስነ-ኪነትን

ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ትምህርታዊ ሜላ ንመነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ምዕባለ ኢንዱስትሪ፡ ሕርሻ፡ ስነ-ኪነት ከረጋግጽ፡ ኣብ ባህላዊ ደረጃ ምዕባለ ዘሎ ናይ ፍልልይ ጋግ ከጽብብን ከጥፍእን፡ ንሃገራዊ ሓድነት ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ከገልግል ዚዓለመ ኢዩ።

1. ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ናይ ድንቁርና ጸልማት ንምውጻእ መሃይምነት ንምጥፋእ ምቅላስ።
2. ነብሲ-ወከፍ ዜጋ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ክፍጽም ምግዳድ፡ ነብሲ-ወከፍ ብሄር መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ ብቛንቋኡ ወይ ብዝመረጾ ካልእ ቋንቋ ምሃብ።
3. ኣብ ነንበይናዊ ሜዳታት ናይ ስነ-ፍልጠት፡ ስነ-ጥበብ፡ ስነ-ኪነት፡ ሕርሻ፡ ናይ ዝለዓለ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ምኽፋት፡ ካብ መባእታዊ ደረጃ ንላዕሊ ዘሎ ትምህርቲ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ምሃብ።
4. ኣብ ኩሉ ደረጃታት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ከም ትምህርቲ ምሃብ።
5. ኣብ ነንበይናዊ ሜዳታት ትምህርቲ ንምቕሳም፡ ንተማሃሮ ማህደረ-ትምህርቲ ምሃብ።
6. ኣብ ነንበይኑ ቦታታት ኤርትራ ብፍላይ ኣብቲ ትምህርቲ ዘይኣስፋሕፋሓሉ ከባቢታት ኣተኲሮ ብምሃብ ከከም ደረጃኡ ኣብያተ ትምህርቲ ምኽፋት።



7. ንትምህርቲ ካብ ሃይማኖት ምፍላይ።
8. ኩሉ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ መንግስቲ፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ከኣ ብናጻ ምኻን።
9. ትምህርቲ ካብ ማእቶት ከይነጸልካ፡ ትምህርትን ማእቶትን ኣወሃሂድካ፡ ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ምውዓል።
10. ንዜጋታት፡ ብፍላይ ከኣ ንተማሃሮን መንእሰያትን ናይ ገዛእ ርእሶም ማሕበራት ብምምስራት፡ ብስነ-ፍልጠትን ስነ-ጽሑፍን ኢደ-ጠበብን ስነ-ኪነትን ምምዕባልን፡ ምስልጣንን።
11. ንኪኢላታትን ፈላጣትን ክእለቶምን ፍልጠቶምን ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ንምውዓል፡ ጥጡሕ ናይ ስራሕ ኩነታት ምቕራብ።
12. ምስ ካልኦት ሃገራት ናይ ሓባር ጥቕምን ማዕርነትን ዝሓለወ ናይ ትምህርትን ባህልን ስነ-ኪነትን ልውውጥ ምግባር።

ሐ) ሓለዋ ጥዕና

1. ሕክምና ብናጻ ከምዝኸውንን ናብ መላእ ህዝቢ ከምዝባጻሕን ንምግባር ምጽዓር።
2. ኣብ መላእ ኤርትራ ሆስፒታላትን መደበራት ሕክምናን ከከም ኣድላይነቱ መስሪትካ፡ ናይ ህዝቢ ጥዕና ብዘመናዊ መንገዲ እናሓለኻ ሕማማት ምጥፋእ።
3. ንናይ ሃገር ልምዳዊ ኣገባብ ሕክምናን ኣፋውስን ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ምምዕባል።
4. ጥዑያት ዜጋታት ንምህናጽ ናይ ምውስዋስ ኣካላትን በበይኑ ናይ ስፖርት መደበራትን ምኽፋት።

4. ማሕበራዊ መሰላት ምሕላው

ሀ) መሰል ሰራሕተኛታት

1. ሃገር ብኢንዱስትርን ሕርሻን መታን ክትምዕብል ዝኸበደ ዕማም ዝስከም ንቲ ሰራሕተኛ ክፍሊ ስለዝኾነ፡

ነዚ ዕላማ'ዚ ንምፍጻም ሰራሕተኛ ብዝለዓለ ደረጃ ከም ዝውደብን ክእለታዊ ዓቕሙ ክብ ከምዝብልን ምግባር።

2. መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን፡ ሰራሕተኛታት ኤርትራ ንምምዝማዝን ንምጭኳንን ዝጥቀመሉ ምምሕዳርን ሕግታትን ስም-ለበስ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ምፍራስ።
3. ሽሞንተ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ምውሳን፡ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ሰሙን፡ ዕስራን ሓሙሽተን(25) ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ዓመት፡ ናይ ሰራሕተኛታት ናይ ዕረፍቲ መስል ድማ ምሕላው።
4. ናይ ሰራሕተኛታት መስል ብግቡእ ዝሑል ዚተፈልየ ናይ ሰራሕተኛታት ሕጊ ምውጻእ።
5. ሰራሕተኛታት ዝነብሩሉ ጥጡሕ ቦታን ጽቡቕ ኩነታት መነባብሮን ከምዝህልዎም ምግባር።
6. ሰራሕተኛታት ብሕማምን ጉድለት ኣካልን ዕድመን ምኽንያት ካብ ስራሕ ምስ ዝበኾሩን ዓዲ ምስ ዝውዕሉን ዝሕገዙሉ ናይ ክንክንን ሓገዝን መደባት ናይ ውሕስነት ምውጻእ።
7. ብዘይ ምኽንያት ካብ ስራሕ ምስጓጉን ብዘይ ኣገባብ ደሞዝ ምቑራጽን ምኽልካል።
8. ሰራሕተኛታት ኣብ ምምሕዳር ናይ ዝሰርሑሉ ዋኒን-ሀንጻታትን ኣብያተ ዕዮን ከምዝካፈሉ ምግባር።
9. ሽቕለተ-ኣልቦነት ንምጥፋእ ምቅላስ።

ለ) መሰል ደቂ ኣንስትዮ

1. ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ኣንጻር ባዕዳዊ ወራርን፡ ማሕበራዊ ምቅይያር ንምምጻእን ዝግበር ቃልሲ ዝሳተፉሉ ማሕበር ምምዕባል።
2. ኣብ ዘቤታዊ ስራሕ ከይተወሰና፡ ፖለቲካውን ባህላውን ኢደ-ጥበባውን ደረጃአን ንኸማዕብላ ሰፊሕ መደብ ምውጻእ።
3. ኣብ ናይ ፖለቲካን ቁጠባን ባህልን ማሕበራዊ



ሂወትን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ምሉእ ናይ ማዕርነት መሰል ምሃብ፡ ንተመሳሳሊ ስራሕ ከኣ ማዕረ ደሞዝ ምኽፋል።

4. መሰል ደቀንስትዮ ዝሕሉ ናይ መርዓን ናይ ቤተ-ሰብ ምምሕዳርን ሕጊ ምሕጋግ።
5. ንነብሰ-ጾር ሰራሕተኛታት ደቀንስትዮ ምሉእ ደሞዝ እናረኸባ ናይ 2 ወርሒ ናይ ሕርስን ጥንስን ዕረፍቲ ናይ ምርካብ መሰለን ምሕላው።
6. ናይ ኣዴታትን ህጻናትን መሰል ሓሊኻ፡ ናይ ቤት ሓራሳትን መዕበያ ቆልዑትን ናይ ህጻናት ትምህርትን ኣገልግሎት ምምዕባል።
7. ምንዝርና ንምጥፋእ ምቅላስ።
8. ጥዕናአን ኅዳኢ ኣብ ዚኾነ ስራሕ ንኸይሰርሓ መሰለን ምሕላው።
9. መራሕትን ናይ ህዝቢ ኣገልገልትን ደቀንስትዮ ዝበዝሓሉን ዝድንፍዓሉን መደባት ምውጻእ።

ሐ) ስድራታት ስውኣትን ንስኩላን ተጋደልትን ማሕበራዊ ረድኤትን ዘድልዮም ካልኦትን

1. ኣብ ሰውራ ኤርትራ ኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ መግዛእትን ምእንቲ ሃገራዊ ድሕነትን ኣብ ብረታዊ ቃልስን ኣብ ኣብያተ ማእሰርትን ኣካሎም ንዝጎደሉ ተጋደልትን ካልኦት ዜጋታትን ዘድሊ ክንክንን ሓገዝን ምግባር።
2. ብወራር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓደጋ ንዝወረዶምን ብባህርያዊ ጠንቅታት ንዝተጎድኡን፡ ንዘኽታማትን ኣረግቶትን ኣካለ ጎደሎን ዜጋታት ሓገዝን ረድኤትን ምግባር።
3. ኣካለ ጎደሎ ዜጋታት ኣፍረይቲ ንኽኾኑ ምስ ኩነታቶም ዝሰማማዕ ትምህርትን መደብ ስራሕን ምቕራብ።
4. ንስድራታት ስውኣት ኣድላዪ ረድኤትን ክንክንን ምግባር።

5. ናይ ብሄራት ሓድነት ምድልዳልን ማዕርነት ምሕላውን

ሀ. ዓለማዊ መግዛእትን መግዛእቲ ኢትዮጵያን ኮሎኹሮምን ንህዝቢ ኤርትራ ንምፍልላይን ንምጭኳንን ንምምዝማዝን ዝተኸልዎ ሕግታትን ምምሕዳራዊ ስርዓታትን ምፍራስ።

ለ. ኣብ ተሞክሮ ገድሊ ብተበለጽቲ እተገብረ ጌጋታት ብምሉእ ምእራም።

ሐ. ንብሄራዊ ትምክሕትን ጸቢብ ብሄርትነትን ምቅዋም።

መ. ናይ ብሄራት ሓድነትን ሕውነትን ምስፍሕፋሕን ምምዕባልን።

ሰ. ናብ ሃገራዊ ዕብየትን ድሕነትን ኣምሪሕካ ንኹለን ብሄራት ናይ መሰልን ሓላፍነትን ማዕርነት ምርግጋጽ።

ረ. ናይ ሓባር ምዕባለ ንምርግጋጽ ካብ ኩለን ብሄራት ኣብ እተፈላለየ ሜዳታት ካድራት ምምልማል።

ቀ. ኩለን ብሄራት ናይ ዘረባ ኮነ ናይ ጽሑፍ ቋንቋአን ክዕቅባን ከማዕብላን መሰለን ምሕላው።

በ. ኩለን ብሄራት ኣወንታዊ ዝኾነ ባህለንን ልምድታተንን ክዕቅባን ከማዕብላን ምትብባዕ።

ተ. ምእንቲ ብሕታዊ ረብሓኦም ብብሄር፡ ቀቢላ፡ ኣውራጃ... ወዘተ ጉጅለታት ፈጢሮም ናይ ሰውራን ናይ ህዝብን ሓድነት ዕንቅፋት ንዝኾኑ ውልቀ-ሰባት ወይ ጉጅለታት ምቅዋም።

ነ. ነብሲ-ወከፍ ብሄር መምስ ፍሉይ ኩነታት ዝሰማማዕ ናይ ገዛእ ርእሳ ደሞክራስያዊ ናይ ምምሕዳር ትካል ወይ ትካላት ክተኽውም ምኽኣል።

6. ብርቱዕ ህዝባዊ ሰራዊት ምቛም

ሀ. ንሃገራዊ ሓርነት ኣብ ዘካይዶ ብረታዊ ቃልሲ ዝኽተሎ ወተሃደራዊ ስትራተጂ ህዝባዊ ኲናት ኮይኑ ሰብን መሬትን በብደረጃ ሓራ ምውጻእ።

ለ. ኣብቲ ሓራን ሓውሲ ሓራን ዝወጸ ቦታታት መኸሰብ ናይ ሰውራ ንምሕላው፡ ዞባዊ ሰራዊትን ህዝባዊ ሚሊሻን ምህናጽ።



ሐ. ናይ ህዝቢ ራህዋ ንምርካብን ናብ ዝለዓለ ናይ ሕብረተሰብ ቁጠባዊ ደረጃ ንምብጻሕን፡ ናይ ዜጋታት ምዕባለን ክብረትን፡ ናይ ዶባትን ባሕርን ኣየርን ሕንጻጻትን፡ ናይ መሬት ሓድነትን ናይ ህዝቢ ምሉእ ናጽነትን ዝሕሉ፡-

- ብፖለቲካ ዝበሰለ፡ ብጸያዊ ዝምድና ዘለዎ፡ ብሰውራዊ ዲሲፕሊን ዝተረረ፡
- ቆራጽነትን መስዋእትነትን ዝባህርያቱ ኣብ ማእቶት ተኻፋልነት ዘለዎ፡
- ዘመናዊ ብልሓትን ዕጥቅን ክእለትን ዘለዎ፡
- ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ዋልታ ኮይኑ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ጾታ፡ ከይፈለየ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዘገልግል ናይ ምድርን ባሕርን ኣየርን ብርቱዕ ሓይሊ ሰራዊት ምቛም። ናይዚ ሰራዊት'ዚ መሰረት ድማ እቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነትን ዝቃለስ ዘሎ ሰውራዊ ሰራዊት ይኸውን።

መ. ምዕቡል ወተሃደራዊ ኣካዳሚ ምምስራት።

7. ናይ ሃይማኖትን እምነትን ናጽነት ምሕላው

ሀ. ናይ ሃይማኖትን እምነትን መሰል ናይ ነብሲ-ወከፍ ዜጋ ምሕላው።

ለ. ሃይማኖት ካብ መንግስትን ፖለቲካን መፍሌይ።

ሐ. ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኣብያተ ትምህርቲ ዘይምሃብ፡ ኣብያተ-ሃይማኖታት ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ጥራይ ዝህባሉ ትካላት ክህልወን ምፍቃድ።

መ. ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ይኹን ኣብ ህዝባዊት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንቓልስን ግስጋሰን ህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት ክንዛዝዩ ንዝህቅኑ ምቕጻዕ።

8. ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ንምሩኻት፡ ንጸላኢ ዘገልግሉ ኤርትራውያን ወተሃደራት ኽኸቋርጹ ምትብባዕ

ሀ. መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጭኳንን ንምጭፍላቕን ናይ ዝፍጽሞ ወራር መሳርሒ ዝኾንዎ

ግዱዳት ወተሃደራት ንምኽታብ ዝገብሮ ጻዕሪ ምቅዋም።

ለ. ንናይ ኢትዮጵያ ባዕዳዊ ሰራዊት ኣብ ምግልጋል ዝርከቡ ኤርትራውያን ወተሃደራትን ባንዳን ናብ ቅኑዕ ዕላማ ተመሊሶም፡ ህዝቦም ኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ ወራር ኣብ ዝገበሮ ቃልሲ ሓቢሮም ዝስለፉሉ ኩነታት ብምፍጣር፡ ንፍቓደኛታት ምሉእ ናይ ማዕርነት መሰል ሂብካ ሓንጎፋይ ኢልካ ምቕባል።

ሐ. ንናይ ኢትዮጵያ ስርዓት እናኣገልገሉ ንዝተማረኹ ወተሃደራት ሰብኣዊ ክንክንን ኣተሓሕዛን ምግባርን፡ ፍትሓውነት ጉዳይ ኤርትራ ኣረዲእካ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን ሂብካ ተሰቂቖም ኣብ ሃገሮም ናብ ሰላማዊ ናብራ ኝኽምለሱ ምሕጋዝ።

መ. ንተረርቲ ልብን፡ ገበነኛታትን ምእዙዛት ኣገልገልቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ድማ ኣበርቲዕካ ምቕጻዕ።

9. መሰል ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምሕላው

ሀ. ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝግበር ብረታዊ ቃልሲ ኝኽስለፉን ኣብ እቲ ቆይሙ ዘሎ ናይ ሓፋሽ ውድባትን ናይ ሞያ ማሕበራትን ኝኽሳተፉን፡ ከም ኤርትራዊ ኮማት ባህሎምን መንነቶምን መሰላቶምን ዝሕልውሉ፡ ኣብ ንሓድሕዶም ዝግበር ምትሕግጋዝ ዝተረሉ ኩነታት ንምፍጣር ምቅላስ።

ለ. ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ናይ ስደተኛታት መሰሎም ኝኽሕሉን ካብ መንግስታትን ኣህጉራዊ ውድባትን ሓገዝ ኝኽወሃቦምን ማሕበራዊ መነባብሮኦም ኝኽመሓየሽን ምጽዓር።

ሐ. ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ኣብ ናይ ሃገሮም ዕለታዊ ቃልስን ምዕባለን ተኻፈልቲ ንኽኾኑ ምትብባዕ።

መ. መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብዝገበሮ መሪር ወራርን ጭቆናን ካብ መሬቶምን ሃገሮምን ዝተሰዱን ዝረሓቑን ኤርትራውያን ብድሌቶም ናብ ሓራ መሬት ተመሊሶም መነባብሮኦም ዘመሓይሽሉን ዘማዕብሉሉን ጻዕርታት ምክያድ።



10. መሰል ናይ ኣብ ኤርትራ ዝነብሩ ወጻእተኛታት ምሕላው

ሀ. ምእንቲ ሃገራዊ ድሕነት ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርታን ንዝግበር ቃልሲ ብግሁድ ኮነ ብስውር ንዘሓገዙን ኣንጻር ሰውራ ንዘይሰርሑን ወጻእተኛታት፡ ምስቲ ዝቐውም ስርዓተ-ሕጊ ተሰማሚያም ክነብሩ ምስ ዝደልዩን ናይ ምንባርን ምስራሕን ምሉእ መሰል ምሃብን ዜግነት ንዝሓቱ መንግስታዊ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ምፍቃድን።

ለ. ናይ ኢትዮጵያ መግዛእትን፡ ተሓባበርታን፡ ኮራኹርን፡ ሰዓብትን ኮይኖም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንዝስልዩን ዕንቅፋት ንዝኾኑን ወጻእተኛታት ተቐማጦ ብዘይንሕስያ ምቕጻዕ።

ሐ. ናይ ዝኾነ ይኹን ተጻባኢ ባዕላዊ ሓይሊ መሳርሒ ዝኾኑ ወጻእተኛታት ተቐማጦ ብሕጊ ምቕጻዕ።

11. ናይ ሰላምን ዘይሻርነትን ወይ ወጻኢ ሜላ ምኽታል

ሀ. ሕጋዊ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ናብ ሕቡራት ሃገራትን ኣባል ሃገራቱን ኣቤቱታ ምቕራብን ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ምክያድን።

ለ. ናይ ዝኾነት ትኹን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢዳ ከየእተወት ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ እትኣምንን እትድግፍን ሃገር ወይ ውድብ ሓገዝ ምቕባል።

ሐ. ምስ ኩለን ሃገራት፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓተን ብዘየገድስ፡ ኣብዘን ዝስዕባ ሓሙሽተ መትከላት ዝተመስረተ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምምስራት፡-

- ናጽነት፡ ናይ መሬት ሓድነትን፡ ናይ ሃገር ክብርን ምሕላው
- ነንሕድሕድካ ዘይምውራር፡
- ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ጣልቃ ዘይምእታው፡
- ንማዕርነትን ናይ ሓባር ጥቕምን ምስራሕ፡
- ብሰላምን ሓባራዊ ህላዌን ምንባር፡

መ. ምስ ኩለን ጎረባብቲ ጽቡቕ ናይ ዕርክነት ዝምድና ምምስራት።

ሰ. ምስ መንነትን ናጽነትን ዘይጋጮ፡ ማዕርነት ዝሓለወ፡ ናይ ባህልን ቁጠባን ስነ-ኪነትን ዝምድናታት ምስ ኩለን ሃገራት ምስፍሕፋሕን ናብ ዝኾነ ይኹን ናይ ዓለም ወተሃደራዊ ውድብ ዘይምጽጋዕን፡ ዝኾነት ሃገር ወተሃደራዊ መደበራት ኣብ መሬት ኤርትራ ክትክል ዘይምፍቃድን።

ረ. ቃልስና ዘይፍለ ኣካል ናይቲ ናይ ዓለም ናይ ህዝብታት ቃልሲ ብሓፈሻ፡ ናይቲ ኣንጻር ዓለማዊ መግዛእትን ምትእትታውን ዓሌትነትን ቃስልታት ህዝብታት ኣፍሪቃን ኤስያን ላቲን ኣሜሪካን ከኣ ብፍላይ ስለዝኾነ፡ ንኹሉ ፍትሓውን ዲሞክራስያውን ምንቅስቓሳት ምድጋፍ።

ቀ. ምስ መንነትን ናጽነትን ኤርትራ ዘይጋጮ፡ ናይ ዝተፈላለያ ኣህጉራውን ዞባውን ውድባትን ማሕበራትን ኣባል ምዃን።



## ውሳኔታትን ለበዋታትን

ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ተ.ሓ.ኤ. (ማ.መ)ን ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ካብ 12-19 መጋቢት 1987 ተኻይዱ በዞም ዝስዕቡ ውሳኔታት ከአ ወጺኡ፡–

### ውሳኔታት፡-

ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ሃገራዊ ምትእኽኻብን ብዝጠቅስ

- ንማሕበረ-ቁጠባዊ ኣቃዋውማ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ብወድዓውነት ብምግንዛብ፡
- ሓይልታት መግዛእትን ከዳዓትን፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምልሕላሕ ዝፈጸሙዎ ውዲታትን ዝገደፍዎ ስምብራትን ብምግንዛብ፡
- ህዝቢ ኤርትራ ማዕርነቱን ደሞክራስያውን ሰብኣውን መሰላቱን ዝሕሉን ዘማዕብልን፡ ሓድነቱ ንምህናጽ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝተጻወቶን ዝጻወቶ ዘሎን መሪሕ ተራ ብምግንዛብ፡
- ናይ ወጻኢ ሓይልታት፡ ንህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን፡ ከም መሳርሕን መቖጻልታን ረብሓታቶም ንምግባር፡ ኣብ ትሕቲ ጭርሖ "ሓድነት" እውን ከይተረፈ፡ ክይደቀሱ ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምግንዛብ፡
- ገለ ጉጅለታት ምእንቲ ውልቃዊ ቁጠባዊ ረብሓታቶም ክጣጥሑ፡ መሳርሒ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ብምዃን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዝበለየን ጸረ-ሓድነት ዝኾነን ስብከት ንምክፍፋል ከምዝሰርሑ ብምግንዛብ፡

### ጉባኤ፡-

1. ህዝቢ ኤርትራ ንምምቕቓሉ ዝተፈተነ ተንኮላትን ውዲታትን ብምቅዋም፡ ሓድነቱ ንምርግጋጽ ዘጸዩዶ ተባዕ ቃልሲ የመጕስ፡

2. ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምትራር ህ.ግ.ሓ.ኤ. ማሕበረ-ቁጠባውን፡ ፖለቲካዊ-ባህላውን ምቅይያራት ንምዕማቑ ክቃለስ ይውስን፡
3. ምስ ጸላኢ እናተሓባበሩ ናይ 5ይ መስርዕ ተራ ንዝጻወቱ ዘለዉ ጉጅለታት ይኹንንን ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብትሪ ክቃወሞም ምዃኑ የረጋግጽን፡
4. ብናይ ደገ ሓይልታትን ነጋዶ ተሓባበርቶምን፡ ኣንጻር ሃንቀውታ ህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን ሓድነቱን ዝፍጸም ናይ ከንቱ ውዲታትን ሸርሕታትን ይኹንን፡
5. ሃገራውያን ሓይልታት፡ ጉጅለታት፡ ውልቀሰባት ንምትእኽኻብ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሰፊሕ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ንምምስራት ዘለዎ ቅሩብነት የረጋግጽ፡
6. ሰፊሕ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ንምምስራት ማእከላይ ሽማግለ ኣድላዪ ስጉምትታት ንኽወስድ ሓላፍነት ይህብ።

## ብዛዕባ ሰላማዊ ፍታሕ

- ህዝቢ ኤርትራ ደላይ ፍትሒን ምዃኑ፡ ጠበንጃ ዘልዓለ ድማ ዘይሕለል ሰላማዊ ቃልስታቱ ብድሑርን ባርባራውን ጭፍለቓ ምስ ተጻቕጠ ከምዝነበረ ብምዝካር፡
- ማዕረ-ማዕረ ብረታዊ ቃልሲ፡ ሰላም ናይ ወትሩ ጻውዒቱ ኮይኑ ምጽንሑን፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. በብእዋኑ ኣወንታዊ ኣቓልቦ ዝገብረሉ ጉዳይ ምዃኑን ብምዝካር፡
- ስዒቡ'ውን ናይ ልዝብ ምቹእ ሃዋህው ንምፍጣር ኣፈናዊ ርክባት ብምግባር ንጡፍ ተራ ክጻወት ከምዝጸንሐ ብምዝካር፡

ጉባኤ፡-

1. ሰላማዊ ፍታሕ፡ ብምእማን መትከል መሰል ርእሰ-ውሳኔ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ክመጽእ ከምዝኽእል የረጋግጽ፡
2. ብ.ህ.ግ.ሓ.ኤ. ቅድሚ ሕጂ ሰላማዊ ፍታሕ ንምምጻእ ዝተፈተነ ጻዕርታት ኩሉ ቅኑዕ ምዃኑ የረጋግጽ፡



3. ናይ 21/11/80 ናይ ረፈረንዶም እማመ ቅኑዕን ንድሕሪ ሕጂ'ውን ክድፍኣሉ ዘለዎን ምዃኑ የረጋግጽ፡
4. ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ንምምጻእ ምስ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ህዝብታት ብዘይ.ጋጮ ናይ ህዝብታት ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ ናይ ሓባር ረብሓ ዝሕሉ ሓደ ፖለቲካዊ ባይታ ንምፍጣር ከምዝከኣል ይኣምን፡
5. ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ወተሃደራት ዕልዋ መተካእታ ህዝባዊ ስልጣን ክኸውን ከምዘይክእል እናኣመነ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንደርግ ኣውዲቑ ደሞክራስያዊ ባይታ ምስዝጸርግን፡ ስልጣን ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከረክብ ቅሩብ ምስ ዝኸውንን ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ኣሚኑ ንጉዳይ ኤርትራ ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሕ ቅሩብ ምዃኑ ምስ ዘረጋግጽን፡ ተኹሲ ደው ከምዘብል ቃል ይኣቱ።

## ብዛዕባ ኢትዮጵያ

1. ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንደሞክራስያዊ ሕቶን ናይ ብሄራት ሕቶን ክፈትሕ ከምዘይክእል ብምእማን፡
2. ዝምድና ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ቃልሲ ህዝብታት ኢትዮጵያን ኣብ ሓርነታዊ ደሞክራስያዊ ምሕዝነት ዝተመስረተ ምዃኑ ብምእማን፡
3. ንምሕዝነት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ህዝብታት ኢትዮጵያን ህ.ግ.ሓ.ኤ ብመንጽር ስልቲ ዘይርእዮ ምዃኑ ብምርግጋጽ፡
4. ኣብ መንጎ ናይ ኢትዮጵያ ብሄራውያንን ሕብረ-ብሄራውያንን ምንቅስቓሳት ዝህሉ ደሞክራስያዊ ዝምድናታት ድማ ናብ ብድልየትን ኣብ ማዕርነትን ዝምስረት ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ንኸምርሕ ዝድግፍ ምዃኑ'ውን ደጊሙ ብምርግጋጽ፡

ጉባኤ፡-

1. ናይ ደርግ ጸረ-ደሞክራስያዊ ባህርን ተግባራትን እናኾነነ፡

ንደሞክራስያዊ መሰላትን ምንቅስቓሳትን ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ጭቁናት ብሄራት ድማ ብፍላይ ይድግፍ፡

2. ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ሰላምን ምርግጋእን ጎረባብቲ ህዝብታት ሶማልን ሱዳንን ንምዝራግ ዝገብሮ ዘሎ ምትእትታውን ዕንደራን ይኹንን፡
3. ኣብ ምእማንን ምቕባልን መሰል ርእሰ-ውሳኔ ህዝቢ ኤርትራ ብሃገራዊ ናጽነት ዝተመርኮሰ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ውድባት ኢትዮጵያ ዝምድናታት ንኽምስርትን ንኽማዕብልን ንማእከላይ ሽማግለ ይምዝዝ።

## ብዛዕባ ሕብረት ሶቬት

- ሕብረት ሶቬት፡ ብዓለም ደረጃ፡ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓሳትን ሓርነታዊ ቃልስታትን ብፍላይ ድማ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይዚ ዞባዚ፡ ናይ ህዝብታት ፍትሓዊ ቃልስታት ንምጭፍላቕ ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊሲ ይኹንን፡
- ሕብረት ሶቬት ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምጭፍላቕ ዝኽተሎ ዘሎ ፖሊሲ ኣጥቢቑ ይኹንን፡

## ናይ ወጻኢ ሜላ ብዝጠቅስ

1. ብደረጃ ዓለም
   - ኣሜሪካን ሕብረት ሶቬትን ብደረጃ ዓለም ዘለዎም ሚዛንን ጽልውኦን ብምግንዛብ፡
   - ኣሜሪካ፡ ኣንጻር ድሌት ህዝቢ ኤርትራ፡ ኤርትራ ኣብ 1952 ምስ መስፋሕፍሕን ዓሚሉን ስርዓት ሃይለስላሴ "ብፌደራላዊ" ዝምድና ክም እትቑረን ዝገበረ፡ ድሓር ድማ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ነቲ ብዘይካ ሕ.ሃ. መምለሲ ዘይነበሮ "ፌደራሲዮን" ግሂሱ፡ ንኤርትራ መግዛእቱ ንምግባር ዘተባብዐ ሓይሊ ምንባሩ ብምዝካር፡
   - ኣሜሪካ፡ ኣብ ውሽጢ ዘመነ መግዛእቲ ስርዓት ሃይለስላሴ ኣብ ኤርትራ፡ ንተቓውሞን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራ ንምጭፍላቕ፡ ነቲ ስርዓት ወተሃደራውን ፖለቲካውን ቁጠባውን ሓገዝ፡ ዲፕሎማስያውን ፕሮፖጋንዳውን ጉልባብ እናገበረ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሞ በደል ብምዝካር፡
   - ኣሜሪካ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሴ'ውን ንስርዓት ፋሽስታዊ ደርግ "ምኽሳብን ካብ ሕብረት ሶቬት ምንጻሉን" ብዝብል ፖሊሲ ዝሃቦ ቁጠባዊ ሓገዝን ዝፈጠረሉ ዲፕሎማስያውን ፕሮፖጋንዳውን ጉልባብ እናገበረ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሞ በደል ብምዝካር፡
   - ሕብረት ሶቬት ኣብ 1950፡ ምስ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዘመዝገቦ ፍትሓዊ ታሪኻዊ መርገጺ ረስዑ፡ ኣብዚ እዋን ምእንቲ ግሎባዊ ስትራተጂኡ፡ ሕጋውን ፍትሓውን ሰብኣውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ንምድሃኽ፡ ንመግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ናይ ህልቂት ኣጽዋር ብምሃብ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ሰውርኡን ዝፍጽሞ ዘሎ በደል ብምግንዛብ፡
   - ከምኡ'ውን ናይ ኣሜሪካን ሕብረት ሶቬትን ምትእትታው ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀጻሊ ዘይምርግጋእ ፈጢሩ ንህዝቢ እዚ ከባቢ ሰላም ከሊኡ፡ ኣደዳ ህልቂትን ስደትን ይገብሮ ምህላዉ ብምግንዛብ፡

ጉባኤ፡-

ኣሜሪካን ሕብረት ሶቭየትን፡

1. ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሕጋውን ፍትሓውን መሰል ንርእሰ ውሳኔ ክፈልጣ፡
2. ህዝቢ ኤርትራን መሰሉን ቃልሱን ንምጭፍላቕ፡ ንመግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝህብኦ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቁጠባውን ሓገዝ ይኹን፡ ዲፕሎማስያውን ፕሮፖጋንዳውን ጉልባብ ደው ክብላ፡
3. ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰላማውን ፍትሓውን መንገዲ ንምፍታሕ ዝግበር ጻዕርታት ክድግፋ፡
4. ኣብ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘለወን ምትእትታውን ዘስዕቦ ዘሎ ዕንወትን ምትሕልቓኻትን ደው ኣቢለን፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ንረብሓ ህዝብታቱ ዘረጋግጽ ሰላምን ምርግጋእን

ንምስፋን ዝግበር ጻዕርታት ክድግፉ ይጽውዕ።

2. ሕቡራት ሃገራት

ጉባኤ፡-

- ሕቡራት ሃገራት፡ ብጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ቀዳማይ ብሕጊ ተሓታቲ መጋባእያ ዓለም ምዃኑ ብምዝካር፡ ነቲ ዘንጊዑዎ ዘሎ ሕጋዊ ሓላፍነት ተሰኪሙ ንፍትሓዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ንምፍታሕ፡ ኣብ ዛዕባታቱ ክሰርዖ ይጠልብ።

3. ኤውሮጳ

ኣብ ኤውሮጳ ዝርከባ መንግስታት፡ ናይ ፖለቲካ ሰልፍታትን ካልኦት ውድባትን፡ ንቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዝሃብኦን ዝህብኦ ዘለዋን ፖለቲካውን ንዋታውን ሰብኣውን ደገፋት እናመስገነ፡-

- ናይ ኤውሮጳ ፓርላማ፡ ንፍትሓዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ብምድጋፍን ወተሃደራዊ ወራራት ስርዓት ደርግ ብምዅናንን፡ ነቲ ጉዳይ ሰላማዊ ፍታሕ ንምርካብን ዘሕለፎ ውሳነ እናኣመጎሰ፡
- ኣብ ኤውሮጳ ገለ መንግስታት፡ ንስርዓት ደርግ ብምሕጋዝን ብምትእትታውን፡ ኣንጻር ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝብድላን ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይምርግጋእ ጠንቂ ዝኾናን፡ ንመርገጺኦን ዳግመ-ግምት ክገብራ እናተሓሳሰበ፡

ጉባኤ፡-

ናይ ኤውሮጳ መንግስታትን ናይ ፖለቲካ ሰልፍታትን ካልኦት ውድባትን

1. ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክድግፉ፡
2. ንናይ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ወራራት ክዅንኑ፡
3. ንፍትሓዊ ሰላማዊ ፍታሕ ጉዳይ ኤርትራ ዝግበር ጻዕ ርታት ክድግፉ፡



4. ንህዝቢ ኤርትራ ንዋታውን ሰብኣውን ደገፍ ክህባን ክብ ክብላን፡
5. ኣብዚ ከባቢ ንዘሎ ጠንቂ ዘይምርግጋእን ዕንወትን ስደትን ዝኾነ ግሎባውን ዞባውን ምትእትታው ክቃወማ፡
6. ምእንቲ ረብሓ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ምርግጋእን ንምምጻእ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ኣወንታዊ ተራ ክጻወታ ይጽውዕ።

4. ኣፍሪቃ

- ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ምድጋፉን፡ ካብቶም ቅድሚ ኩሉ ክሰርዑ ዝነበሮም ጉዳያት ኣፍሪቃ ምዃኑ እናኣገንዘበ፡
- ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ቅድሚ ምምስራት ው.ሓ.ኣ. ዝጸንሐ፡ ተረፍ ናይ ካብ መግዛእቲ ምልቓቕ (decolonization) መስርሕ ኣብ ኣፍሪቃ ምዃኑ እናኣዘኻኸረ፡
- ፍትሓዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ናይ ኣፍሪቃ "ምግምማዕ" ኣተኣሳሲርካ ዝግበር ታህዲድ (black mail) መግዛእታዊ ምድንጋር ጥራይ ምዃኑ እናተሓሳሰበ፡

ጉባኤ፡-

ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃን ው.ሓ.ኣ.ን

1. ንፍትሓዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ኪድግፉ፡
2. ስርዓት ደርግ ዘካየዶ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ወራራት ክዅንኑ፡
3. ንጉዳይ ኤርትራ፡ ብፍትሓዊ ሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ንጡፍ ተራ ክጻወታ ይጽውዕ፡
4. ምስ ኩሎም ጸረ-መግዛእትን ጸረ-ኩሉ ዕብለላን ምትእትታውን ጸረ-ዓሌትነትን ዝካየዱ ፍትሓውያን ቃልስታት ህዝቢ ኣፍሪቃ ዘለዎ ምሕዝነት ድማ ደጊሙ የረጋግጽ።
5. ንዓሌታዊ ስርዓት ኣፓርታይድ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን፡ ንናይ ከባቢ ስርዓታት ንዘይምርግጋእ ዝገበሮ ምትእትታውን ብምዅናን፡ ንፍትሓዊ ቃልስታት ህዝብታት ደቡባዊ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣዛንያን ናሚብያን ድማ ብፍላይ ይድግፍ።

5. ኣብ ዞባና

- ንኹለን ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈልጣን ፖለቲካውን ፍናናውን፡ ወተሃደራውን ሰብኣውን ደገፍ ዝሃባን ዝህባ ዘለዋን ስርዓታትን ሓይልታትን እናኣ መስገነ፡
- ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ኢደን ዘእትዋን ንጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ከም መሳርሕን መቐጸልታን፡ ዞባውን ጸጥታውን ረብሓታተን ጥራይ ዝርእያን ስርዓ ታትን ሓይልታትን፡ መንነታውን ሰብኣውን መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ፈሊጠን፡ ናይ ሓባር ረብሓታትን መትከላት ሓባራዊ ህላወን ክኽብራ እናኣተሓሳሰበ፡
- ኣብ ዞባና፡ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ረብሓታት ንምግልጋል ይኹን፡ ናይ ስርዓታተን ጸጥታ ንምሕላው ጥራይ፡ ኣብ ዞባና ምትእትታው ንክበዝሕን ዘይምርግጋእ ንክነግስን ዝሰርሓ ሓይልታት፡ ምእንቲ ናይ ዞባና ህዝብታት ናይ ሓባር ረብሓን ሰላምን ምርግጋእን ክሰርሓ እናተሓሳሰበ፡
- ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንጡፍ ተዋሳኢ ኣካል ናይዚ ዞባ'ዚ ምዃኑ እናዘኻኸረ፡

ጉባኤ፡-
ኩለን ስርዓታትን ሓይልታትን ዞባና፡-

1. ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ንዋታውን ሰብኣውን ደገፈን ክህባን ክብ ክብላ፡
2. ናይ ወተሃደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ወራራት ክኾንና፡
3. ንጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ፍትሓዊ ሰላማዊ ፍታሕ ንምርካብ ንዝግበር ጻዕርታት ክድግፋ፡
4. ንሰላምን ምርግጋእን ዞባናን ጸጥታ ቀይሕ ባሕርን፡ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ምትእትታው ንምውጋድ ኣብ ዝግበር ጻዕርታት ንጡፍን ኣወንታውን ተራ ክጻወታ ይጽውዕ።



ማሕበር ሃገራት ዓረብ
ከም ህዝባዊ ውድብ፡ ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ናይ ደገፍ መርገጺ እናመጎሰ፡ ኣብ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ጉዳያት ዞባናን፡ ዝዛየደ ንጡፍ ተራ ኪጻወት ይጽውዕ።

ውድብ እስላማዊ ዋዕላ
ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ናይ ደገፍ መርገጺ እናመጎሰ፡ ደገፉ ክቕጽልን ክብ ክብልን ይጽውዕ።

ሶማል
ህዝብን መንግስትን ሶማል፡ ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝህቦ ምሕዝነታዊ ደገፍ እናመጎሰ፡ ናይ መግዛእታዊ ስርዓት ደርግ ወራር ንመሬት ሶማል እናኾነነ፡ ንፍትሓዊ ጉዳይ ህዝቢ ሶማል ዘለዎ ደገፍ ደጊሙ የረጋግጽ።

ሱዳን
ህዝቢ ሱዳን ንሓው ዝኾነ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ክህቦ ዝጸንሐን ዘሎን ደገፍ ይሙጉስ፡

ህዝቢ ሱዳን ስርዓት ኑሜሪ ብምውዳቕ ፈጢርዎ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ሃዋህው እናነኣደ፡ ደገፉ ንህዝቢ ኤርትራ ከዛይድ ይጽውዕ፡

መንግስትን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ሱዳን ንሕጋውን ፍትሓውን ጉዳይ ኤርትራ ፍትሓዊ ሰላማዊ ፍታሕ ንምምጻእ ኣወንታዊ ተርኦም ክጻወቱ ይጽውዕ።

ፍልስጤም
ንፍትሓዊ ጉዳይን ቃልስን ህዝቢ ፍልስጤም ደገፉ ደጊሙ የረጋግጽ፡

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ፍልስጤም ዝፍጸም ኩሉ ዓይነት ግፍዕታትን ህልቂትን ይኾንን።

ሃገራትን ማሕበራትን ውልቀሰባትን

ባህርያውን መግዛእታዊ ወራርን ዝጠንቁ ጸገም ህዝብና ንምቅላል፡ ብኹሎም ደለይቲ ሰላም ሃገራትን ናይ ግብረ-ሰናይ ማሕበራትን ውልቀሰባትን ዝተለገሰ ደገፋት እናመጎሰ፡ ምድግጋፎም ከዛይዱን ንነባሪ ፍታሕ ጻዕሮም ክብ ከብሉን ይጽውዕ።



## ለበዋታት

1. ዝምድናን ጽልዋን ኣባላት ውድብ ኣብ ህዝቢ ብዝያዳ ንምስፋሕ ምቅላስ፡
2. ዝተፈላለዩ ሕግታትና ምስ ጭቡጥ ምዕባለታትና ንምዝማድ ዳግመ መጽናዕቲ ምግባር፡
3. ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዝዓያ ኣካላት ውድብ፡ ንኣሳልጦ ስራሕ ዝሕግዝ ናይ ኣሰራርሓ ዝምድና ብዝያዳ ምንጻርን ጥብቂ ምቁጽጻር ምግባርን፡
4. ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዝካየድ ስራሓት ብዝያዳ ምንጥጣፍ፡
5. ናይ ደቀንስትዮ ተራን ተሳታፍነትን ተገምጊሙ ተራኦንን ተሳታፍነተንን ክብ ዝብለሉ መንገዲ ምንዳይ፡
6. ናይ ወጻኢ ስራሓትና ምምዕባልን ንውሽጣዊ ምዕባለታትና ከምዘንጸባርቕ ምግባርን፡
7. ዝተመዝገቡ ማሕበረ-ቁጠባውን ፖለቲኮ-ባህላውን ለውጥታት ንምዕማቕ ኣበርቲዕና ምቅላስ፡
8. ንምምስራት ሰፊሕ ሃገራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር፡ ንኹሎም ሃገራውያን ሓይልታትን ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ንምትእኽኻብ ኣበርቲዕና ምስራሕ፡
9. ንምምጻእ ሰላምን ምርግጋእን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ምስ ኩሎም ህዝብታትን ደሞክራስያውያን ሓይልታትን ኢትዮጵያ ምሕዝነት ምፍጣርን ምትራርን፡
10. ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝርከቡ ተማሃሮ ንሓደ ዓመት ናብ ሜዳ መጺኦም ቋንቋ ዓረብ ከም ዝምህሩ፡ ከምኡ'ውን ኩሎም ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ምሁራትን ትምህርቶም ዝወድኡ ተማሃሮን ናብ ሜዳ መጺኦም ክእለቶም ኣብ ኣገልግሎት ህዝቢ ከም ዘውዕሉ ምግባር።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!
ዓወት ንሓፋሽ!
19 መጋቢት 1987

ዓወት ንሓፋሽ!